ትርጉም
ተፍሲር መጨረሻታ ዕሽሪት
ካብ ቁርኣን ኣልከሪም

ኣሰናዳኢ
ዶክተር በያን ሳልሕ ሓሰን

ሕታም
ቤት ጽሕፈት ምትሕግጋዝን ዳዕዋን ሓበፈታን ምንቃሕ
ማሕበረ ኮማትን ማዕዘርን ኡመልሓማምን

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بالمعذر وادم الحمام
Tel : 4826466 - 4884496 - Fax : 4827489 - P.O.Box 31021 - 11497

مطبعة دار طيبة . الرياض . ت: ٤٢٨٣٨٤٠

ردمك : ١ - ٣ - ٩٦٠٢ - ٩٩٦٠

بسم الله الرحمن الرحيم

الفهرس

መቅድም		7
መቅድም ጁዙእ ዓማ		9
ምንጭታትን መወከስን		11 - 12
ሱረቱ'ል ፋቲሓ	سورة الفاتحة	13
ጁዙእ ቀድ ሰሚዕ		
ሱረቱል' ሙጃዲላ	سورة المجادلة	14
ሱረቱል'ሓሽር	سورة الحشر	20
ሱረቱል'ሙምተሓና	سورة الممتحنة	26
ሱረቱ'ሰፍ	سورة الصف	31
ሱረቱል'ጁሙዓ	سورة الجمعة	34
ሱረቱል'ሙናፊቑን	سورة المنافقون	37
ሱረቱ'ተጋቡን	سورة التغابن	40
ሱረቱ'ጠላቅ	سورة الطلاق	44
ሱረቱ'ታሕሪም	سورة التحريم	48
ጁዙእ ተባረክ		
ሱረቱል'ሙልክ	سورة الملك	51
ሱረቱል'ቀለም	سورة القلم	56
ሱረቱል'ሓቃህ	سورة الحاقة	62
ሱረቱል'መዓሪጅ	سورة المعارج	66
ሱረቱ ኑሕ	سورة نوح	70
ሱረቱል'ጂን	سورة الجن	74
ሱረቱል'ሙዘሚል	سورة المزمل	78
ሱረቱል'ሙደሲር	سورة المدثر	81
ሱረቱል'ቂያማህ	سورة القيامة	86
ሱረቱል'ኢንሳን	سورة الإنسان	90
ሱረቱል'ሙርሰላት	سورة المرسلات	94
ጁዙእ ዓማ		
ሱረቱ'ነባእ	سورة النبا	98
ሱረቱ'ናዚዓት	سورة النازعات	101
ሱረቱ ዓበሳ	سورة عبس	105
ሱረቱ'ተክዊር	سورة التكوير	108
ሱረቱል'ኢንፈጣር	سورة الانفطار	110

ሱረቱል'ሙጠፈፊን	سورة المطففين	111
ሱረቱል'ኢንሺቓቅ	سورة الانشقاق	114
ሱረቱል'ቡሩጅ	سورة البروج	116
ሱረቱ'ጣሪቅ	سورة الطارق	118
ሱረቱል'ኣዕላ	سورة الأعلى	120
ሱረቱል'ቓሺያ	سورة الغاشية	122
ሱረቱል'ፈጅር	سورة الفجر	124
ሱረቱል'በለድ	سورة البلد	126
ሱረቱ'ሸምስ	سورة الشمس	128
ሱረቱል'ለይል	سورة الليل	129
ሱረቱ'ዱሓ	سورة الضحى	131
ሱረቱ'ሸርሕ	سورة الشرح	132
ሱረቱ'ቲን	سورة التين	133
ሱረቱል'ዓለቅ	سورة العلق	134
ሱረቱል'ቀድር	سورة القدر	135
ሱረቱል'በይና	سورة البينة	136
ሱረቱል'ዘልዘላ	سورة الزلزلة	137
ሱረቱል'ዓድያት	سورة العاديات	138
ሱረቱል'ቓሪዓ	سورة القارعة	139
ሱረቱ'ተካሱር	سورة التكاثر	140
ሱረቱል'ዓስር	سورة العصر	141
ሱረቱል'ሁመዛ	سورة الهمزة	142
ሱረቱል'ፊል	سورة الفيل	143
ሱረቱ ቁረይሽ	سورة قريش	143
ሱረቱል'ማዑን	سورة الماعون	144
ሱረቱል'ከውሰር	سورة الكوثر	145
ሱረቱል'ካፊሩን	سورة الكافرون	145
ሱረቱ'ነስር	سورة النصر	145
ሱረቱል'መሰድ	سورة المسد	146
ሱረቱል'ኢኽላስ	سورة الإخلاص	147
ሱረቱል'ፈለቕ	سورة الفلق	148
ሱረቱ'ናስ	سورة الناس	149

መቅድም

بسم الله الرحمن الرحيم

ዘልኣለማዊ ምስጋናን ውደሳን ነቲ መፋርቕቲ ዘይብሉ እንኮ ጎይታ ዓለም ይኹኖ: ክብርን ሰላምን ሰናይ መዓርግን ነቲ በዓል ዓቢ ግርማ ፍቑር ነብይና ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ይብጸሓዮ።

እታ ቅድሚ ክልተ ዓመት ተሓቲማ እተዘርገሐት ትርጉም ተፍሲር ጁዙእ ዓማ ብሓፊሽኡ ጽቡቕ መቃልሕ ስለዝሃበትን ኣወንታዊ ጽልዋ ስለ ዘትረፈትን ኣብዚ መዳይ'ዚ ጉዕዞይ ክቕጽል ኣተባቢዑኒ: ኣነሆ ሎሚ'ውን እዛ እተን ሰለስተ ናይ መጨረሽታ ጁዙኣት (ክፋላት) ቁርኣን -ቀድሰሚዕ፣ ተባረክ፣ ዓማ- ዝሓዘለት ሕታም ኣብ ኢድ ኣንባቢ በጺሓ። ሱረቱ'ል ፋቲሓ ካብተን ኣብዘን ሰለስተ ጁዙኣት እትርከብ ሱራ ኣይትኹን ደኣ'ምበር፣ ኣስላማይ ብብዝሒ ዘንብባ ሱራ ስለ ዝኾነት ትንተናኣ ክፍለጥ ኣብ መጀመርታ'ዚ መጽሓፍ ሰፊራ ኣላ።እዛ ኣብዛ መጽሓፍ ሰፊራ ዘላ ጁዙእ ዓማ እታ ቀድሚ ሕጂ ዘውጻእናያ ክትከውን እንኮላ ግን ኣድላዪ ምምሕያሽን መአረምታን ተገይሩዋ ምስ'ዛ መጽሓፍ ተጠሚራ ተሓቲማ ኣላ።

እቶም ኩሉ ግዜ ተገዲሶም ነዛ መጽሓፍ ወግሐ ጸብሐ ዝሓቱላ ዝነበሩ ኣሕዋትን እቶም ብሃንቀውታ ዝጽበይዋ ዝነበሩ ኣንበብትን እና ኣመስገና ነዚ ዓቕምና ዘፍቅዶ ተሳትፎ ብዓይኒ ብስራት ክቕበልዎን እተጸበይዎ ፋይዳን ረብሓን ክረኽብሉን ተስፋይ ወሰን የብሉን: ናይ ኣንባቢ ምትብባዕን ኣወንታዊ ነቐፈታን ንቅድሚት ደሪኹ ናብ ጽፈት ኣብቃዒና ምኻኑ ስለ እንኣምን ሃየ ተሳትፎኹም ኣይትብቀቁልና።

ብዝተረፈ እቶም ንዓይ ብኣካል ረኺቦም ኮይኑ መልእኽቲ ብምስዳድ በብዓይነቱ መአረምታን ርእይቶን ዝሃቡኒ ከየመስገንኩ ክሓልፍ ኣይፈቱን: ከምኡ'ውን ነቶም እዚ መጽሓፍ'ዚ ብርሃን ክርኢ ብሚሎም ኮይኑ ብኻልእ ደገፉቶም እተሓባበሩ ገበርቲ ሰናይ ቤት ጽሕፈት ማሕበረኮማት ኡመልሓማም ምዉቕ ምስጋና ኣቕርብ።

ዶ/ር በያን ሳልሕ
ርያድ 21/3/1427
16/4/2006

መቕድም ጁዙእ ዓማ'

ቅድም ቀዳድም ኩሉ ምስጋናን መጎስን ውዳሰን ነቲ ፈጢሩ መገዲ እስልምና ዘትሓዘና ሓደ ጎይታና ይኹኖ: ከምኡ'ውን ነዛ መጽሓፍ ትርጉም ተፍሲር ጁዙእ ዓማ ጽሒፉ ክውዳኣ ዘስመረለይ ደጊመ ደጋጊመ ኣልሓምዱሊላህ እናበልኩ ከመስግኖ ብጣዕሚ ባህ ይብለኒ። ቀጺለ'ውን ሰላምን ክብርን ዱዓእን ንነቢይና ሙሓመድ ﷺ የብጽሓሎም።

እምበኣርከስ ብዛዕባ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ዝትርጎም ዘሎ እስላማዊ ጽሑፋት ኣብ ተስፋ ዘለዎ መድረኽ ይቀራረብ ከምዘሎ ተዓዛቢ ዝምስክረሉ ጉዳይ እዩ: ውዒልካ ሓዲርካ በዝን በትን ገለ ጻዕርታት ይንዋሕ ይሕጸር የጓንፈካ: ብሕልፊ ንተፍሲር ቁርኣን ንምትርጓም ብዙሕ ፈተነታት እዩ ዝግበር ዘሎ: ገለ ካብቲ ኣነ ዝፈልጦ ገለ ኣሕዋት ቁርኣን ኩሉ ጨሪሶም ዛጊት ኣብ ምእራም በጺሖም ኣለዉ።

ዝኾነ ኮይኑ እዚ ዝግበር ዘሎ ፈተነታት ገና ኣብ መባእትኡ ስለ ዘሎ ገለ ጉድለታት የጓንፎ ኣሉ: ንኣብነት ካብቲ ኣነ ከስተውዕለሉ ዝኽኣልኩ እቲ ትርጉም ቃል ብቃል ዝተተርጎመ ይመስል: ከምኡ'ውን ገለ ካብኡ ካብ ናይ እንግሊዝኛ ትርጉም ዝተቐድሐ ይመስል: እዚ ኽኣ ነቲ ዝድለ ዘሎ ሸቶ -ናይ ቁርኣን ትርጉም ምፍላጥ- ከይረኽበ ኣብ ርእሲኡ መቐረት ናይቲ ጽሑፍ የጥፍኦ።

እዛ ኣብ ኢድ ኣንባቢ በጺሓ ዘላ ትርጉም ናይ (ተፍሲር ጁዙእ ዓማ) ድማ ሓደ ካብቲ ፈተነታት ዝበልክዎ ክትከውን እንከላ እታ ዝበለጸትን ዝሓሸትን እያ ክብል ኣይደፍርን: ግን ነቲ ትርጉም ናይ ጁዙእ ዓማ ክፈልጥ ጽምኢ ዘለዎ ሰብ ብፎኩስ ቋንቋ እተርውዮን እተረድኦን ኮይና ይስመዓኒ: ብትግርኛ ይኹን ብዓረብኛን ብፍልጠትን ካባይ ዝሓሹ ባእታታት ከምዘለዉ ስለ ዝኣምን ካብዛ ናተይ ዝበለጸትን ዝሓሸትን ክጽሕፉ ኣተባብዕ ከምኡ ምስዝርከብ'ውን ሓጎስይ ወሰን የብሉን።

እቲ ውልቃዊ ዕግበተይ ከኣ ቁርኣን ብትግርኛ ክግለጽ እንተደኣ ኮይኑ ብናይ ሓባር ጻዕሪ ደኣምበር ውልቃዊ ጻዕሪ ጽፉፍ ትርጉም ኪሃበና ክተርፍ እዩ።

ክቡር ኣንባቢ: ወዲ-ሰብ ኩሉ ግዜ ሕጽረት ስለዘለዎ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ዝረኽብካዮ ጌጋ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ብጽሑፍ ይኹን ብውልቀይ ረኺብካ ክትእርመኒ እዕድመካ።

በያን ሳልሕ
6/11/1423 ሂጅሪያ
Email-drbeyan@Maktoob.Com.

مصادر التفسير ومراجعه

١- تيسير الكريم الرحمن في تفسير كلام المنان ، الشيخ العلامة عبدالرحمن بن ناصر السعدى، تحقيق د.عبدالرحمن بن معلا اللويحق، الطبعة الأولى - مؤسسة الرسالة بيروت ، ١٤٢١م – ٢٠٠٠ م

٢- زبدة التفسير من فتح القدير – د. محمد سليمان عبدالله الأشقر. الطبعة الخامسة - مكتبة دار السلام- الرياض ١٤١٤هـ – ١٩٩٤م

٣- مختصر تفسير البغوى المسمى "معالم التنزيل" د.عبدالله أحمد على الزيد. الطبعة الأولى - مكتب المعارف الرياض ١٤١٦م– ١٩٩٦ م

٤- مختصر من تفسير الإمام الطبري، لأبى يحي محمد بن صمادح التجيبي. الطبعة الثانية - دار الفجر الإسلامي، دمشق ١٤١٢م–١٩٩م

٥- المصباح المنير في تهذيب تفسير ابن كثير، إعداد: جماعة من العلماء ، بإشراف الشيخ صفي الرحمن المباركفوري الطبعة الأولى، دار السلام ، الرياض ١٤٢٠هـ- ١٩٩٠م.

٦- ترجمة معاني القرآن الكريم إلى اللغة الإنجليزية، د. محمد تقي الدين الهلالي ود.محمد حسن خان، طبعة مجمع المصحف الشريف بالمدينة المنورة.

ምንጭታትን መወከስን

1- ተይሲሩ'ል ከሪሚ'ራሕማን ፌ ተፍሲሪ ከላሚ'ል መናን: ብሸኽ ዓብዱ'ራሕማን ኢብኒ ናስር ኣስዕዲ: ኣጻራዮ፡ ዶ/ር ዓብዱ'ራሕማን ኢብን መዓላ ኣልዊሕቅ:

2- ዙብደቱ'ተፍሲር ሚን ፈትሒ'ልቀዲር: ብዶ/ር መሓመድ ስሌማን ዓብደላ ኣል ኣሽቀር:

3- ሙኽተሰር ተፍሲር ኣልበቐዊ ኣልሙሰማ ≪መዓልም ኣተንዚል≫ ብዶ/ር ዓብደላ ኣሕመድ ዓሊ ኣዜድ።

4- ሙኽተሰር ሚን ተፍሲሪ'ልኢማም'ጠበሪ ብኣቢ ያሕያ ሙሓመድ ኢብን ሰማዱሕ ኣ'ተጂቢ።

5- ኣልሚስባሕ ኣልሙኒር ፌ ታህዚብ ተፍሲር ኢብን ከሲር: ብብዙሓት ዑለማእ እተዳለወ: ተቆጻጻሪ ሸኽ ሰፊይ'ራሕማን ኣልሙባረክፉሪ።

6- ትርጉም ተፍሲር ቁርኣን ናብ ቋንቋ እንግሊዝኛ: ብ ዶ/ር መሓመድ ተቂይዲን ኣልሂላሊ: ዶ/ር ሙሕሰን ኻን: መዲና ሙነዋራ።

سـورة الفاتحـة
ሱረቱ'ል ፋቲሓ (እታ ከፋቲት)

ሱራ፣ ብቋንቋ ዓረብ ካብ (ሱር) ማለት ሓጹር ዝነቐለ ቃል ስለዝኾነ ሱራ ማለት ንሓደ ምዕራፍ ናይ ቁርኣን ብሓጹር እትጋርድ ማለት እዩ: ዝኾነት ሱራ ኽኣ ንመፈለጥታ በቲ ኣብ ውሽጣ ተጠቒሱ ዝርከብ ሓደ ነገር ትስመ: ወይ ውን በቲ ቀንዲ ትልለየሉ ትሕዝቶ ትስመ ንኣብነት ሱረቱ'ልበቐራ፣ ሱረቱ ኣሊ ዒምራን፣ ሱረቱ'ልማኢዳ... ወዘተ በቲ ኣብ ውሽጠን ዝርከብ ኣብተን ካልኦት ዘይርከብ ቃል ተሰምየን። እዛ እንገልጻ ዘሎና ሱራ ድማ ሱረቱ'ልፋቲሓ ትስመ: ኣልፋቲሓ ማለት ከኣ ከፋቲት ማለት እዩ: በዚ ስም ክትስመ ዘብቀዓ ድማ ኣብ መጀመርታ ቁርኣን ስለ እትርከብን ንባብካ ብኣኣ ስለ እትኽፍቶን እታ ከፋቲት ዝብል ስም ተዋህባ: ከምኡውን ኡመል ኪታብ: ኡመል ቁርኣን(ኣደ መጽሓፍ) ትስመ እያ።

1- ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ(ንባበይ እጅምር)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ ﴿١﴾

2- ኩሉ እቲ ምስጋናን ውደሳን ንኣላህ ጎይታ[1] ዓለም ይኹኖ: (ኣልዓለሚን ማለት ኩሉ ፍጡር ዘብኡ ማለት እዩ)

ٱلْحَمْدُ لِلَّهِ رَبِّ ٱلْعَٰلَمِينَ ﴿٢﴾

3- እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ(ማለት በዓል ሰፊሕ ርህራሄን በዓል ውሱን ርህራሄን: በቲ ሰፊሕ ርህራሄ ንኹሉም ፍጡራቱ ይርህርህ: በቲ ውሱን ርህራሄ ድማ ነቶም ኣመንቲ ጥራይ ይርህርህ:)

ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ ﴿٣﴾

4-ወናኒ መዓልቲ ፍደያን መዓልቲ ጸብጻብን (ማለት ወናኒ መዓልቲ ምጽኣት-ቅያማ-)

مَٰلِكِ يَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿٤﴾

5-ንዓኻ ነምልኽ: ካባኻ ጥራይ'ውን ሓገዝ ንጠልብ።

إِيَّاكَ نَعْبُدُ وَإِيَّاكَ نَسْتَعِينُ ﴿٥﴾

---

1 ረብ ወይ ኣረብ: ጎይታ ዝብል ትርጉም ይዋሃቦ ደኣምበር ብቋንቋ ዓረብ ሰለስተ ቃላት ዘጣመረ እዩ: ንሰን ፈጣሪ፣ ወናኒ፣ ወጋኒ እየን: ስለዚ ረበል ዓለሚን ክትብል እንከሎኻ ናይ ምሉእ ዓለም ፈጣርን ወናንን ወጋንን ማለት እዩ።

ٱهْدِنَا ٱلصِّرَٰطَ ٱلْمُسْتَقِيمَ ﴿٦﴾

6-ናብቲ ሰፊሕን ቅኑዕን መገዲ ሓብረና(እዚ መገዲ ኣብዛ እትስዕብ ኣያ ተገሊጹ እቲ ዝጥለብ ዘሎ ሓበሬታ ድማ መገዲ ሓቂ ፈሊጥካ ኣብኡ ቀጥ ክትብል እዩ።)

صِرَٰطَ ٱلَّذِينَ أَنْعَمْتَ عَلَيْهِمْ غَيْرِ ٱلْمَغْضُوبِ عَلَيْهِمْ وَلَا ٱلضَّآلِّينَ ﴿٧﴾

7-ናብቲ መገዲ'ቶም ጸጋ ኣዱንያን ኣኼራን ዝለገስ ካሎም: መገዲ'ቶም እተቐጣ ዕካሎም ኣይሁዳውያንን መገዲ'ቶም ጥፉኣት ክርስትያንን ዘይኮነ። (ኣይሁዳውያን ንሓቂ እናፈለጡ ስለዘየተግበርዎ ኣላህ ተቐጢዑሎም ክርስትያን ድማ ንሓቂ ስሒቶም በቲ ጌጋ መገዲ ስለ እተጓዓዙ ጥፉኣት ተባሂሎም። ስለዚ ነዐኦም ንኽይንመስል እናተጠንቀቕና ኣብ ኩሉ ሰላትና ነዛ ሱራ ንደጋግም)።

سورة المجادلة
ሱረቱል' ሙጃዲላ (እታ ተኻታዒት)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

قَدْ سَمِعَ ٱللَّهُ قَوْلَ ٱلَّتِى تُجَٰدِلُكَ فِى زَوْجِهَا وَتَشْتَكِىٓ إِلَى ٱللَّهِ وَٱللَّهُ يَسْمَعُ تَحَاوُرَكُمَآ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ سَمِيعٌۢ بَصِيرٌ ﴿١﴾

1-ኣ መሓመድ: ኣላህ ዘረባ እታ ብዛዕባ ሰብኣያ እትካታዓካ ዘላ ሰበይቲ ሰሚዕዎ እዩ: ንሳ'ውን ናብ ኣላህ ትጠርዕ ኣላ: ኣላህ'ውን ክርክርኩም ይሰምየ ኣሉ: ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ሰሚዕን ኣዝዩ ረኣይን እዩ:[2]

ٱلَّذِينَ يُظَٰهِرُونَ مِنكُم مِّن نِّسَآئِهِم مَّا

2-እቶም ነንስቶም «ከም ዝባን ኣደይ ኩንኒ» ኢሎም

2 ኽውላ ንል ሳዕለባ: ሰብኣያ ኣውስ ወዲ ኣላምት ንስኺ ከም ዝባን ኣደይ ኩንኒ ኢሉ ንኑበሉ ስለ ዝሓረማ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ኑበይና መሓመድ ﷺ ክትዕ ከፈታ ስለ እተጨቓጨቐት እዛ ሱራ ንጉዳያ ክትብይን ካብ ኣላህ ወሪዳ።

هُنَّ أُمَّهَٰتِهِمْ ۖ إِنْ أُمَّهَٰتُهُمْ إِلَّا ٱلَّٰٓـِٔى وَلَدْنَهُمْ ۚ وَإِنَّهُمْ لَيَقُولُونَ مُنكَرًا مِّنَ ٱلْقَوْلِ وَزُورًا ۚ وَإِنَّ ٱللَّهَ لَعَفُوٌّ غَفُورٌ ﴿٢﴾

ንኑበሶም ዝሕርምወን ኣንስቶምሲ ኣዴታቶም ኣይኮናን: ኣዴታቶም እተን ዝወለደኣም ጥራይ እየን: እቶም ከምዚ ዝብሉ ዘይሕጋዊ ቃልን ሓሶትን እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ። ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ኑሓፊ ኣዝዩ መሓሪ እዩ።

وَٱلَّذِينَ يُظَٰهِرُونَ مِن نِّسَآئِهِمْ ثُمَّ يَعُودُونَ لِمَا قَالُوا۟ فَتَحْرِيرُ رَقَبَةٍ مِّن قَبْلِ أَن يَتَمَآسَّا ۚ ذَٰلِكُمْ تُوعَظُونَ بِهِۦ ۚ وَٱللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ خَبِيرٌ ﴿٣﴾

3-እቶም ነንስቶም «ከም ዝባን ኣዴታትና ኩናና» ኢሎም ንኑበሶም ዝሕርምወን እውን እንደኾነ እንተደኣ ኣብቲ ዝኑበርዎ ንቡር ርክብ ክምለሱ ደልዮም ቅድሚ ምትንኻኻፍም (ስጋዊ ርክብ ምፍጻሞም) ንባርያ ናጻ ይበሉ: እዚ እቲ ካብ ኣላህ እተኣዘዝክምዎ እዩ: ኣላህ'ውን ኑቲ እትገብርዎ ኣጥቢቑ ይፈልጦ እዩ።

فَمَن لَّمْ يَجِدْ فَصِيَامُ شَهْرَيْنِ مُتَتَابِعَيْنِ مِن قَبْلِ أَن يَتَمَآسَّا ۖ فَمَن لَّمْ يَسْتَطِعْ فَإِطْعَامُ سِتِّينَ مِسْكِينًا ۚ ذَٰلِكَ لِتُؤْمِنُوا۟ بِٱللَّهِ وَرَسُولِهِۦ ۚ وَتِلْكَ حُدُودُ ٱللَّهِ ۗ وَلِلْكَٰفِرِينَ عَذَابٌ أَلِيمٌ ﴿٤﴾

4-ናጻ ዘውጽኡ ባርያ እንተዘይረኸበ ድማ ቅድሚ ምትንኻኻፍም (ስጋዊ ርክብ ምፍጻሞም) ክልተ ወርሒ ኣከታቲሉ ይጸውም: እንተዘይከኣለ ድማ ሱሳ መሳኪን የብልዕ: እዚ ውሳነ ድማ በቲ ኣላህ ዘውረዶን ልኡኹ ዝበሉን ንኽትኣምኑ እዩ ተዋሂቡኩም: እቲ ውሳነታት ድማ ክጥሓስ ዘይፍቀድ ገደባት ኣላህ እዩ: ኑቶም ኩሓድቲ ድማ ኣዝዩ ዘቕንዙ ስቓይ ኣለዎም። (ማለት ኑቶም በዚ እተዋህበ ውሳነ ዘይቕየዱ ኩሓድቲ ኣቕንዛዊ ስቓይ ኣለዎም)

إِنَّ ٱلَّذِينَ يُحَآدُّونَ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥ كُبِتُوا۟ كَمَا كُبِتَ ٱلَّذِينَ مِن قَبْلِهِمْ ۚ وَقَدْ أَنزَلْنَآ ءَايَٰتٍۭ بَيِّنَٰتٍ ۚ وَلِلْكَٰفِرِينَ عَذَابٌ مُّهِينٌ ﴿٥﴾

5-ብርግጽ እቶም ንኣላህን (ንመሓመድ ﷺ) ልኡኹን ዝጻረሩን ዝቃወሙን ልክዕ ከምቶም ብቕድሚኣም ዝነበሩ ኩሓድቲ ተዋሪዶምን ሓሲሮምን እዮም: ብርግጽ ንሕና'ውን ብሩህ ምልክታት(መርትዖ፣ ተኣምር...ወዘተ) ኣውሪድና

ኢና: ኑቶም ከሓድቲ ድማ ኣሕሳሪ ስቓይ ኣለዎም።

يَوْمَ يَبْعَثُهُمُ ٱللَّهُ جَمِيعًا فَيُنَبِّئُهُم بِمَا عَمِلُوٓاْ ۚ أَحْصَىٰهُ ٱللَّهُ وَنَسُوهُ ۚ وَٱللَّهُ عَلَىٰ كُلِّ شَيْءٍ شَهِيدٌ ۝٦

6-ኣላህ ንኹሉም ካብ ቀብሮም ኣብ መዓልቲ ቅያማ(ምጽኣት) ኣተንሲኡ እቲ ኣብ ኣዱንያ ዝገበርዎ ኩሉ ይነግሮም: ኣላህ ግብሮም ቆጺሮዎ እዩ ንሶም ግን ረሲያሞ: ኣላህ ድማ ንኹሉ ነገራት ኣዘዩ ረኣዩ እዩ (ካብኡ ዝሕባእ ነገር የለን)።

أَلَمْ تَرَ أَنَّ ٱللَّهَ يَعْلَمُ مَا فِى ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِى ٱلْأَرْضِ ۖ مَا يَكُونُ مِن نَّجْوَىٰ ثَلَٰثَةٍ إِلَّا هُوَ رَابِعُهُمْ وَلَا خَمْسَةٍ إِلَّا هُوَ سَادِسُهُمْ وَلَآ أَدْنَىٰ مِن ذَٰلِكَ وَلَآ أَكْثَرَ إِلَّا هُوَ مَعَهُمْ أَيْنَ مَا كَانُواْ ۖ ثُمَّ يُنَبِّئُهُم بِمَا عَمِلُواْ يَوْمَ ٱلْقِيَٰمَةِ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ بِكُلِّ شَيْءٍ عَلِيمٌ ۝٧

7-ኦ መሓመድ ኣይትርኢን ዲኻ ኣላህ ኩሉ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሉ ከምዝፈልጥ: (ማለት ኣላህ ኩሉ ከምዝፈልጥ ትፈልጥ ኢኻ) ዝኾነ ኣብ መንጎ ሰለስተ ሰባት ዝግበር ምስጢራዊ ዘረባ(ሕሸኹሽኹ) ኣላህ ራብዓዮም ይኸውን፣ ሓሙሽተ'ውን እንተኾኑ ንሱ (ኣላህ) ሻድሻዮም ይኸውን፣ ወላ'ውን ኣብ ዘለውዎ ሃልዮም ካብዚ ይውሓዱ ይብዝሑ ኣላህ (ብፍልጠቱ) ምስኣም ብምህላዉ እቲ ዝብልዎ ይፈልጦ እዩ: ብድሕሪ'ዚ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት እውን ኣላህ እቲ ዝገበርዎ ይነግሮም: ብርግጽ ኣላህ ኣዘዩ ፈሊጣ ኩሉ ነገራት እዩ።

أَلَمْ تَرَ إِلَى ٱلَّذِينَ نُهُواْ عَنِ ٱلنَّجْوَىٰ ثُمَّ يَعُودُونَ لِمَا نُهُواْ عَنْهُ وَيَتَنَٰجَوْنَ بِٱلْإِثْمِ وَٱلْعُدْوَٰنِ وَمَعْصِيَتِ ٱلرَّسُولِ وَإِذَا جَآءُوكَ حَيَّوْكَ بِمَا لَمْ يُحَيِّكَ بِهِ ٱللَّهُ

8-ኣይትርእዮምን ዲኻ እቶም ካብ ምሕሹኹሻኽን ምስጢራዊ ዘረባ ምልውዋጥን ኣላህ ከልኪልዎም እንከሎ እንደገና ናብ'ቲ እተኽልከልዎ ተመሊሶም ብዘንቢ፣ ብዓመጽ፣ ንረሱል ብዘይ ምምእዛዝ የሕሸኹሹኹ: ናባኻ እንተመጹ ድማ በቲ ኣላህ ዘይበለካ ሰላምታ ሰላም

---

3 ኣይሁዳውያንን መናፈቕንን ኣብ መዲና እንከለዉ ኣስላማይ ብቅድሚኦም እንተሓሊፉ የሕሸኽሹኹ: ንኑብይና መሓመድ ድማ ሰላም ዝብልዎም ዘለዉ ኣምሲሉም ኣሳም ዓለይኩም(ማለት ሞት ንዓኹም) ይብልዎም ስለ ዝነበሩ እዛ ኣያ ጉዶም ቀሊዓ ገሊጻቶም።

وَيَقُولُونَ فِيٓ أَنفُسِهِمۡ لَوۡلَا يُعَذِّبُنَا ٱللَّهُ بِمَا نَقُولُۚ حَسۡبُهُمۡ جَهَنَّمُ يَصۡلَوۡنَهَاۖ فَبِئۡسَ ٱلۡمَصِيرُ ۝٨

ይብሉኻ: ብውሽጢ ልቦም እውን "መሓመድ ﷺ ብሓቂ ነብይ ነይሩ እንተዝኸውን በዚ ቃልና ኣላህ ምቕጻዓና ኔሩ" ይብሉ። እታ ዝኣትውዋ ጀሃነም ትኣኽሎም እያ: ንሳ'ውን እታ ክፍእቲ መዓልቦ እያ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓاْ إِذَا تَنَٰجَيۡتُمۡ فَلَا تَتَنَٰجَوۡاْ بِٱلۡإِثۡمِ وَٱلۡعُدۡوَٰنِ وَمَعۡصِيَتِ ٱلرَّسُولِ وَتَنَٰجَوۡاْ بِٱلۡبِرِّ وَٱلتَّقۡوَىٰۖ وَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ ٱلَّذِيٓ إِلَيۡهِ تُحۡشَرُونَ ۝٩

9-ኣ ኣንቱም ኣመንቲ እንተደኣ ነንሕድሕድኩም ኣሕሸኹሺ ኹኩም (ምስጢራዊ ዘረባ ተለዋዊጥኩም) ብዘንቢ፣ ብዓመጽ፣ ንረሱል ብዘይምምእዛዝ ኣይትዘራረቡ: ግን ብሰናይን ብምእዛን ተዘራረቡን ኣሕሸኹ ሸኹን: ኑቲ ኣብ ቅያማ ናብኡ እትእከቡ ኣላህ'ውን ፍርሁ። (ማለት ካብ ቁጣዐ ኣላህ ፈሪህኩም ኣብ መንነኹምን ኣብ መንነ ጀሃነምን ንኣላህ ብምምእዛዝ መጋረዲ ግበሩ)

إِنَّمَا ٱلنَّجۡوَىٰ مِنَ ٱلشَّيۡطَٰنِ لِيَحۡزُنَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَلَيۡسَ بِضَآرِّهِمۡ شَيۡـٔٗا إِلَّا بِإِذۡنِ ٱللَّهِۚ وَعَلَى ٱللَّهِ فَلۡيَتَوَكَّلِ ٱلۡمُؤۡمِنُونَ ۝١٠

10-ብእኪይ ዘረባ ምሕሸኹሻኹ እኮ ካብ ሽይጣን ጥራይ እዩ: ምኽንያቱ እዚ ምሕሸኹሻኹ'ዚ ኑቶም ኣመንቲ ስለ ዘስግእን ስለ ዘጉህን: እዚ ሽይጣናዊ ምሕሸኹሻኽ'ውን ፍቓድ ኣላህ እንተዘይኮይኑ ኑቶም ኣመንቲ ምንም ኣይጎድኣምን እዩ: እቶም ኣመንቲ ድማ ኣብ ኣላህ ይወከሉ: (ሓላፍነት ኩሉ ጉዳያቶም ንኣላህ ሂቦም ይተኣማመኑ)።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓاْ إِذَا قِيلَ لَكُمۡ تَفَسَّحُواْ فِي ٱلۡمَجَٰلِسِ فَٱفۡسَحُواْ يَفۡسَحِ ٱللَّهُ لَكُمۡۖ وَإِذَا قِيلَ ٱنشُزُواْ فَٱنشُزُواْ يَرۡفَعِ ٱللَّهُ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ مِنكُمۡ وَٱلَّذِينَ أُوتُواْ ٱلۡعِلۡمَ دَرَجَٰتٖۚ

11-ኣ ኣንቱም ኣመንቲ: ኣብ ባይቶ ተኣኪብኩም እንክለኹም ቦታ ኣስፍሑ እንተተባሃልኩም ተቐራረብኩም ኑቲ ባይቶ ኣስፍሕም (ቦታ ዘይብሉም ኣሕዋትኩም ቦታ ሃብዎም) ኣላህ ምእንቲ ቦታኹም ኣብ ጀና ከስፍሓልኩም: ተንስኡ እንተተባሂልኩም እውን ተንስኡ

---

4 (ሱሓባ) ብጾት ነብይና መሓመድ ﷺ ኣብ ባይቶ ምስኣም ክእከቡ እንከለዉ ገለ ኻብኣቶም ቦታ ይስእን ስለ ዝሸበረ ተቐራረቦም ቦታ ከስፍሑ ተኣዚዞም።

وَٱللَّهُ بِمَا تَعۡمَلُونَ خَبِيرٞ ١١

(ንሰላት፣ ንጂሃድ፣ ንዝኽኑ ሰናይ ግብሪ) እቶም ካባኹም ኣመንትን ምሁራትን ዘበሉ ኣላህ ኣብ ልዑል ደረጃታት ክብ የብሉም ኣላህ'ውን ኑቲ ኩሉ እትገብርዎ ኣጥቢቕ ይፈልጥ እዩ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓاْ إِذَا نَٰجَيۡتُمُ ٱلرَّسُولَ فَقَدِّمُواْ بَيۡنَ يَدَيۡ نَجۡوَىٰكُمۡ صَدَقَةٗۚ ذَٰلِكَ خَيۡرٞ لَّكُمۡ وَأَطۡهَرُۚ فَإِن لَّمۡ تَجِدُواْ فَإِنَّ ٱللَّهَ غَفُورٞ رَّحِيمٌ ١٢

12-ኣ ኣንቱም ኣመንቲ ምስ ልኡኽ ኣላህ (ሙሓመድ ﷺ) ንበይንኹም ምስጢር ክትዛረቡ እንተደሊኹም ቅድሚ ምዝራብኩም ትኪብ (ሰደቓ) ትኸፍሉ: እዚ ምትኪብ ድማ ንዓኹም ዝበለጸን ዝነጽሀን ተግባር እዩ: ግን ዝትኮብ ነገር እንተዘይረኺብኩም ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ መሓሪ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ። (ማለት እቲ ዘይብሉ ካብዚ ግዴታ'ዚ ተማሒሩ እዩ)

ءَأَشۡفَقۡتُمۡ أَن تُقَدِّمُواْ بَيۡنَ يَدَيۡ نَجۡوَىٰكُمۡ صَدَقَٰتٖۚ فَإِذۡ لَمۡ تَفۡعَلُواْ وَتَابَ ٱللَّهُ عَلَيۡكُمۡ فَأَقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَءَاتُواْ ٱلزَّكَوٰةَ وَأَطِيعُواْ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥۚ وَٱللَّهُ خَبِيرُۢ بِمَا تَعۡمَلُونَ ١٣

13-ቅድሚ ምስ ልኡኽ ኣላህ (ሙሓመድ ﷺ) ውልቃዊ ምስጢር ምዝራብኩም ትኪቦ ምትኪብ ኣብ ድኽኑት ከየውድቑኩም ዶ ፈሪህኩም? ንስኹም ዝኣ'ዚ ነገር'ዚ ኣይገበርኩምን ኣላህ'ውን ምሕሩኩም እዩ: ስለዚ ሰላትኩም ብደንቢ ኣቑሙ: ዘካት ሃቡ (ምጽዋት መጽውቱ) ንኣላህን ንልኡኹን ተማእዘዙ: ኣላህ'ውን ኩሉ እትገብርዎ ኣጥቢቕ ይፈልጥ እዩ።[5]

۞ أَلَمۡ تَرَ إِلَى ٱلَّذِينَ تَوَلَّوۡاْ قَوۡمٗا غَضِبَ ٱللَّهُ عَلَيۡهِم مَّا هُم مِّنكُمۡ وَلَا مِنۡهُمۡ

14-ኣ ሙሓመድ: እቶም ምስቶም ኣላህ ኣተቓጠዓሉም ኣይሁዳውያን ዝለፈኑ ሙናፈቂን ኣይትሪኣምን ዲኻ? (ማለት ትሪኣምን ትፈልጦምን ኣለኻ) ንሶም ካባኹም

5 እቶም ምስ ረሱልﷺ ክንማኸር ኢሉም ንበይኑ ክረኽብዎ ዝጠልቡ ዝኸረሉ ስለ ዝበዝሑ ብዘይካ'ቶም ክእለት ዘይብሉም ሰደቓ(ተኪቦ) ንኽህቡ ተኣዘዙ ስለዚ እቶም ኣድላዩ ነገር ዘይብሉም ተቐጠቡ: ብድሕሪኡ ድማ እዚ ነገር'ዚ ኑቶም ኣስላም ክኽብዶም ስለተራእየ ኣላህ ነዚ ነገር'ዚ በዛ ኣያ ቁ. 13 ሰረዞ።

وَيَحْلِفُونَ عَلَى ٱلْكَذِبِ وَهُمْ يَعْلَمُونَ ﴿١٤﴾

أَعَدَّ ٱللَّهُ لَهُمْ عَذَابًا شَدِيدًا ۖ إِنَّهُمْ سَآءَ مَا كَانُوا۟ يَعْمَلُونَ ﴿١٥﴾

ٱتَّخَذُوٓا۟ أَيْمَـٰنَهُمْ جُنَّةً فَصَدُّوا۟ عَن سَبِيلِ ٱللَّهِ فَلَهُمْ عَذَابٌ مُّهِينٌ ﴿١٦﴾

لَّن تُغْنِىَ عَنْهُمْ أَمْوَٰلُهُمْ وَلَآ أَوْلَـٰدُهُم مِّنَ ٱللَّهِ شَيْـًٔا ۚ أُو۟لَـٰٓئِكَ أَصْحَـٰبُ ٱلنَّارِ ۖ هُمْ فِيهَا خَـٰلِدُونَ ﴿١٧﴾

يَوْمَ يَبْعَثُهُمُ ٱللَّهُ جَمِيعًا فَيَحْلِفُونَ لَهُۥ كَمَا يَحْلِفُونَ لَكُمْ ۖ وَيَحْسَبُونَ أَنَّهُمْ عَلَىٰ شَىْءٍ ۚ أَلَآ إِنَّهُمْ هُمُ ٱلْكَـٰذِبُونَ ﴿١٨﴾

ٱسْتَحْوَذَ عَلَيْهِمُ ٱلشَّيْطَـٰنُ فَأَنسَىٰهُمْ ذِكْرَ ٱللَّهِ ۚ أُو۟لَـٰٓئِكَ حِزْبُ ٱلشَّيْطَـٰنِ ۚ أَلَآ إِنَّ حِزْبَ ٱلشَّيْطَـٰنِ هُمُ ٱلْخَـٰسِرُونَ ﴿١٩﴾

إِنَّ ٱلَّذِينَ يُحَآدُّونَ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥٓ أُو۟لَـٰٓئِكَ فِى ٱلْأَذَلِّينَ ﴿٢٠﴾

ኣይኮኑ ወላ'ውን ካብቶም ኣይሁዳውያን: ሓሶት ይዛረቡ ከምዘለዉ እናፈለጡ እንከለዉ እውን ንሓሶት ይምሕሉላ።

15-ኣላህ ነዚኣቶም ብርቱዕ ስቓይ ኣዳልዩሎም ኣሎ: ብርግጽ ኩሉ ዝገበርዎ ተግባር ዝበኣሰን ዝኸፈኣን እዩ ነይሩ።

16-እዞም ሙናፈቂን መቕጻዕቲ ንኽይወርዶምን እከዮም ንኽይክሸፍን ንማሕላኦም ከም ዋልታ ስለ እተጠቕምሉ ኑዮም ክምስልሙ ዝደልዩ መገዲ ኣላህ ዓጸዎሉም: ስለዚ ኣብ ቅያማ(ምጽኣት) ኣሕሳሪ ስቓይ ኣለዎም።

17-ሃብቶም (ማሉም) ይኹን ውላዶም ካብ ስቓይ ኣላህ ምንም ኣይጠቕሞምን (ኣየገላግ ሉምን) እዩ: እቶም መዋእሉም ኣብ እሳት ዝኾብሩ ሰብ እሳት ንሳቶም እዮም።

18-ኣላህ ኩሉም (እዞም ሙናፈቕን) ካብ መቓብሮም ምስ ኣተንሰኦም ማሕላ ዜውጽኦም መሲልዎም ልክዕ ከምዛ ንዓኹም ኣብ ኣዱንያ ዝምሕልዋ ዘለዉ ኣብ መዓልቲ ቅያማ'ውን ንኣላህ ይምሕሉሉ: ንሳ'ቶም እኮ ብሓቂ ሓሰውቲ እዮም።

19-ሰይጣን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ስለ ዘእተዎም ንትእዛዝት ኣላህ ኣረሲዕዎም: ንሰም'ዮም እቶም ሰልፊ ሰይጣን: ብርግጽ ሰልፊ ሰይጣን እቶም ብሓቂ ክሳረዩ'ታት እዮም።

20-እቶም ንኣላህን ንልኡኹን ዝጻብኡን ዝቃወሙን ብርግጽ ካብቶም ውርደተኛታት እዮም።

كَتَبَ ٱللَّهُ لَأَغْلِبَنَّ أَنَا۠ وَرُسُلِيٓ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ قَوِيٌّ عَزِيزٌ ﴿٢١﴾

21-"ብርግጽ ኣነን ልኡኻተይን ክንስዕር ኢና" ኢሉ ኣላህ ወሲኑ እዩ: ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ሓያል ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ።

لَّا تَجِدُ قَوْمًا يُؤْمِنُونَ بِٱللَّهِ وَٱلْيَوْمِ ٱلْءَاخِرِ يُوَآدُّونَ مَنْ حَآدَّ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥ وَلَوْ كَانُوٓا۟ ءَابَآءَهُمْ أَوْ أَبْنَآءَهُمْ أَوْ إِخْوَٰنَهُمْ أَوْ عَشِيرَتَهُمْ ۚ أُو۟لَٰٓئِكَ كَتَبَ فِى قُلُوبِهِمُ ٱلْإِيمَٰنَ وَأَيَّدَهُم بِرُوحٍ مِّنْهُ ۖ وَيُدْخِلُهُمْ جَنَّٰتٍ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَا ۚ رَضِىَ ٱللَّهُ عَنْهُمْ وَرَضُوا۟ عَنْهُ ۚ أُو۟لَٰٓئِكَ حِزْبُ ٱللَّهِ ۚ أَلَآ إِنَّ حِزْبَ ٱللَّهِ هُمُ ٱلْمُفْلِحُونَ ﴿٢٢﴾

22-ኣ ሙሓመድ ﷺ ብኣላህን ብመዓልቲ ምጽኣትን (ኣኼራ) ኣሚኖም ከብቅዑ ንተጻባእቲ ኣላህን ልእኹን ዝፈትዉ ሰባት ኣይትረክብን ኢኻ: ወላ'ውን እዞም ተጻባእቲ ኣቦታቶም ወይ ደቆም ወይ ኣሕዋቶም ወይ ዓሌቶም ይኹኑ: እቲኣቶም (ማለት እቶም ኣመንቲ) ኣላህ ኣብ ልቦም ጽኑዕ እምነት ሰቒሑ ብመርትዖታቱን ብርሃኑን ዝደገፎምን ዘወፈቶምን እዮም: ከምኡ'ውን ኣብ መዋእሉም ዝኸብሩሉ ብትሕቲኡ ፈለጋት ዝውሕዝ ጀናታት ከእትዎም ኣብ ርእሲ ምኻኑ ኣላህ ብዝገበርዎ ረድዩሎም እዩ: ንሶም ከኣ ብዝሃቦም ጸጋ ረድየሙሉ እዮም: እቲኣቶም (እቶም ኣመንቲ) ሰልፊ ኣላህ እዮም: ብርግጽ ከኣ ሰልፊ ኣላህ እዮም እቶም ብሓቂ ተዓወቲ።

سورة الحشر
ሱረቱል'ሓሽር (እቲ ምእካብ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

سَبَّحَ لِلَّهِ مَا فِى ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِى ٱلْأَرْضِ ۖ وَهُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْحَكِيمُ ﴿١﴾

1-ኩሉ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ፍጡር ንኣላህ ሰብሐ: ንሱ'ውን እቲ ፍጹም ዕዙዝ እቲ ፍጹም ጥበበኛ እዩ።

هُوَ ٱلَّذِىٓ أَخۡرَجَ ٱلَّذِينَ كَفَرُواْ مِنۡ أَهۡلِ ٱلۡكِتَٰبِ مِن دِيَٰرِهِمۡ لِأَوَّلِ ٱلۡحَشۡرِۚ مَا ظَنَنتُمۡ أَن يَخۡرُجُواْۖ وَظَنُّوٓاْ أَنَّهُم مَّانِعَتُهُمۡ حُصُونُهُم مِّنَ ٱللَّهِ فَأَتَىٰهُمُ ٱللَّهُ مِنۡ حَيۡثُ لَمۡ يَحۡتَسِبُواْۖ وَقَذَفَ فِى قُلُوبِهِمُ ٱلرُّعۡبَ يُخۡرِبُونَ بُيُوتَهُم بِأَيۡدِيهِمۡ وَأَيۡدِى ٱلۡمُؤۡمِنِينَ فَٱعۡتَبِرُواْ يَٰٓأُوْلِى ٱلۡأَبۡصَٰرِ ۝

2-ኑቶም ዝኸሓዱ ካብ ኣህለል ኪታብ (በኒ ኣንዲር ዝተባህሉ ኣይሁዳውያን) ካብ ገዛውቶም ኣብ ቀዳማይ ምእካብ ኣላህ እዩ ኣውጺኡዎም: ንዓኹም -ኣንቲም ኣስላም- ዝወጹ ይመስለኩም ኣይነበረን ንሶም'ውን ዕርድታቶም ካብ ኣላህ ዝከላኸሎም መሲሉዎም: ግና መቕጻዕቲ ኣላህ በቲ ዘይሓሰብዎን ዘይተጸበይዎን መጸኦም: ኣላህ'ውን ኣብ ልቦም ራዕዲ ስለ ዝደርበዮሎም ኣባይቶም ብኢዶምን ብኢድ ሙእሚኒንን ኣበላሽዉ: ስለዚ ኣቲም ዓቃላትን ለባማትን ዝረኢኹም ፍጠኑ::

وَلَوۡلَآ أَن كَتَبَ ٱللَّهُ عَلَيۡهِمُ ٱلۡجَلَآءَ لَعَذَّبَهُمۡ فِى ٱلدُّنۡيَاۖ وَلَهُمۡ فِى ٱلۡأَخِرَةِ عَذَابُ ٱلنَّارِ ۝

3-ኣላህ'ውን ካብ ዓዶም ምሕያር(ምግዓዝ) እንተዘይጽሕፈሎም ነይሩ ኣብ ኣዱንያ ብመቕተልትን ብማእሰርትን ብርግጽ መሳቐዮም ነይሩ: ኣብ ምጽኣት(ኣኼራ) እውን ናይ እሳት ስቓይ ኣለዎም::

ذَٰلِكَ بِأَنَّهُمۡ شَآقُّواْ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥۖ وَمَن يُشَآقِّ ٱللَّهَ فَإِنَّ ٱللَّهَ شَدِيدُ ٱلۡعِقَابِ ۝

4-ናይ'ዚ ምኽንያት ክኣ እዞም ኣይሁዳውያን ንኣላህን ንልኡኹን ስለ እተጻብኡን እተቓወሙን እዩ: ንኣላህ ዝጸባእ ድማ ኣላህስ ብርግጽ በዓል ብርቱዕ መቕጻዕቲ እዩ::

مَا قَطَعۡتُم مِّن لِّينَةٍ أَوۡ تَرَكۡتُمُوهَا قَآئِمَةً عَلَىٰٓ أُصُولِهَا فَبِإِذۡنِ ٱللَّهِ وَلِيُخۡزِىَ ٱلۡفَٰسِقِينَ ۝

5-ኣ ኣንቲም ኣስላም ካብቲ ናይ በኒ ኣንዲር ዝቖረጽኩምዎ ገረብ ተምሪ ይኹን ወይ ኣብ ጉንዱ ቐይሙ ዝገደፍኩምዎ ኩሉ ብፍቓድ ኣላህን እቶም ካብ ትእዛዝ ኣላህ ዝወጹ(ፋሲቂን) ክሓስሩን ክኽሙተሩን እተገብረ እዩ::

---

6 ኣብ ወሰን መዲና ዝቕመጡ ዝነበሩ በኒ ኣንዲር ዝስሞም ኣይሁዳውያን ነቲ ምስ ነብይና ሙሓመድ ﷺ ገይሮሞ ዝነበሩ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን ውዕል ብፈተነ መቕተልቲ ነብይናﷺ ስለ ዘፍረሱ: ነብይናﷺ ኣብ ኣግማሉም ክጽዕንዎ ዝኸእሉ ንብረቶም ጥራይ ጽዒኖም ካብ ዓዶም ንኽይበር እትብሃል ዓዲ ኩሉም ተኣኪቦም ክስደዱ ወሰነ: ቀዳማይ ምእካብ እተሰመየሉ ምኽንያት ድማ ኽሊፋ ዑመር ወዲ ኣልኸጣብ'ውን ካብ ኽይበር ብድሕሪ'ዚ እንደገና ኣኪቡ ስለዘውጸኦም እዩ::

وَمَآ أَفَآءَ ٱللَّهُ عَلَىٰ رَسُولِهِۦ مِنْهُمْ فَمَآ أَوْجَفْتُمْ عَلَيْهِ مِنْ خَيْلٍ وَلَا رِكَابٍ وَلَٰكِنَّ ٱللَّهَ يُسَلِّطُ رُسُلَهُۥ عَلَىٰ مَن يَشَآءُ ۚ وَٱللَّهُ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ قَدِيرٌ ﴿٦﴾

6-ኣላህ እቲ ካብ በኺ ኣንኑዲር ናብ ልኡኹ ሙሓመድ ﷺ ሰልቢ ገይሩ ዝመለሶ ንብረት: ኣንቱም ኣስላም ኣፍራስኩምን ኣግማልኩምን ኣጋሊብኩም ኣይተዋጋእኩምሉን: ግን ኣላህ ንልኡኻቱ ናብ ዝደለዮም ጸላእቱ ይስልጥ: ኣላህ'ውን ንኹሉ ነገራት ክኣብር ኣዝዩ ክኢላ እዩ።

مَّآ أَفَآءَ ٱللَّهُ عَلَىٰ رَسُولِهِۦ مِنْ أَهْلِ ٱلْقُرَىٰ فَلِلَّهِ وَلِلرَّسُولِ وَلِذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَٱلْيَتَٰمَىٰ وَٱلْمَسَٰكِينِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ كَىْ لَا يَكُونَ دُولَةًۢ بَيْنَ ٱلْأَغْنِيَآءِ مِنكُمْ ۚ وَمَآ ءَاتَىٰكُمُ ٱلرَّسُولُ فَخُذُوهُ وَمَا نَهَىٰكُمْ عَنْهُ فَٱنتَهُوا۟ ۚ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ ۖ إِنَّ ٱللَّهَ شَدِيدُ ٱلْعِقَابِ ﴿٧﴾

7-ኣላህ ካብ'ቶም ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ዝነበሩ ኩሓድቲ ብዘይ ኩናት ናብ ልኡኹ ሙሓመድ ﷺ ዝመልሶ ሰልቢ ንኣላህ፣ ንልኡኽ ኣላህ፣ ንቤተሰብ ልኡኽ ኣላህ፣ ንዘኽታማት፣ ንመሳኪን፣ ንገያሽ ይኸውን: ምኽንያቱ እቲ ኻንዘብ ኣብ ኢድ ሃብታማት ጥራይ ንኸይጎለበጥ: ልኡኽ ኣላህ ዘምጻኣልኩም ትእዛዝ'ውን ተቐበሉ: ካብ ዝኸልከለኩም ድማ ተኸልከሉ: ንኣላህ'ውን ፍርሁ: ብርግጽ ኣላህ በዓል ብርቱዕ መቕጻዕቲ እዩ።

لِلْفُقَرَآءِ ٱلْمُهَٰجِرِينَ ٱلَّذِينَ أُخْرِجُوا۟ مِن دِيَٰرِهِمْ وَأَمْوَٰلِهِمْ يَبْتَغُونَ فَضْلًا مِّنَ ٱللَّهِ وَرِضْوَٰنًا وَيَنصُرُونَ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥٓ ۚ أُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلصَّٰدِقُونَ ﴿٨﴾

8-ከምኡ'ውን ነቶም ጸጋ ኣላህን ፍቶቱን ንምርካብ ካብ ገዛውቶምን ማሎምን ተሰጉጎም ንመዲና ዝሃጀሩ(ዝፈለሱ) ድኻታት ሙሃጂሪን ካብዚ ሰልቢ ብጽሒት ኣለዎም: ኣንጻር ኩሓድቲ እናተቓለሱ'ውን ንኣላህን ንልኡኹን የዐውቱ: ንሶም እዮም ድማ እቶም ብእምነቶም ሓቀኛታት ኣመንቲ። *(ማለት ሓቅነት እምነቶም ብግብሪ ዘረጋገጹ)*።

وَٱلَّذِينَ تَبَوَّءُو ٱلدَّارَ وَٱلْإِيمَٰنَ مِن قَبْلِهِمْ يُحِبُّونَ مَنْ هَاجَرَ إِلَيْهِمْ وَلَا يَجِدُونَ فِى

9-እቶም ብእስልምና ኣሚኖም ቅድሚ ሙሃጂሪን ኣብ መዲና ዝሰፈሩ ኣንሳር ነቶም ካብ መካ ናብኣም ንዝሃጀሩ(ንዝፈለሱ) ኣስላም ይፈትው ዎም፣ ገለ ሽሻያት እንተተዋህቡ እውን

وَمَآ أَفَآءَ ٱللَّهُ عَلَىٰ رَسُولِهِۦ مِنْهُمْ فَمَآ أَوْجَفْتُمْ عَلَيْهِ مِنْ خَيْلٍ وَلَا رِكَابٍ وَلَٰكِنَّ ٱللَّهَ يُسَلِّطُ رُسُلَهُۥ عَلَىٰ مَن يَشَآءُ ۚ وَٱللَّهُ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ قَدِيرٌ ﴿٦﴾

6-ኣላህ እቲ ካብ በኒ ኣንኑዲር ናብ ልኡኹ መሓመድ ﷺ ሰልቢ ገይሩ ዝመለሶ ንብረት: ኣንቱም ኣስላም ኣፍራስኩምን ኣግማልኩምን ኣጋሊብኩም ኣይተዋጋእኩምሉን: ግን ኣላህ ንልኡኻቱ ናብ ዝደለዮም ጸላእቱ ይስልጥ: ኣላህ'ውን ንኹሉ ነገራት ክጥበር ኣዝዩ ክኢላ እዩ።

مَّآ أَفَآءَ ٱللَّهُ عَلَىٰ رَسُولِهِۦ مِنْ أَهْلِ ٱلْقُرَىٰ فَلِلَّهِ وَلِلرَّسُولِ وَلِذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَٱلْيَتَٰمَىٰ وَٱلْمَسَٰكِينِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ كَىْ لَا يَكُونَ دُولَةًۢ بَيْنَ ٱلْأَغْنِيَآءِ مِنكُمْ ۚ وَمَآ ءَاتَىٰكُمُ ٱلرَّسُولُ فَخُذُوهُ وَمَا نَهَىٰكُمْ عَنْهُ فَٱنتَهُوا۟ ۚ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ ۖ إِنَّ ٱللَّهَ شَدِيدُ ٱلْعِقَابِ ﴿٧﴾

7-ኣላህ ካብ'ቶም ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ዝኸበሩ ኩሓድቲ ብዘይ ኩናት ናብ ልኡኹ መሓመድ ﷺ ዝመልሶ ሰልቢ ንኣላህ፣ ንልኡኽ ኣላህ፣ ንቤተሰብ ልኡኽ ኣላህ፣ ንዘኽታማት፣ ንመሳኪን፣ ንገያሽ ይኸውን: ምኽንያቱ እቲ ኻንዘብ ኣብ ኢድ ሃብታማት ጥራይ ንኸይገላበጥ: ልኡኽ ኣላህ ዘምጻኣልኩም ትእዛዝ'ውን ተቐበሉ: ካብ ዝኸልከለኩም ድማ ተኸልከሉ: ንኣላህ'ውን ፍርሁ: ብርግጽ ኣላህ በዓል ብርቱዕ መቕጻዕቲ እዩ።

لِلْفُقَرَآءِ ٱلْمُهَٰجِرِينَ ٱلَّذِينَ أُخْرِجُوا۟ مِن دِيَٰرِهِمْ وَأَمْوَٰلِهِمْ يَبْتَغُونَ فَضْلًا مِّنَ ٱللَّهِ وَرِضْوَٰنًا وَيَنصُرُونَ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥٓ ۚ أُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلصَّٰدِقُونَ ﴿٨﴾

8-ከምኡ'ውን ኑቶም ጸጋ ኣላህን ፍቶቱን ንምርካብ ካብ ዝዉዶምን ማሉምን ተሰጉሳም ንመዲና ዝሃጀሩ(ዝፈለሱ) ድኻታት ሙሃጂሪን ካብዚ ሰልቢ ብጽሒት ኣለዎም: ኣንጻር ኩሓድቲ እናተቓለሱ'ውን ንኣላህን ንልኡኹን የዐውቱ: ንሶም እዮም ድማ እቶም ብእምኑቶም ሓቀኛታት ኣመንቲ። *(ማለት ሓቅነት እምኑቶም ብግብሪ ዘረጋገጹ)*።

وَٱلَّذِينَ تَبَوَّءُو ٱلدَّارَ وَٱلْإِيمَٰنَ مِن قَبْلِهِمْ يُحِبُّونَ مَنْ هَاجَرَ إِلَيْهِمْ وَلَا يَجِدُونَ فِى

9-እቶም ብእስልምና ኣሚኖም ቅድሚ ሙሃጂሪን ኣብ መዲና ዝሰፈሩ ኣንሳር ኑቶም ካብ መካ ናብኣም ንዝሃጀሩ(ንዝፈለሱ) ኣስላም ይፈትው ዎም፣ ገለ ሽሻ ያት እንተተዋህቡ እውን

صُدُورِهِمْ حَاجَةً مِّمَّآ أُوتُوا۟ وَيُؤْثِرُونَ عَلَىٰٓ أَنفُسِهِمْ وَلَوْ كَانَ بِهِمْ خَصَاصَةٌ ۚ وَمَن يُوقَ شُحَّ نَفْسِهِۦ فَأُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلْمُفْلِحُونَ ۝

አብ ልቦም ሓሰድ ኣይስምየም፣ ወላ'ውን ተጸጊሞም ይሃልዉ ደኣ'ምበር ኑብሶም ገዲፎም ቀዳምኑት ኑቶም ሙሃጂሪን ይህብዎም: እቶም ካብ ብቂ ኑብሶም ናጻ ዝኾኑ ንሳቶም እዮም እቶም ተዓወቲ።

وَٱلَّذِينَ جَآءُو مِنۢ بَعْدِهِمْ يَقُولُونَ رَبَّنَا ٱغْفِرْ لَنَا وَلِإِخْوَٰنِنَا ٱلَّذِينَ سَبَقُونَا بِٱلْإِيمَٰنِ وَلَا تَجْعَلْ فِى قُلُوبِنَا غِلًّا لِّلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ رَبَّنَآ إِنَّكَ رَءُوفٌ رَّحِيمٌ ۝

10-እቶም ብድሕሪኦም ዝመጹ ሙእሚኒን "ኦ ጎይታና ንዓናን ኑቶም ብእምኑት ዝቐደሙና ኣሕዋትናን መሓረና: ኣብ ልብና እውን ኣንጻር'ቶም ዝኣመኑ ጽልእን ሓሰድን ኣይተሕድረልና: ኦ ጎይታና ብርግጽ እምብዛ ለዋህ እምብዛ ራህራሂ ኢኻ።

* أَلَمْ تَرَ إِلَى ٱلَّذِينَ نَافَقُوا۟ يَقُولُونَ لِإِخْوَٰنِهِمُ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ مِنْ أَهْلِ ٱلْكِتَٰبِ لَئِنْ أُخْرِجْتُمْ لَنَخْرُجَنَّ مَعَكُمْ وَلَا نُطِيعُ فِيكُمْ أَحَدًا أَبَدًا وَإِن قُوتِلْتُمْ لَنَنصُرَنَّكُمْ وَٱللَّهُ يَشْهَدُ إِنَّهُمْ لَكَٰذِبُونَ ۝

11-ኦ መሓመድ: ኑቶም ሙናፈቒን ኣይረኣኻዮምን? ዲኻ? ንሶም ኑቶም ዝኾሓዱ ኣይሁዳውያን (ኣህለልኪታብ ሰብ መጽሓፍ) ኣሕዋቶም፣ "እንተደኣ ኣስላም ካብ ዓድኹም ኣውጺኦምኹም ምሳኹም ክንወጽእ ኢና፣ ኣንጻርኩም'ውን ፈጺምና ንወላ ሓደ ኣይንእዘዝን ኢና፣ እንተ ተዋጊኦምኹም'ውን ክንድግ ፈኩም ኢና:" ይብሉ: ኣላህ'ውን እዞም ሙናፈቒን ብርግጽ ሓሰውቲ ምኻኖም ይምስክር።

لَئِنْ أُخْرِجُوا۟ لَا يَخْرُجُونَ مَعَهُمْ وَلَئِن قُوتِلُوا۟ لَا يَنصُرُونَهُمْ وَلَئِن نَّصَرُوهُمْ لَيُوَلُّنَّ ٱلْأَدْبَٰرَ ثُمَّ لَا يُنصَرُونَ ۝

12-እንተደኣ ሙእሚኒን ኑቶም ኣይሁዳውያን ኣውጺኦሞም እቶም ሙናፈቒን ምስኦም ኣይወጹን እዮም፣ እንተደኣ ተዋጊኦም እውን ኣይድግ ፍዎምን እዮም፣ እንተደኣ ደጊፎሞም እውን ዝባኖም ሂቦም ክሃድሙ እዮም:

---

7 እቶም ኣብ መዲና ዝነበሩ ሙናፈቒን (ብኣፎም እሚኖም ብልቦም ዝኾሓዱ) ንዑኺ ኣንነዲር ንሕና ምሳኹም ኣለና ክንድግፈኩም ኢና: ተእዛዝ ሙሓመድ ﷺ ኣብ ግብሪ ኣይተውዕሉ ኢሎም ቃል ምስ ኣተዉሉም ኣላህ ዝዚ ነገር ኣብዛ ኣያ ከሺሕም።

ብድሕሪኡ'ውን ፈጺሞም ኣይዕወቱን እዮም።

لَأَنتُمْ أَشَدُّ رَهْبَةً فِي صُدُورِهِم مِّنَ ٱللَّهِ ۚ ذَٰلِكَ بِأَنَّهُمْ قَوْمٌ لَّا يَفْقَهُونَ ﴿١٣﴾

13-ብሓቂ እቶም በኒ ኣንነዲር ኣብ ክንዲ ካብ ኣላህ ዝፈርሁ ብዝያዳ ካባኻትኩም (ካብ ሙእሚኒን) ኣብ ልቦም ራዕዲ ይስመየም: እዚ ድማ ዕብየት ኣላህ ዘይርድኡ ህዝቢ ስለዝኾኑ እዩ።

لَا يُقَٰتِلُونَكُمْ جَمِيعًا إِلَّا فِي قُرًى مُّحَصَّنَةٍ أَوْ مِن وَرَآءِ جُدُرٍ ۚ بَأْسُهُم بَيْنَهُمْ شَدِيدٌ ۚ تَحْسَبُهُمْ جَمِيعًا وَقُلُوبُهُمْ شَتَّىٰ ۚ ذَٰلِكَ بِأَنَّهُمْ قَوْمٌ لَّا يَعْقِلُونَ ﴿١٤﴾

14-ብጀካ ኣብ ብዕርዲ እተኸበ ከተማታት ወይ ብድሕሪ መንደቕ እንተዘይኮይኑ እዞም ኣይሁዳውያን ብሓደ ሓቢሮም ኣይዋግኡኹምን እዮም: ኣብ መንነኦም ብርቱዕ ባእሲ'ዩ ዘሎ: ክትሪኦም እንከሎኻ ሕቡራት ይመስሉኻ ግን ልቦም ፋሕ ብትን ዝበለ እዩ: እዚ ድማ ኣእምሮ ዘይብሉም ህዝቢ ስለ ዝኾኑ እዩ።

كَمَثَلِ ٱلَّذِينَ مِن قَبْلِهِمْ قَرِيبًا ذَاقُوا۟ وَبَالَ أَمْرِهِمْ وَلَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ ﴿١٥﴾

15-እዚኦም ልክዕ ከምቶም ቅድሜኦም ኣብ ቀረባ ግዜ መቕጻዕቲ ክሕደቶም ዝቐመሱ (ሙሽሪኪን መካ ወይ በኒ ቀይኑቃዕ እተባህሉ ኣይሁዳውያን) እዮም: ኣዝዩ ዘቕንዙ ስቓይ እውን ኣለዎም።

كَمَثَلِ ٱلشَّيْطَٰنِ إِذْ قَالَ لِلْإِنسَٰنِ ٱكْفُرْ فَلَمَّا كَفَرَ قَالَ إِنِّى بَرِىٓءٌ مِّنكَ إِنِّىٓ أَخَافُ ٱللَّهَ رَبَّ ٱلْعَٰلَمِينَ ﴿١٦﴾

16-እዞም ንበኒ ኣንነዲር ክድግፉ ውዕል ዝኣተዉ ሙናፊቒን ልክዕ ከምቲ ሰይጣን ንወዲ ሰብ ክሓድ ኢሉ ዝደፋፍኦ ምስ ኩሓደ ድማ ኣነ "ካባኻ ናጻ እየ: ኣነ ንኣላህ ሳይታ ዓለም እፈርሆ እየ" ዝበለ እዮም።

فَكَانَ عَٰقِبَتَهُمَآ أَنَّهُمَا فِى ٱلنَّارِ خَٰلِدَيْنِ فِيهَا ۚ وَذَٰلِكَ جَزَٰٓؤُا۟ ٱلظَّٰلِمِينَ ﴿١٧﴾

17-ናይ ክልቲኦም(ሸይጣንን እቲ እተኸተሉ ወዲ-ሰብን) መደምደምታ (ትርፊ) ድማ ንመዋእሎም እሳተ ጀሃነም ይኣትዉ: እዚ እዩ ኸኣ ጻማ ዓመጸኛታት(ንኑብሶም ስለ ዘጋግ ይዋ ዓመጽቲ ኑብሶም እዮም)።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ ٱتَّقُواْ ٱللَّهَ وَلۡتَنظُرۡ نَفۡسٞ مَّا قَدَّمَتۡ لِغَدٖۖ وَٱتَّقُواْ ٱللَّهَۚ إِنَّ ٱللَّهَ خَبِيرُۢ بِمَا تَعۡمَلُونَ ١٨

18-ኦ ኣንቱም ኣመንቲ: መቕጸዕቲ ኣላህ ፈሪህኩም ተማእዘዙ: ዝኾነት ነፍሲ'ውን ንጽባሕ (መዓልቲ ቅያማ) እንታይ ኣዳሊያ ከምዘላ ትርኢ: መቕጸዕቲ ኣላህ ፈሪህኩም'ውን ተማእዘዙ፣ ብርግጽ ኣላህ ኩቲ እትገብርዎ ኣጥቢቹ ይፈልጦ እዩ።

وَلَا تَكُونُواْ كَٱلَّذِينَ نَسُواْ ٱللَّهَ فَأَنسَىٰهُمۡ أَنفُسَهُمۡۚ أُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡفَٰسِقُونَ ١٩

19-ከምቶም ንኣላህ ብምርሳየም ኣላህ ነፍሶም ዘረሰየም'ውን ኣይትኹኑ (ማለት ትእዛዛት ኣላህ ብዘይምእዛዝ ንኣላህ ረስዑ. ኣላህ ድማ ንነፍሶም ዝጠቅም ንኽይገብሩ ነፍሶም ኣረሰየም) እቲኣቶም እዮም እቶም ካብ ምእዘዝ ኣላህ ዝወጹ (ፋሲቁን)።

لَا يَسۡتَوِيٓ أَصۡحَٰبُ ٱلنَّارِ وَأَصۡحَٰبُ ٱلۡجَنَّةِۚ أَصۡحَٰبُ ٱلۡجَنَّةِ هُمُ ٱلۡفَآئِزُونَ ٢٠

20-ሰብ እሳትን ሰብ ጀናን ፈጺሞም ማዕረ ኣይኮኑን እዮም: ሰብ ጀና እዮም እቶም ዕዉታት።

لَوۡ أَنزَلۡنَا هَٰذَا ٱلۡقُرۡءَانَ عَلَىٰ جَبَلٖ لَّرَأَيۡتَهُۥ خَٰشِعٗا مُّتَصَدِّعٗا مِّنۡ خَشۡيَةِ ٱللَّهِۚ وَتِلۡكَ ٱلۡأَمۡثَٰلُ نَضۡرِبُهَا لِلنَّاسِ لَعَلَّهُمۡ يَتَفَكَّرُونَ ٢١

21-እዚ ቁርኣን'ዚ ንኦቦ ኣውሪድናዮ ኔርና እንተንኸውን እቲ ሳቦ ብፍርሃት ኣላህ ዝኣክል ብርግጽ ትሒቱን ነቒዑን ምረኣኻዮ: እዚ ንደቂ-ሰብ እንዝቦ ኣብኦት ድማ ምእንቲ ብግቡእ ንኽሓስቡ እዩ።

هُوَ ٱللَّهُ ٱلَّذِي لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَۖ عَٰلِمُ ٱلۡغَيۡبِ وَٱلشَّهَٰدَةِۖ هُوَ ٱلرَّحۡمَٰنُ ٱلرَّحِيمُ ٢٢

22-ንሱ ኣላህ እቲ ብዘይካኡ ካልእ ብሓቂ ክምለኽ ዝግበኦ ዘየሎ፣ ፈሊጣ ስዉርን ግሁድን: ንሱ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ።

هُوَ ٱللَّهُ ٱلَّذِي لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلۡمَلِكُ ٱلۡقُدُّوسُ ٱلسَّلَٰمُ ٱلۡمُؤۡمِنُ ٱلۡمُهَيۡمِنُ

23-ንሱ ኣላህ እቲ ብዘይካኡ ካልእ ብሓቂ ክምለኽ ዝግበኦ ዘየሎ:[8] እቲ ንጉስ(ልዕሊኡ ንጉስ ዘየለ)፣ እቲ ቅዱስ(ብሩኽን ንጹህን)፣ እቲ

8 ኣላህ ዝልለየሉ ኣስማትን ሲፋትን(ቅጽላትን) ኣብ ቁርኣን ይኹን ኣብ ሱና ነብይ ሙሓመድ ﷺ እተጠቕሰ ኩሉ ከይለወጥና ከይጠዋወና ክንእምነሉ ይግባእ: እቲ ናብ ትግርኛ እተተርጎመ ኣስማት ድማ ንመረድኢ'የ ደኣምበር መተካእታ ናይ'ቲ ዓረብኛ ክኸውን ኣይክእልን እዩ: ምኽንያቱ እቲ ናይ ዓረብኛ ቃል ዝሓዝሉ ትርጉም እቲ ናይ ትግርኛ ቃል ክጠምሮ ስለ ዘይክእል።

ٱلْعَزِيزُ ٱلْجَبَّارُ ٱلْمُتَكَبِّرُ ۚ سُبْحَٰنَ ٱللَّهِ عَمَّا يُشْرِكُونَ ﴿٢٣﴾

ሰላም(ካብ ኩሉ ጉድለት ናጻ ዝኾነ)፣እቲ እሙን (ባሮቱ ከምዘይዕምጸም እሙን እዩ)፣ እቲ መስካርን ተቐጻጻርን(ንግብሪ ባሮቱ ዝምስክርን ዝቆጻጸርን) እቲ ዕዙዝ(ፈጺሙ ዝስዕሮ ዘይብሉ ፍጹም ሰዓሪ)፣ እቲ ጀባር-ቀሳቢ-(ንፍጡራቱ ኣገዳዲ ወይ ጸጋኒ ወይ ኣዝዩ ዓብይ)፣እቲ ኩሩዕ(ካብ ኩሉ እኪያት ተኽልኪሉ ዝኾነ) እዩ: ኣላህ ካብቲ ሙሽሪኪን ዝፍጽምዎ ዘለዉ ሽርኪ ይንጻህ ይልዓል።

هُوَ ٱللَّهُ ٱلْخَٰلِقُ ٱلْبَارِئُ ٱلْمُصَوِّرُ ۖ لَهُ ٱلْأَسْمَآءُ ٱلْحُسْنَىٰ ۚ يُسَبِّحُ لَهُۥ مَا فِى ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ ۖ وَهُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْحَكِيمُ ﴿٢٤﴾

24-ንሱ ኣላህ እቲ ፈጣሪ(ከም ድልየቱ ቀዪሱ ዝኣብዮ)፣ እቲ መሃዚ(ንዘኽኑ ነገር ካብ ዘይህላ ውኑት ናብ ህላውነት ኣስተኻኺሉ ዝምህዝ)፣ እቲ ሰኣሊ(ንዘኾነ ፍጡር ቡዘዓይኑቱ ስእሊ ገይሩ ዝፈጥር)፣ በዓል ሰናይ ኣስማት እዩ: ኩሉ ኣብ ሰማያትን ምድርን ዘሎ ፍጡር ይስብሖን የንጽሆን: ንሱ'ውን እቲ ፍጹም ዕዙዝ እቲ ፍጹም ጥበበኛ እዩ።

سورة الممتحنة
ሱረቱል'መምተሓና (እታ እተመርመረት)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ لَا تَتَّخِذُوا۟ عَدُوِّى وَعَدُوَّكُمْ أَوْلِيَآءَ تُلْقُونَ إِلَيْهِم بِٱلْمَوَدَّةِ وَقَدْ كَفَرُوا۟ بِمَا جَآءَكُم مِّنَ ٱلْحَقِّ يُخْرِجُونَ ٱلرَّسُولَ وَإِيَّاكُمْ ۙ أَن تُؤْمِنُوا۟ بِٱللَّهِ

1-ኦ እንቱም ኣመንቲ ኑዮም በቲ ዝመጸኩም ሓቂ ዝኽሓዱ ጸላእተይን ጸላእትኹምን ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎኹም ዝነበረ ናይ ቀደም ፍቕሪ: ምስጢራት ኑብይ መሓመድ ﷺ ብምሃብኩም ደገፍትን ተሓጋገዝትን ኣይትግበርዎም እንተዳኣ ምእንቲ ሃይማኖተይ

رَبِّكُمْ إِن كُنتُمْ خَرَجْتُمْ جِهَٰدًا فِى سَبِيلِى وَٱبْتِغَآءَ مَرْضَاتِى ۚ تُسِرُّونَ إِلَيْهِم بِٱلْمَوَدَّةِ وَأَنَا۠ أَعْلَمُ بِمَآ أَخْفَيْتُمْ وَمَآ أَعْلَنتُمْ ۚ وَمَن يَفْعَلْهُ مِنكُمْ فَقَدْ ضَلَّ سَوَآءَ ٱلسَّبِيلِ ﴿١﴾

ክትቃለሱን ናተይ ፍቶት ክትረኽቡን ካብ ዓድኹም ዝወጻእኩም ኰንኩም: ንዓኹምን ኑቲ ልኡኽን(ነብይ መሓመድ ﷺ) ብሰንኪ ብጎይታኹም ኣላህ ምእማንኩም ካብ መካ ኣውጺኦምኹም: ንስኹም ግን ብፍቕሪ ተደፊእኩም ወረን ምኽርን ብሕቡእ ኣጣብብ ተመሓላልፉሉም: ኣነ ድማ ኩሉ እቲ ዝሓባእኩምዎን ዘን ሃደኩምዎን እፈልጥ እየ: ካባኹም ዝፈ ነገር'ዚ ዝገበር ብርግጽ ቅኑዕ መገዲ እተጋገየ እዩ።

إِن يَثْقَفُوكُمْ يَكُونُوا۟ لَكُمْ أَعْدَآءً وَيَبْسُطُوٓا۟ إِلَيْكُمْ أَيْدِيَهُمْ وَأَلْسِنَتَهُم بِٱلسُّوٓءِ وَوَدُّوا۟ لَوْ تَكْفُرُونَ ﴿٢﴾

2-እዞም ኩሓድቲ እንተዝረኽብኹም ነይሮም ጸላእትኹም ኮይኖም ኢዶም ብመቕተልትን ሚሀረ ምትን: መልሓሶም'ውን ብጸርፊ ምፈነውልኩም፣ ልክዕ ከምኣቶም ክትክሕዱ'ውን ይፈትዉን ይምነ ዩን እዮም።

لَن تَنفَعَكُمْ أَرْحَامُكُمْ وَلَآ أَوْلَٰدُكُمْ ۚ يَوْمَ ٱلْقِيَٰمَةِ يَفْصِلُ بَيْنَكُمْ ۚ وَٱللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ بَصِيرٌ ﴿٣﴾

3-ኣዝማድኩምን ውላድኩምን ኣብ ቅድሚ ኣላህ ኣይጠቕምኹምን እዮም: ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ኣላህ ምእዙዛትን ዘይምእዙዛትን ፈልዩ ክፈርደኩም እዩ: ኣላህ'ውን ንእትገብርዎ ኩሉ ኣዝዩ ረኣዩ እዩ።

قَدْ كَانَتْ لَكُمْ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ فِىٓ إِبْرَٰهِيمَ وَٱلَّذِينَ مَعَهُۥٓ إِذْ قَالُوا۟ لِقَوْمِهِمْ إِنَّا بُرَءَٰٓؤُا۟ مِنكُمْ وَمِمَّا تَعْبُدُونَ مِن دُونِ ٱللَّهِ كَفَرْنَا بِكُمْ وَبَدَا بَيْنَنَا وَبَيْنَكُمُ ٱلْعَدَٰوَةُ

4-ብርግጽ ኣብ ኢብራሂምን ኣብቶም ምስኡ ዝኣመኑን ሰናይ ኣርኣያ ነይሩኩም: ንሳቶም ንህዝቦም "ንሕና ካባኹምን ካብቶም ብዘይካ ኣላህ እተምልኽዎም ዘለኹም ጣዖታትን ናጻ ኢና፣ በቲ ንስኹም ዘለኹምዎ ወድዒ ክሒድና ኢና: ክሳዕ በቲ ሓደ ኣላህ እትኣምኑ ኣብ መንነናን ኣብ መንነኹምን ዘልኣለማዊ ተጻባእነትን ጽልእን

---

9 ሓጥብ ወዲ ኣቢ በልተዓ ዝበሃል እቶም ኣብ መካ ዝነበሩ ስድርኡ ህዝቢ ቁረይሽ ከይጎድእዎም ብግለት ነብይና መሓመድ ﷺ ከጥቅየም ይሸባሸብ ከምዝሉ ደብዳቤ ሓቢኡ ስለ ዝለኣኸሎም እዚ ተግባር እዚ ዓቢ ጌጋ ከም ዝነበረ እትጠቅስን ብሰንኪ'ዚ ጉዳይ ዝወረደትን ኣያ እያ።

وَٱلْبَغْضَآءُ أَبَدًا حَتَّىٰ تُؤْمِنُوا۟ بِٱللَّهِ وَحْدَهُۥٓ إِلَّا قَوْلَ إِبْرَٰهِيمَ لِأَبِيهِ لَأَسْتَغْفِرَنَّ لَكَ وَمَآ أَمْلِكُ لَكَ مِنَ ٱللَّهِ مِن شَىْءٍ ۖ رَّبَّنَا عَلَيْكَ تَوَكَّلْنَا وَإِلَيْكَ أَنَبْنَا وَإِلَيْكَ ٱلْمَصِيرُ ﴿٤﴾

ተተኺሉ እዩ" በሉዎም: ብዘይካ እታ ኢብርሂም ነ'ቡኡ "ካብ ኣላህ ምሕረት ክሓተልካ እየ: ምንም'ውን ካብ ኣላህ ዝውንኖ ነገር የብለይን" ዝበላ(ማለት እዛ ቓል'ዚኣ ኣርኣያ ኣይኮነትን ኣይትከተልዋ ኑዶም-ሙሽሪኪን-ከሓድቲ ምሕረት ኣይትሕተቱሎም) "ኦ ጎይታና ናባኻ ተወኪልና (ተጸጊዕና) ናባኻ'ውን ተመሊስና፣ ናይ መጨረሽታ መዓልቦና'ውን ናባኻ እዩ" በሉ ኢብራሂምን እቶም ምስኡ ዝኣመኑ ሰዓብቱን።

رَبَّنَا لَا تَجْعَلْنَا فِتْنَةً لِّلَّذِينَ كَفَرُوا۟ وَٱغْفِرْ لَنَا رَبَّنَآ ۖ إِنَّكَ أَنتَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْحَكِيمُ ﴿٥﴾

5-"ኦ ጎይታና ንሕና ኣብ ቅድሚ'ቶም ከሓድቲ ብምስዓርናን ብምድካምናን ነዐኦም መፈተንን መጋገይን ኣይትግበረና[10] ኦ ጎይታና መሓረና፣ ንስኻ ብርግጽ እቲ ፍጹም ዕዙዝ (ፍጹም ዘይሰዓር) እቲ ፍጹም ጥበበኛ ኢኻ።"

لَقَدْ كَانَ لَكُمْ فِيهِمْ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ لِّمَن كَانَ يَرْجُوا۟ ٱللَّهَ وَٱلْيَوْمَ ٱلْءَاخِرَ ۚ وَمَن يَتَوَلَّ فَإِنَّ ٱللَّهَ هُوَ ٱلْغَنِىُّ ٱلْحَمِيدُ ﴿٦﴾

6-እቶም ካብ ኣላህ ሰናይ ክረኽቡ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት (ኣኼራ)'ውን ሰናይ ክንነፍም ዝደልዩ ሰባት ብርግጽ ኣብ ኢብራሂምን ኣብቶም ምስኡ ዝኣመኑ ብጾቱን ጽቡቕ ኣርኣያ ኣለዎም: እቲ እምኑት ነጺጉ ምስ ከሓድቲ ዝዓርኽ ግን ብርግጽ ኣላህ እቲ ፍጹም ሃብታም፣ እቲ ፍጹም ምስጉን (ባሮቱ ምንም ዘይምልኡሉ) ምኻኑ ክርስዕ የብሉን።

عَسَى ٱللَّهُ أَن يَجْعَلَ بَيْنَكُمْ وَبَيْنَ ٱلَّذِينَ عَادَيْتُم مِّنْهُم مَّوَدَّةً ۚ وَٱللَّهُ قَدِيرٌ ۚ وَٱللَّهُ غَفُورٌ رَّحِيمٌ ﴿٧﴾

7-ምናልባት ኣላህ ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ'ቶም ተጻባእኩምዎምን ፍቕሪ ይገብር ይኸውን፣ (ማለት ኑዶም ከሓድቲ ኣብ እስልምና ብምእታው) ኣላህ'ውን ኣዝዩ ከኣሊ እዩ: ኣላህ'ውን ኣዝዩ መሓሪ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ።

---

10 ማለት ንዓና እንተሰዓሩና ኣብ ሓቂ ዘለዉ መሲሉዎም ኣብ መገዲ ክሕደቶም ምእንቲ ከይቅጽሉ።

لَّا يَنْهَىٰكُمُ ٱللَّهُ عَنِ ٱلَّذِينَ لَمْ يُقَٰتِلُوكُمْ فِى ٱلدِّينِ وَلَمْ يُخْرِجُوكُم مِّن دِيَٰرِكُمْ أَن تَبَرُّوهُمْ وَتُقْسِطُوٓا۟ إِلَيْهِمْ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ يُحِبُّ ٱلْمُقْسِطِينَ ﴿٨﴾

8-ኑቶም ብሰንኪ ሃይማኖትኩም ዘይተዋግኡኹምን ካብ ዓድኹም ዘየባረሩኹምን ክትበጽሕዎምን ክትሓቱሎምን ኣብ መንነኹም ፍትሒ ክተስፍኑን ኣላህ ኣይክልክለኩምን እዩ: ብርግጽ ኣላህ ኑቶም ፍትሐኛታት ይፈትዎም እዩ።

إِنَّمَا يَنْهَىٰكُمُ ٱللَّهُ عَنِ ٱلَّذِينَ قَٰتَلُوكُمْ فِى ٱلدِّينِ وَأَخْرَجُوكُم مِّن دِيَٰرِكُمْ وَظَٰهَرُوا۟ عَلَىٰٓ إِخْرَاجِكُمْ أَن تَوَلَّوْهُمْ ۚ وَمَن يَتَوَلَّهُمْ فَأُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلظَّٰلِمُونَ ﴿٩﴾

9-ኣላህ ኑቶም ብሰንኪ ሃይማኖትኩም ዝተዋግኡኹምን ካብ ሃገርኩም'ውን ዘውጽኡኹም ንኽትወጹ'ውን ዝሓዙ ክትተዓራረኽዎምን ክትተሓ ባበርዎምን ጥራይ እዩ ዝኽልከ ለኩም: እቶም ምስዞም ተጻባእቲ ዝተሓባበሩን ዝተዓራረኹን እቶም ዓመጸኛታት እዮም። (ምኽንያቱ ኑቶም ክፍተዉን ክቕረቡን ዘይፍቀድ ስለ ዝቐረቡን ስለዝፈትዉን ፍትሓዊ ተግባር ኣይገበሩን)።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓا۟ إِذَا جَآءَكُمُ ٱلْمُؤْمِنَٰتُ مُهَٰجِرَٰتٍ فَٱمْتَحِنُوهُنَّ ۖ ٱللَّهُ أَعْلَمُ بِإِيمَٰنِهِنَّ ۖ فَإِنْ عَلِمْتُمُوهُنَّ مُؤْمِنَٰتٍ فَلَا تَرْجِعُوهُنَّ إِلَى ٱلْكُفَّارِ ۖ لَا هُنَّ حِلٌّ لَّهُمْ وَلَا هُمْ يَحِلُّونَ لَهُنَّ ۖ وَءَاتُوهُم مَّآ أَنفَقُوا۟ ۚ وَلَا جُنَاحَ عَلَيْكُمْ أَن تَنكِحُوهُنَّ إِذَآ ءَاتَيْتُمُوهُنَّ أُجُورَهُنَّ ۚ وَلَا تُمْسِكُوا۟ بِعِصَمِ ٱلْكَوَافِرِ وَسْـَٔلُوا۟ مَآ أَنفَقْتُمْ وَلْيَسْـَٔلُوا۟ مَآ أَنفَقُوا۟ ۚ ذَٰلِكُمْ حُكْمُ ٱللَّهِ ۖ

10-ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም እንተደኣ እተን ኣመንቲ ካብ ዓዲ ክሕደት ናብ ዓዲ እምነት ፈሊሰን መጺኦናኹም መርምሩወን ኢኹም: ብዛዕባ እምነተን ኣላህ ይፈልጥ: እንተደኣ ኣመንቲ ምኻነን በሪሁልኩም ናብቶም ኩሓድቲ ኣይትምለሱወን: ንሰን ሓላሎም ኣይኮና ንሶም'ውን ሓላለን ኣይኮኑን: ኑቶም ሰብኡተን ዝኸበሩ ኩሓድቲ ዝኸፈልዎ ክፍሊት(ማህር) ሃቡዎም: ነዘን ኣንስቲ'ውን እንተደኣ ክፍሊተን (ማህረን) ሂብኩመን ክትምርዓዉወን ኣበር (ዘንቢ) የብልኩምን: ኑቲ ምስተን ኩሓድቲ (ሙሽሪኪን) ተገይሩ ዝነበረ ቃል ኪዳን ኣይተጽንዕዎ (ፍትሕወን): ንስኹም ኣንቱም ኣመንቲ እንተደኣ ሰበይትኹም ሙሽሪካ ኮይና እሞ ምስቶም

ሙሽሪኪን ተሪፋ እቲ ዙጥፋእኩምላ ፕንዙብ ሕተቱ: ንሶም'ውን እቶም ሙሽሪኪን ኑተን ኣመስሊመን ዝገደፈኡም ዙጥፍእዎ ፕንዙብ ይሕተቱ: እዚ እዩ እቲ ፍርዲ ኣላህ ኣብ መንጎ ኹም ኣትዩ ዝፈርደኩም ዘሎ: ኣላህ'ውን ኣዝዩ ፈላጥ ኣዝዩ ጥበበኛ እዩ።

تَحْكُمُ بَيْنَكُمْ ۚ وَٱللَّهُ عَلِيمٌ حَكِيمٌ ﴿١٠﴾

11-እንተደኣ ገለ ካብተን ኣንስትኹም እስልምና ነጺገን ናብቶም ኩሓድቲ ተመሊሰን: እሞ ኸኣ ምስ'ዞም ኩሓድቲ ተዋጊእኩም ገለ ንብረት እንተ ማሪኽኩም ካብዚ ንብረት'ዚ ኑቶም ኣንስቶም ናብ ኩሓድቲ ዝኸዳ ልክዕ ከምቲ ዙጥፍኡለን ፕንዙብ ሃብዎም: ኑቲ ብኡ እትኣምኑ ኣላህ'ውን ፍርሁ።(ትእዛዛቱ ብምምእዛዝ ካብ ቁጣዐኡ ተኽላኸሉ)

وَإِن فَاتَكُمْ شَىْءٌ مِّنْ أَزْوَٰجِكُمْ إِلَى ٱلْكُفَّارِ فَعَاقَبْتُمْ فَـَٔاتُوا۟ ٱلَّذِينَ ذَهَبَتْ أَزْوَٰجُهُم مِّثْلَ مَآ أَنفَقُوا۟ ۚ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ ٱلَّذِىٓ أَنتُم بِهِۦ مُؤْمِنُونَ ﴿١١﴾

12-ኣ ኣንታ ኑብይ: እተን ኣመንቲ ምስ ኣላህ ምንም ሽርካ ንኸይገብራ፣ ንኸይሰርቃ፣ ንኸይዝምዋ፣ ውላደን ንኸይቀትላ፣ ሓሲየን ኽብኡተን ዘይውላዶም ከየልግባሉም፣ በቲ እትእዝዘን ኣስላማዊ ደንብታት ምምእዛዝ ንኸይኣብያኻ ውዕል ክኣትዋልካ እንተደኣ መጺኣናኻ ውዕለን ተቐበሉ: ካብ ኣላህ'ውን ምሕረት ሕተተለን: ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ መሓሪ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّبِىُّ إِذَا جَآءَكَ ٱلْمُؤْمِنَٰتُ يُبَايِعْنَكَ عَلَىٰٓ أَن لَّا يُشْرِكْنَ بِٱللَّهِ شَيْـًٔا وَلَا يَسْرِقْنَ وَلَا يَزْنِينَ وَلَا يَقْتُلْنَ أَوْلَٰدَهُنَّ وَلَا يَأْتِينَ بِبُهْتَٰنٍ يَفْتَرِينَهُۥ بَيْنَ أَيْدِيهِنَّ وَأَرْجُلِهِنَّ وَلَا يَعْصِينَكَ فِى مَعْرُوفٍ ۙ فَبَايِعْهُنَّ وَٱسْتَغْفِرْ لَهُنَّ ٱللَّهَ ۖ إِنَّ ٱللَّهَ غَفُورٌ رَّحِيمٌ ﴿١٢﴾

13-ኣ ኣንቱም ዝኣመንኩም ኑቶም ኣላህ ዝተቐጠዓሉም (ኣይሁዳውያን) ኣይትዕረኹሉም ኣይትተሓባ በርዎም: ብርግጽ ንሶም ካብ ናይ ምጽኣተ ዓለም(ኣኼራ) ረብሓ ተስፋ ቐሪጸም እዮም ልክዕ ከምቶም ኩሓድቲ ካብ ቅቡራት ተስፋ ዝቐረጹ። (ማለት ከምቶም ብትንላኤ ምጽኣት

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ لَا تَتَوَلَّوْا۟ قَوْمًا غَضِبَ ٱللَّهُ عَلَيْهِمْ قَدْ يَئِسُوا۟ مِنَ ٱلْـَٔاخِرَةِ كَمَا يَئِسَ ٱلْكُفَّارُ مِنْ أَصْحَٰبِ ٱلْقُبُورِ ﴿١٣﴾

(ኣኼራ) ዘይኣምኑ ኩሓድቲ ምዉታትና ክትንስኡ እዮም ዝብል ተስፋ ፈጺሙ ኣብ ሓንጎ ሉም ዘይመጸም ልክዕ ከምኣም እዮም)።

سورة الصف
ሱረቱ'ሰፍ (እቲ መስርዕ)

ብስም ኣላህ እቲ ናይጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ሪህሪሂ

بسم ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ኩሉ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሉ ፍጡር ንኣላህ ሰቢሑ፡ ንሱ'ውን እቲ ናይጹም ዕዙዝ እቲ ናይጹም ጥበበኛ እዩ።

سَبَّحَ لِلَّهِ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِي ٱلۡأَرۡضِۖ وَهُوَ ٱلۡعَزِيزُ ٱلۡحَكِيمُ ﴿١﴾

2-ኣ ኣንቱም ኣመንቲ ስለምንታይ ዘይትገብሮ ነገር እትዛረቡ"።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ لِمَ تَقُولُونَ مَا لَا تَفۡعَلُونَ ﴿٢﴾

3-ዘይትገብርዎ ንገብሮ ኢልኩም ክትዛረቡ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ኣዝዩ እተጸልኣ እዩ።

كَبُرَ مَقۡتًا عِندَ ٱللَّهِ أَن تَقُولُواْ مَا لَا تَفۡعَلُونَ ﴿٣﴾

4-ኣላህ ኑዮም ምእንትኡ ኢሉም ልክዕ ከም ጽኑዕ መንደኞ ተረርዮም ብመስርዕ ዝዋግኡ ይፈቱው።

إِنَّ ٱللَّهَ يُحِبُّ ٱلَّذِينَ يُقَٰتِلُونَ فِي سَبِيلِهِۦ صَفّٗا كَأَنَّهُم بُنۡيَٰنٞ مَّرۡصُوصٞ ﴿٤﴾

5-ኑብይ ሙሳ(ሙሴ) ንህዝቡ "ኣ ህዝበይ ናባኹም እተላእኽኩ ልኡኽ ኣላህ ምኻነይ እናፈለጥኩም እንከለኹም ስለምንታይ ኢኹም ብጸርፋን ብምኽሓድን እትጎድኡኒ" በለ፡ እዞም ህዝቢ ካብ ሓቂ ምስ ተኣልዩ ድማ ኣላህ ልቦም ካብ

وَإِذۡ قَالَ مُوسَىٰ لِقَوۡمِهِۦ يَٰقَوۡمِ لِمَ تُؤۡذُونَنِي وَقَد تَّعۡلَمُونَ أَنِّي رَسُولُ ٱللَّهِ إِلَيۡكُمۡۖ فَلَمَّا زَاغُوٓاْ أَزَاغَ ٱللَّهُ قُلُوبَهُمۡۚ

---

11 ገለ ካብኦም ኣመንቲ «ዝበለጸ ተግባር እንታይ ምኻኑ እንተንፈልጥ ምዘበርናዮ ኔርና» ኢሉም ተመኒዮም፡ ግን ጂሃድ ኮይኑ ምስ ተኣዘዘ ክብደት ስለኣተሰመየም፡ በዛ ኣያ ተጎሊሖም።

ሓቂ ኣለያ: ኣላህ'ውን ካብ መገዱ ንዝወጹ ህዝቢ (ፋሲቂን) ንመገዲ ቅንዕና ኣይመርሕምን እዩ።

وَٱللَّهُ لَا يَهۡدِي ٱلۡقَوۡمَ ٱلۡفَٰسِقِينَ ۝٥

6-ዒሳ ወዲ መርየም[12] እውን ንህዝቢ እስራኤል "ኦ ደቂ እስራኤል ብርግጽ ኣነ ኑቲ ቅድመይ ዝወረደ ተውራት(ናብ ሙሳ ዝወረደ መጽሓፍ-ኦሪት-) ከረጋግጽን በቲ ብድሕሪይ ዝመጽእ ኣሕመድ[13] ዝስሙ ልኡኽ ከበስረኩምን ናባኹም እተላኣኽኩ ልኡኽ ኣላህ እየ" በሎም ኣሕመድ ብመርትዖታት ምስ መጸኦም ድማ እዝስ ግሉጽ ሽሕር (ስራይ) እዩ በሉ።

وَإِذۡ قَالَ عِيسَى ٱبۡنُ مَرۡيَمَ يَٰبَنِيٓ إِسۡرَٰٓءِيلَ إِنِّي رَسُولُ ٱللَّهِ إِلَيۡكُم مُّصَدِّقٗا لِّمَا بَيۡنَ يَدَيَّ مِنَ ٱلتَّوۡرَىٰةِ وَمُبَشِّرَۢا بِرَسُولٖ يَأۡتِي مِنۢ بَعۡدِي ٱسۡمُهُۥٓ أَحۡمَدُۖ فَلَمَّا جَآءَهُم بِٱلۡبَيِّنَٰتِ قَالُواْ هَٰذَا سِحۡرٞ مُّبِينٞ ۝٦

7-መን ኣሎ እሞ ዝበኣሰን ዝኸፈኦን ካብቲ ናብ እስልምና እናተጸወዐ እንከሎ ኣንጻር ኣላህ ብንቁር ኣቢሉ ዝሕሱ (ማለት ካብዚ ሰብ'ዚ ዝበኣሰ የለን ምኽንያቱ ነታ ሓቂ እናፈለጣ እንከሎ ስለዝዓመጻ) ኣላህ'ውን ኑቶም ዓመጸኛታት ህዝቢ መገዲ ቅንዕና ኣይመርሕምን እዩ።

وَمَنۡ أَظۡلَمُ مِمَّنِ ٱفۡتَرَىٰ عَلَى ٱللَّهِ ٱلۡكَذِبَ وَهُوَ يُدۡعَىٰٓ إِلَى ٱلۡإِسۡلَٰمِۚ وَٱللَّهُ لَا يَهۡدِي ٱلۡقَوۡمَ ٱلظَّٰلِمِينَ ۝٧

8-እዞም ኣንጻር እስልምና ሓሶት ዝነዝሑ ዘለዉ ኑቲ ብርሃን ኣላህ[14] ብኣፎም ክጥፍእዎ ይደልዩ ኣለዉ: ኣላህ ግን እስልምና ብምዝርጋሕ ብርሃኑ ኩትምሞ እዩ ወላ'ውን እቶም ኩሓድቲ ዝኣ ካፍ'ዚ ይጽልእዎን ይቃወምዎን። (ማለት ይፍተዉ ይጽልኡ እዚ ካፍ'ዚ ክዉን እዩ)።

يُرِيدُونَ لِيُطۡفِـُٔواْ نُورَ ٱللَّهِ بِأَفۡوَٰهِهِمۡ وَٱللَّهُ مُتِمُّ نُورِهِۦ وَلَوۡ كَرِهَ ٱلۡكَٰفِرُونَ ۝٨

9-ወላ'ውን እቶም ሙሽሪኪን ይፍተዉ ይጽልኡ ደኣ'ምበር ኣላህ ንሃይማኖት እስልምና ምእንቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሃይማኖታት ጸብሲል ንኽብሉ

هُوَ ٱلَّذِيٓ أَرۡسَلَ رَسُولَهُۥ بِٱلۡهُدَىٰ وَدِينِ ٱلۡحَقِّ لِيُظۡهِرَهُۥ عَلَى ٱلدِّينِ كُلِّهِۦ وَلَوۡ كَرِهَ

---

12 የሱስ ወዲ ማርያም።
13 ኣሕመድ ሓደ ካብቲ ኣስማት ነብይና ሙሓመድ ﷺ እዩ።
14 ማለት ሃይማኖት እስልምና።

ٱلْمُشْرِكُونَ ۝

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ هَلْ أَدُلُّكُمْ عَلَىٰ تِجَٰرَةٍ تُنجِيكُم مِّنْ عَذَابٍ أَلِيمٍ ۝

تُؤْمِنُونَ بِٱللَّهِ وَرَسُولِهِۦ وَتُجَٰهِدُونَ فِى سَبِيلِ ٱللَّهِ بِأَمْوَٰلِكُمْ وَأَنفُسِكُمْ ۚ ذَٰلِكُمْ خَيْرٌ لَّكُمْ إِن كُنتُمْ تَعْلَمُونَ ۝

يَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ وَيُدْخِلْكُمْ جَنَّٰتٍ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ وَمَسَٰكِنَ طَيِّبَةً فِى جَنَّٰتِ عَدْنٍ ۚ ذَٰلِكَ ٱلْفَوْزُ ٱلْعَظِيمُ ۝

وَأُخْرَىٰ تُحِبُّونَهَا ۖ نَصْرٌ مِّنَ ٱللَّهِ وَفَتْحٌ قَرِيبٌ ۗ وَبَشِّرِ ٱلْمُؤْمِنِينَ ۝

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ كُونُوٓا۟ أَنصَارَ ٱللَّهِ كَمَا قَالَ عِيسَى ٱبْنُ مَرْيَمَ لِلْحَوَارِيِّۦنَ مَنْ أَنصَارِىٓ إِلَى ٱللَّهِ ۖ قَالَ ٱلْحَوَارِيُّونَ نَحْنُ أَنصَارُ ٱللَّهِ ۖ فَـَٔامَنَت طَّآئِفَةٌ مِّنۢ بَنِىٓ إِسْرَٰٓءِيلَ وَكَفَرَت طَّآئِفَةٌ ۖ فَأَيَّدْنَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ عَلَىٰ عَدُوِّهِمْ فَأَصْبَحُوا۟ ظَٰهِرِينَ ۝

ንልኡኹ ሙሓመድ ﷺ ብቕኑዕ ሓበሬታን ብሓቀኛ ሃይማኖትን ለኣኹ።

10-እ ኣንቱም ኣመንቲ ናብታ ካብ ኣዝዩ ዘቕንዙ ስቓይ እተድሕኽኩም ንግዲ ክሕብረኩም ዶ?

11-ብኣላህን ብልኡኹን (ሙሓመድ ﷺ) ትኣምኑ፣ ብገንዘብኩምን ብነብስኹምን እውን ምእንቲ ሃይማኖት ኣላህ ትቃለሱ (ትጃህዱ): እዚ'ዩ ንዓኹም ዝሓሸን ዝበለጸን እንተደኣ ትፈልጡ ኪንኩም።

12-(እዚ እተጠቕሰ እንተኼርኩም) ኣላህ ዘንብታትኩም ይምሕረኩም፣ ኣብ ብትሕቲኣን ፈሊጋት ዝውሕዝ ጀራዲን ኣብ ሰናይ መንበረ ኣብ ሽታት ኤደን (ጀናቱ ዓድን) የእትወኩም: እዚ እዩ ድማ እቲ ኣዝዩ ዓብይ ዓወት።

13-ከምኡ'ውን ካልእ እትፈትዉዋ: ደገፍ ካብ ኣላህን ህጹጽ ዓወትን ይህበኩም: እ ሙሓመድ ኑዮም ሙእሚኒን በዚ ኣበስሮም።

14-እ ኣንቱም ኣመንቲ: ደገፍቲ ሃይማኖት ኣላህ ኩኑ: ልክዕ ከምቲ ዒሳ ወዲ መርየም ኑዮም ሃዋርያት "መንዮም እዮም ምእንቲ ኣላህ ኢሎም ዝድግፉኒ" ምስ በሉም: እዮም ሃዋርያት "ንሕና ደገፍቲ ሃይማኖት ኣላህ ኢና" በሉ: ሽዑ ሓንቲ ክፋል ካብ ደቂ እስራኤል ብዒሳ ክትኣምን እንከላ ሓንቲ ክፋል ከኣ ኩሓደት: ስለዚ ኑዮም ዝኣመኑ ሓይሊ ሂብና ብምድጋፍና ኣብ ልዕሊ ጸላኢኦም ተዓዊቶም ጸብለልትኑ ኣርኣዩ።

سورة الجمعة
ሱረቱል'ጁሙዓ (እቲ ጁሙዓ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

1-ኩሉ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ፍጡር ንኣላህ ኑቲ ንጉስ ኑቲ ቅዱስ ኑቲ ፍጹም ዕዙዝ ኑቲ ፍጹም ጥበበኛ ይስብሕ።

2-ንሱ(ኣላህ) እዩ እቲ ናብዞም መሃይማት ዓረብ ኣያት (ዓንቀጻት) ቁርኣን ዘንብበሎም፣ ካብ ክሕደትን ዘንብን ልቦም ብእምነት ዘንጽሆም፣ ቁርኣንን ሱናን (ቃላትን ተግባራትን ነብይ ሙሓመድ ﷺ) ዝምህሮም ሓደ ካብኣቶም ልኡኽ ዝለኣኸሎም: ብርግጽ እዞም ሙሽሪኪን ቅድሚኡ ኣብ ግ ሉጽ ጥፍኣት እዮም ነይሮም።

3-ከምኡ'ውን ኣላህ ንነብይና ሙሓመድ ﷺ ናብቶም ብጾቱ (ኣስሓባ) ዘይኮኑ ግን ካብኦም ንዝቀጸሩ ሙእሚኒን ለኣኾ። (ማለት ነብይና ሙሓመድ ﷺ ናብቶም ምስኡ ዝዝበሩ ሰዓብቱን ናብቶም ብድሕሪኦም መጺኦም ንእስልምና ዝስዕቡን ክምህርን ከንጽሆን እዩ ተላኢኹ): ኣላህ እቲ ፍጹም ዕዙዝ እቲ ፍጹም ጥበበኛ እዩ።

4-እቲ እስልምና ድማ ጸጋ ኣላህ ስለ ዝኾነ ኣላህ ንድላዩ እዩ ዝህቦን ዝዕድሎን: ኣላህ'ውን በዓል ኣዝዩ ዓቢ ጸጋ እዩ።

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

يُسَبِّحُ لِلَّهِ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِي ٱلْأَرْضِ ٱلْمَلِكِ ٱلْقُدُّوسِ ٱلْعَزِيزِ ٱلْحَكِيمِ ۝١

هُوَ ٱلَّذِي بَعَثَ فِي ٱلْأُمِّيِّـۧنَ رَسُولًا مِّنْهُمْ يَتْلُوا۟ عَلَيْهِمْ ءَايَٰتِهِۦ وَيُزَكِّيهِمْ وَيُعَلِّمُهُمُ ٱلْكِتَٰبَ وَٱلْحِكْمَةَ وَإِن كَانُوا۟ مِن قَبْلُ لَفِي ضَلَٰلٍ مُّبِينٍ ۝٢

وَءَاخَرِينَ مِنْهُمْ لَمَّا يَلْحَقُوا۟ بِهِمْ ۚ وَهُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْحَكِيمُ ۝٣

ذَٰلِكَ فَضْلُ ٱللَّهِ يُؤْتِيهِ مَن يَشَآءُ ۚ وَٱللَّهُ ذُو ٱلْفَضْلِ ٱلْعَظِيمِ ۝٤

مَثَلُ ٱلَّذِينَ حُمِّلُوا۟ ٱلتَّوْرَىٰةَ ثُمَّ لَمْ يَحْمِلُوهَا كَمَثَلِ ٱلْحِمَارِ يَحْمِلُ أَسْفَارًۢا ۚ بِئْسَ مَثَلُ ٱلْقَوْمِ ٱلَّذِينَ كَذَّبُوا۟ بِـَٔايَٰتِ ٱللَّهِ ۚ وَٱللَّهُ لَا يَهْدِى ٱلْقَوْمَ ٱلظَّٰلِمِينَ ﴿٥﴾

5-መሰል'ቶም ተውራት[15] (ኦሪት) ኣጽኒያም ኣብ ግብሪ ንኸውዕልዎ ሕድሪ እተዋህቡ ኣይሁዳውያን እሞ ኸኣ ዝሕድሪ'ዚ ብግቡእ ዘይተሰከምዎ ልክዕ ከምቲ ኣድጊ ኣብ ዝባኑ ዓበይቲ መጻሕፍቲ ዝሸከም እዩ: (ማለት ኣድጊ ብዙሕ ፋይዳ ዘለዎ መጻሕፍቲ ይሸከም ደኣ'ምበር በቲ መጻሕፍቲ ዝረኽቦ ፍልጠትን ሓበሬታን የልቦን: እዞም ኣይሁዳውያን ድማ ልክዕ ከምዚ ኣድጊ መጽሓፍ ኣብ ኢዶም እንከሉ ምንም ኣይተጠቐሙሉን) ክንደይ ከ ይኸፍእ እዚ መሰል'ቶም መርትዖታትን ተኣምራትን ኣላህ ዝኸሓዱ ህዝቢ: ኣላህ'ውን ኑቶም ትእዛዙ ጥሒሶም ኑፍሶም ዝወጸዉ ህዝቢ ንመገዲ ቅንዕና ኣይሕብሮምን ኣይመርሖምን እዩ።

قُلْ يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ هَادُوٓا۟ إِن زَعَمْتُمْ أَنَّكُمْ أَوْلِيَآءُ لِلَّهِ مِن دُونِ ٱلنَّاسِ فَتَمَنَّوُا۟ ٱلْمَوْتَ إِن كُنتُمْ صَٰدِقِينَ ﴿٦﴾

6-ኣ ሙሓመድ: "ኣ ኣንቱም ኣይሁዳውያን ካብ ኩሉ ሰብ ንሕና ኢና ብኣላህ እተፈተውናን እተደገፍናን ኢልኩም ትጀሃሩ እንተኪንኩም እስከ ነታ ሞት ተተምነዩዋ ሓቀኛታት እንተደኣ ኪንኩም" በሎም። (ማለት እቲ ኣላህ ይፈትወኒ እዩ ዝብል ካብ ሞት ኣይፈርህን እዩ: ምኽንያቱ እቲ ዝበለጸ ናብራ ድሕሪ ሞት ምስ ኣላህ ክረኽቦ ስለ ዝኾነ)።

وَلَا يَتَمَنَّوْنَهُۥٓ أَبَدًۢا بِمَا قَدَّمَتْ أَيْدِيهِمْ ۗ وَٱللَّهُ عَلِيمٌۢ بِٱلظَّٰلِمِينَ ﴿٧﴾

7-ፈጺሞም እታ ሞት ክኣ ኣይምነዩዋን እዮም: ምኽንያቱ ኢዶም ክሕደትን እኪይ ግብርን ስለ ዘሕለፈት ኣላህ'ውን ኑቶም ብክሕደትን ብዘይምምእዛዝን ኑፍሶም ዝወጽዉ ኣዝዩ ይፈልጦም እዩ።

15 ናብ ኑበይና ሙሳ(ሙሴ) ዝወረደ መጽሓፍ።

قُلۡ إِنَّ ٱلۡمَوۡتَ ٱلَّذِي تَفِرُّونَ مِنۡهُ فَإِنَّهُۥ مُلَٰقِيكُمۡۖ ثُمَّ تُرَدُّونَ إِلَىٰ عَٰلِمِ ٱلۡغَيۡبِ وَٱلشَّهَٰدَةِ فَيُنَبِّئُكُم بِمَا كُنتُمۡ تَعۡمَلُونَ ٨

8-አ ሙሓመድ "ብርግጽ እቲ ካብኡ እትሃድሙ ዘለኹም ሞት ብሓቂ ክንነፈኩም እዩ: ብድሕሪኡ'ውን ናብቲ ፈላጥ ስውርን ርኡይን ትምለሱ፣ ሽዑ ድማ ነቲ እትገብርዎ ዝነበርኩም ኣላህ ክነግረኩም እዩ" በሎም።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓاْ إِذَا نُودِيَ لِلصَّلَوٰةِ مِن يَوۡمِ ٱلۡجُمُعَةِ فَٱسۡعَوۡاْ إِلَىٰ ذِكۡرِ ٱللَّهِ وَذَرُواْ ٱلۡبَيۡعَۚ ذَٰلِكُمۡ خَيۡرٞ لَّكُمۡ إِن كُنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ٩

9-አ ኣንቱም ኣመንቲ "ኣብ መዓልቲ ጅምዓት ንሰላቱ'ልጁ-ሙዓ እንተተጸዊዑ (እንተተኣዚኑ) ናብ ዚክሪ ኣላህ (ኹጥባ ንምስማዕ፣ ንምስጋድ) ተቐላጠፉ፣ መሸጣ'ውን ግደፉ: እዚ እዩ ንዓኹም ካብ ንግድን ሸቐጥን ዝበለጸ ትፈልጡ እንተደኣ ኪንኩም"።

فَإِذَا قُضِيَتِ ٱلصَّلَوٰةُ فَٱنتَشِرُواْ فِي ٱلۡأَرۡضِ وَٱبۡتَغُواْ مِن فَضۡلِ ٱللَّهِ وَٱذۡكُرُواْ ٱللَّهَ كَثِيرٗا لَّعَلَّكُمۡ تُفۡلِحُونَ ١٠

10-እታ ሰላተ'ልጁ-ሙዓ ምስ ተወደኣት ድማ ኣብዛ ምድሪ ፋሕ ኢልኩም ብንግዲ ይኹን ብኻልእ ሞያ ሽኻይ ኣላህ ሕተቱ: ኣብ ኣዱንያን ኣብ ምጽኣትን (ኣኼራን) ንኽትዕወቱ'ውን ንኣላህ ብብዝሒ ዘኽርዎ: (ማለት ካብ ሰላት ወጺእና ኢልኩም ኣብቲ ናይ ዓለማዊ ናብራ ብሸቐጥ ይኹን ብኻልእ ሞያ ክትንቀሳቐሱ እንከልኹም እውን ዚክሪ ኣይትረስዑ)::

وَإِذَا رَأَوۡاْ تِجَٰرَةً أَوۡ لَهۡوًا ٱنفَضُّوٓاْ إِلَيۡهَا وَتَرَكُوكَ قَآئِمٗاۚ قُلۡ مَا عِندَ ٱللَّهِ خَيۡرٞ مِّنَ ٱللَّهۡوِ وَمِنَ ٱلتِّجَٰرَةِۚ وَٱللَّهُ خَيۡرُ ٱلرَّٰزِقِينَ ١١

11-አ ሙሓመድ እዞም ምሳኻ ዘለዉ ንግድን ጸወታን ምስ ረኣይ: መደረ ጅምዓት (ኹጥበ'ቱልጁ-ሙዓ) እናሃብካ ብጠጠውካ ገዲፎምኻ ናብቲ ንግድን ጸውትን ክዱ: አ ሙሓመድ: "እቲ ምስ ኣላህ ዘሎ ረብሓ ካብ ንግድን ጸወታን ይበልጽ: ኣላህ'ውን እቲ ብሉጽ በዓል ጸጋ እዩ" በሎም[16]።

16 ሓደ ግዜ ኑብይና ሙሓመድ ﷺ እናኸጠበ እንከሉ ድምጺ እተን ንግዲ ጽዒነን ዝመጻ ኣግማል ንመዲና ክኣትዋ ምስ ሰምዑ መብዛሕቶም ንኑብይና ሙሓመድ ﷺ ገዲፎም ናብዚ ንግዲ ስለ እተጓየዩ እዚ ተግባር'ዚ ጌጋ ምኻኑ እዛ ኣያ ትሕብር።

سورة المنافقون

ሱረቱል'ሙናፊቁን (እቶም ሙናፍቓት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

إِذَا جَآءَكَ ٱلْمُنَٰفِقُونَ قَالُوا۟ نَشْهَدُ إِنَّكَ لَرَسُولُ ٱللَّهِ ۘ وَٱللَّهُ يَعْلَمُ إِنَّكَ لَرَسُولُهُۥ ۗ وَٱللَّهُ يَشْهَدُ إِنَّ ٱلْمُنَٰفِقِينَ لَكَٰذِبُونَ ﴿١﴾

1-ኦ ሙሓመድ: እቶም ሙናፊቑን[17] ናባኻ ክመጹ እንከለዉ "ንሕና ብርግጽ ልኡኽ ኣላህ ምኻንካ ንምስክር ኢና" ይብሉ: ኣላህ'ውን ንስኻ ብርግጽ ናቱ ልኡኽ ምኻንካ ይፈልጥ እዩ: ኣላህ'ውን ብርግጽ እዞም ሙናፊቑን ሓሰውንቲ ምኻኖም ይምስክር።

ٱتَّخَذُوٓا۟ أَيْمَٰنَهُمْ جُنَّةً فَصَدُّوا۟ عَن سَبِيلِ ٱللَّهِ ۚ إِنَّهُمْ سَآءَ مَا كَانُوا۟ يَعْمَلُونَ ﴿٢﴾

2-እዞም ሙናፊቑን ካባኹም መቕጻዕቲ ንኽይወርዶም ፈረሆም ንማሕላኦም ከም መስተርን መከላኽልን ተጠቒሞም ኑዮም ንእስልምና ክኣትዉ ዝደልዩ ሰባት ዕንቅፋት ኮይኖም መገዲ ኣላህ ዓጸዉ: ብርግጽ እዚ ዝገብርዎ ዘለዉ እኪይ ተግባር እዩ።

ذَٰلِكَ بِأَنَّهُمْ ءَامَنُوا۟ ثُمَّ كَفَرُوا۟ فَطُبِعَ عَلَىٰ قُلُوبِهِمْ فَهُمْ لَا يَفْقَهُونَ ﴿٣﴾

3-ምኽንያቱ መጀመርታ ብመልሓሶም ኣሚኖም ብድሕሪኡ ብልቦም ስለ ዝኽሓዱ ኣብ ልቦም ናይ ክሕደት ማሕተም ተሓቲሙ: ስለዚ ንሶም ኣይርድኡን እዮም።

وَإِذَا رَأَيْتَهُمْ تُعْجِبُكَ أَجْسَامُهُمْ ۖ وَإِن يَقُولُوا۟ تَسْمَعْ لِقَوْلِهِمْ ۖ كَأَنَّهُمْ خُشُبٌ مُّسَنَّدَةٌ ۖ يَحْسَبُونَ كُلَّ صَيْحَةٍ عَلَيْهِمْ ۚ هُمُ

4-ኦ ሙሓመድ: እዞም ሙናፊቑን ክትሪኦም እንከለኻ ሰውነቶምን መልክየምን የደንቕካ፣ ክእለት ዘረባ ስለዘለዎም ድማ ክዛረቡ እንከለዉ ዘረበኦም ሓቂ ስለ ዝመስል ንቓሉም ትሰምየ፣ እዞም ሙናፊቑን ልክዕ ከም

---

17 ሙናፊቕ እቲ ብኣፉ ኣስላማይ እየ እናበለ ብልቡ ዝኽሕድ እዩ: (ምስሉይ መናፍቕ) (ረሲእነት نفاق)

ٱلْعَدُوُّ فَٱحْذَرْهُمْ ۚ قَـٰتَلَهُمُ ٱللَّهُ ۖ أَنَّىٰ يُؤْفَكُونَ ﴿٤﴾

ኣብ መንደቕ እተጸገዐ ኣዕጻው እዮም: (ማለት እዚ ኹሉ ካባኻ እናተማህሩን እናሰምዑን እንከለዉ ከም ንቑጽ ዕንጸይቲ ምንም ኣይጥቀሙን እዮም) ኣዝዮም ፈራሃት ብምኻኖም ኩሉ ዝሰምዕዎ ድምጺ ኣንጻሮም እተላዕለ ይመስሎም: ንሶም እዮም እቶም ቀንዲ ጸላእቲ: ስለዚ ካብኣም ተጠንቀቕ: ኣላህ የዋርዶም (ይልዓኖም) ከመይ ኢሎም እዮም ዝዒ ሓቂ እናረኣዩ ናብ ክሕደት ዝጥወዩን ዝእለዩን።

وَإِذَا قِيلَ لَهُمْ تَعَالَوْا۟ يَسْتَغْفِرْ لَكُمْ رَسُولُ ٱللَّهِ لَوَّوْا۟ رُءُوسَهُمْ وَرَأَيْتَهُمْ يَصُدُّونَ وَهُم مُّسْتَكْبِرُونَ ﴿٥﴾

5-እዞም ሙናፈቒን ንዑ ናብ ልኡኽ ኣላህ (ሙሓመድ ﷺ) ምእንቲ ካብ ኣላህ ምሕረት ክሓተልኩም እንተተባህሉ'ውን እናተላገጹ ክሳዶም ይጠዋውዩ: እናተዓበየ'ውን ዝዒ ጻውዒት'ዚ ክነጽጉ ትሪኦም።

سَوَآءٌ عَلَيْهِمْ أَسْتَغْفَرْتَ لَهُمْ أَمْ لَمْ تَسْتَغْفِرْ لَهُمْ لَن يَغْفِرَ ٱللَّهُ لَهُمْ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ لَا يَهْدِى ٱلْقَوْمَ ٱلْفَـٰسِقِينَ ﴿٦﴾

6-ኦ ሙሓመድ: ዝኦም ሙናፈቒን ካብ ኣላህ ምሕረት ሕተተሉም ኣይትሕተተሉም ኩሉ ሓዲኦም እዩ: ኣላህ ኣይክምሕሮምን እዩ: ብርግጽ ኣላህ ኑቶም ካብ መገዲ ሓቂ ዝወጹ ህዝቢ ንመገዲ ቅንዕና ኣይሕብሮምን እዩ።

هُمُ ٱلَّذِينَ يَقُولُونَ لَا تُنفِقُوا۟ عَلَىٰ مَنْ عِندَ رَسُولِ ٱللَّهِ حَتَّىٰ يَنفَضُّوا۟ ۗ وَلِلَّهِ خَزَآئِنُ ٱلسَّمَـٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَلَـٰكِنَّ ٱلْمُنَـٰفِقِينَ لَا يَفْقَهُونَ ﴿٧﴾

7-ንሶም(እቶም ሙናፈቒን) እዮም "ኑቶም ምስ ልኡኽ ኣላህ ዘለዉ ሰዓብቲ እስልምና ምእንቲ ካብ ሙሓመድ ﷺ ክብተኑ ገንዘብ ኣይትሃብዎም" ዝብሉ: ኣላህ ከኣ ወናኒ ሃብቲ ሰማያትን ምድርን እዩ: ግን እቶም ሙናፈቒን ኣይርድኡን እዮም።

يَقُولُونَ لَئِن رَّجَعْنَآ إِلَى ٱلْمَدِينَةِ لَيُخْرِجَنَّ

8-"ንመዲና እንተደኣ ተመሊስና እቲ ዝዓዘዘ ኑቲ ዝሓሰረ ውርደተኛ ካብ መዲና ከውጽኦ እዩ" ይብሉ[18] ግን እቲ ምዕዛዝ

18 ሓደ ግዜ መራሒ ሙናፈቒን ዓብዱላሂ ወዲ ኡበይ ወዲ ሰሉል ምስ ኑበይና

ንኣላህን ንልኡኹን ኑቶም ኣመንትን ጥራይ እዩ: እቶም ሙናፈቒን ግን ኣይፈልጡን እዮም።

ٱلْأَعَزُّ مِنْهَا ٱلْأَذَلَّ ۚ وَلِلَّهِ ٱلْعِزَّةُ وَلِرَسُولِهِۦ وَلِلْمُؤْمِنِينَ وَلَٰكِنَّ ٱلْمُنَٰفِقِينَ لَا يَعْلَمُونَ ﴿٨﴾

9-ኦ ኣንቱም ኣመንቲ: ማላትኩምን ውላድኩምን ካብ ንኣላህ ምዝካር (ሰላት ምስጋድ ቁርኣን ምቕራእ....) ኣየዘንግ ዕኩም: እዞም ከምዚ ዝገብሩ (ማለት ብገንዘቦምን ውላዶምን ተዓሺዮም ትእዛዛት ኣላህ ዝርስዑ) እቶም ብሓቂ ክሳረኛታት ጥራይ እዮም።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ لَا تُلْهِكُمْ أَمْوَٰلُكُمْ وَلَآ أَوْلَٰدُكُمْ عَن ذِكْرِ ٱللَّهِ ۚ وَمَن يَفْعَلْ ذَٰلِكَ فَأُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلْخَٰسِرُونَ ﴿٩﴾

10-ናብ ሓዴኹም (ናባኹም) ሞት ቅድሚ ምምጻእ እውን ካብቲ ዝሃብናኩም ሽላይ ምጽዋት(ዘካት) ኣውጽኡ: ሽዑ ከየውጽኡ እንከሎ ምልክት ሞት ምስ ረኣየ "ኦ ጎይታይ ንሓጺር ዕድሜ እንዶ ዕድል ሃበኒ ምጽዋት ወይ ህያብ (ሰደቓ) ንኽህብ፣ ካብቶም ብጹኣት እውን ንክኸውን" ይብል። (ገለ ዑለማእ ን"ኣሳሊሒን" ሓጅ ዝፈጸሙ" ኢሎም ተርጕሞማ)።

وَأَنفِقُوا۟ مِن مَّا رَزَقْنَٰكُم مِّن قَبْلِ أَن يَأْتِىَ أَحَدَكُمُ ٱلْمَوْتُ فَيَقُولَ رَبِّ لَوْلَآ أَخَّرْتَنِىٓ إِلَىٰٓ أَجَلٍ قَرِيبٍ فَأَصَّدَّقَ وَأَكُن مِّنَ ٱلصَّٰلِحِينَ ﴿١٠﴾

11-ኣላህ'ውን ዝኾነት ነፍሲ እንተደኣ ዕምራ ኣኺሉ ካብታ መዓልታ ኣየደንጉያን እዩ: ኣላህ'ውን ነቲ ኩሉ እትገብርዎ ኣጥቢቑ ይፈልጥ እዩ።

وَلَن يُؤَخِّرَ ٱللَّهُ نَفْسًا إِذَا جَآءَ أَجَلُهَا ۚ وَٱللَّهُ خَبِيرٌۢ بِمَا تَعْمَلُونَ ﴿١١﴾

ሙሓመድን ﷺ ሰዓብቱን ካብ መሻ እናተመልሱ እንከለዉ ኣብ መንነ እቶም ካብ መካ ዝመጹ ሙሃጂሪንን ኣብ መዲና ዝቕመጡ ኣንሳርን ገለ ምስሕሓብ ምስ ተረኽበ እዚ ሙናፈቕ'ዚ ነዚ ምስሕሓብ ክብርዕ "ንመዲና ምስ ተመለስና እቲ ዝዓዘዘ ነቲ ዝሓሰረ ውርደተኛ ካብ መዲና ከውጽኦ እዩ" በለ: (እነን ሰዓብተይን ንሙሓመድን ሰዓብቱን ካብ መዲና ክንሰኣም ኢና ማለቱ እዩ) ስለዚ እዛ ኣያ ነዚ ሙናፈቕ እተጋልጸ እያ።

سورة التغابن
ሱረቱ'ተጋቡን (እቲ ምብልላጽ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

يُسَبِّحُ لِلَّهِ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِي ٱلْأَرْضِ لَهُ ٱلْمُلْكُ وَلَهُ ٱلْحَمْدُ ۖ وَهُوَ عَلَىٰ كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ ﴿١﴾

1-ኩሉ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሉ ፍጡር ንኣላህ ይስብሕ: ኣላህ በዓል ምሉእ ንግስነት፣ ኩሉ ናእኖን ምስጋናን ዝግበኦ እዩ: ንሱ'ውን ኩሉ ነገራት ክገብር ኣዝዩ ክኢላ እዩ።

هُوَ ٱلَّذِي خَلَقَكُمْ فَمِنكُمْ كَافِرٌ وَمِنكُم مُّؤْمِنٌ ۚ وَٱللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ بَصِيرٌ ﴿٢﴾

2-ንሱ(ኣላህ) እዩ እቲ ዝፈጠረኩም ሽዑ (ምስ ፈጠረኩም) ገለ ካባኹም ከሓዲ ገለ ካባኹም ድማ ሙእሚን ኮይኑ: ኣላህ'ውን ኩቲ ኩሉ እትገብርዎ ነገራት ኣዝዩ ረኣዪ እዩ።

خَلَقَ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضَ بِٱلْحَقِّ وَصَوَّرَكُمْ فَأَحْسَنَ صُوَرَكُمْ ۖ وَإِلَيْهِ ٱلْمَصِيرُ ﴿٣﴾

3-ኣላህ ንሰማያትን ምድርን ብሓቂ ፈጠረን: ንዓኹም'ውን ብብሉጽ ቅርጺ ስኢሉ ቀረጸኩም: እቲ ናይ መወዳእታ መዓልቦ'ውን ናብኡ እዩ።

يَعْلَمُ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَيَعْلَمُ مَا تُسِرُّونَ وَمَا تُعْلِنُونَ ۚ وَٱللَّهُ عَلِيمٌۢ بِذَاتِ ٱلصُّدُورِ ﴿٤﴾

4-ኣላህ ኩሉ ኣብ ሰማያትን ምድርን ዘሉ ይፈልጥ፣ ኩቲ እትሓብእዎን እተግህድዎን'ውን ይፈልጥ: ብርግጽ ንሱ(ኣላህ) ኩቲ ኣብ ውሽጢ ልብኹም ዘሉ ኣዝዩ ፈሊጣ እዩ።

أَلَمْ يَأْتِكُمْ نَبَؤُا۟ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ مِن قَبْلُ فَذَاقُوا۟ وَبَالَ أَمْرِهِمْ وَلَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ ﴿٥﴾

5-ኣንቱም ኩሓድቲ ወረ'ቶም ቀደም ዝኸሓዱ እሞኽኣ ብሰንኪ ክሕደቶም ኣብ ኣዱንያ መቕጻዕቲ ግብሮም ዝቐመሱ ኣይመጻኩምን ድዩ? (ማለት ናይ'ቶም ቅድሜኹም ዝነበሩ ኩሓድትን ዝወርዶም መቕጻዕትን ብርግጽ ወረኡ መጺኡኩም እዩ) ኣቑንዛዊ ስቓይ'ውን ኣብ ምጽኣት (ኣኼራ) ኣለዎም።

ذَٰلِكَ بِأَنَّهُۥ كَانَت تَّأۡتِيهِمۡ رُسُلُهُم بِٱلۡبَيِّنَٰتِ فَقَالُوٓاْ أَبَشَرٞ يَهۡدُونَنَا فَكَفَرُواْ وَتَوَلَّواْ وَّٱسۡتَغۡنَى ٱللَّهُۚ وَٱللَّهُ غَنِيٌّ حَمِيدٞ ۝٦

6-ናይ'ዚ መቕጻዕቲ ምኽንያት ድማ እቶም ናብአም እተላእኹ ልኡኻት ኣላህ ብመርትዖታት ምስ መጽኡዎም "ደቂ ሰብዶ ንዓና ናብ መገዲ ቅንዕና ክመርሑና እዮም" ኢሎም ስለ ዝኸሓዱን ካብ ሓቂ ስለ ዝረሓቑን እዩ: ኣላህ'ውን ካብአም ረብሓ ስለ ዘይጽበ እምኑቶም ኣየድልዮን እዩ: ኣላህ'ውን ካብ ካልእ ዘይደሊ ፍጹም ሃብታም ኣዝዩ ምስጉን እዩ።

زَعَمَ ٱلَّذِينَ كَفَرُوٓاْ أَن لَّن يُبۡعَثُواْۚ قُلۡ بَلَىٰ وَرَبِّي لَتُبۡعَثُنَّ ثُمَّ لَتُنَبَّؤُنَّ بِمَا عَمِلۡتُمۡۚ وَذَٰلِكَ عَلَى ٱللَّهِ يَسِيرٞ ۝٧

7-እቶም ዝኸሓዱ "ካብ ሞት ኣይ ንትንስእን ኢና"በሉ: ኦ ሙሓመድ ﷺ "ብጎይታይ እባ እምሕል ካብ ሞት ክም እትትንስኡ፣ ብድሕሪኡ'ውን እቲ ኩሉ ኣብ ኣዱንያ እትገብርዎ ዝነበርኩም ክምእትንገሩ: እዚ'ውን ኣላህ ንኽገብሮ ቀሊል ነገር እዩ" በሎም።

فَـَٔامِنُواْ بِٱللَّهِ وَرَسُولِهِۦ وَٱلنُّورِ ٱلَّذِيٓ أَنزَلۡنَاۚ وَٱللَّهُ بِمَا تَعۡمَلُونَ خَبِيرٞ ۝٨

8-ስለዚ ብኣላህን ብልኡኹ ሙሓመድን ﷺ በቲ ዘውረድናዮ ብርሃንን(ብቁርኣን) እመኑ: ኣላህ'ውን ነቲ ኩሉ እትገብርዎ ኣጥቢቑ ይፈልጥ።

يَوۡمَ يَجۡمَعُكُمۡ لِيَوۡمِ ٱلۡجَمۡعِۖ ذَٰلِكَ يَوۡمُ ٱلتَّغَابُنِۗ وَمَن يُؤۡمِنۢ بِٱللَّهِ وَيَعۡمَلۡ صَٰلِحٗا يُكَفِّرۡ عَنۡهُ سَيِّـَٔاتِهِۦ وَيُدۡخِلۡهُ جَنَّٰتٖ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدٗاۚ ذَٰلِكَ ٱلۡفَوۡزُ ٱلۡعَظِيمُ ۝٩

9-ነታ መዓልቲ ምእካብ(መዓልቲ ምጽኣት) ኣላህ ንዓኹም ዝእክበላ መዓልቲ ዘክሩ እቲ መዓልቲ'ቲ እዩ መዓልቲ ምብልላጽ (ማለት ሙእሚን ሰናይ ብምርካቡ ንካሕዳን ዝብለጸሉ መዓልቲ እዩ)። እቲ ብኣላህ ዝኣምንን ሰናይ ዝገብርን ኣላህ ኩሉ ዘንብታቱ (ሓጥያታቱ) ይሓጽበሉን ኣብ መዋእሉ ዘልኣለማዊ ናብራ ዝረኽበለን ብትሕቲኣን ፈለጋት ዝውሕዝ ጀናታት የእትው: እዚ ዘንቢ ምሕጻብን ጀና ምእታውን እውን ኣዝዩ ዓቢ

ዓወት እዩ።

10-እቶም ዝኸሓዱን መርትየታትና ዝነጸጉን ግን እቲኣቶም መዋእሉም ኣብ ጀሃነም ዝኸበሩ ሰብ እሳት እዮም: እቲ ዝበኣሰ መዓልቦ እውን እዚ እዩ።

11-ዝኾነ ይኹን መዓት ይረኽብ ደኣምበር ብዘይ ፍቓድ ኣላህ ኣይከውንን እዩ: እቲ ብኣላህ ዝኣምን'ውን ነታ ልቡ ኣላህ ንመገዲ ቅንዕና ክመርሓ እዩ: ኣላህ ንኹሉ ነገራት ኣዘዩ ፈሊጣ እዩ።

12-ንኣላህ ተማእዘዙ ኑቲ ልኡኽ (ንሙሓመድ ﷺ) እውን ተማእዘዙ: ግን እንተደኣ ትእዛዝ ነጺግኩም ንድሕሪት ተመሊስኩም እቲ ልኡኽና ሙሓመድ ﷺ ብሩህ መግለጺ ክህበኩም ጥራይ እዩ ዝግበኦ። (ማለት ምምእዛዝ እንተኣቢኹም እቲ ጉድኣት ንዓኹም ስለ ዝኾነ ኑብይ ሙሓመድ ﷺ ካብ ኑቲ እተዋህቦ መልእኽቲ ምግላጽ ሓሊፉ ካልእ ዝጉበሮ ነገር የሎን)።

13-ኣላህ እቲ ብዘይካኡ ካልእ ብሓቂ ኣምልኾት ዝግበኦ ጎ ይታ ዘየለ እዩ: ስለዚ እቶም ኣመንቲ (ሙእሚኒን) ናብ ኣላህ ተኣማሚኒኖም ይጸግዑ: (ይወክሉ)።

14-ኦ ኣንቱም ኣመንቲ ብርግጽ ገለ ካብ ኣንስትኹምን ውላድኩምን ጸላእትኹም ስለ ዝኾኑ ካብኦም ተጠንቀቑ (ማለት ንዐኦም ንምሕንስ ኢልኩም ኣብ ሓራም ስለ እትወድቁን ትእዛዛት ኣላህ'ውን ሸለል ስለ እትብሉን እዞም ሰባት እዚኦም ልክዕ ከም ጸላኢ ኣብ ድንጉት እዮም

وَٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ وَكَذَّبُوا۟ بِـَٔايَـٰتِنَآ أُو۟لَـٰٓئِكَ أَصْحَـٰبُ ٱلنَّارِ ۖ خَـٰلِدِينَ فِيهَا ۖ وَبِئْسَ ٱلْمَصِيرُ ﴿١٠﴾

مَآ أَصَابَ مِن مُّصِيبَةٍ إِلَّا بِإِذْنِ ٱللَّهِ ۗ وَمَن يُؤْمِنۢ بِٱللَّهِ يَهْدِ قَلْبَهُۥ ۚ وَٱللَّهُ بِكُلِّ شَىْءٍ عَلِيمٌ ﴿١١﴾

وَأَطِيعُوا۟ ٱللَّهَ وَأَطِيعُوا۟ ٱلرَّسُولَ ۖ فَإِن تَوَلَّيْتُمْ فَإِنَّمَا عَلَىٰ رَسُولِنَا ٱلْبَلَـٰغُ ٱلْمُبِينُ ﴿١٢﴾

ٱللَّهُ لَآ إِلَـٰهَ إِلَّا هُوَ ۚ وَعَلَى ٱللَّهِ فَلْيَتَوَكَّلِ ٱلْمُؤْمِنُونَ ﴿١٣﴾

يَـٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓا۟ إِنَّ مِنْ أَزْوَٰجِكُمْ وَأَوْلَـٰدِكُمْ عَدُوًّا لَّكُمْ فَٱحْذَرُوهُمْ ۚ وَإِن تَعْفُوا۟ وَتَصْفَحُوا۟ وَتَغْفِرُوا۟ فَإِنَّ ٱللَّهَ غَفُورٌ رَّحِيمٌ ﴿١٤﴾

ዘውድቑኹም) ግን ኑዶም ዝበደሉ ካብኣም እንተኑሓፍኩሉምን እንተሓደግኩምሉምን እንተ መሓርኩምዎምን ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ መሓሪ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ።

15-ማላትኩምን ውላድኩምን ፈተነ ጥራይ እዮም: ምስ ኣላህ ድማ ኣዝዩ ዓቢ ዓስቢ (ጀና) ኣሎ።

إِنَّمَآ أَمۡوَٰلُكُمۡ وَأَوۡلَٰدُكُمۡ فِتۡنَةٞۚ وَٱللَّهُ عِندَهُۥٓ أَجۡرٌ عَظِيمٞ ١٥

16-ስለዚ ብዝኽኣለኩም መጠን ንኣላህ ብምምእዛዝኩም ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ ቁጣዐ ኣላህን መከላኽሊ ግበሩ: ንኣላህን ንልኡኹን ስምዑን ተማእዘዙን፣ ኑብስኹም'ውን ብልጸት ንኽትረክብ ካብ ማልኩም ንግብረ-ሰናይ ኣውጽኡ: እቶም ካብ ብቂ ኑብሶም ዝደሓኑን ናጻ ዝኾኑን ሰብ ንሶም እዮም ዕዉታት።

فَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ مَا ٱسۡتَطَعۡتُمۡ وَٱسۡمَعُواْ وَأَطِيعُواْ وَأَنفِقُواْ خَيۡرٗا لِّأَنفُسِكُمۡۗ وَمَن يُوقَ شُحَّ نَفۡسِهِۦ فَأُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡمُفۡلِحُونَ ١٦

17-እንተደኣ ንኣላህ ሰናይ ልቓሕ ኣለቂሕኩምዎ (ማለት እንተደኣ ብሓላል ዝኽሰብክምዎ ጥንዙብ ምእንቲ ኣላህ ኢልኩም ኣብ ሰናይ ግብሪ ኣጥፈእኩምዎ) ኣላህ ዓስቢ'ዚ ዘውጻእኩምዎ ክደራርበልኩምን ዘንብኽኩም ክምሕረኩምን እዩ: ኣላህ እምብዛ ኩሓሲ ኣዝዩ ትዕግስተኛ እዩ: (ማለት ኣላህ ኑዶም ሰናይ ዝገብሩ ደራሪቡ ይኽሕሶም፣ ኑዶም እኪይ ዝገብሩ ድማ ተሃዊኹ ኣይቀጽየምን እዩ)።

إِن تُقۡرِضُواْ ٱللَّهَ قَرۡضًا حَسَنٗا يُضَٰعِفۡهُ لَكُمۡ وَيَغۡفِرۡ لَكُمۡۚ وَٱللَّهُ شَكُورٌ حَلِيمٌ ١٧

18-ኣላህ እቲ ፈላጥ ኩሉ ስዉርን ርኡይን እቲ ፍጹም ዕዙዝ እቲ ፍጹም ጥበብኛ እዩ።

عَٰلِمُ ٱلۡغَيۡبِ وَٱلشَّهَٰدَةِ ٱلۡعَزِيزُ ٱلۡحَكِيمُ ١٨

سورة الطلاق
ሱረቱ'ጠላ'ቅ (እቲ ፍትሕ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّبِيُّ إِذَا طَلَّقْتُمُ ٱلنِّسَآءَ فَطَلِّقُوهُنَّ لِعِدَّتِهِنَّ وَأَحْصُوا۟ ٱلْعِدَّةَ ۖ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ رَبَّكُمْ ۖ لَا تُخْرِجُوهُنَّ مِنۢ بُيُوتِهِنَّ وَلَا يَخْرُجْنَ إِلَّآ أَن يَأْتِينَ بِفَٰحِشَةٍ مُّبَيِّنَةٍ ۚ وَتِلْكَ حُدُودُ ٱللَّهِ ۚ وَمَن يَتَعَدَّ حُدُودَ ٱللَّهِ فَقَدْ ظَلَمَ نَفْسَهُۥ ۚ لَا تَدْرِى لَعَلَّ ٱللَّهَ يُحْدِثُ بَعْدَ ذَٰلِكَ أَمْرًا ﴿١﴾

1-ኦ ኣንታ ነብይ ሙሓመድ ﷺ እንተደኣ ነንስቲ ፈቲሕኩምወን ኣብቲ ካብ ጽግያተን ዝነጽሃሉ መዓልታት ስጋዊ ርክብ ከይፈጸምኩም ፍትሕወን: እቲ ዒዳ'ውን ቁጸርዎ (ማለት ካብቲ ፍትሕ ዝወደቐሉ ዕለት ክሳዕ እቲ ሰለስተ ጽግያት ዝሓልፍ ተገዲስኩም ቁጸሩ) ንኣይታኹም ኣላህ ፍርሁ: ነዞን ኣብ ዒዳ ዘለዋ ፍቱሓት ካብቲ እተፈትሓሉ ቤተን ኣይተውጽኡወን: ክወጻ እውን ኣይፍቀድን እዩ ብዘይካተን ግሉጽ ጽያፍ[19] (ዝሙት) ዝፍጽማ: እዚ'ውን ኣላህ ዝወሰኖ ገደባት እዩ: ስለዚ ነዚ ገደባት ኣላህ ዝሰግር ሰብ ብርግጽ ንነብሱ ዓመጸ: ኦ ኣታ በዓልቲ ቤትካ ዝፈታሕካ ብድሕሪ'ዚ ፍትሕ'ዚ ምናልባሽ ኣላህ ገለ ሓድሽ ነገር የምጽእ ይኸውን። (ማለት ምናልባሽ ተጣዒስካ ሰበይትኻ ትመልስ ትኸውን እንተደኣ ቀዳመይትን ካልኣይትን ፍትሕ ኮይነን)።

فَإِذَا بَلَغْنَ أَجَلَهُنَّ فَأَمْسِكُوهُنَّ بِمَعْرُوفٍ أَوْ فَارِقُوهُنَّ بِمَعْرُوفٍ وَأَشْهِدُوا۟ ذَوَىْ عَدْلٍ مِّنكُمْ وَأَقِيمُوا۟ ٱلشَّهَٰدَةَ لِلَّهِ ۚ

2-እንተደኣ ዕለት ዒዳኤን ክውድኣ ቀሪበን ከይወደኣ እንከለዋ ናባኹም መሊስኩም ብንቡር ሓዝወን ወይ ከኣ ብንቡር ተፈላለዩወን: (ማለት መሰለን ኣማሊእኩም ኣፋኑውወን) ካባኻትኩም (ኣስላም) ክልተ ብቑዓት መሰኻኽር'ውን

---

19 ገለ ዑለማእ ነዞ ፋሒሻ(ጸይፊ) ንኹሉ እከይ ተግባራት ከም ስርቂ፣ ንጹተሰብ ሰብኣያ ምጽራፍ...ወዘተ እተግልእ እያ ይብሉ።

ዝመስክሩ: ንኣላህ ኢልኩም'ውን እታ ምስክርነት ኣቁሙዋ (ኣጽንዕዋ): እዚ ነገራት እዚ'ውን ነቲ ብኣላህን በታ መዓልቲ ምጽኣትን ዝኣምን ዝውሃብ ማዕዳ እዩ: እቲ ንኣላህ ብምምእዛዝ ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ቁጣዐ ኣላህን መኪላኽሊ ዝገብር ኣላህ መውጽኢ ይገብረሉ።

ذَٰلِكُمْ يُوعَظُ بِهِۦ مَن كَانَ يُؤْمِنُ بِٱللَّهِ وَٱلْيَوْمِ ٱلْءَاخِرِ ۚ وَمَن يَتَّقِ ٱللَّهَ يَجْعَل لَّهُۥ مَخْرَجًا ۝٢

3-ካብ ዘይሓሰቦ እውን ሽዓይ ይህቦ: እቲ ተኣማሚኑ ናብ ኣላህ ዝጽጋዕ(ዝውከል) እውን ኣላህ'ዩ ዝኣኽሎ (ማለት ነቲ ጉዳይ ኣብ ክንድኡ ኣላህ ይሓልፎ) ብርግጽ ውሳነ ኣላህ እዩ ዝትግበርን ዝፍጸምን: ብርግጽ ኣላህ ንኹሉ ነገራት ቀይሱዎን ፈጽሚ ገይሩሉን እዩ።

وَيَرْزُقْهُ مِنْ حَيْثُ لَا يَحْتَسِبُ ۚ وَمَن يَتَوَكَّلْ عَلَى ٱللَّهِ فَهُوَ حَسْبُهُۥٓ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ بَٰلِغُ أَمْرِهِۦ ۚ قَدْ جَعَلَ ٱللَّهُ لِكُلِّ شَىْءٍ قَدْرًا ۝٣

4-እተን ብምኽንያት ዕብየት ጽግ ያተን ዘቋረጸን ከምኡውን እተን ኾ ጽግያት ዘይረኣያ ንኣሽቱ ኣንስትኹም እንተደኣ ኣቆጻጽራ ዒዳአን ዘይበረሃልኩም ኮይኑ ካብታ ዝተፈትሓላ መዓልቲ ሰለስተ ወርሒ ዒዳ ቁጸሩለን ኢኹም: እተን ኾፍሰጽር 'ውን ፈጽሚ ዕለት ዒደአን ኣብቲ ካብ ጥንሰን ዝኣገሉ ዕለት እዩ: እቲ ንኣላህ ብምምእዛዝ ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ቁጣዐ ኣላህን መኪላኽሊ ዝገብር'ውን ኣላህ ኩሉ ጉዳያቱ ኪቃልሉ እዩ።

وَٱلَّٰٓـِٔى يَئِسْنَ مِنَ ٱلْمَحِيضِ مِن نِّسَآئِكُمْ إِنِ ٱرْتَبْتُمْ فَعِدَّتُهُنَّ ثَلَٰثَةُ أَشْهُرٍ ۙ وَٱلَّٰٓـِٔى لَمْ يَحِضْنَ ۚ وَأُو۟لَٰتُ ٱلْأَحْمَالِ أَجَلُهُنَّ أَن يَضَعْنَ حَمْلَهُنَّ ۚ وَمَن يَتَّقِ ٱللَّهَ يَجْعَل لَّهُۥ مِنْ أَمْرِهِۦ يُسْرًا ۝٤

5-እቲ(እዚ) ድማ ኣላህ ናባኹም ዘውረዶ ትእዛዛቱ እዩ: እቲ ንኣላህ ብምምእዛዝ ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ቁጣዐ ኣላህን መኪላኽሊ ዝገበረ'ውን ኣላህ ዘንብታቱ ይድምስሰሉ (ይሽፍነሉ)፣ ዓስቡ እውን ኣዝዩ የግዝፈሉ።

ذَٰلِكَ أَمْرُ ٱللَّهِ أَنزَلَهُۥٓ إِلَيْكُمْ ۚ وَمَن يَتَّقِ ٱللَّهَ يُكَفِّرْ عَنْهُ سَيِّـَٔاتِهِۦ وَيُعْظِمْ لَهُۥٓ أَجْرًا ۝٥

أَسْكِنُوهُنَّ مِنْ حَيْثُ سَكَنتُم مِّن وُجْدِكُمْ وَلَا تُضَآرُّوهُنَّ لِتُضَيِّقُوا۟ عَلَيْهِنَّ ۚ وَإِن كُنَّ أُو۟لَٰتِ حَمْلٍ فَأَنفِقُوا۟ عَلَيْهِنَّ حَتَّىٰ يَضَعْنَ حَمْلَهُنَّ ۚ فَإِنْ أَرْضَعْنَ لَكُمْ فَـَٔاتُوهُنَّ أُجُورَهُنَّ ۖ وَأْتَمِرُوا۟ بَيْنَكُم بِمَعْرُوفٍ ۖ وَإِن تَعَاسَرْتُمْ فَسَتُرْضِعُ لَهُۥٓ أُخْرَىٰ ﴿٦﴾

6-ኑተን ኣብ እዋን ዕደት ዘለዋ ፍቱሓት ካብቲ ዝርካብኩም ኣብቲ ንስኹም እትነብርዎ መንበሪ ኣንብሩወን: መንበሪ ከተጻብቡለን ኢልኩም'ውን ኣይትጎዳድኡወን: ነፍሰጾር እንተኾይነን ድማ ክሳዕ ካብ ጥንሰን ዝዓገሳ ቀልቡወን[20]: ብድሕሪኡ እንተደኣ ደቅኹም ኣጥቢወናልኩም እውን ደሞዞን ክፈሉወን: ኣብ መንነኹም'ውን ንቡር ኣጣብብ ይስፈን: ብዛዕባ ምጥባው ህጻንኩም እንተዘይተ ሰምሚዕኩም ግን ካልእ ሰበይቲ ተጥቡዎ። (ማለት ኣደ-ቕልዓ እንተደኣ ምስ ኣቦ ቕልዓ ብሰንኪ ደሞዝ ይኹን ብካልእ ምኽንያት እንተዘይተሰማመዓት ኑቲ ቆልዓ ከተጥቡ ኣይትግደድን እያ: እንተደልዩ ካልእ ሰበይቲ ብጎንዞብ ይኹን ብናጻ ንኽተጥብወሉ ክምጽእ ይኽእል)።

لِيُنفِقْ ذُو سَعَةٍ مِّن سَعَتِهِۦ ۖ وَمَن قُدِرَ عَلَيْهِ رِزْقُهُۥ فَلْيُنفِقْ مِمَّآ ءَاتَىٰهُ ٱللَّهُ ۚ لَا يُكَلِّفُ ٱللَّهُ نَفْسًا إِلَّا مَآ ءَاتَىٰهَا ۚ سَيَجْعَلُ ٱللَّهُ بَعْدَ عُسْرٍ يُسْرًا ﴿٧﴾

7-እቲ ሃብታም ከም ምህብታሙ ይቐልብ: እቲ እቶቱ ጸቢብ (ውሑድ) ዝኾነ ድማ ካብቲ ኣላህ ዝሃቦ ይቐልብ: ኣላህ ንዝኾነት ነፍሲ ካብቲ ዝሃባ ዝያዳ ከተውጽእ ኣይሓታን እዩ: ኣላህ ብድሕሪ ጽቡት ራህዋ ከምጽእ እዩ።

وَكَأَيِّن مِّن قَرْيَةٍ عَتَتْ عَنْ أَمْرِ رَبِّهَا وَرُسُلِهِۦ فَحَاسَبْنَٰهَا حِسَابًا شَدِيدًا وَعَذَّبْنَٰهَا عَذَابًا نُّكْرًا ﴿٨﴾

8-ብዙሓት ሰባት ኣብ ፈቐዶ ዓዲ ዝቕመጡ ዝነበሩ ንትእዛዝት ሳይታኣምን ንትእዛዝት ልኡኻን ስለ ዝገሃሱ ብርቱዕ ሕሳብ ተሓሳሲብናዮም ብሕሱም ስቓይ'ውን ኣሳቒናዮም። (ማለት ካብቲ ኣብ ኣዱንያ ዝገበርዎ ጌጋታት ምንም ኣይመሓር ናዮምን ኣብ ምጽኣት (ኣኼራ) ድማ ብእሳተ-ጀሃነም ኣዝዩ ሕሱም ስቓይ ኣሳቒናዮም)።

---

20 ነፍሰ-ጾር ወላ'ውን ሳልሳይ ፍትሕ ይኹን ክሳዕ እትገላገል መንበሪ ዝን ቀለብን ክትወስድ መሰላ እዩ።

فَذَاقَتْ وَبَالَ أَمْرِهَا وَكَانَ عَٰقِبَةُ أَمْرِهَا خُسْرًا ﴿٩﴾

أَعَدَّ ٱللَّهُ لَهُمْ عَذَابًا شَدِيدًا ۖ فَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ يَٰٓأُو۟لِى ٱلْأَلْبَٰبِ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ ۚ قَدْ أَنزَلَ ٱللَّهُ إِلَيْكُمْ ذِكْرًا ﴿١٠﴾

رَّسُولًا يَتْلُوا۟ عَلَيْكُمْ ءَايَٰتِ ٱللَّهِ مُبَيِّنَٰتٍ لِّيُخْرِجَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّٰلِحَٰتِ مِنَ ٱلظُّلُمَٰتِ إِلَى ٱلنُّورِ ۚ وَمَن يُؤْمِنۢ بِٱللَّهِ وَيَعْمَلْ صَٰلِحًا يُدْخِلْهُ جَنَّٰتٍ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدًا ۖ قَدْ أَحْسَنَ ٱللَّهُ لَهُۥ رِزْقًا ﴿١١﴾

ٱللَّهُ ٱلَّذِى خَلَقَ سَبْعَ سَمَٰوَٰتٍ وَمِنَ ٱلْأَرْضِ مِثْلَهُنَّ ۖ يَتَنَزَّلُ ٱلْأَمْرُ بَيْنَهُنَّ لِتَعْلَمُوٓا۟ أَنَّ ٱللَّهَ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ قَدِيرٌ ۙ وَأَنَّ ٱللَّهَ قَدْ أَحَاطَ بِكُلِّ شَىْءٍ عِلْمًا ﴿١٢﴾

9-ስለዚ እዘን ኩሓድቲ ገሸፈውን ዓድታት እቲ ክቢድ መዓት ውጽኢት ክሕደተን ቀመሳ: ትርፊ ተግባራተን እውን ክሳራ ነበረ።

10-ኣላህ ብርቱዕ ስቓይ ኣዳልይሉም ኣሉ: ስለዚ ኣንቱም ለባማት ኣመንቲ: ንኣላህ ብምምእዛዝ ኣብ መንጎ ኹም ኣብ መንጎ ቁጣዐ ኣላህን መከላኸሊ ግበሩ: ብርግጽ ኣላህ መዘኻኸሪ (ቁርኣን) ኣውሪዱልኩም እዩ።

11-ከምኡ'ውን ኑቶም ብኣላህ ዝኣምኑን ሰናይ ግብሪ ዝገበሩን ካብ ጸላም ናብ ብርሃን ምእንቲ ከውጽእ እተን ውሳነታት ኣላህ ዝገልጻ ኣያታት (ዓንቀጻት-ቃላት) ዘንበበልኩም ልኡኽ ተላኢኹልኩም: እቲ ብኣላህ ዝኣምንን ሰናይ ዝገበርን እውን ኣላህ ኣብ ብትሕቲኣን ፈሊጋት ዝውሕዝ ጀናታት ንዘልኣለም መዋእሉ ንኽኣብረለን የእትዎ: ብርግጽ ኣላህ ነዚ ጀና ዝኣተወ ሰብ ሰፊሕን ብሉጽን ሽላይ እዩ ሂብዎ።

12-ኣላህ እዩ እቲ ንሸውዓተ ሰማያትን ኑቶን ከምኣን (ሸውዓተ) ምድርን ዝፈጠረ: ኣብ መንጎ እዘን ሸውዓተ ሰማያትን ሸውዓተ ምድርን ድማ ትእዛዛት ኣላህ ይወርድን ይፍጸምን: እዚ ድማ ብርግጽ ኣላህ ንኹሉ ነገራት ክንብር ክኢላ ምኻኑን ከምኡ'ውን ብርግጽ ኣላህ ብፍልጠቱ ንኹሉ ነገራት ከምዘኽበበን (ከምዝጠመረን) ንኽትፈልጡ እዩ።

سورة التحريم
ሱረቱ'ታሕሪም (እቲ ምሕራም)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّبِيُّ لِمَ تُحَرِّمُ مَآ أَحَلَّ ٱللَّهُ لَكَ ۖ تَبْتَغِي مَرْضَاتَ أَزْوَٰجِكَ ۚ وَٱللَّهُ غَفُورٌ رَّحِيمٌ ﴿١﴾

1-ኦ ኣንታ ነብይ ሙሓመድ ﷺ ስለምንታይ ፍቶት ኣንስትኻ ንምርካብ እቲ ኣላህ ዝሓለለልካ ንነብስኻ ትሕርሞ: ኣላህ'ውን ፍጹም መሓሪ ኣዝዩ ራህራሂ እዩ[21]::

قَدْ فَرَضَ ٱللَّهُ لَكُمْ تَحِلَّةَ أَيْمَٰنِكُمْ ۚ وَٱللَّهُ مَوْلَىٰكُمْ ۖ وَهُوَ ٱلْعَلِيمُ ٱلْحَكِيمُ ﴿٢﴾

2-ብርግጽ ኣላህ ማሕላታትኩም እትፈትሕሉ ኣገባብ ሓጊጉልኩም እዩ[22]: ኣላህ'ውን ደጋፊኹም እዩ: ንሱ'ውን እቲ ኣዝዩ ፈሊጣ እቲ ፍጹም ጥበበኛ እዩ።

وَإِذْ أَسَرَّ ٱلنَّبِيُّ إِلَىٰ بَعْضِ أَزْوَٰجِهِۦ حَدِيثًا فَلَمَّا نَبَّأَتْ بِهِۦ وَأَظْهَرَهُ ٱللَّهُ عَلَيْهِ عَرَّفَ بَعْضَهُۥ وَأَعْرَضَ عَنۢ بَعْضٍ ۖ فَلَمَّا نَبَّأَهَا بِهِۦ قَالَتْ مَنْ أَنۢبَأَكَ هَٰذَا ۖ قَالَ نَبَّأَنِيَ ٱلْعَلِيمُ ٱلْخَبِيرُ ﴿٣﴾

3-ነብይ ሙሓመድ ﷺ ሓደ እዋን ንሓንቲ ሰበይቶም (ሓፍሳ) ምስጢር ተዛረቡዋ: ንሳ ነዚ ምስጢር'ዚ ነታ ካልኣይቲ ሰበይቶም (ንዓኢሻ) ምስ ነገረታ ኣላህ ንነብይ ﷺ ኸሸፈሎም: ሽዑ ነብይ ሙሓመድ ﷺ ገለ ካብቲ እተኸሸፈሎም ንሰበይቶም (ሓፍሳ) ሓበሩዋ: ንገሊኡ ድማ ከይጠቐሰዎ ሱቕ በሉ: ነብይ ሙሓመድ ﷺ ንሓፍሳ በቲ ኣላህ ዝኸሸፈሎም ምስ ነገሩዋ

---

21 ነብይና ሙሓመድ ﷺ ኣብ ቤት ሰበይቶም ዘይነብ መዓር ይሰትዩ ስለ ዝሸፀሩ ገለ ካብተን ኣንስቶም ቀኒኣን ብሰንኪ'ዚ መዓር ነብይና ሽታኦም ከምእተቐየረ ኣመልክታሉም እሞ ብድሕሪ'ዚ "መዓር ሕሩመይ እዩ" በሉ። ከምኡ'ውን ንሰበይቶም ሓፍሳ ክፍትዉ ነታ ባርያኦም(ማርያ) ንነብሶም ስለ ዝሓረሙዋ ኣላህ እዚ ሓላል ዝኾነ ነገር ንነብሶም ክሕርምዎ ጌጋ ምኻኑ በዛ ኣያ ንነብይና ﷺ ኣረሞም።

22 እዚ ኣገባብ ኣብ ሱረቱ'ል ማኢዳ ኣያ 89 ይርከብ።

"እዚ'ስ መን ነገረካ" በለት: ነብይ ሙሓመድ "እቲ ኣዝዩ ፈላጢ እቲ ኣጥቢቑ ዝፈልጥ(ኣላህ) ነገረኒ" በሉ።

إِن تَتُوبَآ إِلَى ٱللَّهِ فَقَدْ صَغَتْ قُلُوبُكُمَا ۖ وَإِن تَظَٰهَرَا عَلَيْهِ فَإِنَّ ٱللَّهَ هُوَ مَوْلَىٰهُ وَجِبْرِيلُ وَصَٰلِحُ ٱلْمُؤْمِنِينَ ۖ وَٱلْمَلَٰٓئِكَةُ بَعْدَ ذَٰلِكَ ظَهِيرٌ ﴿٤﴾

4-ብርግጽ ልብኻትክን[23] ናብቲ ሙሓመድ ዘይፈትዎ ስለ ዝዘንበለ ተናሲሕክን ናብ ኣላህ እንተትምለሳ ይሓይሽ: እዚ ኣቢኽን ኣንጻር ነብይ እንተተሓጋገዝክን ግን ብሓቂ ኣላህ፣ ጂብሪል፣ ብጹኣን ኣመንቲ ደገፍትን ተሓባበርትን ሙሓመድ እዮም: ብድሕሪዚ'ውን እቶም መላኢካ ሓገዝቱ እዮም።

عَسَىٰ رَبُّهُۥٓ إِن طَلَّقَكُنَّ أَن يُبْدِلَهُۥٓ أَزْوَٰجًا خَيْرًا مِّنكُنَّ مُسْلِمَٰتٍ مُّؤْمِنَٰتٍ قَٰنِتَٰتٍ تَٰٓئِبَٰتٍ عَٰبِدَٰتٍ سَٰٓئِحَٰتٍ ثَيِّبَٰتٍ وَأَبْكَارًا ﴿٥﴾

5-ነብይ ሙሓመድ ንኹላትክን እንተፈትሓክን ጎይታኡ ካባኽን ዝበልጻ ኣንስቲ፣ ኣስላም፣ ኣመንቲ፣ ተማእዘዝቲ፣ ተናሳሕቲ፣ ንኣላህ ኣምለኽቲ፣ ጸወምቲ፣ መርዓ ዝፈተና ኣንስትን መርዓ ዘይፈተና ደናግልን ክትክእ እዩ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ قُوٓا۟ أَنفُسَكُمْ وَأَهْلِيكُمْ نَارًا وَقُودُهَا ٱلنَّاسُ وَٱلْحِجَارَةُ عَلَيْهَا مَلَٰٓئِكَةٌ غِلَاظٌ شِدَادٌ لَّا يَعْصُونَ ٱللَّهَ مَآ أَمَرَهُمْ وَيَفْعَلُونَ مَا يُؤْمَرُونَ ﴿٦﴾

6-ኦ ኣንቱም ኣመንቲ ንነብስኹምን ንስድራቤትኩምን ካብታ ነዳዲኣ (መቃጸሊኣ) ሰብን ኣእማንን ዝኾነት እሳት ኣድሕኑን ተኸላኸሉን: ኣብታ እሳት ጨካናት፣ ብርቱዓት፣ ትእዛዛት ኣላህ ዘይግህሱ፣ እተኣዘዝዎ ዝገብሩ መላኢካታት ኣለዉ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ لَا تَعْتَذِرُوا۟ ٱلْيَوْمَ ۖ إِنَّمَا تُجْزَوْنَ مَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ ﴿٧﴾

7-ኦ ኣንቱም ኩሓድቲ: ሎሚ(መዓልቲ ምጽኣት ምስ ኣተወ) ይቕሬታ ኣይትሕተቱ: ናይቲ እትገብርዎ ዝነበርኩም ጻማ ጥራይ ኢኹም ትኽፈሉ

23 ንወ/ሮ ሓፍሳን ዓኢሻን -ረቢ ይርደየለን- ዝምልከት እዩ።

ዘለኹም: (እዚ ዘረባ'ዚ ኣብ መዓልቲ ቅያማ ኑዮም እሳተ ጀሃነም ዝኣትዉ ኩሓድቲ ይብሃል)።

8-ኦ ኣንቱም ኣመንቲ ሳይታኹም ዘንብታትኩም (ሓጥያትኩም) ንኽስርዘልኩምን ኣብ ብትሕቲኣን ፈሊጋት ዝውሕዝ ጀናታት ንኽእትወኩምን ናብ ኣላህ ተመሊስኩም ንጹህን ቅኑዕን ንስሓ ተናስሑ: ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ኣላህ ንኑብይ ሙሓመድን ﷺ ኑዮም ምስኡ ዝኣመኑን ኣየዋርዶምን እዩ: ብርሃኖም ኣብ ቅድሚኦም ይኸይድ: ከምኡ'ውን (ብሰን ኪቲ ብየማኖም እተቐበልዎ መዝገብ ተግባራቶም) የማናቶም ይበርህ: (ብርሃን ናይቶም ሙናፈቒን ምስ ጠፍኣ ድማ እዞም ሙእሚኒን) "ኦ ጎይታና ብርሃና መልኣልናን መሓረናን: ብርግጽ ንስኻ ኩሉ ነገራት ንኽትገብር ክኢላ ኢኻ" ይብሉ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ تُوبُوٓاْ إِلَى ٱللَّهِ تَوۡبَةٗ نَّصُوحًا عَسَىٰ رَبُّكُمۡ أَن يُكَفِّرَ عَنكُمۡ سَيِّـَٔاتِكُمۡ وَيُدۡخِلَكُمۡ جَنَّٰتٖ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ يَوۡمَ لَا يُخۡزِي ٱللَّهُ ٱلنَّبِيَّ وَٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ مَعَهُۥۖ نُورُهُمۡ يَسۡعَىٰ بَيۡنَ أَيۡدِيهِمۡ وَبِأَيۡمَٰنِهِمۡ يَقُولُونَ رَبَّنَآ أَتۡمِمۡ لَنَا نُورَنَا وَٱغۡفِرۡ لَنَآۖ إِنَّكَ عَلَىٰ كُلِّ شَيۡءٖ قَدِيرٞ ٨

9-ኦ ኣንታ ኑብይ ሙሓመድ ﷺ: ኑዮም ኩሓድትን ኑዮም ሙናፈቒን ተቓለሶም ኣትሪርካ'ውን ተቓወሞም: እዞም ኩሓድትን ሙናፈቒንን ከኣ ሰፈሮም ጀሃነም እዩ: ንሳ'ውን እታ ዝበኣሰት መዓልቦ እያ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّبِيُّ جَٰهِدِ ٱلۡكُفَّارَ وَٱلۡمُنَٰفِقِينَ وَٱغۡلُظۡ عَلَيۡهِمۡۚ وَمَأۡوَىٰهُمۡ جَهَنَّمُۖ وَبِئۡسَ ٱلۡمَصِيرُ ٩

10-ኣላህ ኣብኡት ኩሓድቲ ዝኾና ሰይቲ ኑብይ ኑሕን(ኖህ) ሰይቲ ኑብይ ሉጥን ጠቒሰ: ንሰን ኣብ ትሕቲ ክልተ ብጹኣን ባርያታትና ነይረን: ግን ምስጢራቶም ንኽሓድቲ

ضَرَبَ ٱللَّهُ مَثَلٗا لِّلَّذِينَ كَفَرُواْ ٱمۡرَأَتَ نُوحٖ وَٱمۡرَأَتَ لُوطٖۖ كَانَتَا تَحۡتَ عَبۡدَيۡنِ مِنۡ عِبَادِنَا صَٰلِحَيۡنِ فَخَانَتَاهُمَا

فَلَمْ يُغْنِيَا عَنْهُمَا مِنَ ٱللَّهِ شَيْـًٔا وَقِيلَ ٱدْخُلَا ٱلنَّارَ مَعَ ٱلدَّٰخِلِينَ ﴿١٠﴾

እናኣመሓላለፉ ስለ ዝኸደዐኦም ኣብ ቅድሚ ኣላህ ኣንስቲ ኑብይታት ብምኻነን ሰብኡተን ምንም ኣይጠቕምወንን "ምስቶም ናብ እሳት ዝኣትዉ ንእሳት እተዋ" እውን ተባህላ።

وَضَرَبَ ٱللَّهُ مَثَلًا لِّلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ ٱمْرَأَتَ فِرْعَوْنَ إِذْ قَالَتْ رَبِّ ٱبْنِ لِى عِندَكَ بَيْتًا فِى ٱلْجَنَّةِ وَنَجِّنِى مِن فِرْعَوْنَ وَعَمَلِهِۦ وَنَجِّنِى مِنَ ٱلْقَوْمِ ٱلظَّٰلِمِينَ ﴿١١﴾

11-ኣላህ ኣብነት እቶም ኣመንቲ ዝኾነት'ውን ሰይቲ ፈርዖን ጠቒሱ: ንሳ "እ ጎይታይ ምሳኻ ኣብ ጀና ቤት ንደቕለይ፣ካብ ፈርዖንን ተግባራቱን እውን ኣድሕነኒ፣ ካብቶም ዓመጽቲ ዝኾኑ ህዝቢ እውን ኣድሕነኒ" በለት።

وَمَرْيَمَ ٱبْنَتَ عِمْرَٰنَ ٱلَّتِىٓ أَحْصَنَتْ فَرْجَهَا فَنَفَخْنَا فِيهِ مِن رُّوحِنَا وَصَدَّقَتْ بِكَلِمَٰتِ رَبِّهَا وَكُتُبِهِۦ وَكَانَتْ مِنَ ٱلْقَٰنِتِينَ ﴿١٢﴾

12-ከምኡ'ውን ኣላህ ንመርየም ጓል ዒምራን ከም ኣብነት ኣመንቲ ገይሩ ጠቒሳ: ንሳ ክብረታን ድንግልናኣን ስለ ዝሓለወት ብጅብሪል ጌርና ኣብቲ ናይ ቀሚሻ መእተውርእሲ ኣተንፊስናላ: ብቓላትን ብመጻሕፍቲ ኣላህን ዝኣመነትን ካብቶም ምእዙዛት ጎይታን ነበረት።

سورة الملك
ሱረቱል'መ·ልክ (እቲ ንግስነት)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

تَبَارَكَ ٱلَّذِى بِيَدِهِ ٱلْمُلْكُ وَهُوَ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ قَدِيرٌ ﴿١﴾

1-እቲ ኣብ ኢዱ ንግስነት(ስልጣን) ዓለም ወኒኑ ዘሎ ጎይታ ይባረኽ ይቀደስ: ንሱ'ውን ኩሉ ነገር ንኽፍጽም ክኢላ እዩ:

ٱلَّذِى خَلَقَ ٱلْمَوْتَ وَٱلْحَيَوٰةَ لِيَبْلُوَكُمْ

2-እቲ መንኩም በዓል ብሉጽ ተግባር ይኽውን ብማለት ንኽፍትነኩም ሞትን ህየትን

ዝፈጠረ ጎይታ: ንሱ'ውን እቲ ፍጹም ዕዙዝ (እቲ ፈጺሙ ዘይሰዓር ፍጹም ሓያል ሰዓሪ) እቲ ፍጹም መሓሪ እዩ:

3-እቲ ሸውዓተ ሰማያት ደርብታት ገይሩ ዝፈጠረ: ንስኻ ኣታ ወድ-ሰብ ኣብ ፍጥረት'ቲ ፍጹም ሩህሩህ ጎይታ ምንም ምግርጫውን ዘይምውህሃድን ኣይትርኢን ኢኻ: እስኪ እንደገ'ውን ደጊምካ ጠምት: ገለ ጉድለት ወይ ነቓዕ ትርኢዶ ኣለኻ?

4-እንደገ'ውን ደጊምካ ደጋጊምካ ጠምት ተዓዚብ ደኣም'በር: ዓይንኻ ደኺሙ ከይተዓወተ (ገለ ጉድለት ከይረኸበ) ብሕስረት ክምለሰካ እዩ:

5-ብርግጽ'ውን ነዛ ናባኹም ቀረባ ዝኾነት ሰማይ ብመብራህቲ (ከዋኽብቲ) ሸለምናያ: ከም ኡ'ውን እዚ መብራህቲ ነቶም ኣብ ሰማይ ቀሪቦም ክጸናጸኑ ዝፍትኑ ሸይጣውንቲ ዝውርወር መውቅዒ ገርናዮ:: ነዞም ሸይጣውንቲ ከኣ ኣብ ምጽኣተ ዓለም ስቓይ ተቓጻሊ እሳት ኣዳሊናሎም ኣለና:

6-ነቶም ብዛይታኦም ኣላህ ዝኹሓዱ'ውን ስቓይ ጀሃነም እቲ እኪይ መዓልቦ ኣዳሊናሎም ኣሉና:

7-ኣብ ውሽጣ ምስ ተደርበዩ ኸኣ እናፈለሐት እንኮላ ብርቱዕ ድምጺ (ኣድጊ ሂላ ክጅምር እንከሉ ዘስምዖ ድምጺ ዝመስል) ይሰምዑላ:

8-ጀሃነም በቲ ኣንጻር ኩሓድቲ ዘለዋ ሕርቃን ክትበታተንን ክትቆራረጽን ቁሩብ እዩ ዝተርፋ: ዝኾነ ጭፍራ ክኣትዋ እንከሉ እቶም ሓለውታ ነዞም ጀሃነም ዝኣትዉ ዘለዉ ኩሓድቲ "ካብዚ ዘጠንቅቐኩም ልኡኽ ኣይመጸኩምን ድዩ"? ኢሎም ይሓትዎም:

أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلًا ۚ وَهُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْغَفُورُ ۝

ٱلَّذِى خَلَقَ سَبْعَ سَمَٰوَٰتٍ طِبَاقًا ۖ مَّا تَرَىٰ فِى خَلْقِ ٱلرَّحْمَٰنِ مِن تَفَٰوُتٍ ۖ فَٱرْجِعِ ٱلْبَصَرَ هَلْ تَرَىٰ مِن فُطُورٍ ۝

ثُمَّ ٱرْجِعِ ٱلْبَصَرَ كَرَّتَيْنِ يَنقَلِبْ إِلَيْكَ ٱلْبَصَرُ خَاسِئًا وَهُوَ حَسِيرٌ ۝

وَلَقَدْ زَيَّنَّا ٱلسَّمَآءَ ٱلدُّنْيَا بِمَصَٰبِيحَ وَجَعَلْنَٰهَا رُجُومًا لِّلشَّيَٰطِينِ ۖ وَأَعْتَدْنَا لَهُمْ عَذَابَ ٱلسَّعِيرِ ۝

وَلِلَّذِينَ كَفَرُوا۟ بِرَبِّهِمْ عَذَابُ جَهَنَّمَ ۖ وَبِئْسَ ٱلْمَصِيرُ ۝

إِذَآ أُلْقُوا۟ فِيهَا سَمِعُوا۟ لَهَا شَهِيقًا وَهِىَ تَفُورُ ۝

تَكَادُ تَمَيَّزُ مِنَ ٱلْغَيْظِ ۖ كُلَّمَآ أُلْقِىَ فِيهَا فَوْجٌ سَأَلَهُمْ خَزَنَتُهَآ أَلَمْ يَأْتِكُمْ نَذِيرٌ ۝

قَالُوا۟ بَلَىٰ قَدْ جَآءَنَا نَذِيرٌ فَكَذَّبْنَا وَقُلْنَا مَا نَزَّلَ ٱللَّهُ مِن شَىْءٍ إِنْ أَنتُمْ إِلَّا فِى ضَلَٰلٍ كَبِيرٍ ﴿٩﴾

9-"እወ: ብርግጽ ኣጠንቃቕስ መጺኡና እዩ" ንሕና ግን ክሒድና "ኣላህ ዘውረዶ ምንም ነገር -ሃይማኖት- የለን: ኣቱም ልኡኻት ኢና ትብሉ ዘለኹም ኣብ ዓቢ ጥፍኣት ኢኹም ዘለኹም" ኢልናዮም ይብሉ:

وَقَالُوا۟ لَوْ كُنَّا نَسْمَعُ أَوْ نَعْقِلُ مَا كُنَّا فِىٓ أَصْحَٰبِ ٱلسَّعِيرِ ﴿١٠﴾

10-"ንሕናስ እሺ ኢልና እንተንሰምዕን እንተንርዳእን ኔርና ካብቶም ኣብ እሳት ጀሃነም ዝነብሩ ሰባት ኣይምኾናን ኔርና" ይብሉ:

فَٱعْتَرَفُوا۟ بِذَنۢبِهِمْ فَسُحْقًا لِّأَصْحَٰبِ ٱلسَّعِيرِ ﴿١١﴾

11-ሽዑ በቲ ዘንቦም ይእመኑ: ስለዚ ርሕቀት ካብ ኣላህ ንሰብ ጀሃነም ይኹን[24]

إِنَّ ٱلَّذِينَ يَخْشَوْنَ رَبَّهُم بِٱلْغَيْبِ لَهُم مَّغْفِرَةٌ وَأَجْرٌ كَبِيرٌ ﴿١٢﴾

12-ብርግጽ እቶም በቲ ዘይረኣይዎ ሕቡእን ስቱርን ጉዳይ ምጽኣተ-ዓለም ኣሚኖም ካብ ጎይታኦም ዝፈርሁ ምሕረትን ዓቢ ዓስብን ኣለዎም:

وَأَسِرُّوا۟ قَوْلَكُمْ أَوِ ٱجْهَرُوا۟ بِهِۦٓ ۖ إِنَّهُۥ عَلِيمٌۢ بِذَاتِ ٱلصُّدُورِ ﴿١٣﴾

13-ቃልኩም ሕብእዎ ወይ ኣግህድዎ ደኣምበር ብርግጽ ኣላህ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ልብታት ዘሉ ኣዝዩ ይፈልጦ እዩ:

أَلَا يَعْلَمُ مَنْ خَلَقَ وَهُوَ ٱللَّطِيفُ ٱلْخَبِيرُ ﴿١٤﴾

14-ከመይ እሞ እቲ ዝፈጠረ ንፍጡሩ ዘይፈልጥ? ንሱ እዩ እቲ ኣዝዩ ደቂቕን ሕቡእን ዝፈልጥ ፈሊጣ:

هُوَ ٱلَّذِى جَعَلَ لَكُمُ ٱلْأَرْضَ ذَلُولًا فَٱمْشُوا۟ فِى مَنَاكِبِهَا وَكُلُوا۟ مِن رِّزْقِهِۦ ۖ وَإِلَيْهِ ٱلنُّشُورُ ﴿١٥﴾

15-ንሱ(ኣላህ) እዩ እዛ ምድሪ ንኽትነብሩላ ፈኺስን ቅድይትን ገሩልኩም: ስለዚ ኣብ ፈቐዶ ቦታኣን መንገድታታን ኪዱ ተንቀሳቐሱ: ካብቲ ኣላህ ኣብ ምድሪ ዝሃበኩም ሽሻይ'ውን ብልዑ: ካብ ቀብርኹም ተንሲእኩም ናብ ኣላህ ኢኹም ድማ እትምለሱ:

ءَأَمِنتُم مَّن فِى ٱلسَّمَآءِ أَن يَخْسِفَ بِكُمُ

16-እቲ ኣብ ሰማይ ዘሉ ጎይታኹም ብሰንኪ በደላትኩም ምድሪ ኣንቀሳቒሱን ኣንቀጥቂጡን ኣብ

---

24 - ከምቲ ብቋንቋ ትግርኛ "ገጽካ ትርሓቕ" ኢልካ ዝርገም: እዛ ኣያ ድማ ኑቶም ጀሃነም ዝኣተዉ ሰባት እትረግም እያ።

ውሽጣ ከም ዘየጥሕለኩም ተኣማሚንኩም ዲኹም?

ٱلْأَرْضَ فَإِذَا هِىَ تَمُورُ ﴿١٦﴾

17-ወይ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሉ ጎ ይታኹም ካብ ሰማይ ኣእማን ዝሓዘለ ንፋስ ከምዘይሰደልኩም ተኣማሚንኩም ኢኹም? ሽዐኡ (እዚ ስቓይ ምስ ወረደኩም) ኢኹም መጠንቀቕታ ጎ ይታኹም ከመይ ከምዝኾነ እትፈልጡ:

أَمْ أَمِنتُم مَّن فِى ٱلسَّمَآءِ أَن يُرْسِلَ عَلَيْكُمْ حَاصِبًا ۖ فَسَتَعْلَمُونَ كَيْفَ نَذِيرِ ﴿١٧﴾

18-ብርግጽ እቶም ቅድሜኦም ዝነበሩ ኩሓድቲ'ውን ብመልእኽቲ ኣላህ ኣይኣመኑን: ስለዚ ከመይ ኮን ነይሩ ዝወረዶም ስቓይን ግ ሰጻን:(ማለት ብርቱዕ ስቓይን ግ ሰጻን ነይሩ)

وَلَقَدْ كَذَّبَ ٱلَّذِينَ مِن قَبْلِهِمْ فَكَيْفَ كَانَ نَكِيرِ ﴿١٨﴾

19-እዞም ኩሓድቲ ነዘን ኣብ ልዕሊኦም ግልግሊእን እናዘርገሓን እናኣከባን ዝበራ ኣዕዋፍ ብጀካ እቲ ፍጹም ርህሩህ ጎይታ ንኽይወድቃ ዝሕዘን ከምዘየለ ኣይዕዘቡን ድዮም? ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ረኣዩ ኩሉ ነገራት እዩ:

أَوَلَمْ يَرَوْا۟ إِلَى ٱلطَّيْرِ فَوْقَهُمْ صَٰٓفَّٰتٍ وَيَقْبِضْنَ ۚ مَا يُمْسِكُهُنَّ إِلَّا ٱلرَّحْمَٰنُ ۚ إِنَّهُۥ بِكُلِّ شَىْءٍۭ بَصِيرٌ ﴿١٩﴾

20-መንዩ'ዚ እቲ ሰራዊትኩም ኮይኑ ኣንጻር ኣላህ ዓጢቕ ክድግ ፈኩምን ከዐውተኩምን ዝፍትን? (ማለት ነዚ ነገር ዝገብር የለን ብጀካ ኣላህ'ውን ዘዐውት የለን) እቶም ኩሓድቲ ግን ብሽይጣን ተታሊሎም ኣብ ዕሽነት እዮም ዘለዉ:

أَمَّنْ هَٰذَا ٱلَّذِى هُوَ جُندٌ لَّكُمْ يَنصُرُكُم مِّن دُونِ ٱلرَّحْمَٰنِ ۚ إِنِ ٱلْكَٰفِرُونَ إِلَّا فِى غُرُورٍ ﴿٢٠﴾

21-እቲ ወናኒ ሽሻይ(ኣላህ) እንተደኣ ከሊኡኩም መን'ዩ እቲ ሽሻይ ሂቡ ዝልግሰልኩም? (ማንም የለን ማለት እዩ) ግን እዞም ኩሓድቲ ኣብ ትዕቢትን ንቕጽኑትን ኣብ ካብ ሓቂ ምህዳምን እዮም ዝቕጽሉ ዘለዉ:

أَمَّنْ هَٰذَا ٱلَّذِى يَرْزُقُكُمْ إِنْ أَمْسَكَ رِزْقَهُۥ ۚ بَل لَّجُّوا۟ فِى عُتُوٍّ وَنُفُورٍ ﴿٢١﴾

22-እቲ ገጹ ንታሕቲ ኣድኒኑ ዝኸይድ ይበልጽዶ ወይስ እቲ ትኽ ኢሉ ቀኒዑ ሰጥ ዝበለ መገዲ ሒዙ ዝኸይድ? (እዚ ኽኣ ናይ ኩሓድን ኣማንን ኣብነት እዩ: እቲ ኩሓዲ ነብሱ ኣብ በደላት ኣጥሒሉ ብዘንቢ

أَفَمَن يَمْشِى مُكِبًّا عَلَىٰ وَجْهِهِۦٓ أَهْدَىٰٓ أَمَّن يَمْشِى سَوِيًّا عَلَىٰ صِرَٰطٍ مُّسْتَقِيمٍ ﴿٢٢﴾

ተሸፊኑ ስለ ዝንዓዝ መገዲ ሓቂ ኣይራኣን እዩ: እቲ ሙእሚን ግን ልክዕ ከምቲ ርእሱ ኣቕኒዑ መገዱ እናረኣየ ዝኸይድ ተንዓዛይ እዩ)።

23-ኦ ሙሓመድ: "ንሱ(ኣላህ) እዩ እቲ ዝፈጠረኩምን እትሰምዑሉ ኣእዛንን እትርእዩሉ ኣዒንትን እተስተውዕልሉ ልቦናን ዝገበረልኩም: ግን ውሑድ ምስጋና ጥራይ ኢኹም እተመስግኑ ዘለኹም" በሎም።

قُلْ هُوَ ٱلَّذِىٓ أَنشَأَكُمْ وَجَعَلَ لَكُمُ ٱلسَّمْعَ وَٱلْأَبْصَـٰرَ وَٱلْأَفْـِٔدَةَ ۖ قَلِيلًا مَّا تَشْكُرُونَ ﴿٢٣﴾

24-ኦ ሙሓመድ: "ንሱ(ኣላህ) እዩ ኣብዛ ምድሪ ፈጢሩ ዝዘርገሓኩም: ናብኡ ኢኹም እውን ጽባሕ እትእከቡ" በሎም።

قُلْ هُوَ ٱلَّذِى ذَرَأَكُمْ فِى ٱلْأَرْضِ وَإِلَيْهِ تُحْشَرُونَ ﴿٢٤﴾

25-ከሓድቲ "እዚ ናይ ምጽኣተ ዓለም ዝወሃብ ዘሎ ውዕል ንመዓስ እዩ? እስኪ ሓቂ እንተኾይኑ መዓልቲ ፍለይልናን ኣብርሁልናን" ይብሉ። (እቶም ከሓድቲ ኑቶም ኑብይታት ይብልዎም)

وَيَقُولُونَ مَتَىٰ هَـٰذَا ٱلْوَعْدُ إِن كُنتُمْ صَـٰدِقِينَ ﴿٢٥﴾

26-ኦ ሙሓመድ፣ "ነዛ መዓልቲ ዝፈልጥ ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ የልቦን: ኣነ ድማ ካብ ቀጥዐ ኣላህ ኣጠንቃቕን መገዲ ሓቂ ኣብራህን ጥራይ እየ" በሎም።

قُلْ إِنَّمَا ٱلْعِلْمُ عِندَ ٱللَّهِ وَإِنَّمَآ أَنَا۠ نَذِيرٌ مُّبِينٌ ﴿٢٦﴾

27-ሽዑ ኑቲ ስቓይ ኣብ ቀረባ ብዓይኖም ምስ ረኣዩዎ ገጽ ከሓድቲ ይጽልምን ይፍሕሽውን ይቕምስልን: "እዚ እዩ እቲ እናተላገጽኩም መዓስ እዩ ዝመጽእ? ኢልኩም ትህወኹሉ ዝነበርኩም" ይበሃሉም።

فَلَمَّا رَأَوْهُ زُلْفَةً سِيٓـَٔتْ وُجُوهُ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ وَقِيلَ هَـٰذَا ٱلَّذِى كُنتُم بِهِۦ تَدَّعُونَ ﴿٢٧﴾

28-ኦ ሙሓመድ: "እስከ በሉ ኣላህ ንዓይን ኑቶም ብጸተይን ኣብዛ ኣዱንያ እንተህለቑና ወይ'ውን ራህሪሁ ዕድሜ እንተሃበና ኑቶም ከሓድትስ መን'ዩ ካብቲ ኣቕንዛዊ ስቓይ ዘዕቅቦምን ዘገላግሉምን" በሎም: (ማለት ማንም ዘዕቅቦም የለን)።

قُلْ أَرَءَيْتُمْ إِنْ أَهْلَكَنِىَ ٱللَّهُ وَمَن مَّعِىَ أَوْ رَحِمَنَا فَمَن يُجِيرُ ٱلْكَـٰفِرِينَ مِنْ عَذَابٍ أَلِيمٍ ﴿٢٨﴾

29-ኦ ሙሓመድ: "ንሱ እዩ እቲ ብኡ ዝኣመና ፍጹም ርህሩህ ጎ

قُلْ هُوَ ٱلرَّحْمَـٰنُ ءَامَنَّا بِهِۦ وَعَلَيْهِ تَوَكَّلْنَا ۖ

ይታና: ናብኡ'ውን ኢና ተወኪልና: ኣብ ቅያማ(ምጽኣት) ድማ መን'ዩ እቲ ኣብ ግሉጽ ጥፍኣት ጥሒሉ ዘሎ ክትፈልጡ ኢኹም" በሎም:

فَسَتَعْلَمُونَ مَنْ هُوَ فِي ضَلَٰلٍ مُّبِينٍ ﴿٢٨﴾

30-ኦ መሓመድ: "በሉ እስከ እንተደኣ እዚ እትሰትይዎ ማይ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ኣብ ዘይተርክብዎ ቦታ ጠሊቑ እንተዝጥሕል መን'ዩ እቲ ዘየቕርጽ ጻሕጻሕ ዝብል ማይ ዝህበኩም" በሎም: (ማለት ማንም ዝህበኩም የለን):

قُلْ أَرَءَيْتُمْ إِنْ أَصْبَحَ مَآؤُكُمْ غَوْرًا فَمَن يَأْتِيكُم بِمَآءٍ مَّعِينٍ ﴿٣٠﴾

سورة القلم
ሱረቱል'ቀለም (እቲ ብርዒ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-"ኑን" (ሓደ ካብቲ ናይ ዓረብኛ ፊደላት ክኸውን እንከሎ ኣላህ ገለ ሱራታት ቁርኣን ብኸምዚ ዓይነት ኣጀማምራ ጀሚሩወን: ትርጉሙ ድማ ብጀካ ኣላህ ዝፈልጦ የልቦን: ሓደ ካብቲ ተኣምር ናይ ቁርኣን እዩ ኢሉም ዑለማእ ውሳነ ይህቡሉ::)
በቲ ብርዕን በቲ በብዓይነቱ ፍልጠታት ዝሓዘለ ጽሕፈታት ደቂ ሰብን እምሕል:

نٓ ۚ وَٱلْقَلَمِ وَمَا يَسْطُرُونَ ﴿١﴾

2-ሳይታኻ ሽሻይ ነቢይነት ስለዝለገሰልካ ንስኻ -ኣ መሓመድ- ካብ ጽላለ ናጻ ምኻንካ:

مَآ أَنتَ بِنِعْمَةِ رَبِّكَ بِمَجْنُونٍ ﴿٢﴾

3-ከምኡ'ውን ብርግጽ ዘየቕርጽ ቀጻሊ ዓስቢ (ኣጅሪ) ኣሎካ:

وَإِنَّ لَكَ لَأَجْرًا غَيْرَ مَمْنُونٍ ﴿٣﴾

4-ከምኡ'ውን ብርግጽ በዓል ኣዝዩ ክቡር ጠባይ ኢኻ (በቲ ኣብ ቁርኣን ዝተኣዘዘ ጠባያት ስለ እተቐየደ):

وَإِنَّكَ لَعَلَىٰ خُلُقٍ عَظِيمٍ ﴿٤﴾

فَسَتُبۡصِرُ وَيُبۡصِرُونَ ۝٥

5-ንስኻ ክትርኢ ኢኻ ንሶም'ውን (እዞም ዝኹሓዱኻ ህዝቢ መካ) ክርእዩ እዮም:

بِأَيِّيكُمُ ٱلۡمَفۡتُونُ ۝٦

6-መንኩም እዩ እቲ ብጽላለን ዕብዳንን እተፈተነ:

إِنَّ رَبَّكَ هُوَ أَعۡلَمُ بِمَن ضَلَّ عَن سَبِيلِهِۦ وَهُوَ أَعۡلَمُ بِٱلۡمُهۡتَدِينَ ۝٧

7-ብርግጽ ጎይታኻ እዩ ነቲ መገዲ ኣላህ ተጋጊዩ ዘሎ ኣዝዩ ዝፈልጥ: ከምኡ'ውን ንሱ'ዩ ነቶም ቅኑዕ መገዲ ሒዞም ዘለዉ ኣዝዩ ዝፈልጥ:

فَلَا تُطِعِ ٱلۡمُكَذِّبِينَ ۝٨

8-ስለዚ -ኦ መሓመድ- ነዞም ክሓድቲ ኣይትማእዘዞም (ምኽንያቱ ሓለፍቲ መካ ካብ እስልምና ኣውጺኦም ናብ ግ ጉይ ሃይማኖት ኣቦታቶም ክእትውዎ ይፍትኑ ስለዝነበሩ)

وَدُّواْ لَوۡ تُدۡهِنُ فَيُدۡهِنُونَ ۝٩

9-ኦ መሓመድ፡ ህዝቢ መካ ካብቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ ሃይማኖት ንገለ ሽለል ብምባል ክተፋኸኹስ: ንሶም'ውን ብግ ደኦም መርገጾም ክፋኸኹሱ ይፈትዉን ድሉዋትን እዮም:

وَلَا تُطِعۡ كُلَّ حَلَّافٖ مَّهِينٍ ۝١٠

10-ከምኡ'ውን ዘረባ'ቲ እናሓሰወ ማሕላ ዘብዝሕ ሕሱር ሰብ ኣይትስማዕ:

هَمَّازٖ مَّشَّآءِۭ بِنَمِيمٖ ۝١١

11-እቲ ኣካፋእን ዘረባ ሰብ ንምብጽዳሕ ላዕልን ታሕትን ዝብል፣

مَّنَّاعٖ لِّلۡخَيۡرِ مُعۡتَدٍ أَثِيمٍ ۝١٢

12-ቢቓቕ፣ (ግብረ-ሰናይ ዘይገብር)፣ ገሃስ መሰላት፣ ፍጹም ዘንበኛ(ሓጥያተኛ)፣

عُتُلِّۭ بَعۡدَ ذَٰلِكَ زَنِيمٍ ۝١٣

13-ሕሱም፣ ኣብ ርእሲኡ ክኣ ኣብ ዘይወለዶኡ ዝጽዋዕ ድቓላ:

أَن كَانَ ذَا مَالٖ وَبَنِينَ ۝١٤ إِذَا تُتۡلَىٰ عَلَيۡهِ ءَايَٰتُنَا قَالَ أَسَٰطِيرُ ٱلۡأَوَّلِينَ ۝١٥

14-15-በዓል ሃብትን ውላድን ኮይኑ ድዩ እቲ ዘውረድናዮ ቁርኣን ክቕራኣሉ (ክንበበሉ) እንከሎ እዝስ ናይቶም ቀዳሞት ደታ እዩ ዝብል?

سَنَسِمُهُۥ عَلَى ٱلۡخُرۡطُومِ ۝١٦

16-ኣብ ኣፍንጫኡ ብሓዊ ዕላመት ክንገብረሉ ኢና[25] (ገጹ ክጽልም እዩ)

25-ኣል ወሊድ ወዲ ኣልሙቕይራ ዝተባህለ ሙሽሪክ ኣንጻር ሰይድና መሓመድን ኣንጻር እስልምናን ሕሱፍ ጽልኢ ኣሕዲሩ ብርቱዕ ተቓውሞ ስለ ዘርኣየ ኣላህ ሱብሓኑሁ ወተዓላ ካብ ኣያ 10 ክሳብ ኣያ 16 ነዚ ሰብ'ዚ ኣቃለየ።

إِنَّا بَلَوْنَٰهُمْ كَمَا بَلَوْنَآ أَصْحَٰبَ ٱلْجَنَّةِ إِذْ أَقْسَمُوا۟ لَيَصْرِمُنَّهَا مُصْبِحِينَ ﴿١٧﴾

17-ብርግጽ ንሕና ንካሕዳናት ህዝቢ መካ ልክዕ ከምቶም ብደርቅን ጥምየትን ዝፈተናዮም ሰብ ጀርዲን ፈቲንናዮም: እዞም ሰብ ጀርዲን ንመስኪን ከይተኹቡ ኣንጊሆም ፍርያቶም ንኽቕንጥቡ መሓሉ:

وَلَا يَسْتَثْنُونَ ﴿١٨﴾

18-ኢንሻኣላህ'ውን ኣይበሉን: (ጽባሕ ንግሆ ኣብ ኢድ ኣላህ ምኻኑ ረሲያም)

فَطَافَ عَلَيْهَا طَآئِفٌ مِّن رَّبِّكَ وَهُمْ نَآئِمُونَ ﴿١٩﴾

19-ሽዑ ብለይቲ ደቂሶም እንከለዉ ካብ ጎይታኻ ዝተላእከት እሳት መጺኣ ኸ ጃርዲን ኣኽቢባ ኣንደደታ:

فَأَصْبَحَتْ كَٱلصَّرِيمِ ﴿٢٠﴾

20-ስለዚ ልክዕ ከም ግብ ዝበለ ጸልማት ለይቲ መሰለት:

فَتَنَادَوْا۟ مُصْبِحِينَ ﴿٢١﴾

21-ዋናታት ዃና ስለዘይፈለጡ ኣንጊሆም ነንሕድሕዶም ተጸዋዉዑ:

أَنِ ٱغْدُوا۟ عَلَىٰ حَرْثِكُمْ إِن كُنتُمْ صَٰرِمِينَ ﴿٢٢﴾

22-"ኪዱ እባ ንዘራእትኹም ብእዋኑ እንተዳኣ ፍርያትኩም ክትኣርዩ ትሓስቡ ኣለኹም" ተበሃሃሉ:

فَٱنطَلَقُوا۟ وَهُمْ يَتَخَٰفَتُونَ ﴿٢٣﴾

23-ስለዚ ነንሕድሕዶም ኣትሒቶም እናተዛረቡ ናብታ ጀርዲኖም ነቐሉ:

أَن لَّا يَدْخُلَنَّهَا ٱلْيَوْمَ عَلَيْكُم مِّسْكِينٌ ﴿٢٤﴾

24-ነንሕድሕዶም "ሎሚ ድኻ ሰብ ኣብ ጀርዲንኩም ከይኣትወኩም" እናተባሃሃሉ (ምእንቲ ኣጥሙኒ ኢሉ ከይሓቶም):

وَغَدَوْا۟ عَلَىٰ حَرْدٍ قَٰدِرِينَ ﴿٢٥﴾

25-ካብ ፍርያት ጀርዲኖም ንኽይህቡ ሃቑኖም ኩሉ እቶቶም ንዕኦም ክወስድዎ ክእለት ከምዘለዎም ተኣማሚኖም ኣንጊሆም ተበገሱ:

فَلَمَّا رَأَوْهَا قَالُوٓا۟ إِنَّا لَضَآلُّونَ ﴿٢٦﴾

26-ሽዕኡ እታ ጀርዲኖም ሓሪራ ምስ ረኣይዋ "መንገዲ ኢና ተጋጊና ደኣ'ምበር እዚኣስ ጀርዲና ኣይኮነትን" በሉ:

بَلْ نَحْنُ مَحْرُومُونَ ﴿٢٧﴾

27-"ኣይፋሉን: ብሰንኪ እኪይ ሓሳብና እባ ተቐጺዕና ካብ እቶት ጀርዲና ተሓሪምና" ተበሃሃሉ:

قَالَ أَوْسَطُهُمْ أَلَمْ أَقُل لَّكُمْ لَوْلَا تُسَبِّحُونَ ﴿٢٨﴾

28-እቲ ዝበለጸ ዓቃል ዝነበረ ካብኣቶም "ኣይበልክኹምን'ዶ ስለምንታይ ኢንሻኣላህ ዘይበል ኩም" በሎም:

قَالُوا سُبْحَانَ رَبِّنَا إِنَّا كُنَّا ظَالِمِينَ ﴿٢٩﴾

29-"ፍጹም ንጽህና ይኹኖ ጎ ይታና: ብርግጽ ንሕና ኢና ኑበስና ዝወጸዕናያ" በሉ: (ብሰንኪ ንድኻታት ምኽልካሉም)

فَأَقْبَلَ بَعْضُهُمْ عَلَىٰ بَعْضٍ يَتَلَاوَمُونَ ﴿٣٠﴾

30-ሽዕኡ ናብ ነንሕድሕዶም ተመሊሶም ተወቓቕሱ:

قَالُوا يَا وَيْلَنَا إِنَّا كُنَّا طَاغِينَ ﴿٣١﴾

31-"ወይልና ብርግጽ ንሕና ኢና ጸጋ ጎይታና ዘየመስገና ትዕቢተኛታት" በሉ:

عَسَىٰ رَبُّنَا أَن يُبْدِلَنَا خَيْرًا مِّنْهَا إِنَّا إِلَىٰ رَبِّنَا رَاغِبُونَ ﴿٣٢﴾

32-"ንሕና ምሕረት እናሓተትና ናብ ጎይታና ንምለስ: ካብታ ዝነበረትና ጀርዲን ዝበለጸት ጀርዲን ክትክኣልና እናተተ ምኑና" በሉ።

كَذَٰلِكَ الْعَذَابُ ۖ وَلَعَذَابُ الْآخِرَةِ أَكْبَرُ لَوْ كَانُوا يَعْلَمُونَ ﴿٣٣﴾

33-ከምኡ እዩ እቲ መቕጻዕቲ: እረ እንተዝፈልጡስ መቕጻዕቲ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ዝዓበየን ዝበርተዐን እዩ:

إِنَّ لِلْمُتَّقِينَ عِندَ رَبِّهِمْ جَنَّاتِ النَّعِيمِ ﴿٣٤﴾

34-ብርግጽ ኑቶም ኣብ መንነአምን ኣብ መንነ መቕጻዕቲ ጎይታን ንኣላህ ብምምእዛዝ መከላኸሊ ዝገበሩ ምስ ጎይታኦም ኣመሳጢ ጀናታት (ገነታት) ኣለዎም:

أَفَنَجْعَلُ الْمُسْلِمِينَ كَالْمُجْرِمِينَ ﴿٣٥﴾

35-ኑቶም ሰብ ሰናይ ተግባር (ኣመንቲ) ልክዕ ከምቶም ትእዛዝ ኣላህ ዝጠሓሱ ዝነኛታት ዶ ንገበሮም ይመስለኩም? (ማለት ኣላህ ንኽልቲኦም ማዕረ ጌሩ ኣይርእዮምን እዩ)።

مَا لَكُمْ كَيْفَ تَحْكُمُونَ ﴿٣٦﴾

36-እንታይ ግዲ ኢኹም ኪንኩም? ከመይ ጌርኩም ኢኹም እትፈርዱ ዘለኹም: (እቶም ኣብ መካ ዝነበሩ ቁሬሻውያን ኩሓድቲ: "ንሕናን እቶም ብጸት ሙሓመድን ኣብ ቅያማ ኣብ ጎኑ ብሓደ ኢና ንኣቲ" ይብሉ ስለዝነበሩ ኣላህ በዚ መልሲ'ዚ መሊሱሎም)

أَمْ لَكُمْ كِتَٰبٌ فِيهِ تَدْرُسُونَ ﴿٣٧﴾

37-ወይስ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ዝህብ ካብ ኣላህ ዝወረደ መጽሓፍ ኣለኩም እሞ እዚ ነገር'ዚ ኣብኡ ተንብብዎ ኣለኹም:

إِنَّ لَكُمْ فِيهِ لَمَا تَخَيَّرُونَ ﴿٣٨﴾

38-ኣብቲ መጽሓፍ ክ እዚ እትመርጽዎ ዘለኹም ኣሎ ዶ?

أَمْ لَكُمْ أَيْمَٰنٌ عَلَيْنَا بَٰلِغَةٌ إِلَىٰ يَوْمِ ٱلْقِيَٰمَةِ ۙ إِنَّ لَكُمْ لَمَا تَحْكُمُونَ ﴿٣٩﴾

39-ወይስ ኣላህ ምሉእ ክሳዕ የውመልቅያማ (መዓልቲ ምጽኣት) ዘይፈርስ ውዕል ኣትዩልኩም ድዩ እሞ እቲ እትህብዎ ዘለኹም ውሳነ ክብየነልኩም:

سَلْهُمْ أَيُّهُم بِذَٰلِكَ زَعِيمٌ ﴿٤٠﴾

40-ኦ ሙሓመድ፡ ኩሓድትን ኣመንትን ሓደ ዓይነት ዓስቢ ከምዝረኽቡ መኖም ከምእተዋሓሰ እስኪ ሕተቶም:

أَمْ لَهُمْ شُرَكَآءُ فَلْيَأْتُوا۟ بِشُرَكَآئِهِمْ إِن كَانُوا۟ صَٰدِقِينَ ﴿٤١﴾

41-ወይስ ምስ ኣላህ ዝበርትን ሓደግትን ዝኾኑ ሽርካታት ኣለውዎም? እስከ ኑቶም ሽርካታቶም ሒዞም ይምጽኡ ሓቀኛታት እንተኾይኖም:

يَوْمَ يُكْشَفُ عَن سَاقٍ وَيُدْعَوْنَ إِلَى ٱلسُّجُودِ فَلَا يَسْتَطِيعُونَ ﴿٤٢﴾

42-ኣብ የውመልቅያማ (መዓልቲ ምጽኣት) ኣብቲ ኣላህ በራቕኡ ዝቐልዓሉ[26] መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ ንኽሰግዱ ይዕደሙ: ግን ሕቕኣም ምዕጻፍ ስለ ዝኣብዮም ክሰግዱ ኣይክእሉን:: (እቶም ኣመንቲ ግን ኩሎም ይሰግዱ)

خَٰشِعَةً أَبْصَٰرُهُمْ تَرْهَقُهُمْ ذِلَّةٌ ۖ وَقَدْ كَانُوا۟ يُدْعَوْنَ إِلَى ٱلسُّجُودِ وَهُمْ سَٰلِمُونَ ﴿٤٣﴾

43-ኣዒንቶም ብሕፍረት ንታሕቲ ይጥምታ፡ ገጾም'ውን ብሕሰረትን ውርደትን ጣዕሳን ይጉልቡብ፡ ኣብ ኣዱንያ ምስ ጥዕናኦም እንከለዉ ንኽሰግዱ'ውን ብርግጽ ይዕደሙ ኔሮም እዮም: (ግን ይምእዘዙ ኣይነበሩን)

فَذَرْنِى وَمَن يُكَذِّبُ بِهَٰذَا ٱلْحَدِيثِ ۖ سَنَسْتَدْرِجُهُم مِّنْ حَيْثُ لَا يَعْلَمُونَ ﴿٤٤﴾

44-እስከ ግደፈኒ ምስቲ በዚ ቁርኣን'ዚ ዝኽሕድ (ባዕለይ ኣለኹዎ ብኡ ኣይትሸገር) ንዕኣም ብዘይሓሰብዎን ብዘይፈለጥዎን መገዲ ደፋእ ኢልና ክንቀጽየም ኢና:

26-በዛ ኣያን ብኣልቡኻሪ ዘመሓላለፎ ሓዲስን ጎይታና ኣብ የውመልቂያማ በራቕኡኡ ከምዝቐልዕ ተረጋጊጹ እዩ: ግን ነዚ መግለጺ ምስ ናይ ፍጡር ክነመሳስሎን ወላውን ብሓንጎልና ክንግምቶን ኣይንኽእልን ኢና ኣይፍቀደናን እውን እዩ:

وَأُمْلِى لَهُمْ ۚ إِنَّ كَيْدِى مَتِينٌ ﴿١٨٣﴾

45-ከምኡ'ውን ዕድል ሂበ ከኽንሖም እየ: ብርግጽ እቲ ውጥነይ (ኣዝዩ) ብርቱዕን ሓያልን እዩ:

أَمْ تَسْـَٔلُهُمْ أَجْرًا فَهُم مِّن مَّغْرَمٍ مُّثْقَلُونَ ﴿١٨٤﴾

46-(ኦ ሙሓመድ) ወይስ በቲ እትገብሮ ዘለኻ ጎስጓስ ዳዕዋ ደሞዝ እትሓቶም መሲልዎም ድዩ እሞ ኸኣ ዕዳ ከይከብዶም ኑቲ ጻውዒትካ ዝነጸጉ:

أَمْ عِندَهُمُ ٱلْغَيْبُ فَهُمْ يَكْتُبُونَ ﴿١٨٥﴾

47-ወይስ ኑቲ ኣብ ኣልሰውሕ ኣል ሚክፉዝ[27] ዘሎ ስወር ነገር ፊሊጦም ደዮም ካብኡ ቀዲሖም እናጹሓፉ ዝኾኑዎ ዘሎዉ:

فَٱصْبِرْ لِحُكْمِ رَبِّكَ وَلَا تَكُن كَصَاحِبِ ٱلْحُوتِ إِذْ نَادَىٰ وَهُوَ مَكْظُومٌ ﴿١٨٦﴾

48-ስለዚ በቲ ጎይታኻ ዝሃቦ ውሳነ ተዓገስ፤ ጎዲኦሙኒ ክሒዶሙኒ ኢልካ ኣይተ ንጸርጽር ኣይትተሃወኽ: ከምቲ በዓል ዓሳ (ይኹስ-ዮናስ- ﷺ) እውን ኣይትኹን: ንሱ እቲ ኣብ ከብዲ ዓሳ ኮይኑ ብብርቱዕ ጓሂ ንጎይታኡ ዝጸወዐ እዩ።

لَّوْلَآ أَن تَدَٰرَكَهُۥ نِعْمَةٌ مِّن رَّبِّهِۦ لَنُبِذَ بِٱلْعَرَآءِ وَهُوَ مَذْمُومٌ ﴿١٨٧﴾

49-ቶባኡ (ንሳሔኡ) ብምቕባል ርህራህ ጎይታኡ እንተዘየርከበ ነይሩ: ብዝፈጸሞ ጌጋ ካብቲ ከብዲ ዓሳ ኣብ ተኽሊ ዘይብሉ ጎልጎል ተወጢሱ ምተደርበየ ነይሩ:

فَٱجْتَبَىٰهُ رَبُّهُۥ فَجَعَلَهُۥ مِنَ ٱلصَّٰلِحِينَ ﴿١٨٨﴾

50-ሓቀኛ ንሳሔ ስለዝገበረ ድማ ጎይታኡ መረጾ: ካብቶም ብጹኣን ገበርቲ ሰናይ'ውን ገበሮ:

وَإِن يَكَادُ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ لَيُزْلِقُونَكَ بِأَبْصَٰرِهِمْ لَمَّا سَمِعُوا۟ ٱلذِّكْرَ وَيَقُولُونَ إِنَّهُۥ لَمَجْنُونٌ ﴿١٨٩﴾

51-ብርግጽ እቶም ኪሓድቲ ቁርኣን እናቐራእካ ክሰምዑኻ እንከለዉ ብክቱር ጽልኢ ኣቶኪሮም ስለዝጥምቱኻ ዳርጋ ክጎድኡኻን ከውዱቁኻን ይቀራረቡ: ከምኡ'ውን እስዝ ብርግጽ ጽሉል እዩ ይብሉኻ:

وَمَا هُوَ إِلَّا ذِكْرٌ لِّلْعَٰلَمِينَ ﴿١٩٠﴾

52-እቲ ቁርኣን ግን ንምሉእ ዓለም ዘዘኻኽርን (ናብ ረብሓ ኣዱንያን ኣኼራን ዝመርሕን ጥራይ እዩ)።

---

27 - ኣልሰውሕ ኣልሚክፉዝ እቲ ኩሉ ኣብ ዓለም ዝኾነን ዝኾውንን እተጻሕፈሉ ሜዕቦን እዩ:

سورة الحاقة

ሱረቱል'ሓቃህ (እታ ሓቃዊት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ٱلْحَآقَّةُ ﴿١﴾

1-(ኣልሓቓ): (ሓደ ካብቲ ኣስማት ናይ ምጽኣተ ዓለም እዩ: ኩሉ ሓቅታት ዝኸሽፈላ መዓልቲ ስለ ዝኾነት በዚ ስም ተሰምያ:)

مَا ٱلْحَآقَّةُ ﴿٢﴾

2-እንታይ እያ እታ ሓቃዊት? (ኣልሓቓ) (እዚ ሕቶ ንዕብየታን ክብረታን ዝሕብር ሕቶ እዩ)።

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا ٱلْحَآقَّةُ ﴿٣﴾

3-እንታይ'ውን ኣፍሊጠካ እታ ሓቃዊት (ኣልሓቓ) እንታይ ምኻና:

كَذَّبَتْ ثَمُودُ وَعَادٌۢ بِٱلْقَارِعَةِ ﴿٤﴾

4-ሰሙድን ዓድን ዝተባህሉ ኣህዛብ በታ ኣንኳዒት መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ክሒዶም:

فَأَمَّا ثَمُودُ فَأُهْلِكُوا۟ بِٱلطَّاغِيَةِ ﴿٥﴾

5-ሰሙድ (ህዝቢ ኑብዩ ሳልሕ) ብሕሉፍ ብርቱዕ ድምጺ ሃሊቕም:

وَأَمَّا عَادٌ فَأُهْلِكُوا۟ بِرِيحٍ صَرْصَرٍ عَاتِيَةٍ ﴿٦﴾

6-ዓድ (ህዝቢ ኑብዩ ሁድ) ግን በቲ ኣዝዩ ብርቱዕን ዝሑልን ሓያልን ንፋስ ህቡብላ ሃሊቕም:

سَخَّرَهَا عَلَيْهِمْ سَبْعَ لَيَالٍ وَثَمَٰنِيَةَ أَيَّامٍ حُسُومًا فَتَرَى ٱلْقَوْمَ فِيهَا صَرْعَىٰ كَأَنَّهُمْ أَعْجَازُ نَخْلٍ خَاوِيَةٍ ﴿٧﴾

7-(ኣላህ) ሸውዓተ ለይትን ሸሞንተ መዓልትን ኣከታቲሉ ፈነወሉም: ስለዚ እቶም ህዝቢ ኣብዚ ቕንያት'ዚ ልክዕ ከም ቁንቁን ወይ ውዱቕ ጉንድታት ተምሪ ተደርቢዮም ተራእዩ:

فَهَلْ تَرَىٰ لَهُم مِّنۢ بَاقِيَةٍ ﴿٨﴾

8-ካብኣም ዝተረፈት ሂወት ዘላ ይመስለካ ዶ? (ማለት ትተርፍ ሂወት የላን)

وَجَآءَ فِرْعَوْنُ وَمَن قَبْلَهُۥ وَٱلْمُؤْتَفِكَٰتُ بِٱلْخَاطِئَةِ ﴿٩﴾

9-ፈርዖንን እቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኩሓድትን ከምኡ እውን ኣልሙእተፈካት ዝበሃላ ገጠራትን (ህዝቢ ኑብዩ ሉጥ) ስሕተትን ክሕደትን ፈጸሙ:

فَعَصَوْا۟ رَسُولَ رَبِّهِمْ فَأَخَذَهُمْ أَخْذَةً رَّابِيَةً ﴿١٠﴾

10-ንልኡኽ ጎይታኦም ምምእዛዝ ስለ ዝኣበዩ፤ ጎይታ ካብ ናይ'ቶም ካልኦት ህዝብታት ዝበኣሰን ዝዛየደን መቕጻዕቲ ቀጸየም።

إِنَّا لَمَّا طَغَا ٱلْمَآءُ حَمَلْنَٰكُمْ فِى ٱلْجَارِيَةِ ﴿١١﴾

11-ብርግጽ ንሕና (ኣላህ) ኣብ ግዜ ኑሕ(ኖህ) ማይ እምብዛ በዚሑ ጥርዙ ምስ ሰገረ ንዓኻትኩም ኣብ እተንሳፍፍ መርከብ ተሰኪምናኩም: (ማለት ኑኖም ኣብ ግዜ ኑሕ ዝነበሩ ሙእሚኒን ብምድሓኑ ኩሉ ካብኣቶም እተፋረየ ወለዶ ወዲ ሰብ ኣድሒኑ ማለት እዩ)

لِنَجْعَلَهَا لَكُمْ تَذْكِرَةً وَتَعِيَهَآ أُذُنٌ وَٰعِيَةٌ ﴿١٢﴾

12-ሓይሊ ኣላህ ኣፍሊጣ ምእንቲ መለበሚትን መዘኻኸሪትን ክትኮነኩምን እታ ኣጽኒዓ እትሕዝ እዝኒ ከተጽንዕን ኢና መቕጻዕቲ ህዝቢ ኑሕ ዝጠቐሰናልኩም።

فَإِذَا نُفِخَ فِى ٱلصُّورِ نَفْخَةٌ وَٰحِدَةٌ ﴿١٣﴾

13-ኣብታ ቀዳመይቲ ምንፋሕ ታቱላ ንሓደ ጊዜ ምስ ተነፍሐ:

وَحُمِلَتِ ٱلْأَرْضُ وَٱلْجِبَالُ فَدُكَّتَا دَكَّةً وَٰحِدَةً ﴿١٤﴾

14-ምድርን ጎቦታትን ካብ ቦትኡ ተላዒሉ ብሓንሳእ ምስ ተሓማሸሸ:

فَيَوْمَئِذٍ وَقَعَتِ ٱلْوَاقِعَةُ ﴿١٥﴾

15-ሽዕኡ እያ እታ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣተ ዓለም) እትመጽእ:

وَٱنشَقَّتِ ٱلسَّمَآءُ فَهِىَ يَوْمَئِذٍ وَاهِيَةٌ ﴿١٦﴾

16-ከምኡ'ውን መላኢካ ንኽወርዱ ሰማይ ተጨደደት እሞ ኣብዚ እዋን'ዚ ሰማይ ትሰንፍ:

وَٱلْمَلَكُ عَلَىٰٓ أَرْجَآئِهَا وَيَحْمِلُ عَرْشَ رَبِّكَ فَوْقَهُمْ يَوْمَئِذٍ ثَمَٰنِيَةٌ ﴿١٧﴾

17-መላኢካ'ውን ኣብ ፈቐዶ ወሰናስን ሰማይ ክዝርገሑ እዮም: ናይ ጎይታ ዙፋን ንግስነት'ውን ሸሞንተ መላኢካታት -ወይ ሸሞንተ መስርዕ መላኢካታት- ኣብ ልዕሊ ርእሶም ክስከምዎ እዮም:

يَوْمَئِذٍ تُعْرَضُونَ لَا تَخْفَىٰ مِنكُمْ خَافِيَةٌ ﴿١٨﴾

18-ሽዕኡ ንኽትፍረዱ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ደው ምስ በልኩም ካብ ኩሉ ኩነታትኩም ንጎይታ ዝሕበእ ነገር የለን:

19-ሽዑ እቲ መዝገቡ ብየማናይ ኢዱ ዝቕበል ሙእሚን ብታሕጓስ ዝኣክል "ንዑ እንሆልኩም መዝገበይ ኣንብቡ ይብል":

20-"ብሓቂ ኣነስ ጸብጻበይ ከምዝረክብ ርግጸኛ እየ ነይረ" ይብል:

21-ንሱ(እዚ ከምዚ ዝብል ሰብ) ኣብ ፍቱው ናብራ ይነብር:

22-ኣብታ ላዕለወይቲ ጀና(ገነት):

23-ፍርያታ ኣብ ቀረባ ዝኾነ (ደው ኢልካ ኮፍ ኢልካ በጥ ኢልካ እተርክቦ)

24-ኣብኡ ድማ "ብሰንኪ'ቲ ኣብተን ዝሓለፋ መዓልታት ኣዱንያ ዘሕለፍክምዎ ሰናይ ተግባራት ብልዑ፣ ስተዩ ብዘይ ገለ ጉድኣት" ይብሃሉ:

25-እቲ ብጸጋማይ ኢዱ መዝገቡ ዝወሃብ ሓጥያተኛ ግን ጣዕሳ እናተሰመየ "ብኻ መዝገበይ ዘይተዋሃብኩ" ይብል:

26-ጸብጻበይ'ውን እንተዘይፈልጠ ምሓሸኒ ኢሉ ይትምነ:

27-ብኻ እታ ሞተይ ትንሳኤ ዘይብላ መጨረሽታ ኮይና ነይራ:

28-ማለይን ሃብተይን ካብ ስቓይ ሳይታ ኣየገላገለንን ኣይጠቐመንን:

29-ንኣብሰይ ከውጽኡሉ ሓሲብ ዝነበርኩ መዝነተይን ክትዐይን ኩሉ በኺኑ" ይብል:

30-ሽዕኡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡ "ውሰድዎ መቕሑዎ(ኢዱ ምስ ክሳዱ ጠሚርኩም እሰርዎ:)

31-ብድሕሪኡ ኣብ እሳት ጀሃነም ኣጥሒልኩም ኣቃጽልዎ:

32-ብድሕሪኡ ሰብዓ እመት ዝቕመቱ ሰንሰለት ብኣፉ ኣእቲኹም ብመቕመጭኡ ከምዝወጽእ ግበርዎ:

فَأَمَّا مَنْ أُوتِيَ كِتَٰبَهُۥ بِيَمِينِهِۦ

فَيَقُولُ هَآؤُمُ ٱقْرَءُوا۟ كِتَٰبِيَهْ ﴿١٩﴾

إِنِّى ظَنَنتُ أَنِّى مُلَٰقٍ حِسَابِيَهْ ﴿٢٠﴾

فَهُوَ فِى عِيشَةٍ رَّاضِيَةٍ ﴿٢١﴾

فِى جَنَّةٍ عَالِيَةٍ ﴿٢٢﴾

قُطُوفُهَا دَانِيَةٌ ﴿٢٣﴾

كُلُوا۟ وَٱشْرَبُوا۟ هَنِيٓـًٔۢا بِمَآ أَسْلَفْتُمْ فِى

ٱلْأَيَّامِ ٱلْخَالِيَةِ ﴿٢٤﴾

وَأَمَّا مَنْ أُوتِىَ كِتَٰبَهُۥ بِشِمَالِهِۦ فَيَقُولُ

يَٰلَيْتَنِى لَمْ أُوتَ كِتَٰبِيَهْ ﴿٢٥﴾

وَلَمْ أَدْرِ مَا حِسَابِيَهْ ﴿٢٦﴾

يَٰلَيْتَهَا كَانَتِ ٱلْقَاضِيَةَ ﴿٢٧﴾

مَآ أَغْنَىٰ عَنِّى مَالِيَهْ ﴿٢٨﴾

هَلَكَ عَنِّى سُلْطَٰنِيَهْ ﴿٢٩﴾

خُذُوهُ فَغُلُّوهُ ﴿٣٠﴾

ثُمَّ ٱلْجَحِيمَ صَلُّوهُ ﴿٣١﴾

ثُمَّ فِى سِلْسِلَةٍ ذَرْعُهَا سَبْعُونَ ذِرَاعًا

فَٱسْلُكُوهُ ﴿٣٢﴾

إِنَّهُۥ كَانَ لَا يُؤْمِنُ بِٱللَّهِ ٱلْعَظِيمِ ﴿٣٣﴾

33-ብርግጽ እዚ ሰብ'ዚ በቲ ኣዝዩ ክቡር ኣላህ ይኣምን ኣይነበረን:

وَلَا يَحُضُّ عَلَىٰ طَعَامِ ٱلْمِسْكِينِ ﴿٣٤﴾

34-ንመስኪን ኣጥሙ ኢሉ'ውን የተባብዕ ኣይነበረን (ባዕሉ'ውን ንመስኪን ይህብ ኣይነበረን)

فَلَيْسَ لَهُ ٱلْيَوْمَ هَٰهُنَا حَمِيمٌ ﴿٣٥﴾

35-ስለዚ ኣብዛ መዓልቲ ቅያማ'ዚኣ ዝጠቕሞ ፈታውን ዓርክን የብሉን:

وَلَا طَعَامٌ إِلَّا مِنْ غِسْلِينٍ ﴿٣٦﴾

36-ብጅካ እቲ ምጉልን ሕጻብ ሰብ ጀሃነምን ካልእ ነገር ዝበልዖ'ውን የብሉን:

لَّا يَأْكُلُهُۥٓ إِلَّا ٱلْخَٰطِـُٔونَ ﴿٣٧﴾

37-እዚ ምግቢ ድማ ብጅካ እቶም ዘንበኛታት (ሓጥያተ ኛታት) ካልእ ዝበልዖ ሰብ የሎን:

فَلَآ أُقْسِمُ بِمَا تُبْصِرُونَ ﴿٣٨﴾ وَمَا لَا تُبْصِرُونَ ﴿٣٩﴾

38-39-በቲ እትርእይዎን በቲ ዘይትርእዎን ነገራት እምሕል:

إِنَّهُۥ لَقَوْلُ رَسُولٍ كَرِيمٍ ﴿٤٠﴾

40-ብርግጽ እዚ ቁርኣን ንባብ እቲ ክቡር ልኡኽ ከምዝኾነ: (ማለት ንባብ ልኡኽ ኣላህ ሙሓመድ ﷺ ናብ ደቂ ሰብ: ወይ ንባብ ናይ ጂብሪል ካብ ኣላህ ናብ ሙሓመድ ቁርኣን ዘመሓላለፈ):

وَمَا هُوَ بِقَوْلِ شَاعِرٍ ۚ قَلِيلًا مَّا تُؤْمِنُونَ ﴿٤١﴾

41-ከምኡ'ውን ቃል ገጣማይ ኣይኮነን: ግን ውሑድ እምነት ኢኹም እትኣምኑ:

وَلَا بِقَوْلِ كَاهِنٍ ۚ قَلِيلًا مَّا تَذَكَّرُونَ ﴿٤٢﴾

42-ከምኡ'ውን ቃል ጠንቂላይ ኣይኮነን: ግን ውሑድ ትዝክር ኢኹም እትዝክሩ:

تَنزِيلٌ مِّن رَّبِّ ٱلْعَٰلَمِينَ ﴿٤٣﴾

43-(እዚ ካብ ሙሓመድ እትሰምዕዎ ዘለኹም ቁርኣን) ካብ ጎይታ ዓለም ዝወረደ እዩ *(ኣልዓለሚን ንኹሉ ፍጡር ዘጠቓልል ቃል እዩ:)*

وَلَوْ تَقَوَّلَ عَلَيْنَا بَعْضَ ٱلْأَقَاوِيلِ ﴿٤٤﴾

44-ሙሓመድ ብኢደ-ወነንኡ ንሕና (ኣላህ) ዘይበልናዮ ቃል: ኣላህ ኢሉዎ እንተዝብል ኔሩ:

لَأَخَذْنَا مِنْهُ بِٱلْيَمِينِ ﴿٤٥﴾

45-ብርግጽ ብየማናይ ኢዱ ምሓዝናዮ (ማለት ምቐጻዕናዮ):

ثُمَّ لَقَطَعْنَا مِنْهُ ٱلْوَتِينَ ﴿٤٦﴾

46-ብድሕሪኡ ድማ መትኑ (ሱር ሂወቱ) በቲኽና

መህለቕናዮ (ወቲን: ኣብ ሕቆ ኮይኑ ምስ ልቢ ዝራኽብ ሱር እዩ: ንሱ እንተተቕሪጹ ወዲ ሰብ ይሃልቕ):

47- ንሙሓመድ እንተደኣ ክንቀጽየ ኩና'ውን ወላ ሓደ ካባኻትኩም ክዓግተናን ክኽልክለናን ኣይክእልን እዩ።

فَمَا مِنكُم مِّنْ أَحَدٍ عَنْهُ حَٰجِزِينَ ﴿٤٧﴾

48-ብርግጽ እዚ ቁርኣን ነቶም ሙተቂን (ኣብ መንጎኡምን ኣብ መንጎ ቁጣዐ ጎይታን ንኣላህ ብምምእዛዝ መከላኽሊ ዝገብሩ ሰባት) መዘኻኸሪ እዩ:

وَإِنَّهُۥ لَتَذْكِرَةٌ لِّلْمُتَّقِينَ ﴿٤٨﴾

49-ገለ ካባኻትኩም ነዚ ዘውረድናዮ ቁርኣን ከምዝኽሕድዎ ብርግጽ ንሕና ንፈልጥ ኢና:

وَإِنَّا لَنَعْلَمُ أَنَّ مِنكُم مُّكَذِّبِينَ ﴿٤٩﴾

50-ከምኡ'ውን ብርግጽ እዚ ቁርኣን'ዚ ነቶም ኩሓድቲ ኣብ ምጽኣተ ዓለም ዘይወጽእ ጣዕሳ ክኾኖም እዩ: (ስለ ዘይኣመ ኑሉ)

وَإِنَّهُۥ لَحَسْرَةٌ عَلَى ٱلْكَٰفِرِينَ ﴿٥٠﴾

51-ከምኡ'ውን ብርግጽ እዚ ቁርኣን'ዚ ዘየጠራጥር ግሉጽ ሓቂ እዩ።

وَإِنَّهُۥ لَحَقُّ ٱلْيَقِينِ ﴿٥١﴾

52-ስለዚ ንስም'ቲ ፍጹም ክቡርን ዓብይን ዝኾነ ጎይታኻ ካብ ኩሉ ጉድለታት ኣንጽሃዮ -ሰብሓዮ- (ብልዑል ኣስማቱ ደጋጊምካ ጥቐሶ ከም ሱብሓነላህ፣ ሱብሓነ ረቢየልዓዚም ብምባል)

فَسَبِّحْ بِٱسْمِ رَبِّكَ ٱلْعَظِيمِ ﴿٥٢﴾

سورة المعارج
ሱረቱል'መዓሪጅ (እቲ መዕረጊት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ብዛዕባ ክዉን ስቓይ ምጽኣተ ዓለም ሓታቲ ሓቲቱ:

سَأَلَ سَآئِلٌۢ بِعَذَابٍ وَاقِعٍ ﴿١﴾

2-እዚ ስቓይ'ዚ ኑዶም ኩሓድቲ እዩ: ዝዓገቶ ከኣ የብሉን:

لِّلْكَٰفِرِينَ لَيْسَ لَهُۥ دَافِعٌ ﴿٢﴾

3-እዚ ስቓይ'ዚ ካብ ኣላህ እቲ በዓል መዕረጊታት ዝመጽእ እዩ: (በዓል መዕረጊታት ማለት: በዓል እቲ መላኢካታት ንሰማይ ዝዓርጉሉ መዕረጊ: ወይ በዓል ሰማያት: ወይ በዓል ክብሪ)

مِّنَ ٱللَّهِ ذِى ٱلْمَعَارِجِ ﴿٣﴾

4-መላኢካታትን ጅብሪልን (ገብርኤል) ኣብታ ብሓምሳ ሽሕ ዓመት እትልካዕ ሓንቲ መዓልቲ ናብ ኣላህ ይዓርጉ: (እዚ ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም'ዩ ይብሉ ገለ ዑለማእ)

تَعْرُجُ ٱلْمَلَٰٓئِكَةُ وَٱلرُّوحُ إِلَيْهِ فِى يَوْمٍ كَانَ مِقْدَارُهُۥ خَمْسِينَ أَلْفَ سَنَةٍ ﴿٤﴾

5-ስለዚ -ኦ ሙሓመድ- ሰናይ ትዕግስቲ ተዓገስ: (ብሰንኪ ክሕደት ህዝብኻ ኣይትቆጣዕ ኣይተንጸርጽር ኣይትሸገር)

فَٱصْبِرْ صَبْرًا جَمِيلًا ﴿٥﴾

6-ብርግጽ እዞም ኩሓድቲ ንመዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ከምዘይመጽእ ገይሮም ይርእይዎ:

إِنَّهُمْ يَرَوْنَهُۥ بَعِيدًا ﴿٦﴾

7-ንሕና ግና ኣብ ቀረባ ግዜ ከምዝመጽእ ጌርና ንርእዮ (ኩሉ መጻኢ ቀረባ ስለ ዝኾነ)

وَنَرَىٰهُ قَرِيبًا ﴿٧﴾

8-ሰማይ ልክዕ ከም ምካኽ (ዓረር ወይ ምካኽ ነሃሲ ወይ ብሩር ወይ ከኣ ከም ፍሉሕ ሓተላ ዘይቲ) ዝኾነሉ መዓልቲ:

يَوْمَ تَكُونُ ٱلسَّمَآءُ كَٱلْمُهْلِ ﴿٨﴾

9-ኣኽራናት'ውን ከም እተፈተገን ብሕብሪ እተሓበረን ጸምሪ (ጸጉሪ በጊዕ) ትኸውን:

وَتَكُونُ ٱلْجِبَالُ كَٱلْعِهْنِ ﴿٩﴾

10-ዓርኪ ንዓርኩ፣ ዘመድ ንዘመዱ'ውን ብዛዕባ ሃለዋቱ ኣይሓቶን'ዩ ኑብሉ ብዝያዳ ስለ ዘሻቕለቶ:

وَلَا يَسْـَٔلُ حَمِيمٌ حَمِيمًا ﴿١٠﴾

11-ኣላህ ኣብ መዓልቲ ቅያማ ኣዝማድ ሃንሕድሕዶም የረኣእዮም: እቲ ወንጀለኛ ካብቲ ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ዝወርዶ ስቓይ ውላዱ በጃ ክኾንዎ ይትምነ:

يُبَصَّرُونَهُمْ يَوَدُّ ٱلْمُجْرِمُ لَوْ يَفْتَدِى مِنْ عَذَابِ يَوْمِئِذٍۭ بِبَنِيهِ ﴿١١﴾

12-ከምኡ'ውን ሰበይቱን ኣሕዋትን:

وَصَٰحِبَتِهِۦ وَأَخِيهِ ﴿١٢﴾

13-ከምኡ'ውን እታ እተዕቁቦ ዝኽረት ማይ-ቤቱን ቀቢላኡን:

وَفَصِيلَتِهِ ٱلَّتِى تُـْٔوِيهِ ﴿١٣﴾

14-ከምኡ'ውን ኩሉም እቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ፍጡራት በጃኡ ኮይኖም ብድሕሪኡ ነብሱ በዚ ነገር'ዚ ከድሕና ይትምካ:

وَمَن فِى ٱلْأَرْضِ جَمِيعًا ثُمَّ يُنجِيهِ ﴿١٤﴾

15-ኣይፋሉን: ካብዚ ስቓይ በጃ ዝኾኖ የለን: ብርግጽ ጀሃነም ቃልቃል እትብል እሳት እያ: *(ለዛ: ሓደ ካብቲ ናይ ጀሃነም ኣሰማት እዩ)*

كَلَّآ ۖ إِنَّهَا لَظَىٰ ﴿١٥﴾

16-ንቕርበትን ስጋን ካብ ዓጽሚ ብሓይሊ እትምንዝዕን እትቕልጥን እያ:

نَزَّاعَةً لِّلشَّوَىٰ ﴿١٦﴾

17-እዛ ጀሃነም ነቲ ኣብ ኣዱንያ ንሓቂ ዝባኑ ዝሃበን ካብ መገዲ ኢማን ዘዝለቐን ብስሙ ትጽውዖ: (ልክዕ ከምዛ ጭሩ ንእኽሊ እትኣሪ ከምኣ ትኣርዮም)

تَدْعُوا۟ مَنْ أَدْبَرَ وَتَوَلَّىٰ ﴿١٧﴾

18-ከምኡ'ውን ነቲ ማል ኣኪቡ ሰናይ ነገር ከይገበረሉን ኣብ ማዕከን ዝዓቑሮን ትጽውዖ:

وَجَمَعَ فَأَوْعَىٰٓ ﴿١٨﴾

19-ብርግጽ ወዲ ሰብ ኣዝዩ ርቡጽ'ዩ ተፈጢሩ:

* إِنَّ ٱلْإِنسَـٰنَ خُلِقَ هَلُوعًا ﴿١٩﴾

20-ሕሰም -ድኽነት- እንተደኣ ኣርኪባቶ ኣዝዩ ሰንባዲ እዩ:

إِذَا مَسَّهُ ٱلشَّرُّ جَزُوعًا ﴿٢٠﴾

21-ሰናይ -ሃብቲ- እንተደኣ ረኺቡ ድማ ምሒር ከላእን በቃቕን እዩ:

وَإِذَا مَسَّهُ ٱلْخَيْرُ مَنُوعًا ﴿٢١﴾

22-ብዘይካ'ቶም ሰገድቲ ሰላት: (ማለት ርቡጻት፣ ሰንበድትን ከላእትን ኣይኮኑን)

إِلَّا ٱلْمُصَلِّينَ ﴿٢٢﴾

23-እቶም ንሰላቶም ኣብ ወቕታን ብደምብታታን ከየቋረጹ ዝሰግዱ:

ٱلَّذِينَ هُمْ عَلَىٰ صَلَاتِهِمْ دَآئِمُونَ ﴿٢٣﴾

24-ከምኡ'ውን እቶም ኣብ ገንዘቦም ዘሉ ፍሉጥ ግዴታዊ ክፍሊት -ዘካት- ዘውጽኡ (ምጽዋት ዝምጽውቱ)

وَٱلَّذِينَ فِىٓ أَمْوَٰلِهِمْ حَقٌّ مَّعْلُومٌ ﴿٢٤﴾

25-ንድኻ ለማንን ንዘይልምንን ዘይፍለጥን ድኻን (ወይ ንገንዘቡ ኩሉ ብመዓት ዝበረሰ) ዝህቡ:

لِّلسَّآئِلِ وَٱلْمَحْرُومِ ﴿٢٥﴾

26-ከምኡ'ውን እቶም ብመዓልቲ ቅያማ (ብመዓልቲ ምጽኣተ ዓለም) ዝኣምኑ:

وَٱلَّذِينَ يُصَدِّقُونَ بِيَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿٢٦﴾

27-ከምኡ'ውን እቶም ካብ ስቓይ ጎይታኦም ዝፈርሁ:

وَٱلَّذِينَ هُم مِّنْ عَذَابِ رَبِّهِم مُّشْفِقُونَ ﴿٢٧﴾

إِنَّ عَذَابَ رَبِّهِمْ غَيْرُ مَأْمُونٍ ﴿٢٨﴾

28-ብርግጽ ስቓይ ጎይታኣም ንዓይ ኣይክትንክፈንን'ዩ ኢልካ ክትተኣማመኖ ዘይከኣል እዩ: (ማለት ካብኡ ኣዚኻ ክትጥንቀቕ ይግባእ):

وَٱلَّذِينَ هُمْ لِفُرُوجِهِمْ حَٰفِظُونَ ﴿٢٩﴾

29-ከምኡ'ውን እቶም ንብልዕቶም ካብ ዘይፍቀዶ ርክብ ዝሕልዉ:

إِلَّا عَلَىٰٓ أَزْوَٰجِهِمْ أَوْ مَا مَلَكَتْ أَيْمَٰنُهُمْ فَإِنَّهُمْ غَيْرُ مَلُومِينَ ﴿٣٠﴾

30-ብዘይካ ምስ ኣንስቶም ወይ ምስተን ብሸሪዓዊ ኣገባብ ዝመለኹወን ገረዳት እንተዘይኮይኑ: ስለዚ ብርግጽ እዞም ክብረት ስጋዊ ርክባቶም ዝሕልዉ ኣይውቀሱን እዮም:

فَمَنِ ٱبْتَغَىٰ وَرَآءَ ذَٰلِكَ فَأُو۟لَٰٓئِكَ هُمُ ٱلْعَادُونَ ﴿٣١﴾

31-ካብዚ ንንዮ ስጋዊ ስምዒቱ ከርዊ ዝደሊ ግን እቶም ጡሓስቲ ሕንጻጻት ጎይታ ጥራይ እዮም::

وَٱلَّذِينَ هُمْ لِأَمَٰنَٰتِهِمْ وَعَهْدِهِمْ رَٰعُونَ ﴿٣٢﴾

32-ከምኡ'ውን እቶም ንሕድርታ ቶምን ውዕላቶምን ዘኽብሩን ዝሕልዉን:

وَٱلَّذِينَ هُم بِشَهَٰدَٰتِهِمْ قَآئِمُونَ ﴿٣٣﴾

33-ከምኡ'ውን እቶም ከየሻረይ ሓቂ ከይሓብኡ ብቕንዕና ንምስክርነቶም ዜቕሙ:

وَٱلَّذِينَ هُمْ عَلَىٰ صَلَاتِهِمْ يُحَافِظُونَ ﴿٣٤﴾

34-ከምኡ'ውን እቶም ሰላቶም (ስግደቶም) ዝሕልዉ:

أُو۟لَٰٓئِكَ فِى جَنَّٰتٍ مُّكْرَمُونَ ﴿٣٥﴾

35-እቲኣቶም (እቶም ከምዚ ዝኣመሰሉ) ኣብ ጀና ብኽብረት ይነብሩ:

فَمَالِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ قِبَلَكَ مُهْطِعِينَ ﴿٣٦﴾

36-ኣ መሓመድ እንታይ ኮይኖም'ዮም እዞም ጥቓኻ ዘለዉ ኪሓድቲ መልእኽትኻ ንምኽሓድ ዝጓየዩን ዝቀላጠፉን:

عَنِ ٱلْيَمِينِ وَعَنِ ٱلشِّمَالِ عِزِينَ ﴿٣٧﴾

37-በብጉጅለ ብሸነኽ የማንን ጸጋምን ረሱሉ'ላህ(ልኡኽ ኣላህ) ኮይኖም ዝሳጸሱን ዝኣብዩን:

أَيَطْمَعُ كُلُّ ٱمْرِئٍ مِّنْهُمْ أَن يُدْخَلَ جَنَّةَ نَعِيمٍ ﴿٣٨﴾

38-ነፍሰ-ወከፍ ካብኣቶም ጀና ዝኣቱ ዶ ይመስሎ ይኸውን ንዓይ ንጎይታ እናኽሓደ?

كَلَّآ ۖ إِنَّا خَلَقْنَٰهُم مِّمَّا يَعْلَمُونَ ﴿٣٩﴾

39-ኣይፋሉን (ከምኡ ኣይኮነን) ብርግጽ ንሕና ካብቲ ዝፈልጥዎ ቀሊል ነገር ኢና ፈጢርናዮም: (ካብ ብብልዕቲ ዝወጽእ ማይ):

فَلَآ أُقۡسِمُ بِرَبِّ ٱلۡمَشَٰرِقِ وَٱلۡمَغَٰرِبِ إِنَّا لَقَٰدِرُونَ ﴿٤٠﴾ عَلَىٰٓ أَن نُّبَدِّلَ خَيۡرٗا مِّنۡهُمۡ وَمَا نَحۡنُ بِمَسۡبُوقِينَ ﴿٤١﴾

(40-41)-ስለዚ ብጎይታ ምብራቓትን ምዕራባትን[28] እም ሕል ብርግጽ ንሕና ጎይታኹም ካብቶም ኩሓድቲ ዝበልጹ ሰባት ፈጢርና በዞም ሓደሽቲ ፍጡራት ክንልወጦምን ክንትከኦምን ክእለት ከምዘሉና: ንሕና ድማ ኣይንሰዓር፣ ኣይንቕደም፣ ኣይንሰንፍን ኢና:

فَذَرۡهُمۡ يَخُوضُواْ وَيَلۡعَبُواْ حَتَّىٰ يُلَٰقُواْ يَوۡمَهُمُ ٱلَّذِي يُوعَدُونَ ﴿٤٢﴾

42-ስለዚ ኦ ሙሓመድ: ግደፎም ዘይከውን ዘረባ ይዛረቡን ይጻወቱን ክሳዕ እታ ተቓጺራቶም ዘላ መዓልቲ ቅያማ(ምጽኣት) ዝረኽቡ:

يَوۡمَ يَخۡرُجُونَ مِنَ ٱلۡأَجۡدَاثِ سِرَاعٗا كَأَنَّهُمۡ إِلَىٰ نُصُبٖ يُوفِضُونَ ﴿٤٣﴾

43-እታ ልክዕ ከም ናብ እተተኽለ ሽቶ ዝቀዳደሙ መሲሎም ካብ ቀብሪ ብህጹጽ ዝወጹላ መዓልቲ:

خَٰشِعَةً أَبۡصَٰرُهُمۡ تَرۡهَقُهُمۡ ذِلَّةٞۚ ذَٰلِكَ ٱلۡيَوۡمُ ٱلَّذِي كَانُواْ يُوعَدُونَ ﴿٤٤﴾

44- ኣዒንቶም ብሕስረት ታሕቲ እናጠመታ ውርደት ይዕብል ሎም: እዚ እዩ እቲ ተቓጺሮሞ ዝነበሩ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት)::

سُورَةُ نُوحٍ
ሱረቱ ኑሕ (ኖህ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ብርግጽ ንሕና(ኣላህ) "ቅድሚ'ቲ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ ስቓይ ናብ ህዝብኻ ምምጽኡ ኣጠንቅቆም" ኢልና ንኑሕ ናብ ህዝቡ ልኢኽናዮ:

إِنَّآ أَرۡسَلۡنَا نُوحًا إِلَىٰ قَوۡمِهِۦٓ أَنۡ أَنذِرۡ قَوۡمَكَ مِن قَبۡلِ أَن يَأۡتِيَهُمۡ عَذَابٌ أَلِيمٞ ﴿١﴾

28 - ኣብ ምሉእ ዓመት ፀሓይ መዓልታዊ እትበርቀሉን እትዓርበሉን ንቑጣ እተፈላለየ ስለ ዝኾነ ኣላህ ምብራቓትን ምዕራባትን ኢሉ ኣብዚሕዎ።

قَالَ يَٰقَوۡمِ إِنِّي لَكُمۡ نَذِيرٞ مُّبِينٌ ۝١

2-ኑሕ፡ "እ ህዝበይ ኣነ ብርግጽ ንዓኹም ካብ መቕጻዕቲ ሳይታ ዘጠንቅቐኩምን ሓቂ ዘበረሃልኩምን እየ" በለ:

أَنِ ٱعۡبُدُواْ ٱللَّهَ وَٱتَّقُوهُ وَأَطِيعُونِ ۝٢

3-ንኣላህ ኣምልኹ ተገዝኡ፡ ካብ ቁጥዓኡ እውን ተኸላኸሉ፡ ንዓይ ከኣ ተማእዘዙ፡

يَغۡفِرۡ لَكُم مِّن ذُنُوبِكُمۡ وَيُؤَخِّرۡكُمۡ إِلَىٰٓ أَجَلٖ مُّسَمًّىۚ إِنَّ أَجَلَ ٱللَّهِ إِذَا جَآءَ لَا يُؤَخَّرُۖ لَوۡ كُنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ۝٤

4-ኣላህ ምእንቲ ዘንበታትኩም ክምሕረኩም፡ ክሳዕ'ታ ቁርሕቲ ዕድሜኹም እትኣክል'ውን ኣብዛ ዓለም ካብ መቕጻዕቲ ኣድሒኑ ብሰላም ክጽንሓኩም: ብርግጽ እቲ ኣላህ ዝቁረሐ ዕድመ እንተኣኺሉ ድማ ኣይምለስን እዩ ትፈልጡ ኔርኩም እንተትኾኑ" በለ:

قَالَ رَبِّ إِنِّي دَعَوۡتُ قَوۡمِي لَيۡلٗا وَنَهَارٗا ۝٥

5-ኑሕ "እ ሳይታይ ብርግጽ ኣነ ንህዝበይ ለይቲ ምስ መዓልቲ ናብ መገዲ ሓቂ ጸዊዐዮም እየ" በለ

فَلَمۡ يَزِدۡهُمۡ دُعَآءِيٓ إِلَّا فِرَارٗا ۝٦

6-"እቲ ጻውዒተይ ድማ ብጀካ ብዝያዳ ካብ ሓቂ ምህዳምን ምርሓቕን እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣይወሰኽሉምን:

وَإِنِّي كُلَّمَا دَعَوۡتُهُمۡ لِتَغۡفِرَ لَهُمۡ جَعَلُوٓاْ أَصَٰبِعَهُمۡ فِيٓ ءَاذَانِهِمۡ وَٱسۡتَغۡشَوۡاْ ثِيَابَهُمۡ وَأَصَرُّواْ وَٱسۡتَكۡبَرُواْ ٱسۡتِكۡبَارٗا ۝٧

7-ከምኡ'ውን ኣብቲ ንምሕረት ዘብቅዕ እምኑት ክጽውየም እንከለኹ ንጻውዒተይ ንኸይሰ ምዑ ኣጻብዕቶም ኣብ ኣእዛኖ ም ሰኹዑ፡ ብኽዳኖም'ውን ተጎልበቡ፡ ኣብቲ ክሕደቶ ም'ውን ብዝያዳ ኣትከሉ፡ እዚ ዘይብሃል ትዕቢት ተዓብዮ ም'ውን ንእምኑት ነጸጉ:

ثُمَّ إِنِّي دَعَوۡتُهُمۡ جِهَارٗا ۝٨

8-ብድሕሪኡ'ውን ብርግጽ ኣነ ዓው ኢለ ንመገዲ እምኑት ጸዊዐዮም እየ:

ثُمَّ إِنِّيٓ أَعۡلَنتُ لَهُمۡ وَأَسۡرَرۡتُ لَهُمۡ إِسۡرَارٗا ۝٩

9-ቀጺለ'ውን ብርግጽ ብግሁድ ኣገብብ ይኹን ብጽጉዕ ምስጢራዊ ኣገብብ ጸዊዐዮም እየ:

فَقُلۡتُ ٱسۡتَغۡفِرُواْ رَبَّكُمۡ إِنَّهُۥ كَانَ غَفَّارٗا ۝١٠

10-ከምኡ'ውን ከምዚ በልኩ "ካብ ሳይታኹም ምሕረት ሕተቱ: ብርግጽ ንሱ እቲ ኣዝዩ ምሕረተኛ እዩ:

11-ምእንቲ ኣከታቲሉ ዝወቅዕ ዝናም ክሰደልኩም፣

يُرْسِلِ ٱلسَّمَآءَ عَلَيْكُم مِّدْرَارًا ﴿١١﴾

12-ጎንዘብን ወላድን'ውን ኣብዚሑ ክህበኩም፣ ጀራዲንን ወሓዚ ማይን'ውን (ኣብ ኣዱንያ) ክገብረልኩም:

وَيُمْدِدْكُم بِأَمْوَٰلٍ وَبَنِينَ وَيَجْعَل لَّكُمْ جَنَّٰتٍ وَيَجْعَل لَّكُمْ أَنْهَٰرًا ﴿١٢﴾

13-እንታይ ኪንኩም ኢኹም ንኣላህ እቲ ዝግበኦ ክብረትን ዕብየትን ዘይትህብዎ? (ማለት ካብ ክሕደት ርሒቕኩም ንዕኡ ጥራይ ኣምልኹ):

مَّا لَكُمْ لَا تَرْجُونَ لِلَّهِ وَقَارًا ﴿١٣﴾

14-ንሱ እንከሎ እቲ በብመድረኻት ዝፈጠረኩም: (መጀመርያ ኑጥፋ ድሕሪኡ ዓለቓ ድሕሪኡ ሙድቓ ድሕሪኡ ዓጽሚ.....ወዘተ እናገበረ ብመድረኻት ዝፈጠረኩም)[29]

وَقَدْ خَلَقَكُمْ أَطْوَارًا ﴿١٤﴾

15-ኣላህ ንሸውዓተ ሰማያት ደራረቡ ከመይ ገይሩ ከምዝፈጠሮ ኣይትረኡን ዲኹም?

أَلَمْ تَرَوْا۟ كَيْفَ خَلَقَ ٱللَّهُ سَبْعَ سَمَٰوَٰتٍ طِبَاقًا ﴿١٥﴾

16-ኣብኡ ድማ ንወርሒ ብርሃን ንፀሓይ ከኣ መብራህቲ ገይሩወን:

وَجَعَلَ ٱلْقَمَرَ فِيهِنَّ نُورًا وَجَعَلَ ٱلشَّمْسَ سِرَاجًا ﴿١٦﴾

17-ኣላህ እውን ንዓኹም ካብ ሓመድ ምድሪ ብርግጽ ኣብቆለኩም (ማለት እቲ መጀመርታ ኣፈጣጥራ ኣቦኹም ኣደም (ኣዳም) ካብ መሬት ስለዝኾነ ኹሉ ወዲ ኣዳም ካብ ምድሪ እዩ ተፈጢሩ):

وَٱللَّهُ أَنۢبَتَكُم مِّنَ ٱلْأَرْضِ نَبَاتًا ﴿١٧﴾

18-ብድሕሪኡ ድማ ምስ ሞትኩም ናብኣ ይመልሰኩም ከምኡ'ውን ኣብ መዓልቲ ቅያማ ብርግጽ ካብኣ የውጽኣኩም:

ثُمَّ يُعِيدُكُمْ فِيهَا وَيُخْرِجُكُمْ إِخْرَاجًا ﴿١٨﴾

29-ወዲ ሱብ ክፍጠር እንከሉ መጀመርያ ካብቲ ፈሳሲ ዘርኢ ተባዕታይ ጀሚሩ ናብ ሚህጸን ሰበይቲ ይመሓላለፍ: ኣብ'ዚ ሚህጸን'ውን ምስቲ ናይ ሰበይቲ ፈሳሲ ተሓዋዊሱ ናብ እተፈላለየ መድረኻት ይመሓላለፍ: ማለት መጀመርያ ከም ርጋእ ደም ይኸውን ብድሕሪኡ ከም ሕያኽ ስጋ ብድሕሪኡ ዓጽሚ ብድሕሪኡ እዚ ዓጽሚ ስጋ ይሽፈን...ወዘተ።

19-ኣላህ እዛ ምድሪ'ዚኣ እውን መንጸፍ ገይሩልኩም:

وَٱللَّهُ جَعَلَ لَكُمُ ٱلْأَرْضَ بِسَاطًا ﴿١٩﴾

20-ምእንቲ ሰፊሕ መገድታት ረኺብኩም ክትንቀሳቐሱላ:"

لِّتَسْلُكُوا۟ مِنْهَا سُبُلًا فِجَاجًا ﴿٢٠﴾

21-"እ ጎይታይ: ህዝበይ ኣይተማእዘዙንን: ኑቲ ብጥንዝቡን ብውላዱን ተታሊሉ ኣዝዩ ዝኸሰረን'ውን ተኸቲሎም" በለ ኑሕ (ማለት እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኑዮም ብዓለማዊ ረብሓ ተታሊሎም ክሕደት ዝመረጹ ሽማግለ ዓዲ ተኸተለ):

قَالَ نُوحٌ رَّبِّ إِنَّهُمْ عَصَوْنِى وَٱتَّبَعُوا۟ مَن لَّمْ يَزِدْهُ مَالُهُۥ وَوَلَدُهُۥٓ إِلَّا خَسَارًا ﴿٢١﴾

22-ኣዝዩ ዓቢ ውዲት ድማ ኣለሙ (እዮም ዓበይቲ ዓዲ ኑዮም ስድታት ንኑሕ ክቕትልዎ ኣተባብዕዎም):

وَمَكَرُوا۟ مَكْرًا كُبَّارًا ﴿٢٢﴾

23-"ከምኡ'ውን ንኣምላኻትኩም ምምላኽ ኣይትግደፉ ንወድ ይኹን ንሱዋዕ፣ ንየጉስ፣ ንየዑቕ፣ ንነስር ተባሂሉም ዝጽውዑ ኣምላኻትኩም ኣይትግደፉ" በሉ: (ህዝቢ ኑሕ ዘምልኽዎም ዝነበሩ ምስልታት እዚ እተጠቕሰ ኣስማት ሳሊሒን (ብጹኣን) ዝሓዘለ እዩ ነይሩ):

وَقَالُوا۟ لَا تَذَرُنَّ ءَالِهَتَكُمْ وَلَا تَذَرُنَّ وَدًّا وَلَا سُوَاعًا وَلَا يَغُوثَ وَيَعُوقَ وَنَسْرًا ﴿٢٣﴾

24-ብርግጽ'ውን ንብዙሓት ኣጋግ ዮምን ኣጥፈኦምን እዮም: እ ኣላህ ኑዮም ኪሓድቲ ብዘይካ ጥፍኣትን ክሳራን ካልእ ኣይትወስኾም "ኢሉ ኑሕ ﷺ ዱዓ ገበረ(ጸለየ):

وَقَدْ أَضَلُّوا۟ كَثِيرًا ۖ وَلَا تَزِدِ ٱلظَّٰلِمِينَ إِلَّا ضَلَٰلًا ﴿٢٤﴾

25-ብሰንኪ ብዝሒ ዘንብታቶም (ሓጥያቶም) ኣብ ማይ ኣይሂ ጠሓሉ: ኣብ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ድማ እሳት ጀሃነም ኣተዉ: ወላ ሓደ'ውን ዝደግ ፎምን ካብ መቕጻዕቲ ኣላህ ዝከላኸለሎምን ኣይረኸቡን:

مِّمَّا خَطِيٓـَٰٔتِهِمْ أُغْرِقُوا۟ فَأُدْخِلُوا۟ نَارًا فَلَمْ يَجِدُوا۟ لَهُم مِّن دُونِ ٱللَّهِ أَنصَارًا ﴿٢٥﴾

26-"እ ጎይታይ ኣብ ልዕሊ'ዛ ምድሪ የሞን ጻጋም እናበለ ዝንቀሳቐስ ካሕዳን ኣይትግደፍ" ኢሉ እውን ኑሕ ዱዓ ገበረ(ጸለየ):

وَقَالَ نُوحٌ رَّبِّ لَا تَذَرْ عَلَى ٱلْأَرْضِ مِنَ ٱلْكَٰفِرِينَ دَيَّارًا ﴿٢٦﴾

إِنَّكَ إِن تَذَرْهُمْ يُضِلُّوا۟ عِبَادَكَ وَلَا يَلِدُوٓا۟ إِلَّا فَاجِرًا كَفَّارًا ﴿٢٧﴾

27-"ምኽንያቱ ዝም ኩሓድቲ ኣብዛ ዓለም እንተደኣ ገዲፍካዮም ኑዮም ባሮትካ የጋግዩን የጥፍኡን ብዘይካ ኣዝዩ ርኹስ ኩሓዲ'ውን ካልእ ኣይወልዱን እዮም:

رَّبِّ ٱغْفِرْ لِى وَلِوَٰلِدَىَّ وَلِمَن دَخَلَ بَيْتِىَ مُؤْمِنًا وَلِلْمُؤْمِنِينَ وَٱلْمُؤْمِنَٰتِ وَلَا تَزِدِ ٱلظَّٰلِمِينَ إِلَّا تَبَارًا ﴿٢٨﴾

28-ኣ ጎይታይ ንዓይ፣ ንወለደይ፣ ንቤተይ ዝኣተወ ሙእሚን፣ ንኹሉም ምእመናን ምእመናትን ምሓር: ንኹሓድቲ ድማ ብዘይካ ክሳራን ህልቀትን ካልእ ኣይትወስኾም:" በለ:
(እዚ ኑሕ ዝገበሮ ዱዓ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንኑሕ ካብ ህዝቡ ብድሕሪ'ዚ ዝኣምን የለን ኢሉ ምስ ነገሮ እዩ)[30]

سورة الجن
ሱረቱል'ጂን (እቶም ጋኔን)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

قُلْ أُوحِىَ إِلَىَّ أَنَّهُ ٱسْتَمَعَ نَفَرٌ مِّنَ ٱلْجِنِّ فَقَالُوٓا۟ إِنَّا سَمِعْنَا قُرْءَانًا عَجَبًا ﴿١﴾

1-ኣ ሙሓመድ: ገለ ክፋል ካብ ኣጋንንቲ ቁርኣን እናተቐርኣ (እናተነበበ) ስለ ዝሰመዑ "ብርግጽ ዘገርም ቁርኣን ሰሚዕና" ከምዝበሉ ዋሕይ(ራእይ) መጺኡኒ እዩ በል:

يَهْدِىٓ إِلَى ٱلرُّشْدِ فَـَٔامَنَّا بِهِۦ ۖ وَلَن نُّشْرِكَ بِرَبِّنَآ أَحَدًا ﴿٢﴾

2-እዚ ቁርኣን ንቕንዕናን ንመገዲ ሓቅን ስለ ዝሕብር ድማ ብኡ ኣሚና: ምስ ጎይታና ድማ ወላ ሓደ ሽርካ ኣይክነእትወሉን ኢና:[31]

وَأَنَّهُۥ تَعَٰلَىٰ جَدُّ رَبِّنَا مَا ٱتَّخَذَ صَٰحِبَةً وَلَا وَلَدًا ﴿٣﴾

3-ብርግጽ'ውን ክብሪ ጎይታና ልዑል ይኹን: ብጸይቲ (ሰበይቲ) ትኹን ወይ ውላድ ንኑብሉ ኣይገበረን (በዓልቲ ቤትን ውላድን ንጎይታ

---

30 قال تعالى: ﴿وَأُوحِيَ إِلَىٰ نُوحٍ أَنَّهُۥ لَن يُؤْمِنَ مِن قَوْمِكَ إِلَّا مَن قَدْ ءَامَنَ﴾ هود ٣٦

31 ካብ "ብርግጽ ዘገርም ቁርኣን ሰሚዕና" እትብል ኣያ ቁ1 ጀሚሩ ክሳብ ኣያ ቁ15 እቲ ኣጋንንቲ ንብጾቶም ዝበልዎ ቃላት ዝገልጽ እዩ።

ክህልዎ ንኽብሩ ዘኮድል ነገር ስለ ዝኾነ ኣላህ ካብዚ ነገር'ዚ ንጹህ እዩ):

4-ብርግጽ'ውን እቶም ዓዓያሹና ብዛዕባ ኣላህ ካብ ገደብ ዝወጸ ቃል ይብሉ ነይሮም: (ማለት ጎይታ ሰበይትን ውላድን ኣለዎም እናበሉ ዘይከውን ዘረባ ይዛረቡ ነይሮም)

وَأَنَّهُۥ كَانَ يَقُولُ سَفِيهُنَا عَلَى ٱللَّهِ شَطَطًا ﴿٤﴾

5-ንሕና'ውን ደቂ ሰብ ይኹኑ ኣጋንንቲ ኣንጻር ኣላህ ሓሶት ከምዘይዛረቡ ኢና ንግምት ኔርና: (ማለት ብሓሶት ጎይታ ሽርካ ኣለዎ: ውላድ ኣለዎ ክብሉ ትጽቢትናን እምነትናን ኣይነበረን: ግን ሕጂ ቁርኣን ምስ ሰማዕና ገለ ሰባትን ኣጋንንትን ይሕስዉ ከምዝነበሩ በረሁልና)

وَأَنَّهُۥ كَانَ رِجَالٌ مِّنَ ٱلْإِنسِ يَعُوذُونَ بِرِجَالٍ مِّنَ ٱلْجِنِّ فَزَادُوهُمْ رَهَقًا ﴿٦﴾

6-ከምኡ'ውን ብርግጽ ካብ ደቂሰብ ገለ ሰብኡት ናብ ገለ ተባዕቶት ኣጋንንቲ ይዕቆቡ ብምንባሮም እዞም ኣጋንንቲ ኑቶም ደቂሰብ ብዝያዳ ዘንብን (ሓጥያትን) ድኽመትን ወሰኹዎም: (ኣብ ግዜ ጃሂሊያ ዓረብ ኣብ መዓሻእም ዘዕርፉሉ ሩባ ምስ ዝረኽቡ "ካብ እኽይ ዓያሹ'ዚ ሩባ ናብቶም ጎይተቶም እዕቆብ" ይብሉ ነበሩ)

7-ከምኡ'ውን ብርግጽ ደቂሰብ ግ ምቶም ልክዕ ከምቲ ናታትኩም ግ ምት "ኣላህ ወላ ሓደ ልኡኽ ኣይሰድድን'ዩ" ዝብል እምነት ኣሕደሩ: (ወይ ኣላህ ንወላ ሓደ ካብ ሞቱ ኣየተንስእን'ዩ ዝብል እምነት ኣሕደሩ):

وَأَنَّهُمْ ظَنُّوا۟ كَمَا ظَنَنتُمْ أَن لَّن يَبْعَثَ ٱللَّهُ أَحَدًا ﴿٧﴾

8-ከምኡ'ውን ንሕና ከም ኣመልና ወረ ክንጸናጸን ናብ ሰማይ ምስ ቀረብና ሰማይ ብጽኑዓት ሓለውትን ብእሳተ-ከዋኽብትን መሊኡ ረኺብናዮ:

وَأَنَّا لَمَسْنَا ٱلسَّمَآءَ فَوَجَدْنَٰهَا مُلِئَتْ حَرَسًا شَدِيدًا وَشُهُبًا ﴿٨﴾

9-ከምኡ'ውን ብርግጽ ካብቶም መላኢካታት ወረታት ሰማይ እንሰምዓሉ ቦታታት ነይሩ (ማለት ቅድሚ መልእኽቲ ኑብዩ ሙሓመድ ﷺ) ሕጂ ግን ክሰምዕ ዝፍትን ጋኔን እሳተ-ከዋኽብቲ ኣድብዩ ይረኽቦ:

وَأَنَّا كُنَّا نَقْعُدُ مِنْهَا مَقَٰعِدَ لِلسَّمْعِ ۖ فَمَن يَسْتَمِعِ ٱلْـَٔانَ يَجِدْ لَهُۥ شِهَابًا رَّصَدًا ﴿٩﴾

10-ከምኡ'ውን ነዞም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ፍጡራት እኽይ ድዩ

وَأَنَّا لَا نَدْرِىٓ أَشَرٌّ أُرِيدَ بِمَن فِى

ٱلْأَرْضِ أَمْ أَرَادَ بِهِمْ رَبُّهُمْ رَشَدًا ﴿١٠﴾

ተሓሲብሉም ዘሉ ወይስ ጎ ይታእም ሰናይ ነገር ደልዩሉም ይሃሉ ንሕና ብርግጽ ኣይንፈልጥን ኢና: (እዚ እቲ ዝጸናጸኑሉ ዝነበሩ መገዲ ሰማይ ምስ ተዓጽዎም ዝበልዎ ቃል እዩ):

وَأَنَّا مِنَّا ٱلصَّٰلِحُونَ وَمِنَّا دُونَ ذَٰلِكَ ۖ كُنَّا طَرَآئِقَ قِدَدًا ﴿١١﴾

11-ከምኡ'ውን ብርግጽ ገለ ካባና ሳሊሑን (ብጹኣን) ገለ ድማ ካብኣም ዝተሓቱ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኔርና: (ማለት ገለና ሙእሚኒን ገለና ድማ ኩሓድቲ)

وَأَنَّا ظَنَنَّآ أَن لَّن نُّعْجِزَ ٱللَّهَ فِى ٱلْأَرْضِ وَلَن نُّعْجِزَهُۥ هَرَبًا ﴿١٢﴾

12-ከምኡ'ውን ኣላህ እንተደኣ ገለ ነገር ክገብረና ደልዩ ካብ ድልዮቱ ከምዘይንወጽእን ሃዲምና'ውን ከም ዘይነስንፎን ብርግጽ ተኣሚና ኢና:

وَأَنَّا لَمَّا سَمِعْنَا ٱلْهُدَىٰٓ ءَامَنَّا بِهِۦ ۖ فَمَن يُؤْمِنۢ بِرَبِّهِۦ فَلَا يَخَافُ بَخْسًا وَلَا رَهَقًا ﴿١٣﴾

13-ከምኡ'ውን ነቲ ንቕንዕና ዝሕብር ቁርኣን ምስ ሰማዕና ብኡኡ ብሓቂ ኣሚና: እቲ ብኻይታኡ ዝኣምን ድማ ገለ ካብ መሰሉ ጎ ዲልዎ ክውጻዕን ካብ ዘይዘንብታቱ ምስካምን ኣይፈርህን እዩ:

وَأَنَّا مِنَّا ٱلْمُسْلِمُونَ وَمِنَّا ٱلْقَٰسِطُونَ ۖ فَمَنْ أَسْلَمَ فَأُو۟لَٰٓئِكَ تَحَرَّوْا۟ رَشَدًا ﴿١٤﴾

14-ከምኡ'ውን ብርግጽ ገለ ካባና ኣስላም ገለ ካባና ድማ መገዲ ሓቂ ዝገሃሱ እዮም: እቶም ቁርኣን ሰሚየም ዘመስለሙ እቶም ንቕንዕናን ንሓቅን ዝጠለቡን ዝመረጹን እዮም:

وَأَمَّا ٱلْقَٰسِطُونَ فَكَانُوا۟ لِجَهَنَّمَ حَطَبًا ﴿١٥﴾

15-እቶም መገዲ ሓቂ ዝገሃሱ ኩሓድቲ ግን ዕንጨይቲ ጀሃነም ኮይኖም ይቃጸሉ (ኣብ መዓልቲ ቅያማ)

وَأَلَّوِ ٱسْتَقَٰمُوا۟ عَلَى ٱلطَّرِيقَةِ لَأَسْقَيْنَٰهُم مَّآءً غَدَقًا ﴿١٦﴾

16-እቶም ኩሓድቲ ብኣላህ ኣሚኖም ኣብ መገዲ ሓቂ ሰጥ እንተዝብሉ ብርግጽ ዝናም ብብዝሒ መዝነብናሎም ኔርና:

لِنَفْتِنَهُمْ فِيهِ ۚ وَمَن يُعْرِضْ عَن ذِكْرِ رَبِّهِۦ يَسْلُكْهُ عَذَابًا صَعَدًا ﴿١٧﴾

17-እዚ ሸሻይ ከኣ ምእንቲ ብኡ ጌርና ንቕንፈትኖም እዩ: (የመስግኑ ዶ ኣየመስግኑን): እቲ ካብ ናይ ጎይታኡ ቁርኣን ተኣልዩ ብሓበሬታ ቁርኣን ዘይተማእዘዘ'ውን ኣላህ ኣብ ጽንኩርን ኣሽጋርን ስቓይ የእትዎ:

وَأَنَّ ٱلْمَسَٰجِدَ لِلَّهِ فَلَا تَدْعُوا۟ مَعَ ٱللَّهِ أَحَدًا ﴿١٨﴾

18-ኩሉ መሳጊዳት'ውን ናይ ኣላህ እዩ: ስለዚ ምስ ኣላህ ወላ ሓደ ኣይትጸውዑ (ኣይትስምኑ: ኣይተሻርኹ ዱዓኹም ናብኡ ጥራይ ወድሁ):

19-ከምኡ'ውን ባርያ ኣላህ ሙሓመድ ﷺ ቁርኣን እናቐረአ ክሰግድ እንከሎ ኣጋንንቲ ነቲ ዝቕራእ ዘሎ ቁርኣን ንምስማዕ ኣብ ርእሲ ርእሲ ተጸጋቒጦም እኽብ በሉዎ:

20-ኦ ሙሓመድ፡ "ኣነ ንጎይታይ ጥራይ እየ ዘምልኽ(ዝልምን፣ ዝግ ዛእ፣ ዝጽሊ) ወላ ሓደ ሽርካ'ውን ኣይገብረሉን እየ" በል:

21-ኦ ሙሓመድ: "ኣነ ጉድኣት ከውርደልኩም ይኹን ናብ ሰናይ መገዲ ከእትወኩም ዝመልኮ ሓይሊ የብለይን" በል:

22-ኦ ሙሓመድ፡ "ኣላህ ንዓይ ክጎድኣኒ እንተደልዩ ወላ ሓደ'ኳ ካብ ስቓይ ጎይታ ዘገላግለኒ የለን: ብዘይክኡ'ውን ዝዕቆበሉ ሽነኽ የብለይን" በል:

23-ብዘይካ ትእዛዛት ኣላህን መልእኽቱን ምብጻሕ እንተዘይኮይኑ ኣነ ዝውንኖን ንዓይ ዝጠቕመኒ ፍጡርን የለን: ንኣላህን ንልኡኹን ዘይምእዘዙ ድማ ብርግጽ መዋእሉም ዝኾበሩላ እሳተ ጀሃነም ኣላቶም: (በል)

24-እዞም ክሓድቲ ክሳዕ እቲ ተቐጺሮሞ ዘለዉ ስቓይ ዝረኡ ኣይእረሙን እዮም: ሽዑ ግን መን'ዩ እቲ በዓል ሰነፍ ደጋፍን ዉሑድ ቁጽርን ክፈልጡ እዮም(ማለት ንሶም ድዮም ወይስ ሙእሚኒን ዝዕወቱ?):

25-ኦ ሙሓመድ "እቲ ኣላህ ቆጺሩኩም ዘሎ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ቀረባ ድዩ ወይስ ሳ ይታይ ነዊሕ ቆጸራ ክፈልየሉ ድዩ? ኣነስ ኣይፈልጥን እየ" በል:

26-ንሱ ጥራይ እዩ እቲ ፈላጥ ስቱር ንወላ ሓደ'ውን እቲ ስቱር ነገር ኣይቀልዓሉን እዩ:

27-ብዘይካ ነቲ ኣላህ ዝረደየሉ ልኡኽ (ማለት ኣላህ ንዝመረጾም ልኡኻት ገለ ስቱር ነገራት ይቐልዓሎም እዩ) ንዕኡ ድማ ኣላህ

وَأَنَّهُۥ لَمَّا قَامَ عَبْدُ ٱللَّهِ يَدْعُوهُ كَادُوا۟ يَكُونُونَ عَلَيْهِ لِبَدًا ﴿١٩﴾

قُلْ إِنَّمَآ أَدْعُوا۟ رَبِّى وَلَآ أُشْرِكُ بِهِۦٓ أَحَدًا ﴿٢٠﴾

قُلْ إِنِّى لَآ أَمْلِكُ لَكُمْ ضَرًّا وَلَا رَشَدًا ﴿٢١﴾

قُلْ إِنِّى لَن يُجِيرَنِى مِنَ ٱللَّهِ أَحَدٌ وَلَنْ أَجِدَ مِن دُونِهِۦ مُلْتَحَدًا ﴿٢٢﴾

إِلَّا بَلَٰغًا مِّنَ ٱللَّهِ وَرِسَٰلَٰتِهِۦ ۚ وَمَن يَعْصِ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥ فَإِنَّ لَهُۥ نَارَ جَهَنَّمَ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدًا ﴿٢٣﴾

حَتَّىٰٓ إِذَا رَأَوْا۟ مَا يُوعَدُونَ فَسَيَعْلَمُونَ مَنْ أَضْعَفُ نَاصِرًا وَأَقَلُّ عَدَدًا ﴿٢٤﴾

قُلْ إِنْ أَدْرِىٓ أَقَرِيبٌ مَّا تُوعَدُونَ أَمْ يَجْعَلُ لَهُۥ رَبِّىٓ أَمَدًا ﴿٢٥﴾

عَٰلِمُ ٱلْغَيْبِ فَلَا يُظْهِرُ عَلَىٰ غَيْبِهِۦٓ أَحَدًا ﴿٢٦﴾

إِلَّا مَنِ ٱرْتَضَىٰ مِن رَّسُولٍ فَإِنَّهُۥ يَسْلُكُ مِنۢ بَيْنِ يَدَيْهِ وَمِنْ خَلْفِهِۦ

ብቕድሚቱን ብድሕሪቱን ዝሕልውዎ መላኢካታት ብርግጽ ገይሩሉ እዩ:

رَصَدًا ﴿٢٧﴾

28-እዚ ሓለዋ ድማ ኣላህ እቶም ልኡኻቱ መልእኽቲ ጎይታኣም ብርግጽ ከምዘብጽሑ ብግብሪ ንኽርእዩ: (ወይ ኣላህ ንኽርእዮ) ከምኡውን ኣላህ ኩሉ ኩነታት ልኡኻቱ ተቕጻጺርዎን ንኹሉ ነገር'ውን (ንኹሉም ፍጡራቱ) ብቑጽሪ ፈቒዱዎ እዩ:

لِّيَعْلَمَ أَن قَدْ أَبْلَغُوا۟ رِسَٰلَٰتِ رَبِّهِمْ وَأَحَاطَ بِمَا لَدَيْهِمْ وَأَحْصَىٰ كُلَّ شَىْءٍ عَدَدًا ﴿٢٨﴾

سورة المزمل
ሱረቱል'መዘሚል(እቲ እተጎልበበ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ጅብሪል ንመጀመርያ ግዜ ናብ ነብይና መሓመድ መልእኽቲ ኣላህ ምስ ኣብጽሐ ነብይና መሓመድ ﷺ በዚ ሓድሽ ኣጋጣሚ ሰንቢዱ ነብሉ ስለዘንቀጥቀጠ ሸፍኑኒ ጎልብቡኒ ደርቡኒ እናበለ ንጥዘኡ ኣተወ: ብድሕሪ'ዚ ኣላህ ንነብይና መሓመድ ኣብዛ ሱራን ኣብታ እትስዕባ ሱራን "ኦ ኣንታ ተሸፋኒ" ኢሉ ጸወየ: እቲ ትንቢቱ ኣብዘን ክልተ ሱራ ምስ እተረጋገጸሉ ብድሕሪኡ "ኦ ኣንታ ነብይ ኦ ኣንታ ረሱል" ኢሉ ጸወየ:

1-ኦ ኣንታ ተጎልባቢ:

يَٰٓأَيُّهَا ٱلْمُزَّمِّلُ ﴿١﴾

2-ብጀካ ውሑድ ሰዓታት: ለይቲ ብምሉኡ ተሲእካ ስገድ:

قُمِ ٱلَّيْلَ إِلَّا قَلِيلًا ﴿٢﴾

(3-4)ፍርቁ ወይ ቁሩብ ካብ ፍርቂ ኣጉዲልካ: ወይ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ወስኽ: ቁርኣን'ውን ሃዲእካ ብደንቢ ቅርኣዮ (ኣንብቦ)[32]

نِّصْفَهُۥٓ أَوِ ٱنقُصْ مِنْهُ قَلِيلًا ﴿٣﴾ أَوْ زِدْ عَلَيْهِ وَرَتِّلِ ٱلْقُرْءَانَ تَرْتِيلًا ﴿٤﴾

5-ብርግጽ ንሕና ከቢድ ቃል ከነውርደልካ ኢና (ማለት ትእዛዛቱን ደንብታቱን ግዴታ ቱን.... ከቢድ እዩ)

إِنَّا سَنُلْقِى عَلَيْكَ قَوْلًا ثَقِيلًا ﴿٥﴾

6-ብርግጽ ለይቲ ካብ ድቃስ ተሲእካ ምስጋድ እቲ ዝኸበደን

إِنَّ نَاشِئَةَ ٱلَّيْلِ هِىَ أَشَدُّ وَطْـًٔا وَأَقْوَمُ

32- ሰላት ለይቲ(ሰላቱ'ለይል) ኣብ መጀመርታ እስልምና ግዴታ እዩ ኔሩ: ንሓደ ዓመት ዝኣክል እውን በዚ መሰረት ተሰጊዱ: ድሕሪ ዓመት ግን እዛ ኣብ መጨረሽታ'ዛ ሱራ ዘላ ኣያ ቁ 20 ምስ ወረደት ሰላት ለይቲ -ናፊላ-ዘይግዴታዊ ኮይኑ::

ዝበርተወን ስግደት'ይ: ከም ኡ'ውን ቁርኣን ብለይቲ ምቕራእ ዝበለጸን ዝሓሸን እዩ: (ህድኣት ለይቲ ስለእተሓወሰ):

قِيلاً ﴿٦﴾

7-ብርግጽ ኣብ ግዜ ቐትሪ ላዕልን ታሕትን ኢልካ ኣድላዪ ስራሕካ እትፍጽመሉ ነዊሕ ግዜ ኣለካ: (ስለዚ ብለይቲ ስገድ):

إِنَّ لَكَ فِي ٱلنَّهَارِ سَبۡحًا طَوِيلاً ﴿٧﴾

8-ስም ጎይታ'ካ'ውን ብኽብሪ ዝኽር: ለይቲ ምስ መዓልቲ ካብ ኩሉ ርክባት ነዚህ'ካ'ውን ነብስኻ ንኣምልኾት ጎይታ ኣወፈ:

وَٱذۡكُرِ ٱسۡمَ رَبِّكَ وَتَبَتَّلۡ إِلَيۡهِ تَبۡتِيلاً ﴿٨﴾

9-ጎይታ ምብራቕን ጎይታ ምዕራብን: ብዘይካ ንሱ(ኣላህ) ሓቀኛ ኣምልኾት ዝግብኦ የለን: ስለዚ ወኪልካ ግበሮ:

رَّبُّ ٱلۡمَشۡرِقِ وَٱلۡمَغۡرِبِ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ فَٱتَّخِذۡهُ وَكِيلاً ﴿٩﴾

10-ኦ ሙሓመድ: ከሓድቲ ብዝብልዎ ዘለዉ ኣይተንጸርጽር፣ ተዓገስ: ብሰናይ ኣገባብ'ውን ካብኣም ርሓቕ፣ ግደፎም:

وَٱصۡبِرۡ عَلَىٰ مَا يَقُولُونَ وَٱهۡجُرۡهُمۡ هَجۡرًا جَمِيلاً ﴿١٠﴾

11-እዞም ሰብ ጸጋን ርኽባት ከሓድትን ንዓይ ግደፎም ብኣኣም ኣይትሸገር: ቅሩብ ግዜ' ውን (ዕድል) ሃቦም:

وَذَرۡنِي وَٱلۡمُكَذِّبِينَ أُوْلِي ٱلنَّعۡمَةِ وَمَهِّلۡهُمۡ قَلِيلاً ﴿١١﴾

12-ብርግጽ ንሕና ሞቕሑትን ጓሃሪት እሳትን ኣለና:

إِنَّ لَدَيۡنَآ أَنكَالاً وَجَحِيمًا ﴿١٢﴾

13-ሓናቒ መግብን ኣዝዩ ኣቒንዛዊ ስቓይን እውን ኣለና:

وَطَعَامًا ذَا غُصَّةٍ وَعَذَابًا أَلِيمًا ﴿١٣﴾

14-ኣብታ ኣኽራናትን ምድርን ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ዘንቀጥቅጥ ጡላ መዓልቲ: ኣኽራናት ድማ ልክዕ ከም ፈሳሲ ኩምራ ሑጻ ይኸውን:

يَوۡمَ تَرۡجُفُ ٱلۡأَرۡضُ وَٱلۡجِبَالُ وَكَانَتِ ٱلۡجِبَالُ كَثِيبًا مَّهِيلاً ﴿١٤﴾

15-ከምቲ ንፈርየን ልኡኽ (ሙሳ) ዝለኣኽናሉ ንዓኻትኩም እውን ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ዝምስክረልኩም ልኡኽ (ሙሓመድ) ብርግጽ ልኢኽናልኩም ኢና:

إِنَّآ أَرۡسَلۡنَآ إِلَيۡكُمۡ رَسُولاً شَٰهِدًا عَلَيۡكُمۡ كَمَآ أَرۡسَلۡنَآ إِلَىٰ فِرۡعَوۡنَ رَسُولاً ﴿١٥﴾

16-ፈርየን ግን ነቲ ልኡኽ (ን ሙሳ) ስለ ዝኸሓደን ስለዘይተ ማእዘዘን ብርቱዕ መቕጻዕቲ ቀጺዕናዮ:

فَعَصَىٰ فِرۡعَوۡنُ ٱلرَّسُولَ فَأَخَذۡنَٰهُ أَخۡذًا وَبِيلاً ﴿١٦﴾

فَكَيْفَ تَتَّقُونَ إِن كَفَرْتُمْ يَوْمًا يَجْعَلُ ٱلْوِلْدَٰنَ شِيبًا ﴿١٧﴾

17-እንተደኣ ክሓድኩም ከመይ ጌርኩም ኢኹም እሞ ኑቲ ስቓይ እትከላኸልዎ ኣብታ ሕጻናት ጸጉሮም ዝስይቡላ መዓልቲ ቅያማ(ምጽኣት)። (ማለት ክትከላኸሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም)

ٱلسَّمَآءُ مُنفَطِرٌۢ بِهِۦ ۚ كَانَ وَعْدُهُۥ مَفْعُولًا ﴿١٨﴾

18-ሰማይ ብሰንኪ'ዚ መዓልቲ ተተርጊኡ: (መላኢካ ንኽወርዱ) ውዕል ኣላህ ድማ ክዉን እዩ:

إِنَّ هَٰذِهِۦ تَذْكِرَةٌ ۖ فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ سَبِيلًا ﴿١٩﴾

19-ብርግጽ እዚ ኹሉ እተጠቕሰ መዘኻኸሪ እዩ: ስለዚ በዓል ድልየት ናብ ጎይታኡ እተብጽሐ መገዲ እምነትን ምእዛዝን ሒዙ ይጓዓዝ:

۞ إِنَّ رَبَّكَ يَعْلَمُ أَنَّكَ تَقُومُ أَدْنَىٰ مِن ثُلُثَيِ ٱلَّيْلِ وَنِصْفَهُۥ وَثُلُثَهُۥ وَطَآئِفَةٌ مِّنَ ٱلَّذِينَ مَعَكَ ۚ وَٱللَّهُ يُقَدِّرُ ٱلَّيْلَ وَٱلنَّهَارَ ۚ عَلِمَ أَن لَّن تُحْصُوهُ فَتَابَ عَلَيْكُمْ ۖ فَٱقْرَءُوا۟ مَا تَيَسَّرَ مِنَ ٱلْقُرْءَانِ ۚ عَلِمَ أَن سَيَكُونُ مِنكُم مَّرْضَىٰ ۙ وَءَاخَرُونَ يَضْرِبُونَ فِى ٱلْأَرْضِ يَبْتَغُونَ مِن فَضْلِ ٱللَّهِ ۙ وَءَاخَرُونَ يُقَٰتِلُونَ فِى سَبِيلِ ٱللَّهِ ۖ فَٱقْرَءُوا۟ مَا تَيَسَّرَ مِنْهُ ۚ وَأَقِيمُوا۟ ٱلصَّلَوٰةَ وَءَاتُوا۟ ٱلزَّكَوٰةَ وَأَقْرِضُوا۟ ٱللَّهَ قَرْضًا حَسَنًا ۚ وَمَا تُقَدِّمُوا۟ لِأَنفُسِكُم مِّنْ خَيْرٍ تَجِدُوهُ عِندَ ٱللَّهِ هُوَ خَيْرًا وَأَعْظَمَ أَجْرًا ۚ وَٱسْتَغْفِرُوا۟ ٱللَّهَ ۖ إِنَّ ٱللَّهَ غَفُورٌ رَّحِيمٌ ﴿٢٠﴾

20-ኣ ሙሓመድ ንስኻ ሓንቲ ጉጅለ ካብቶም ምሳኻ ዘለዉን ካብ ክልተ ሲሶ ለይቲ ቅሩብ ዝጎደለን ፍርቂ ለይትን ሓደ ሲሶ ለይትን ተሲእኩም ከምእትሰግዱ ጎይታኻ ይፈልጥ እዩ: ኣላህ'ውን ንለይትን መዓልትን ዝቕይስ እዩ: (ክንደየናይ ከምዝተሳእኩም ይፈልጥ) ንስኹም'ውን ዓቕኑ ክትፈልጡ (ወይ ምሉእ ለይቲ ክትሰግዱ) ክእለት ከምዘይብ ልኩም ስለ ዝፈልጥ ምሒሩ ኩም እዩ: ስለዚ ብለይቲ ይኹን ብመዓልቲ ካብቲ ዝቐለለልኩም ቁርኣን ቅርኡ፣ ኣላህ ገለ ካባኻትኩም ሕሙማት ገለ ድማ ጸጋ ጎይታ ንምንዳይ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ዝዝዉ፣ ገለ ድማ ምእንቲ ኣላህ ዝዋግኡ ከምዘለዉ ስለ ዝፈልጥ (እዚኣቶም ድማ ለይቲ ካብ ድቃስ ተሲእም ንኽሰግዱ ይብርትየም እዩ) ዝቐለለልኩም ቁርኣን ቅርኡ: እታ ግዴታዊት ሰላት (ፈርድ) ኣቐሙ፣ ዘካት (ምጽዋት) እውን ሃቡ፣ ዝኹነ ይኹን ኣብዛ ኣዱንያ እትገብርዎ ሰናይ ግብሪ ምስ ኣላህ ክትረኽብዎ ኢኹም ኣብ መዓልቲ ቅያማ:

ንሱ እዩ ድማ እቲ ብሉጽን ኣዝዩ ዓቢ ጸማን: ንኣላህ'ውን ምሕረት ሕተቱ: ብርግጽ ኣላህ ፍጹም መሓርን ኣዝዩ ራህራህን እዩ::

سـورة المدثـر
ሱረቱል'ሙደሲር (እቲ እተሸፈነ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ኦ ኣንታ ተሸፋኒ[33]:

يَٰٓأَيُّهَا ٱلْمُدَّثِّرُ ﴿١﴾

2-ተንስእ እሞ ንዝኽሓደ ኽኣ ኣጠንቅቕ:

قُمْ فَأَنذِرْ ﴿٢﴾

3-ንኣይታኻ ኣላህ'ውን ·ኣዕቢይ: (ፍጹም ዓቢ ምኻኑ ብእምነትካን ብግብርኻን ግለጽ)

وَرَبَّكَ فَكَبِّرْ ﴿٣﴾

4-ንኽኖንካ'ውን ካብ ርስሓት(ኑኃሳ) ኣንጽህ (ወይ ንኑብስኻ ካብ ዘንቢ-ሓጢኣት- ኣንጽህ):

وَثِيَابَكَ فَطَهِّرْ ﴿٤﴾

5-ንስእልን ምስልን ራሕርሕ፤ (ኣይት ቕረቦም ኣይተምልኮም:)

وَٱلرُّجْزَ فَٱهْجُرْ ﴿٥﴾

6-ካብቲ ዝሃብካዮ ዝያዳ ንኽወሃበካ (ንኽምለሰካ) ኢልካ ህያብ ኣይትሃብ (ወይ እቲ ንኣላህ ኢልካ እትገብሮ ሰናይ ግብሪ ኣይተስተባዝሖ):

وَلَا تَمْنُن تَسْتَكْثِرُ ﴿٦﴾

7-ንኣይታኻ ኣላህ ኢልካ ተዓገስ (ኩሉ እቲ ኣላህ ዝኣዘዞካ ትእዛዛት ንምፍጻምን ካብ ህዝብኻ ዝወርደካ ጉድኣትን ብትዕግስቲ ግጠሞ):

وَلِرَبِّكَ فَٱصْبِرْ ﴿٧﴾

8-እቲ ታቱላ ድማ ምስ ተነፍሐ (እዚኣ ድማ እታ ካልኣይቲ ምንፋሕ ፍጡራት ኩሎም ካብ ሞት ዝትንስኡላ እያ):

فَإِذَا نُقِرَ فِى ٱلنَّاقُورِ ﴿٨﴾

33-ናብ ዝሓለፈት ሱራ ቁ73 ተመሊስካ ተወከስ:

فَذَٰلِكَ يَوْمَئِذٍ يَوْمٌ عَسِيرٌ ﴿٩﴾

9-እቲ መዓልቲ እቲ: ጽንኩር መዓልቲ'ቲ ቅያማ (ምጽኣት) እዩ:

عَلَى ٱلْكَٰفِرِينَ غَيْرُ يَسِيرٍ ﴿١٠﴾

10- እዚ መዓልቲ'ዚ ኑዮም ክሓድቲ ቀሊል ኣይኮነን:

ذَرْنِى وَمَنْ خَلَقْتُ وَحِيدًا ﴿١١﴾

11-ንበይነይ ግደፈኒ ምስ'ዚ (ኣብ ክብዲ ኣዲኡ ብዘይ ማልን ውላድን) ንበይኑ ዝፈጠርክዎ (ንሱ ድማ ኣልወሊድ ወዲ ኣልሙቒራ ኣልመኽዙሚ እተባህለ ኣብ ግዜ ረሱል ሙሓመድ ﷺ ብርቱዕ ተጻባኢ እስልምና ዝነበረ እዩ):

وَجَعَلْتُ لَهُۥ مَالًا مَّمْدُودًا ﴿١٢﴾

12-ከምኡ'ውን ብድሕሪ ምፍጣሩ ብዙሕ ማል ሂበዮ:

وَبَنِينَ شُهُودًا ﴿١٣﴾

13-ከምኡ'ውን ካብኡ ዘይፍለዩ ምስኡ ዝነበሩ ውላድ ሂበዮ: (ደቁ 13 እኹላት ሰብኡት ኣብ መካ ምስኡ ይቕመጡ ነይሮም)

وَمَهَّدتُّ لَهُۥ تَمْهِيدًا ﴿١٤﴾

14-ምሹው ናብራ ኣጣጣሕኩሉ (ብማል፣ ብውላድ፣ ብሂወት ዕድመ፣ ብመዝኑት...)

ثُمَّ يَطْمَعُ أَنْ أَزِيدَ ﴿١٥﴾

15-ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ድማ ዝያዳ ክውሰኽ ይምነን ተሰፋ ይገብርን ኣሉ:

كَلَّآ ۖ إِنَّهُۥ كَانَ لِـَٔايَٰتِنَا عَنِيدًا ﴿١٦﴾

16-ኣይፋሉን ኣይንውሰኽን ኢና: ብርግጽ ንሱ ኑቲ ዘውረድናዮ ቁርኣንን ዝለኣኽናዮ ልኡኽን ነቓጽ ተቓዋማይን ነጸጋይን እዩ:

سَأُرْهِقُهُۥ صَعُودًا ﴿١٧﴾

17-ብዕረፍቲ ዘይብሉ ስቓይ ኣሳቒየ ክትዕቦ እየ: (ወይ ኑቲ ኣብ ጀሃነም ዝርከብ ኣስዑድ ዝብሃል ብእሳት እተነድቀ ጎቦ ንኽድይብ ክግድዶ እየ):

إِنَّهُۥ فَكَّرَ وَقَدَّرَ ﴿١٨﴾

18-ብርግጽ ንሱ ብዛዕባ ኑብይ ሙሓመድ ሓሲቡ ሓሳሲቡ እንታይ ከምዝብል'ውን ዘረባ ኣብ ነፍሱ ኣዳልዩ:

19-ዘረባ ብዘዳለዎ የዳሉ ደኣ'ምበር ንሱስ ተረጊሙ(ተላዒኑ) እዩ:[34]

فَقُتِلَ كَيْفَ قَدَّرَ ﴿١٩﴾

20-እንደገና'ውን ተረጊሙ (ተላዒኑ) እዩ: ዘረባ ብዘዳለዎ የዳሉ:

ثُمَّ قُتِلَ كَيْفَ قَدَّرَ ﴿٢٠﴾

21-ቀስ ኢሉ ድማ ሓሰበ ንቁርኣን ዝጻረር ሓሳብ ንኽህብ:

ثُمَّ نَظَرَ ﴿٢١﴾

22-ብድሕሪኡ'ውን ብክቱር ሓሳብ ገጹ ኣሰረ ጸዋወገ:

ثُمَّ عَبَسَ وَبَسَرَ ﴿٢٢﴾

23-ብድሕሪኡ'ውን ካብ እምኑት ኣድሓርሓረን ንሓቂ ብትዕቢት ነጸገን:

ثُمَّ أَدْبَرَ وَٱسْتَكْبَرَ ﴿٢٣﴾

24-"እዚ ቁርኣን'ዚ መሓመድ ﷺ ካብ ካልኦት ዝዕለሞ ዘሎ ስራይ(ሽሕር) ጥራይ እዩ" በለ:

فَقَالَ إِنْ هَٰذَآ إِلَّا سِحْرٌ يُؤْثَرُ ﴿٢٤﴾

25-እዚስ ቃል ደቂሰብ ጥራይ እዩ (በለ):

إِنْ هَٰذَآ إِلَّا قَوْلُ ٱلْبَشَرِ ﴿٢٥﴾

26-ኣብ እሳተ ጀሃነም ከእትዎ እየ[35] (ሰቐር ሓደ ካብቲ ኣስማት ናይ ጀሃነም እዩ):

سَأُصْلِيهِ سَقَرَ ﴿٢٦﴾

27-ሰቐር ከ እንታይ ምኻና ብሓቂ ትፈልጥ ዶ?

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا سَقَرُ ﴿٢٧﴾

28-ንዝኾነ ኣብኣ ዝኣተወ ምንም ኣይተትርፈሉ ምንም ኣይትገድ ፈሉ:

لَا تُبْقِي وَلَا تَذَرُ ﴿٢٨﴾

29-ቆርበት ኣቃጺላ ሕብሩ ኣብ ጸሊም ትልውጦ:

لَوَّاحَةٌ لِّلْبَشَرِ ﴿٢٩﴾

30-ኣብ ጀሃነም ድማ ንዓኣ ዝሕልዉ ዓሰርተውትሽዓተ መላኢካ ኣለዉ:[36]

عَلَيْهَا تِسْعَةَ عَشَرَ ﴿٣٠﴾

31-እቶም ንእሳተ ጀሃነም ዝሕልዉ መላኢካ ጥራይ ኢና ጌርናዮም: ቁጽሮም ዓሰርተውትሽዓተ ዝገበርናዮ ድማ እቶም ካሕዳናት ንኽፍተኑን ንኽጋገጹን፣ እቶም ቅድሚ ሕጂ መጽሓፍ

وَمَا جَعَلْنَآ أَصْحَٰبَ ٱلنَّارِ إِلَّا مَلَٰٓئِكَةً ۙ وَمَا جَعَلْنَا عِدَّتَهُمْ إِلَّا فِتْنَةً لِّلَّذِينَ

---

34 ከምቲ ብትግርኛ "ይቀዙፍ" ኢልካ ንሰብ እትረግሞ ከምኡ ማለት እዩ።
35 ካብዘ ኣያ ጀሚርካ ኣላህ ንኣልወሊድ ወዲ ኣልሙጂራ ዝሃደደሉ ኣያታት እዩ።
36 ኣቡ ጃህል እዛ ኣያ ምስ ወረደት: ሙሓመድ 19 ጥራይ እዮም ሠራዊቱ ስለዚ 100 ካባና'ዶ ንሓደ ኣሕሚቕም ካብ ጀሃነም ምውጻእ ከይስእኑ በለ'ሞ ኣላህ እታ ብድሕሪኣ ዘላ ኣያ ኣውሪዱ መለሰሉ:

كَفَرُوا۟ لِيَسْتَيْقِنَ ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَٰبَ
وَيَزْدَادَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓا۟ إِيمَٰنًا ۙ وَلَا يَرْتَابَ
ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَٰبَ وَٱلْمُؤْمِنُونَ ۙ
وَلِيَقُولَ ٱلَّذِينَ فِى قُلُوبِهِم مَّرَضٌ
وَٱلْكَٰفِرُونَ مَاذَآ أَرَادَ ٱللَّهُ بِهَٰذَا مَثَلًا ۚ
كَذَٰلِكَ يُضِلُّ ٱللَّهُ مَن يَشَآءُ وَيَهْدِى مَن
يَشَآءُ ۚ وَمَا يَعْلَمُ جُنُودَ رَبِّكَ إِلَّا هُوَ ۚ
وَمَا هِىَ إِلَّا ذِكْرَىٰ لِلْبَشَرِ ﴿٣١﴾

ዘውረድናሎም ኣይሁዳውያንን ክርስትያን'ውን (እዚ ቁጽሪ'ዚ ልክዕ ኣብ ተውራትን ኢንጂልን (ኦሪትን ወንጌልን) ስለ እተጠቕሰ እምኑቶም ንኽጸንዓሎም፣ እቶም ሙእሚኒን (ኣስላም)'ውን እምኑቶም ንኽዛይድ፣ እቶም ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ኣስላምን ድማ በዚ እተዋህበ ቁጽሪ መላኢካ ፈጺሞም ንኽይጠራጠሩ፣ እቶም ኣብ ልቦም ሕማም ጥርጠራ ዘለዎም ሙናፈቕንን እቶም ኩሓድት ን'ውን ኣላህ በዚ ቁጽሪ እዚ እንታይ እዩ ደልዩ ንኽብሉ፣ ኣላህ ከምዚ ገይሩ ንዝደለየ የጋግይ ንዝደለየ'ውን የቕንዕ: ብዝሒ ሰራዊት ኣላህ ድማ ብጀካ ኣላህ ካልእ ዝፈልጦም የለን: እዛ እተጠቕሰት ጀሃነም ድማ ደቂሰብ ንምዝኽኻርን ንምጥንቃቕን ጥራይ እያ ተጠቒሳ:

كَلَّا وَٱلْقَمَرِ ﴿٣٢﴾

32-ኣይፋሉን (ከምቲ ኣቡ ጃህል ዝበሎ ኣይኮነን) በታ ወርሒ እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذْ أَدْبَرَ ﴿٣٣﴾

33-ብለይቲ'ውን ምስ ሓለፈ እምሕል:

وَٱلصُّبْحِ إِذَآ أَسْفَرَ ﴿٣٤﴾

34-ብወጋሕታ'ውን ምስ በረሀ እምሕል:

إِنَّهَا لَإِحْدَى ٱلْكُبَرِ ﴿٣٥﴾

35-ብርግጽ እሳተ ጀሃነም (ሰቐር) ሓንቲ ካብተን ኣዝዮን ዓበይቲ ነገራት እያ:

نَذِيرًا لِّلْبَشَرِ ﴿٣٦﴾

36-ንደቂሰብ ኣጠንቃቒት እያ:

لِمَن شَآءَ مِنكُمْ أَن يَتَقَدَّمَ أَوْ
يَتَأَخَّرَ ﴿٣٧﴾

37-ኑቶም ብእምኑትን ሰናይ ግብርን ንቅድሚት ክግስግሱ ዝመርጹ ይኹን ወይ ኑቶም ብክሕደትን እኪይ ግብርን ንድሕሪት ክምለሱ ዝመርጹ: (እተጠንቅቕ እያ)

كُلُّ نَفْسٍۭ بِمَا كَسَبَتْ رَهِينَةٌ ﴿٣٨﴾

38-ዝኾነት ነፍሲ ብግብራ እያ እትተሓዝ (ማለት ነፍስ ወከፍ ሰናይ ዝገበረ ሰናይ ይፍደ እኪይ ዝገበረ እኪይ ይፍደ):

إِلَّآ أَصْحَٰبَ ٱلْيَمِينِ ﴿٣٩﴾

39-ብዘይካ እቶም ንጹሃን ኣመንቲ ሰብ የማን: ንሶም ብእኪይ ግ ብሪ ኣይተሓዙን እዮም (እቲ እኪይ በቲ ሰናይ ግብሮም ስለእተሰረዘ):

فِى جَنَّٰتٍ يَتَسَآءَلُونَ ﴿٤٠﴾ عَنِ ٱلْمُجْرِمِينَ ﴿٤١﴾

(40-41)ንሶም ኣብ ጀና ኮይኖም ብዛዕባ እቶም ወንጀለኛታት ሃንሕድሕዶም ይተሓታተቱ:

مَا سَلَكَكُمْ فِى سَقَرَ ﴿٤٢﴾

42-ኣብ ሰቐር ዝሰግ ጀሃነም እንታይ ኣእተወኩም ኢሎም ኑቶም ወንጀለኛታት ይሓትዎም:

قَالُوا۟ لَمْ نَكُ مِنَ ٱلْمُصَلِّينَ ﴿٤٣﴾ وَلَمْ نَكُ نُطْعِمُ ٱلْمِسْكِينَ ﴿٤٤﴾ وَكُنَّا نَخُوضُ مَعَ ٱلْخَآئِضِينَ ﴿٤٥﴾ وَكُنَّا نُكَذِّبُ بِيَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿٤٦﴾ حَتَّىٰٓ أَتَىٰنَا ٱلْيَقِينُ ﴿٤٧﴾

(43-47)ካብቶም ንኣላህ ዝሰግዱ ኣይነበርናን: ንመስኪን'ውን ንዕንግል ኣይነበርናን: ምስቶም ኣንጻር ነብይ ሙሓመድ ሓሶት ዘላኽዉ'ውን ነላኽዕ ኔርና: ክሳዕ ሞት እትመጸና'ውን ብመዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ንኽሕድ ኔርና ኢሎም ይምልሱ:

فَمَا تَنفَعُهُمْ شَفَٰعَةُ ٱلشَّٰفِعِينَ ﴿٤٨﴾

48-ስለዚ ለመና ናይቶም መንነኛ ኮይኖም ዝልምኑ ኣይጠቕ ሞምን እዩ: (ማለት መላኢካ ይኹን ብጹኣን መንነኛ ኮይኖም እቶም ኣብ ጀሃነም ዘለዉ በደለኛታት ንኽወጹ ንኣላህ ክልምኑ እንከለዉ ኣመንቲ በዚ ለመና'ዚ ይጥቀሙ እዮም: እዞም ኣብዚን ዝሓለፉ እያታት ዝተጠቕሱ ኩሓድቲ ግ ን ኣይጥቀሙን እዮም):

فَمَا لَهُمْ عَنِ ٱلتَّذْكِرَةِ مُعْرِضِينَ ﴿٤٩﴾

49-እንታይ ኮይኖም እዮም ነዚ መዘኻኸሪ (ምዕዶ) ዝሓዘለ ቁርኣን ዝነጽጉን ዘይቅበሉን:

كَأَنَّهُمْ حُمُرٌ مُّسْتَنفِرَةٌ ﴿٥٠﴾ فَرَّتْ مِن قَسْوَرَةٍۭ ﴿٥١﴾

(50-51)ልክዕ ከም ካብ ሃዳናይ ወይ ካብ ኣንብሳ ሰንቢደን ዝነፈጻ ኣእዱግ በረኻ ይመስሉ:

بَلۡ يُرِيدُ كُلُّ ٱمۡرِيٕٖ مِّنۡهُمۡ أَن يُؤۡتَىٰ صُحُفٗا مُّنَشَّرَةٗ ﴿٥٢﴾

52-ነፍሲ ወከፍ ካብኣቶም እኮ "ሙሓመድ ናይ ብሓቂ ልኡኽ ጎይታ እዩ፣ እስልምና ድማ እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት እዩ" ዝብል ጽሑፋት ብኣላህ ክዝርጋሓሉ እዩ ዝደሊ ዘሎ:

كَلَّاۖ بَل لَّا يَخَافُونَ ٱلۡأٓخِرَةَ ﴿٥٣﴾

53-ኣይፋሉምን: እዚኣቶም እኮ ስቓይ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ዘይፈርሁ እዮም:

كَلَّآ إِنَّهُۥ تَذۡكِرَةٞ ﴿٥٤﴾

54-ኣይፋሉምን ብርግጽ ቁርኣን እኮ መዘኻኸሪ (ምዕዶ) እዩ:

فَمَن شَآءَ ذَكَرَهُۥ ﴿٥٥﴾

55-ስለዚ በዓል ድልየት በዚ ቁርኣን'ዚ ይዘኻኸር (ይመዓድ):

وَمَا يَذۡكُرُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُ هُوَ أَهۡلُ ٱلتَّقۡوَىٰ وَأَهۡلُ ٱلۡمَغۡفِرَةِ ﴿٥٦﴾

56-ኣላህ እንተዘይደለየሎም'ውን ኣይዘኻኽሩን (ምዕዶ ኣይቅበሉን) እዮም: ኣላህ እቲ እንኮ ትእዛዛቱ ንኽይጠሓስን ክፍራህ ዝግባእ እቲ ሓደ በዓል ምሕረትን እዩ።

سورة القيامة
ሱረቱል'ቂያማህ (እታ ምጽኣተ ዓለም)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

لَآ أُقۡسِمُ بِيَوۡمِ ٱلۡقِيَٰمَةِ ﴿١﴾

1-በታ መዓልቲ ቅያማ(ምጽኣት) እምሕል

وَلَآ أُقۡسِمُ بِٱلنَّفۡسِ ٱللَّوَّامَةِ ﴿٢﴾

2-በታ ንዝእእ ርእሳ እትወቅስ ነፍሲ እውን እምሕል: (ማለት ነፍሲ ሙእሚን ኩሉ ግዜ ብኻ እከይ ኣይገበርኩ ብኻ ሰናይ ግብሪ ኣብዛሕኩ እናበለት ትጠዓስን ንርእሳ ትወቅስን: ከምኡ'ውን ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ነፍሲ ካሕዳን ብዘሕለፈቶ ዕድል ተጣዒሳ ንርእሳ ትወቅስ):

أَيَحۡسَبُ ٱلۡإِنسَٰنُ أَلَّن نَّجۡمَعَ عِظَامَهُۥ ﴿٣﴾

3-እዚ ካሕዳን ወዲሰብ'ሲ ንሕና ኣዕጽምቱ ብድሕሪ ምብላዩ ዘይንእክቦ መሲልዎ ድዩ?

بَلَىٰ قَٰدِرِينَ عَلَىٰٓ أَن نُّسَوِّيَ بَنَانَهُۥ ﴿٤﴾

4-ኣይምሰሉ: ንሕና ኣይኮነን'ዶ ኣዕጽምቱ ምእካብ ካብኡ ንላዕሊ ኣጻብዕቱ ነንሕድሕደን ከምዝላገባ ክንገብሮ ከኣልቲ ኢና: (ወይ ነፍሲወከፍ ወዲሰብ ምስ ካልኡት ዘይመሳሰል ናይ ኣጻብዕቲ ምልክት ስለዘለዎ ኣላህ ዝዚ ደቂቕ ፍልልያት ከይተረፈ ከመፃራርዮ ከኣሊ እዩ):

بَلْ يُرِيدُ ٱلْإِنسَٰنُ لِيَفْجُرَ أَمَامَهُۥ ﴿٥﴾

5-ወዲሰብ ዝዚ ዘይፈልጥ ኣይኮነን ግን ኣብተን ኣብ ቅድሚኡ ዘለዋ መዓልታት ከምድላዩ ክዕንድርን በደላት ክፍጽምን ስለዝደለየ እዩ:

يَسْـَٔلُ أَيَّانَ يَوْمُ ٱلْقِيَٰمَةِ ﴿٦﴾

6-መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣተ ዓለም) መዓስ እያ? ኢሉ ናይ ለግጺ ሕቶ ይሓትት:

فَإِذَا بَرِقَ ٱلْبَصَرُ ﴿٧﴾

7-ኣዒንቲ ጎልሒጠን ምስ ፈዘዛ:

وَخَسَفَ ٱلْقَمَرُ ﴿٨﴾

8-ወርሒ'ውን ምስ ተኸወለት (ብርሃና ምስ ጠፍኣ):

وَجُمِعَ ٱلشَّمْسُ وَٱلْقَمَرُ ﴿٩﴾

9-ጸሓይን ወርሕን'ውን ብሓደ ተኣኪበን ብርሃነን ምስ ጠፍኣ: (ወይ'ውን ኣላህ ንኽልቲኦን ኣኪቡ ኣብ እሳት ይድርብየን)

يَقُولُ ٱلْإِنسَٰنُ يَوْمَئِذٍ أَيْنَ ٱلْمَفَرُّ ﴿١٠﴾

10-ሽዕኡ ወዲሰብ "ካብ ጎይታ'ሞ ናበይ እዩ ክህደም" ይብል:

كَلَّا لَا وَزَرَ ﴿١١﴾

11-ኣይፋሉን: መሕብእስ የለን:

إِلَىٰ رَبِّكَ يَوْمَئِذٍ ٱلْمُسْتَقَرُّ ﴿١٢﴾

12-ሽዕኡ ናብ ጎይታኻ ጥራይ እዩ እቲ መዕረፍን መዓልቦ ፍጡራትን:

يُنَبَّؤُا۟ ٱلْإِنسَٰنُ يَوْمَئِذٍۭ بِمَا قَدَّمَ وَأَخَّرَ ﴿١٣﴾

13-ሽዕኡ ወዲሰብ እቲ ቅድሚ ሞቱ ዘሕለፎ ሰናይ ይኹን እኪይ ተግባራቱ ይንገሮ: ከምኡ'ውን እቲ ብድሕሪ ሞቱ ዘትረፎ (ሰብ ዝኸተሉ ተግባራት) ሰናይ ይኹን እኪይ ይንገሮ:

بَلِ ٱلْإِنسَٰنُ عَلَىٰ نَفْسِهِۦ بَصِيرَةٌ ﴿١٤﴾

14-ወዲሰብ ካብ ነፍሱ ንነፍሱ ዝምስክሩን ዝቆጻጸሩን ኣካላት ኣለውዎ (ማለት ቆርበቱ፣ ኣእዳዉ፣ ኣእጋሩ....ኣብ መዓልቲ ቅያማ ኣንጻሩ ክምስክራ እየን)

وَلَوۡ أَلۡقَىٰ مَعَاذِيرَهُۥ ﴿١٥﴾

15-ወላ'ውን ምስምሳት ኣምጺኡ ክካታዕ ይፈትን ደኣ'ምበር: በዞም መሰሻኸር ተረቲዑ ቃሉ ተቐባልነት ኣይክረክብን እዩ:

لَا تُحَرِّكۡ بِهِۦ لِسَانَكَ لِتَعۡجَلَ بِهِۦٓ ﴿١٦﴾

16-ኦ ሙሓመድ ጂብሪል ቁርኣን ከመሓላልፈልካ እንከሉ ተሃዊኽካ ምስኡ መልሓስካ ኣይተንቀሳቕስ:[37]

إِنَّ عَلَيۡنَا جَمۡعَهُۥ وَقُرۡءَانَهُۥ ﴿١٧﴾

17-ብርግጽ ንሕና ኣብ ልብኻ ክነስፍሮን ብቕኑዕ ኣናብባ እውን ከም እተንብቦን (ከምእተቐርኦን) ክንገብሮ ኢና:

فَإِذَا قَرَأۡنَٰهُ فَٱتَّبِعۡ قُرۡءَانَهُۥ ﴿١٨﴾

18-እንተደኣ ብጂብሪል ﷺ ኣመሓላሊፍና ኣንቢብናልካ ድማ ኑቲ ኣቀራርኣ ስማዕ ተኸታተል:

ثُمَّ إِنَّ عَلَيۡنَا بَيَانَهُۥ ﴿١٩﴾

19-ብድሕሪኡ'ውን ንሕና ኢና እነብርሆን እንገልጾን:

كَلَّا بَلۡ تُحِبُّونَ ٱلۡعَاجِلَةَ ﴿٢٠﴾

20-ኣይፋልኩምን ባሮተይ ንስኹም እኮ እዛ ቐረባ ኣዱንያ ኢኹም እትፈትዉ: (ስለዚ ኣብኣ ዘደስተኩም ተግ ባራት ትፍጽሙ:)

وَتَذَرُونَ ٱلۡأٓخِرَةَ ﴿٢١﴾

21-ንኣኼራ ድማ ሸለል ኢልኩም ንዓኣ ዝኽነኩም ሰናይ ተግ ባራት ትገድፉ:

وُجُوهٞ يَوۡمَئِذٖ نَّاضِرَةٌ ﴿٢٢﴾

22-ሽዑ ኣብ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ገለ ገጻት ክበርህን ክምልክዕን እዩ:

إِلَىٰ رَبِّهَا نَاظِرَةٞ ﴿٢٣﴾

23-እዚ ገጻት'ዚ ንጎይታኡ ክርኢ እዩ:

وَوُجُوهٞ يَوۡمَئِذِۭ بَاسِرَةٞ ﴿٢٤﴾

24-ሽዑ ኣብ መዓልቲ ቅያማ ገለ ገጻት'ውን ክጽልምትን ኩጥቅርን ክጽወግን እዩ:

تَظُنُّ أَن يُفۡعَلَ بِهَا فَاقِرَةٞ ﴿٢٥﴾

25-ዓቢ መዓት ክምዝወርዶም ድማ ይኣምኑ:

كَلَّآ إِذَا بَلَغَتِ ٱلتَّرَاقِيَ ﴿٢٦﴾

26-ኣይፋሉምን እዞም ኩሓድቲ: ሩሕ ወዲሰብ ኣብ ሓላቕምቲ ምስ በጸሐት:

---

37 ኑብይና ሙሓመድ ﷺ እቲ ኣላህ ዘውርዶ ዝነበረ ቁርኣን ካብ ጂብሪል ﷺ ክቅበልዎ እንከለዉ ኑቲ ዝወሃቦም ዘሉ ቃላት ንኽይርስዕዎ ብማለት ጌና ጂብሪል ከይወደኣ እንከሉ ኑብይና ሙሓመድ ﷺ ብታህዋኽ መልሓሶም የንቀሳቕሱ ነይሮም: ኣብ መጻኢ ከምዚ ንኽይገብሩ ድማ በዛ እያ ኣላህ ከልኪልዎም:

وَقِيلَ مَنۡۜ رَاقٖ ﴿٢٧﴾

27-መን ኣሎ ፈዋሲ ካብ ሞት ኣድሓኒ'ውን ምስ ተባህለ (ማለት እቶም ነዚ ትንፋሱ ክትሓልፍ ቀሪባ ዘላ ክሪኡ ዝመጹ ከምዚ ይብሉ)

وَظَنَّ أَنَّهُ ٱلۡفِرَاقُ ﴿٢٨﴾

28-እቲ ሩሑ ኣብ ሓላቕምቱ በጺሓ ዘላ ካብ ኣዱንያ ዝፈላ ለየላ ሰዓት ከምዝኣኽለት'ውን ይእምን ይረጋገጽ:

وَٱلۡتَفَّتِ ٱلسَّاقُ بِٱلسَّاقِ ﴿٢٩﴾

29-እታ ሓንቲ እግሩ ምስታ ካልኣይቲ እግሩ ተጠዋወየት: (ወይ'ውን እተን ክልተ ጭንቂ: ጭንቂ ኣዱንያን፣ ጭንቂ ኣኼራን ብሓደ ተጠሚረን ኣብታ እዋን ሞት ይርከባ):

إِلَىٰ رَبِّكَ يَوۡمَئِذٍ ٱلۡمَسَاقُ ﴿٣٠﴾

30-ሽዑ ኩሉ ትንፋስ (ሩሕ) ናብ ጎይታኻ ተምርሕ:

فَلَا صَدَّقَ وَلَا صَلَّىٰ ﴿٣١﴾

31-እቲ ካሕዳን ብኽብይ ሙሓመድን ብቁርኣንን ኣይኣመነን ንኣላህ'ውን ኣይሰገደን:

وَلَٰكِن كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰ ﴿٣٢﴾

32-ግን ብኣንጻሩ ንልኡኽን ንመልእኽቲ ኣላህን ነጺጉ ሕቕኡ ሂቡ ኣድሓርሓረ:

ثُمَّ ذَهَبَ إِلَىٰٓ أَهۡلِهِۦ يَتَمَطَّىٰٓ ﴿٣٣﴾

33-ብድሕሪኡ ናብ ስድራ ቤቱ ብትዕቢት ተወጢሩ ኸደ:[38]

أَوۡلَىٰ لَكَ فَأَوۡلَىٰ ﴿٣٤﴾

34-ትሕሸካ ትሕሸካ (ወይልኻ ወይልኻ)

ثُمَّ أَوۡلَىٰ لَكَ فَأَوۡلَىٰٓ ﴿٣٥﴾

35-እንደገ'ውን ትሕሸካ ትሕሸካ ኣታ ኩሓዲ:

أَيَحۡسَبُ ٱلۡإِنسَٰنُ أَن يُتۡرَكَ سُدًى ﴿٣٦﴾

36-ወዲሰብሲ ዕሽሽ ተባሂሉ ዝግ ደፍ ይመስሎዶ? (ማለት ኣላህ ንወዲሰብ ብትእዛዛቱ ቀይዱ ንዝበደለ ከይቀጸወን ንዘጸበቐ ጻማኡ ከይሃበን ሸለል ኣይብልን እዩ)

أَلَمۡ يَكُ نُطۡفَةٗ مِّن مَّنِيّٖ يُمۡنَىٰ ﴿٣٧﴾

37-እዚ ወዲሰብ'ሲ ካብ ፈሳሲ ዘርኢ ተባዕታይ እተተፍአ ንጣበ (ኑጥፋ) ዶ ኣይነበረን?

ثُمَّ كَانَ عَلَقَةٗ فَخَلَقَ فَسَوَّىٰ ﴿٣٨﴾

38-ብድሕሪኡ'ውን ርጉእ ደም (ዓሊቕ) ነይሩ በብመድረኹ ምሉእ ወዲሰብ ገይሩ ኸኣ ኣላህ ፈጢርዎ:

38-እዚ ተግባር'ዚ ኣቡ ጃህል ዝገበሮ እዩ:

فَجَعَلَ مِنْهُ ٱلزَّوْجَيْنِ ٱلذَّكَرَ وَٱلْأُنثَىٰٓ ﴿٣٩﴾

39-ካብቲ ፈሳሲ (ዘርኢ ተባዕታይ) ከኣ ኣላህ ክልተ ዓይነት ጾታ ተባዕታይን ኣንስተይትን ገበረ:

أَلَيْسَ ذَٰلِكَ بِقَٰدِرٍ عَلَىٰٓ أَن يُحْۦِۦَ ٱلْمَوْتَىٰ ﴿٤٠﴾

40-እዚ ከምዚ ገይሩ ዝፈጠረ ጎይ ታስ እንደኸ ኑዞም ምዉታት ከተንስእ ኣይክእልን ዶ? (ማለት እዚ ከምዚ ዓይነት ክእለት ኣፈጣጥራ ዘለዎ ኑቲ ብህየቱ ዝኸበረ ካብ ሞት ከተንስእ ይኽእል እዩ ንሱ ድማ ይቐልል):

سورة الإنسان
ሱረቱል'ኢንሳን (እቲ ወድሰብ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

هَلْ أَتَىٰ عَلَى ٱلْإِنسَٰنِ حِينٌ مِّنَ ٱلدَّهْرِ لَمْ يَكُن شَيْـًٔا مَّذْكُورًا ﴿١﴾

1-ብርግጽ ኣደምﷺ ሩሕ ከይተፈጠረሉ እንከሉ ንሂሕ ዓመታት ወዲሰብ ይፍለጥን ይጥቀስን ኣይነበረን:

إِنَّا خَلَقْنَا ٱلْإِنسَٰنَ مِن نُّطْفَةٍ أَمْشَاجٍ نَّبْتَلِيهِ فَجَعَلْنَٰهُ سَمِيعًۢا بَصِيرًا ﴿٢﴾

2-ብርግጽ ንሕና ንወዲሰብ ካብ ናይ ተባዕታይን ኣንስተይን እተሓዋወሰ ንጣበ (ኑጥፍ ዘርኢ ሰብ) ብትእዛዝትና ንኽንፈትኖ ስለ ዝፈጠርናዮ ሰማዕን ራኣይን ገበርናዮ:

إِنَّا هَدَيْنَٰهُ ٱلسَّبِيلَ إِمَّا شَاكِرًا وَإِمَّا كَفُورًا ﴿٣﴾

3-ብርግጽ ንሕና ኑቲ ኣሚኑ ዘመስግን ይኹን ወይ ኑቲ ጠሊሙ ዝኽሕድ መገዲ ሓቂ ሓቢርናዮን ኣፍሊጥናዮን ኢና:

إِنَّآ أَعْتَدْنَا لِلْكَٰفِرِينَ سَلَٰسِلَا۠ وَأَغْلَٰلًا وَسَعِيرًا ﴿٤﴾

4-ብርግጽ ኑቶም ከሓድቲ ሰንሰለታትን ኢደም ምስ ክሳዶም ዝጥመሩሉ መቐጫሕን ኣዝዩ ተባራዒ እሳትን ኣዳሊናሉም ኣለና:

39-ኣብዚ ቦታ'ዚ (هل) ብ(قد) ትትርጎም:

إِنَّ ٱلْأَبْرَارَ يَشْرَبُونَ مِن كَأْسٍ كَانَ مِزَاجُهَا كَافُورًا ﴿٥﴾

5-ብርግጽ እቶም ንኣላህ እተማእዘዙ ብጹኣን (ኣብራር) ኣብ ጀና ምስ ካፉር (ሰም ቅዱይ ጨና) እተሓዋወሰ መስተ ይሰትዩ:

عَيْنًا يَشْرَبُ بِهَا عِبَادُ ٱللَّهِ يُفَجِّرُونَهَا تَفْجِيرًا ﴿٦﴾

6-እዛ ኣብ ጀና ባሮት ኣላህ መስተ ዝሰትዩላ ዓይኒ: ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ከፈልፍልዋን ከውሕዙዋን ይኽእሉ:

يُوفُونَ بِٱلنَّذْرِ وَيَخَافُونَ يَوْمًا كَانَ شَرُّهُۥ مُسْتَطِيرًا ﴿٧﴾

7-እዞም ምእዙዛት ባሮት ኣላህ ኣብ ኣዱንያ መብጽዓኦም ይሕልዉ፣ ካብቲ እከዩ ንዙሕን ዝርጉሕን ዝኾነ መዓልቲ ቅያማ'ውን ይፈርሑ:

وَيُطْعِمُونَ ٱلطَّعَامَ عَلَىٰ حُبِّهِۦ مِسْكِينًا وَيَتِيمًا وَأَسِيرًا ﴿٨﴾

8-ነቲ መግቢ'ውን እናፈተዉዎን[40] እና ደለዩዎን እንከለዉ ነፍሶም ገዲፎም ንመሳኪንን ንዘኽታማ ትን ንእሱራትን ይመግብዎ:

إِنَّمَا نُطْعِمُكُمْ لِوَجْهِ ٱللَّهِ لَا نُرِيدُ مِنكُمْ جَزَآءً وَلَا شُكُورًا ﴿٩﴾

9-ንሕና እንምግበኩም ዘለና ድማ ሊላህ ኢልና: ኣላህ ጸማና ክፈድየና እንተዘይኮይኑ ካባኹም እንደልዮ ሞሳን ምስጋናን የለን ይብልዎም:

إِنَّا نَخَافُ مِن رَّبِّنَا يَوْمًا عَبُوسًا قَمْطَرِيرًا ﴿١٠﴾

10-ብርግጽ ንሕና ኣብቲ ገጻት ዝጽወገሉ ጽንኩር መዓልቲ ገጽና ከይጽወግ ካብ ኣላህ ንፈርህ ኢና ይብሉ:

فَوَقَىٰهُمُ ٱللَّهُ شَرَّ ذَٰلِكَ ٱلْيَوْمِ وَلَقَّىٰهُمْ نَضْرَةً وَسُرُورًا ﴿١١﴾

11-ስለዚ ኣላህ ካብ እከይ'ቲ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ተኸላኺሉ ብርሃን ገጽን ሓጎስን ደስታን ይህቦም:

وَجَزَىٰهُم بِمَا صَبَرُوا۟ جَنَّةً وَحَرِيرًا ﴿١٢﴾

12-ከምኡ'ውን ብሰንኪ ትዕግስቶም ጀናን ሃሪ ክኖንን ኪሓሶም:

مُّتَّكِـِٔينَ فِيهَا عَلَى ٱلْأَرَآئِكِ ۖ لَا يَرَوْنَ فِيهَا شَمْسًا وَلَا زَمْهَرِيرًا ﴿١٣﴾

13-ኣብ ጀና ኣብ ክቡር ዓራት ተተርኢሶም ዋዒ ጸሓይ ይኹን ቁሪ ኣሳሒታ ኣይሪኡን እዮም:

وَدَانِيَةً عَلَيْهِمْ ظِلَٰلُهَا وَذُلِّلَتْ قُطُوفُهَا

14-ከምኡ'ውን ጽላላ (ጽላል ገረባት ጀና) ይቐርበሉዎም፣ ፍርያታ ንቹቕንጥቡ እውን ኣዝዩ ይቐለሎም: (ማለት

40 -ወይ ንፍቶት ኣላህ ኢሉም ይምግብዎም:

ብደ‍ምም፣ ብኽፎም፣ ብጎቦ ኮይኖም ኑቲ ፍርያት የርክብዎ:

15-ከምኡ'ውን እቶም ኣገልገልቲ ኑቶም ኣብ ጀና ዘለዉ ብኣቕሓታት ብሩርን ብኩባያ ታት ጥርሙዝን ይዘሩዎም:

وَيُطَافُ عَلَيْهِم بِـَٔانِيَةٍ مِّن فِضَّةٍ وَأَكْوَابٍ كَانَتْ قَوَارِيرَا۠ ﴿١٥﴾

16-እዚ ልሙጽ ጥርሙዝ ካብ ብሩር እተሰርሐ ውሽጡ ብደገ ዝረአ ኮይኑ እቶም ኣገልገልቲ ድማ ከየብዝሑ ኪይክዩ ከምቲ ድልየት ሰብ ጀና ዓቂኖም የቕርቡ:

قَوَارِيرَا مِن فِضَّةٍ قَدَّرُوهَا تَقْدِيرًا ﴿١٦﴾

17-ከምኡ'ውን ብሕዋስ መስተን ዝንጅብልን እተመልአ ብርጭቆ ይሰትዩ

وَيُسْقَوْنَ فِيهَا كَأْسًا كَانَ مِزَاجُهَا زَنجَبِيلًا ﴿١٧﴾

18-ካብታ ኣብ ጀና ዘላ ሰልሰቢል እትስመ ዓይኒ ማይ:

عَيْنًا فِيهَا تُسَمَّىٰ سَلْسَبِيلًا ﴿١٨﴾

19-ከምኡ'ውን ዘልኣለም ዘይኣርጉ ኮተቴ (ንኣሽቱ ኣወዳት) እናዞሩ የገልግልዎም: እዞም ኣወዳት ክትሪኦም እንከሎኻ ዛሕ ዝበለ ሉል ይመስሉኻ:

* وَيَطُوفُ عَلَيْهِمْ وِلْدَٰنٌ مُّخَلَّدُونَ إِذَا رَأَيْتَهُمْ حَسِبْتَهُمْ لُؤْلُؤًا مَّنثُورًا ﴿١٩﴾

20-ኣብ ጀና ምስ እትጥምት'ውን ክግለጽ ዘይክኣል ጸጋን ዓቢ ንግስነትን ትርኢ:

وَإِذَا رَأَيْتَ ثَمَّ رَأَيْتَ نَعِيمًا وَمُلْكًا كَبِيرًا ﴿٢٠﴾

21-ቀጠልያ ረቂቅ ሃርን ርዕዝዊ ሃርን ይኽደኑ፣ ብብሩር እተሰርሐ ኣምስተኛ ይስለሙ፣ ካብቲ ንጹህ መስተ'ውን ጎይ ታኣም የስትዮም:

عَالِيَهُمْ ثِيَابُ سُندُسٍ خُضْرٌ وَإِسْتَبْرَقٌ ۖ وَحُلُّوٓا۟ أَسَاوِرَ مِن فِضَّةٍ وَسَقَىٰهُمْ رَبُّهُمْ شَرَابًا طَهُورًا ﴿٢١﴾

22-ብርግጽ እዚ ኹሉ እተጠቕሰ ሽሻ‍ያት ጻማኹም እዩ: ከም ኡ'ውን ኹሉ ጻዕርኹም'ውን ምስጉን ነይሩ ይብሃሉ:

إِنَّ هَٰذَا كَانَ لَكُمْ جَزَآءً وَكَانَ سَعْيُكُم مَّشْكُورًا ﴿٢٢﴾

23-ብርግጽ ንሕና ኢና -ኣ መሓመድ- እዚ ቁርኣን በብቁሩብ ዘውረድናልካ:

إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا عَلَيْكَ ٱلْقُرْءَانَ تَنزِيلًا ﴿٢٣﴾

24-ስለዚ ኣላህ ዝወሰኖ ጽሕፍቶ ብትዕግስቲ ተቐበሎ:[41] ካብ ህዝቢ መካ ንዘንበኛኦም (ሓጥያተኛ) ይኹን ንኹሓዲኦም ኣይትማእዘዝ:

فَٱصۡبِرۡ لِحُكۡمِ رَبِّكَ وَلَا تُطِعۡ مِنۡهُمۡ ءَاثِمًا أَوۡ كَفُورٗا ﴿٢٤﴾

25-ንስም ጎይታኻ'ውን ኣጋ ንግ ሆን ኣጋ ምሸትን ዘክር: (ማለት ኣሱብሕን ዙህርን ዓስርን ስገድ)

وَٱذۡكُرِ ٱسۡمَ رَبِّكَ بُكۡرَةٗ وَأَصِيلٗا ﴿٢٥﴾

26-ለይቲ'ውን ስገደሉ (ማለት መቕሪብን ኣልዒሻን) ኣንዊሕካ ኽኣ ብለይቲ ሰብሓዮ (ማለት ተሃጁድ-ለይታዊ ሰላት- ንሂሕ ሰዓታት ለይቲ ስገድ)[42]

وَمِنَ ٱلَّيۡلِ فَٱسۡجُدۡ لَهُۥ وَسَبِّحۡهُ لَيۡلٗا طَوِيلًا ﴿٢٦﴾

27-ብርግጽ እቶም ኩሓድቲ ኸዛ ቀረባ ዘላ ኣዱንያ ይፈትዉ፣ ኑቲ ከቢድ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ድማ ብዝባናዮም ይጥንጥኑ (ማለት ኩሉ ተግ ባራቶም ምስ ጊዜኣዊ ዓለማዊ ረብሓ ዝተኣሳሰረ ደኣ'ምበር ምስ ኣኼራዊ ረብሓ ዝራኸብ ተግባራት ኣይኮነን እዮም):

إِنَّ هَٰٓؤُلَآءِ يُحِبُّونَ ٱلۡعَاجِلَةَ وَيَذَرُونَ وَرَآءَهُمۡ يَوۡمٗا ثَقِيلٗا ﴿٢٧﴾

28-ንሕና ፈጢርናዮም ንኣፈጣ ጥራኦም እውን ቀጥ ኣቢል ናዮ: እንተደለና'ውን ዝዞም ፍጡራት ኣህሊቕና ብኻልኦት ንዐኦም ዝመስሉ ግን ሰናይ ዝገብሩ ፍጡራት ምተካእናዮም:

نَّحۡنُ خَلَقۡنَٰهُمۡ وَشَدَدۡنَآ أَسۡرَهُمۡۖ وَإِذَا شِئۡنَا بَدَّلۡنَآ أَمۡثَٰلَهُمۡ تَبۡدِيلًا ﴿٢٨﴾

29-ብርግጽ እዛ ሱራ'ዚኣ መዘኻኸሪት እያ: ስለዚ በዓል ድልየት ናብ ጎይታኡ ዙብጽሕ መገዲ ይሕዝ:

إِنَّ هَٰذِهِۦ تَذۡكِرَةٞۖ فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ سَبِيلٗا ﴿٢٩﴾

30-ግን እንተደኣ መገዲ ክትሕዙ ድልየት ኣላህ ዘይኮነ ናትኩም ድልየት ንበይኑ እኹል ኣይኮነን: ብርግጽ ኣላህ ኣገዩ ፈላጥን ፍጹም ጥበበኛን እዩ:

وَمَا تَشَآءُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُۚ إِنَّ ٱللَّهَ كَانَ عَلِيمًا حَكِيمٗا ﴿٣٠﴾

31-ንዝደለዮ ኣብ ጸጋኡ (ኣብ ጀና) የእትዎ: ኑቶም

يُدۡخِلُ مَن يَشَآءُ فِي رَحۡمَتِهِۦ

---

41 -ማለት ኣላህ ንዓኻ -ኦ መሓመድ- ልኡኽ ብምግባሩ፣ ዓወት ብምድንጓይ፣ ወዘተ.... ኹሉ ብትዕግስቲ ተቐበሎ:

42 -እዚ ነዊሕ ሰዓታት ለይቲ ምስጋድ ኣብ መጀመርያ እስልምና ግዴታ ነይሩ ሱራ ቁ.73 ተወከስ:

وَٱلظَّٰلِمِينَ أَعَدَّ لَهُمْ عَذَابًا أَلِيمًا ﴿٣٩﴾

ዓመጸኛታት (ሙሽሪኪንን ኩሓድትን) ድማ ኣዝዩ ዘቐንዙ ስቓይ ኣዳልዩሎም ኣሉ::

سورة المرسلات
ሱረቱል'መ'ርሰላት(እቶም ተለኣኣኹቲ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلْمُرْسَلَٰتِ عُرْفًا ﴿١﴾

1-በቶም ትእዛዛት ኣላህ ኣኽቢሮም ዝለኣኣኹ መላኢካታት እም ሕል: (ወይ በቲ ኣከታቲሉ ዝለኣኸ ንፋስ እምሕል):

فَٱلْعَٰصِفَٰتِ عَصْفًا ﴿٢﴾

2-በቶም ንንፋስ ዘናፍሱ መላኢካታትእውን እምሕል (ወይ በቲ ብርቱዕ ንፋስ'ውን እምሕል):

وَٱلنَّٰشِرَٰتِ نَشْرًا ﴿٣﴾

3-በቶም ንመጻሕፍቲ ወይ ደመና ዝዝርግሑ መላኢካታት'ውን እምሕል: (ወይ በቲ ንደማናን ዝናምን ዝዝርግሕ ንፋስ እምሕል):

فَٱلْفَٰرِقَٰتِ فَرْقًا ﴿٤﴾

4-በቶም ሓቅን ሓሶትን ዝፈላሊ ሒዞም ዝመጹ መላኢካታት'ውን እምሕል: (ወይ በቲ ሓቅን ሓሶትን ዝፈላሊ ቁርኣን እምሕል: ወይ በቲ ንደመና ዝበታትን ንፋስ እምሕል):

فَٱلْمُلْقِيَٰتِ ذِكْرًا ﴿٥﴾ عُذْرًا أَوْ نُذْرًا ﴿٦﴾

(5-6)በቶም ናብ ነብይታት ኣጠንቃቕን ነጻጊ ምኽኒትን ራእይ (ዋሕይ) ዘምጽኡ መላኢካታት እምሕል: (ማለት እቲ መላኢካታት ካብ ኣላህ ናብ ነብይታት ዘመሓላልፍዎ ራእይ (ዋሕይ) ካብ ስቓይ ዘጠንቅቕን ጽባሕ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ዝመጸኒ መልእኽቲ የብለይን ኢልካ ንኽይተመኽንን ዝወረደ እዩ):

إِنَّمَا تُوعَدُونَ لَوَٰقِعٌ ﴿٧﴾

7-ብርግጽ እቲ እትወሃብዎ ዘለኹም ውዕል ክውን እዩ:

فَإِذَا ٱلنُّجُومُ طُمِسَتْ ﴿٨﴾

8-ከዋኽብቲ ብርሃኖም ምስ ጠፍአ:

وَإِذَا ٱلسَّمَآءُ فُرِجَتْ ﴿٩﴾

9-ሰማይ'ውን ምስ ተጨደደት:

وَإِذَا ٱلْجِبَالُ نُسِفَتْ ﴿١٠﴾

10-ኣኽራናት'ውን ካብ ቦትኡ ምስ ተበንቁረ:

وَإِذَا ٱلرُّسُلُ أُقِّتَتْ ﴿١١﴾

11-ልኡኻት እላህ'ውን ንህዝቦም ንኽምስክሩ መዓልቲ ምስ ተወሰነሎም:

لِأَيِّ يَوْمٍ أُجِّلَتْ ﴿١٢﴾

12-ናብ ኣየናይ መዓልቲ እያ ተመሓላሊፋ እዛ ልኡኻት ኣላህ ንህዝቦም ዝምስክሩላ ቁጸራ? (ማለት ደቂሰብ ነዚ መዓልቲ'ዚ ከምዚ እናበሉ ይግረሙሉ):

لِيَوْمِ ٱلْفَصْلِ ﴿١٣﴾

13-ናብታ ኣላህ ንደቂሰብ ዝግልፈላ (ዝፈላልየላ) መዓልቲ ተመሓላሊፋ[43] (ማለት ኑቶም ኣመንትን ከሓድ ኦትን ነንበይናቶም ፈልዩ ንኣመንቲ ጀና የእትዎም: ንከሓድቲ ድማ ጀሃነም የእትዎም):

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا يَوْمُ ٱلْفَصْلِ ﴿١٤﴾

14-እንታይከ ኣፍለጠካ እንታይኑት መዓልቲ ምግላፍ: (እዚ ሕቶ ዕብየት ናይዛ መዓልቲ ዝሕብር እዩ):

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿١٥﴾

15-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ:

أَلَمْ نُهْلِكِ ٱلْأَوَّلِينَ ﴿١٦﴾

16-ኑቶም ቅድሚ መሓመድ ﷺ ዝነበሩ ከሓድቲ ኣየህለኾናዮምን ዲና? (ማለት ኣህሊኾናዮም ኢና):

ثُمَّ نُتْبِعُهُمُ ٱلْءَاخِرِينَ ﴿١٧﴾

17-ኑቶም ብድሕሪኦም ዝመጽኡ ከሓድቲ'ውን ክዕኦም ከነኽት ሎም ኢና: (ማለት ከምቲ ኑቶም ቀዳሞት ዘህለኾና ዝኾም ዳሕረዎት'ውን ክህልኾም ኢና):

---

43 እዛ ኣያ ነታ ቅድሜኣ ዘላ ኣያ- ደቂሰብ ተገሪሞም ዝሓተትዎ ሕቶ- እትምልስ ኣያ እያ:

كَذَٰلِكَ نَفۡعَلُ بِٱلۡمُجۡرِمِينَ ﴿١٨﴾

18-ልክዕ ከምዚ ጌርና ኢና ነቶም ወንጀለኛታት (ኩሓድቲ ሙሽሪኪን) ነልቆም:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ﴿١٩﴾

19-ወይልኦም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

أَلَمۡ نَخۡلُقكُّم مِّن مَّآءٖ مَّهِينٖ ﴿٢٠﴾

20-ካብ ሕሱር ቀሊልን ማይ ዶ ኣይኮናን ፈጢርናኩም: (ማለት ካብቲ ፈሳሲ ዘርኢ ወድሰብ ኢና ፈጢርናኩም):

فَجَعَلۡنَٰهُ فِي قَرَارٖ مَّكِينٍ ﴿٢١﴾

21-ነዚ ማይ ድማ ኣብ ኣማን ቦታ (ኣብ ማሕጸን) ኣንበርናዮ:

إِلَىٰ قَدَرٖ مَّعۡلُومٖ ﴿٢٢﴾

22-ንውሱን መዓልቲ (ማለት ተጠኒሱ ክሳዕ እታ ዝውለደላ መዓልቲ):

فَقَدَرۡنَا فَنِعۡمَ ٱلۡقَٰدِرُونَ ﴿٢٣﴾

23-ንሕና'ውን ኢና ቀየስቲ ኩሉንትነታት'ዚ ውሉድ: ንሕና እቲ ሰናይን ብሉጽን ቀያሲ(ቀዳሪ) ኢና:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ﴿٢٤﴾

24-ወይልኦም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

أَلَمۡ نَجۡعَلِ ٱلۡأَرۡضَ كِفَاتًا ﴿٢٥﴾ أَحۡيَآءٗ وَأَمۡوَٰتٗا ﴿٢٦﴾

(25-26)-እዛ ምድሪ ንሂየታው ደንን ንምዉታንን ኣኪባ እትሓቁፍ ዶ ኣይገበርናያን ኢና? (ማለት ጌርናያ ኢና)

وَجَعَلۡنَا فِيهَا رَوَٰسِيَ شَٰمِخَٰتٖ وَأَسۡقَيۡنَٰكُم مَّآءٗ فُرَاتٗا ﴿٢٧﴾

27-ነዛ ምድሪ'ውን ነዋሕቲ ኣኽራናት ጌርናላ: ከምኡ'ውን ንዓኻትኩም ጥዑም ማይ ኣስተናኩም:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ﴿٢٨﴾

28-ወይልኦም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

ٱنطَلِقُوٓاْ إِلَىٰ مَا كُنتُم بِهِۦ تُكَذِّبُونَ ﴿٢٩﴾

29-ናብቲ እትኽሕድዎ ዝነበርኩም ስቓይ ንቐሉ:

ٱنطَلِقُوٓاْ إِلَىٰ ظِلّٖ ذِي ثَلَٰثِ شُعَبٖ ﴿٣٠﴾

30-ናብቲ ሰለስተ ቃራና ዘለዎ ጽላል (ትኪ ጀሃነም) ንቐሉ ይበሃሉ:

لَّا ظَلِيلٖ وَلَا يُغۡنِي مِنَ ٱللَّهَبِ ﴿٣١﴾

31-እዚ ጽላል'ዚ ኣየጽልል: ካብ ሃልሃልታ እሳተ-ጀሃነም'ውን ኣየድሕንን እዩ:

إِنَّهَا تَرْمِي بِشَرَرٍ كَٱلْقَصْرِ ﴿٣٢﴾ كَأَنَّهُۥ جِمَٰلَتٌ صُفْرٌ ﴿٣٣﴾

(32-33)-ብርግጽ ጀሃነም ልክዕ ጸለምቲ[44] ኣግማል ዝመስል ከክንዲ ቐስር[45] ዝኸውን ቁልዒ ትድርቢ:

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٣٤﴾

34-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

هَٰذَا يَوْمُ لَا يَنطِقُونَ ﴿٣٥﴾

35-እዚ መዓልቲ'ዚ እቲ ዘይዛረቡሉ መዓልቲ እዩ: (ማለት ኣብ ገለ እዋናት ኣፎም ዝልጎመሉ እዋን ኣሎ):

وَلَا يُؤْذَنُ لَهُمْ فَيَعْتَذِرُونَ ﴿٣٦﴾

36-ንኽመኽንዩ እውን ኣይፍቀዶ ምን እዩ:

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٣٧﴾

37-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

هَٰذَا يَوْمُ ٱلْفَصْلِ ۖ جَمَعْنَٰكُمْ وَٱلْأَوَّلِينَ ﴿٣٨﴾

38-እዚ መዓልቲ'ዚ መዓልቲ ምግላፍ እዩ ንዓኹምን ኑቶም ቀዳሞት ኩሓድትን ኣኻኺብ ናኩም:

فَإِن كَانَ لَكُمْ كَيْدٌ فَكِيدُونِ ﴿٣٩﴾

39-ንኽትድሕኑ ተመሻጢርኩም እትገብርዎ ውዲት እንተለኩም እስከ ተመሻጠሩለይ:

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٠﴾

40-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

إِنَّ ٱلْمُتَّقِينَ فِى ظِلَٰلٍ وَعُيُونٍ ﴿٤١﴾

41-ብርግጽ እቶም ቁጣዐ እላህ ፈሪሆም ሰናይ ዝገብሩ ዝነበሩ ሙእምኒን ኣብ ትሕቲ ጽላልን: ኣብ ዓይንታት ማይን ይነብሩ:

وَفَوَٰكِهَ مِمَّا يَشْتَهُونَ ﴿٤٢﴾

42-ካብቲ ደስ ዝብሎም ፍሩታታት'ውን ይወሃቡ:

كُلُوا۟ وَٱشْرَبُوا۟ هَنِيٓـًٔۢا بِمَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ ﴿٤٣﴾

43-ተደሲትኩም ብልዑ ስተዩ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኣዱንያ እትገብርዎ ዝነበርኩም ሰናይ ግብሪ ይበሃሉ:

إِنَّا كَذَٰلِكَ نَجْزِى ٱلْمُحْسِنِينَ ﴿٤٤﴾

44-ብርግጽ ንሕና ከምዚ ጌርና ኢና ኑቶም ዝበርቲ ሰናይ ጻማኦም እንኸፍሎም:

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٥﴾

45-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

44-ዓረብ ንጸለምቲ ኣግማል (ሱፍር) ይብሉወን ምኽንያቱ እቲ ጽልመን ብጫ ሕብሪ ዝሰተየ ስለ ዝመስል:

45 -(ቐስር) ማለት ብዙሕ ክፍልታትን ኣገልግሎትን ዘለዎ ዓቢ ቤት እዩ:

كُلُوا۟ وَتَمَتَّعُوا۟ قَلِيلًا إِنَّكُم مُّجْرِمُونَ ﴿٤٦﴾

46-ኣቱም ኩሓድቲ ኣብዛ ኣዱንያ ሒደት ብልዑ ሒደት ተደሰቱ ብርግጽ ንስኹም ወንጀለኛታት ኢኹም:

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٧﴾

47-ወይልኡም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

وَإِذَا قِيلَ لَهُمُ ٱرْكَعُوا۟ لَا يَرْكَعُونَ ﴿٤٨﴾

48-ስገዱ እንተተባህሉ ድማ ኣይሰግዱን:[46]

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٩﴾

49-ወይሉም ሸዓ መዓልቲ እቶም ኩሓድቲ:

فَبِأَىِّ حَدِيثٍۭ بَعْدَهُۥ يُؤْمِنُونَ ﴿٥٠﴾

50-ብቁርኣን ዘይኣመኑ እሞ በየናይ ዘረባ እዮም ክኣምኑ::

سورة النبأ
ሱረቱ'ንባእ (እቲ ወረ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ነብይ ሙሓመድ ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ኣላህ መልእኽቲ ተቐቢሉ ቁርኣን ክዝርግሕ ምስ ጀመረ ኣብ መካ ዝነበሩ ኩሓድቲ ብዛዕባ'ዚ ሓድሽ ወረ ነንሕድሕዶም ክተሓታተቱ ምስ ጀመሩ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ከምዚ በሉ፦

عَمَّ يَتَسَآءَلُونَ ﴿١﴾ عَنِ ٱلنَّبَإِ ٱلْعَظِيمِ ﴿٢﴾

1-3)ብዛዕባ እንታይ እዮም እዞም ኩሓድቲ ዝተሓታተቱ ዘለዉ: ብዛዕባ'ቲ ተፈላሊዮ ምሉ ዘለዉ ዓቢ ወረ ናይ ቁርኣን ድዮም ዝተሓተቱ ዘለዉ::

ٱلَّذِى هُمْ فِيهِ مُخْتَلِفُونَ ﴿٣﴾

كَلَّا سَيَعْلَمُونَ ﴿٤﴾ ثُمَّ كَلَّا سَيَعْلَمُونَ ﴿٥﴾

4-5)ኣይፋሎመንን፣ ክፈልጡ እዮም: ከምኡ'ውን ኣይፋሎ ምን ክፈልጡ እዮም መዓልቦ ክሕደቶም::

أَلَمْ نَجْعَلِ ٱلْأَرْضَ مِهَٰدًا ﴿٦﴾

6)ንምድሪ መንጸፍ ኣይገበርናያን ዶ? (ማለት እህየ እንዶ ንምድሪ መንጸፍ ጌርናያ::)

وَٱلْجِبَالَ أَوْتَادًا ﴿٧﴾

7)ኣኽራናት ከኣ ንምድሪ ቀጥ ክብል ሸኻል ኣይገበርናዮን ዶ? (ማለት ጌርናዮ::)

46-ማለት ኣብ ኣዱንያ እንከለዉ ይሰግዱ ኣይነበሩን: ወይ ብመዓልቲ ቅያማ ስገዱ ይበሃሉ እሞ ኣብ ኣዱንያ ይሰግዱ ስለ ዘይነበሩ ሽዑ'ውን ክሰግዱ ኣይክእሉን:

وَخَلَقْنَٰكُمْ أَزْوَٰجًا ﴿٨﴾

8)(ተባዕታይን ኣንስተይትን) ጽምዲ ጌርና ኸኣ ፈጢርናኩም።

وَجَعَلْنَا نَوْمَكُمْ سُبَاتًا ﴿٩﴾

9)ድቃስኩም ከኣ መዕረፍ ኣካላትኩም ጌርናዮ።

وَجَعَلْنَا ٱلَّيْلَ لِبَاسًا ﴿١٠﴾

10) ለይቲ ከኣ ብጸልማቱ ክም ክዳን ንዓኹምን ንመሬትን ክም ዘልብስ ጌርናዮ።

وَجَعَلْنَا ٱلنَّهَارَ مَعَاشًا ﴿١١﴾

11) ቀትሪ ከኣ ናብራኹም እትናድዩሉ ብርሃን ጌርናዮ:

وَبَنَيْنَا فَوْقَكُمْ سَبْعًا شِدَادًا ﴿١٢﴾

12)ኣብ ልዕሌኹም ከኣ ሸውዓተ ተረርቲ ሰማያት ነዚቕና።

وَجَعَلْنَا سِرَاجًا وَهَّاجًا ﴿١٣﴾

13)ከምኡ'ውን ሃልሃል ዝብል መብራህቲ ጸሓይ ጌርና ።

وَأَنزَلْنَا مِنَ ٱلْمُعْصِرَٰتِ مَآءً ثَجَّاجًا ﴿١٤﴾

14)ካብ ግመታት ዝጽሞቑ ዝናም'ውን ብርቱዕ ማይ ኣውሪድና።

لِّنُخْرِجَ بِهِۦ حَبًّا وَنَبَاتًا ﴿١٥﴾

15)ምእንቲ ብኡ ካብ መሬት ጥረ እኽልን ሳዕርን ኣታኽልትን ከኣውጽእ (ከኣበ ቁል):

وَجَنَّٰتٍ أَلْفَافًا ﴿١٦﴾

16)ከምኡ'ውን ዝተሓላለኸ ጀራዲን።

إِنَّ يَوْمَ ٱلْفَصْلِ كَانَ مِيقَٰتًا ﴿١٧﴾

17)ብርግጽ ኣላህ ንባሮቱ ዝብይኑ መዓልቲ ውሱንን ቁሩሕን እዩ።

يَوْمَ يُنفَخُ فِى ٱلصُّورِ فَتَأْتُونَ أَفْوَاجًا ﴿١٨﴾

18)(ኢስራፊል) መለኸት ኣብ ዝነፍሓሉ እዋን -ኣብ የውመል ቂያማ- ናብቲ ፍጡራት ዝእከቡሉ ቦታ በብጉድለ ኬንኩም ክትመጹ ኢኹም።

وَفُتِحَتِ ٱلسَّمَآءُ فَكَانَتْ أَبْوَٰبًا ﴿١٩﴾

19)ሰማይ'ውን (መላኢካ ንኽወርዱ) መዓጹኣ ተኸፊቱ።

وَسُيِّرَتِ ٱلْجِبَالُ فَكَانَتْ سَرَابًا ﴿٢٠﴾

20)ኣኽራናት ከኣ ካብ ቦትኡ ለቒቑ ከምዘይረኤ ኮይኑ።

إِنَّ جَهَنَّمَ كَانَتْ مِرْصَادًا ﴿٢١﴾

21) ብርግጽ ጀሃነም (ንኽሓድጥ) ተዳልያ ትጽበ ኣላ ።

لِّلطَّٰغِينَ مَـَٔابًا ﴿٢٢﴾

22)ነቶም ትእዛዝ ኣላህ ዝጠሓሱ መምለሲቶም እያ።

لَّٰبِثِينَ فِيهَآ أَحْقَابًا ﴿٢٣﴾

23)ንነዊሕ ዘመናት ክቕመጥዋ እዮም።

لَّا يَذُوقُونَ فِيهَا بَرْدًا وَلَا شَرَابًا ﴿٢٤﴾

24)ንነብሶም ዘዝሕል ወይ ንጽምኣቶም ዘርዊ መስተ ኣብኣ ኣይስኽፉን እዮም።

إِلَّا حَمِيمًا وَغَسَّاقًا ﴿٢٥﴾

25)ብጀካ ውዑይ ማይን ብርቱዕ ኣስሓይታን (ወይ ምጉሊ ህዝቢ ጀሃነም) እንተዘይኮይኑ።

جَزَآءً وِفَاقًا ﴿٢٦﴾

26)ምስቲ ግብሮም ዝሰምማዕ ሕነ እዮም ተፈደዮም።

إِنَّهُمْ كَانُوا۟ لَا يَرْجُونَ حِسَابًا ﴿٢٧﴾

27)ብርግጽ እዞም ኩሓድቲ ጽባሕ ሕሳብ ኣሎ ዝብል እምነት ኣይነበሮምን።

وَكَذَّبُوا۟ بِـَٔايَـٰتِنَا كِذَّابًا ﴿٢٨﴾

28)በቲ ኣያትና'ውን (ማለት ምልክታትና፣ ተኣምርና፣ ልኡ ኻትና፣ ቃላትና፣ ትእዛዝና...ወዘተ) ርግጸኛ ክሕደት ክሓዱ።

وَكُلَّ شَىْءٍ أَحْصَيْنَـٰهُ كِتَـٰبًا ﴿٢٩﴾

29)ኩሉ ነገራት ከኣ ብጽሑፍ በብሓደ ቆጺርናዮ ኢና።

فَذُوقُوا۟ فَلَن نَّزِيدَكُمْ إِلَّا عَذَابًا ﴿٣٠﴾

30)ጠዓምዎ ደኣ ብጀካ ስቓይ ካልእ ኣይንወስኽሉምን ኢና።

إِنَّ لِلْمُتَّقِينَ مَفَازًا ﴿٣١﴾

31)ትእዛዛት ኣላህ ዝተኸተሉ ኣመንቲ (ሙእሚኒን) ብርግጽ ዓወት ክጎናጸፉ እዮም።

حَدَآئِقَ وَأَعْنَـٰبًا ﴿٣٢﴾

32)ጀራዲንን ወይንን፣

وَكَوَاعِبَ أَتْرَابًا ﴿٣٣﴾

33)ሓደ ዝዕድመኣን ጡብን ዘይወደቐ ጎራዙን፣

وَكَأْسًا دِهَاقًا ﴿٣٤﴾

34)ብመስተ ዝተመልኣ መቓድ ሕን ክልዝሰሉም እዩ።

لَّا يَسْمَعُونَ فِيهَا لَغْوًا وَلَا كِذَّابًا ﴿٣٥﴾

35)ሃተው ቀጠው ኮነ ሓሶት'ውን ኣብኣ (ኣብ ጀና) ኣይሰምዑን እዮም።

جَزَآءً مِّن رَّبِّكَ عَطَآءً حِسَابًا ﴿٣٦﴾

36)ኣዚ ኸኣ ብሰንኪ'ቲ ሰናይ ግብሮም ዝተፈድይዎ እኹል ዘይጉዱል ህያብ እዩ።

رَّبِّ ٱلسَّمَـٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَمَا بَيْنَهُمَا ٱلرَّحْمَـٰنِ ۖ لَا يَمْلِكُونَ مِنْهُ خِطَابًا ﴿٣٧﴾

37)ኣላህ ጎይታ ሰማይን መሬትን ጎይታ ኣብ መንጎ ሰማይን መሬትን ዘለዉ ፍጡራት ስለ ዝኾነ ኣብቲ ግዜ'ቲ ማንም ንኣላህ ክዛረቦ ዝደፍርን ዝኸእልን የልቦን።

يَوْمَ يَقُومُ ٱلرُّوحُ وَٱلْمَلَـٰٓئِكَةُ صَفًّا ۖ لَّا يَتَكَلَّمُونَ إِلَّا مَنْ أَذِنَ لَهُ ٱلرَّحْمَـٰنُ وَقَالَ صَوَابًا ﴿٣٨﴾

38)ኣብቲ ግዜ'ቲ ኩሉም መላኢካታት ምስ ጂብሪል ቆይሞም ብመስርዕ ክስለፉ እንከለዉ ብጀካ'ቲ ንኽሽፍዕ (መንጎኛ ንክኸውን) ኣላህ ዘፍቀደሉን ኣብ ኣዱንያ ላኢላህ ኢለላህ ኢሉ ሰናይ

ዝዛረብ ዝነበረን እንተዘይኮይኑ ካልእ ፍጡር ዘይዛረበሉ መዓልቲ'ዩ።

ذَٰلِكَ ٱلْيَوْمُ ٱلْحَقُّ ۖ فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ مَـَٔابًا ﴿٣٩﴾

39)እቲ መዓልቲ'ቲ ብሓቂ ክርከብ ስለዝኾነ በዓል ድልየት ናብ ፈጣሪኡ መምለሲ ዝኾነ ሰናይ ተግባር ክግላእ ይግባእ።

إِنَّآ أَنذَرْنَٰكُمْ عَذَابًا قَرِيبًا يَوْمَ يَنظُرُ ٱلْمَرْءُ مَا قَدَّمَتْ يَدَاهُ وَيَقُولُ ٱلْكَافِرُ يَٰلَيْتَنِى كُنتُ تُرَٰبًۢا ﴿٤٠﴾

40)ብርግጽ ንሕና ካብ ኣብ ቀረባ ዘሎ ስቓይ ኣጠንቂቕናኹም ኢና: ሽዑ ወዲ ሰብ ኢዱ ዘጽነሐትሉ ተግባር ብዓይኑ ክርኢ እንከሎ: እቲ ብኣላህ ዝኸሓደ ተጣዒሱ ሓመድ ኮይነ እንተዝተርፍ ምሓሸኒ እናበለ ይትምነ።

سورة النازعات
ሱረቱ'ናዚዓት (እቶም መንዛዕቲ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلنَّٰزِعَٰتِ غَرْقًا ﴿١﴾ وَٱلنَّٰشِطَٰتِ نَشْطًا ﴿٢﴾ وَٱلسَّٰبِحَٰتِ سَبْحًا ﴿٣﴾ فَٱلسَّٰبِقَٰتِ سَبْقًا ﴿٤﴾ فَٱلْمُدَبِّرَٰتِ أَمْرًا ﴿٥﴾

1-5)ኣላህ ሱብሓኑሁ ወተዓላ ምጽኣተ ዓለም(የውመል ቂያማ) ኣታዊ ምኽኑ በቶም ንሩሕ ፍጡራት ብሓይሊ ዝምንዝዑ: ካብ ኣካላት ከኣ ብቕጽበት ዝስሕብዋ፣ ኣብ ሰማያት ላዕልን ታሕትን እናበሉ ዝሕምብሱ፣ ንሩሕ ሙእሚኒን ናብ ጀና (ገነት) ክብጽሑ ዝቀዳደሙ፣ ንትእዛዛት ኣላህ ተኽቲሎም ዝወከሉም ተግባር ዘመሓ ዳድሩ መላኢካታት ይምሕል።[47]

يَوْمَ تَرْجُفُ ٱلرَّاجِفَةُ ﴿٦﴾

6)(እታ ቀዳመይቲ ምንፋሕ ምስተገብረት) ኩሉ ነገር

47 ኣላህ ሱብሓኑሁ ወተዓላ ብዝደለዮ ነገር ብፍጡራቱ ይኹን ብኩበሱ ይምሕል ስለ ዝኾነ ኣብዛ ሱራ ይኹን ኣብ ካልእ ምዕራፋትን ኣያታትን ናይ ቁርኣን ክምዚ ዓይነት ሚሕላ ብብዝሒ ይንሄና እዩ።

ኣንቀጥቂጡ ዝሞተላ ምስ መጸት:

7)ከምኡ'ውን ደድሕሪኣ እታ ካልኣይቲ ናይ ትንሳኤ ምንፋሕ ትኽተላ (ሽዕኡ ኩሉ ነገር ሂወቱ ይምለሰ።)

8)ሽዕኡ ልብታት ይፈርሃን ይቡጅቡኛን የንቀጥቅጣን።

9)ኣዒንትታታ ብሕስረት ንታሕቲ ይጥምታ።

10)እቶም ከሓድቲ ኣብ ኣዱንያ እንከለዉ: ሜትና ኣብ ጉድጓድ ምስ ኣተና እንደገና ዶ ንምለስ ኢና? ይብሉ

11)ዝቆንቆነ ኣዕጽምቲ'ውን ምስኮና ? (እናበሉ ብትንሳኤ ይኣምኑ ኣይነበሩን።)

12)እንተደኣ ከምዚ መሓመድ ዝብለና ዘሉ ክንምለስ ኪናስ ብጣዕሚ ከቢድ ክሳራ እዩ ይብሉ።

13)ትንሳኤ ንኽመጽእ እታ ካልኣይቲ ዘይብላ ሓንቲ ምንፋሕ እያ እተድሊ።

14)ሽዕኡ ኩሎም ካብ ከብዲ መሬት ወጺኦም ኣብ ስጣሕ ዝባን መሬት ይእከቡ።

15)እ መሓመድ ወረ ናይ ሙሳ ምስ ፈርዖን መጺኡካ እንድዩ?

16-17)ኣላህ ንሙሳ ኣብቲ ጡዋ ዝተባህለ ቅዱስ ቦታ ጸዊዑ ናብቲ ትዕቢተኛ ዝኾነ ኣረሜናዊ ኩሓዲ ፈርዖን ክኸይድ ኣዘዞ።

18)ናብ ፈርዖን ምስ በጻሕካ ከኣ "መገዲ ንጽሕና ክትክተል ድልየትዶ ኣለካ" ኢልካ ሕተቶ?

19)ካብ መቕጻዕቲ ኣላህ ክትፈርህ ከኣ ናብ መገዲ እምኑትን ኣምልኾት ኣላህን ዶ ክሕብረካ?

تَتْبَعُهَا ٱلرَّادِفَةُ ﴿٧﴾

قُلُوبٌ يَوْمَئِذٍ وَاجِفَةٌ ﴿٨﴾

أَبْصَٰرُهَا خَٰشِعَةٌ ﴿٩﴾

يَقُولُونَ أَءِنَّا لَمَرْدُودُونَ فِى ٱلْحَافِرَةِ ﴿١٠﴾

أَءِذَا كُنَّا عِظَٰمًا نَّخِرَةً ﴿١١﴾

قَالُوا۟ تِلْكَ إِذًا كَرَّةٌ خَاسِرَةٌ ﴿١٢﴾

فَإِنَّمَا هِىَ زَجْرَةٌ وَٰحِدَةٌ ﴿١٣﴾

فَإِذَا هُم بِٱلسَّاهِرَةِ ﴿١٤﴾

هَلْ أَتَىٰكَ حَدِيثُ مُوسَىٰٓ ﴿١٥﴾

إِذْ نَادَىٰهُ رَبُّهُۥ بِٱلْوَادِ ٱلْمُقَدَّسِ طُوًى

ٱذْهَبْ إِلَىٰ فِرْعَوْنَ إِنَّهُۥ طَغَىٰ ﴿١٧﴾

فَقُلْ هَل لَّكَ إِلَىٰٓ أَن تَزَكَّىٰ ﴿١٨﴾

وَأَهْدِيَكَ إِلَىٰ رَبِّكَ فَتَخْشَىٰ ﴿١٩﴾

فَأَرَىٰهُ ٱلْءَايَةَ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿٢٠﴾

20)ሽዕኡ ሙሳ ንፈርየን እታ ዓባይ ናይ መልእኽቱ ምልክት ዝነበረት ተኣምር (እታ ናብ ተመን እትልወጥ በትሩን: ጻዕዳ እትልወጥ ኢዱን) ኣርኣዮ:

فَكَذَّبَ وَعَصَىٰ ﴿٢١﴾

21)ፈርየን ግን ብሙሳ ክሒዱ ትእዛዝት ኣላህ ነጸገ።

ثُمَّ أَدْبَرَ يَسْعَىٰ ﴿٢٢﴾

22)ከምኡ'ውን ንሙሳ ንምቅዋም ቃልሱን ጎስጓሱን ኣካየደ።

فَحَشَرَ فَنَادَىٰ ﴿٢٣﴾

23)ንመላእ ህዝቡን ሰራዊቱን ኣኪቡ ጨደረ።

فَقَالَ أَنَا۠ رَبُّكُمُ ٱلْأَعْلَىٰ ﴿٢٤﴾

24)ኣነ እየ እቲ ልዑል ጎ ይታኹም ከኣ በለ።

فَأَخَذَهُ ٱللَّهُ نَكَالَ ٱلْءَاخِرَةِ وَٱلْأُولَىٰ ﴿٢٥﴾

25)ኣላህ ከኣ ብስቓይ ኣኼራን ስቓይ ኣዱንያን ቀጸየ።

إِنَّ فِى ذَٰلِكَ لَعِبْرَةً لِّمَن يَخْشَىٰٓ ﴿٢٦﴾

26)ብርግጽ እዚ ንፈርየን ዝረኸበ መቕጻዕቲ ኑቲ ፈራህ ረቢ ዓቢ መለበሚ እዩ።

ءَأَنتُمْ أَشَدُّ خَلْقًا أَمِ ٱلسَّمَآءُ ۚ بَنَىٰهَا ﴿٢٧﴾

رَفَعَ سَمْكَهَا فَسَوَّىٰهَا ﴿٢٨﴾

27-28)ኣንቱም ብትንሳኤ ዘይትኣምኑ ዘለኹም ደቂ ሰብ ንዓኹም ምፍጣር ዶ ይብርትዕ ኮይኑ ይስመዓኩም ወይስ ነዚ ኣብ ልዕሌኹም ዘሉ ሰማይ: ኣላህ እኮ እዩ ብዘይ ገለ ጉድለት ኣብ ላዕሊ ሰጥ ኣቢሉ ነዲቑዎ።

وَأَغْطَشَ لَيْلَهَا وَأَخْرَجَ ضُحَىٰهَا ﴿٢٩﴾

29)ንለይቲ ከኣ ኣጸልሚቱ ንቐትሩ ብብርሃን ከፈቶ ጋህ ኣበሉ።

وَٱلْأَرْضَ بَعْدَ ذَٰلِكَ دَحَىٰهَآ ﴿٣٠﴾

30)ብድሕሪኡ ንመሬት ዘርገሓ።

أَخْرَجَ مِنْهَا مَآءَهَا وَمَرْعَىٰهَا ﴿٣١﴾

31)ማያን ህይወታውያን ዝበልዕዎ ኣታኽልታን ካብ ውሽጣ ኣውጸኣ።

وَٱلْجِبَالَ أَرْسَىٰهَا ﴿٣٢﴾

32)ንነበታትን ኣኽራናትን ከኣ ንመሬት ቀጥ ክብል ኣብ ክብዳ ተኸሉ።

مَتَٰعًا لَّكُمْ وَلِأَنْعَٰمِكُمْ ﴿٣٣﴾

33)እዚ ኹሉ ኸኣ ምእንቲ ጥቕምኹምን ጥቕሚ ጥሪትኩምን እዩ።

فَإِذَا جَآءَتِ ٱلطَّآمَّةُ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿٣٤﴾

34)እንተደኣ ቂያማ ኣኺላ ብኻልኣይቲ ምንፋሕ ኩሉ ምዉት ተንሲኡ::

يَوْمَ يَتَذَكَّرُ ٱلْإِنسَٰنُ مَا سَعَىٰ ﴿٣٥﴾

35)ሽዕኡ እዩ ወዲ ሰብ ኩሉ እቲ ኣብ ኣዱንያ ዝፍጽሞ ዝነበረ ሰናይን እኪይን ግብሩ ዝዝክር:

وَبُرِّزَتِ ٱلْجَحِيمُ لِمَن يَرَىٰ ﴿٣٦﴾

36)እሳት ጀሃነም ከኣ ተቐሊዓ ንኹሉ ፍጡር ትርኣየ::

فَأَمَّا مَن طَغَىٰ ﴿٣٧﴾

37)እቲ ብኣላህ ዝኸሓደን ትእዛዛቱ ዘየኽበረን፣

وَءَاثَرَ ٱلْحَيَوٰةَ ٱلدُّنْيَا ﴿٣٨﴾

38)ቀዳምነት ንኣዱንያ ሂቡ ንኣኼራ ዝረሰዐን:

فَإِنَّ ٱلْجَحِيمَ هِىَ ٱلْمَأْوَىٰ ﴿٣٩﴾

39)ብርግጽ እሳተ ጀሃነም እያ መንበሪቱን መዕረፊቱን::

وَأَمَّا مَنْ خَافَ مَقَامَ رَبِّهِۦ وَنَهَى ٱلنَّفْسَ عَنِ ٱلْهَوَىٰ ﴿٤٠﴾

40)ግን እቲ ነታ ኣብ ቅድሚ ረቢ ደው ዝብለላ መዓልቲ ዘኪሩ ዝፈረሆን ንኑብሱ ካብ ዊንታኣ ከልኪሉ ትእዛዛት ኣላህ ዘኽበረን ዝተኽተለን:

فَإِنَّ ٱلْجَنَّةَ هِىَ ٱلْمَأْوَىٰ ﴿٤١﴾

41)ብርግጽ እታ ጀና እያ ቤቱን መንበሪቱን::

يَسْـَٔلُونَكَ عَنِ ٱلسَّاعَةِ أَيَّانَ مُرْسَىٰهَا ﴿٤٢﴾

42)ዎ ሙሓመድ: ካሓድቲ ቂያማ መዓስ እያ እትመጽእ ኢሉም ይሓቱኻ ኣለዉ::

فِيمَ أَنتَ مِن ذِكْرَىٰهَآ ﴿٤٣﴾

43)ንስኻ ብዛዕባ ዕለታ እትፈልጦ የብልካን::

إِلَىٰ رَبِّكَ مُنتَهَىٰهَآ ﴿٤٤﴾

44)ብጀካ ሓደ ጎይታኻ ካልእ ብሓቂ ዕለታ ዝፈልጥ የልቦን::

إِنَّمَآ أَنتَ مُنذِرُ مَن يَخْشَىٰهَا ﴿٤٥﴾

45)ግደኻ ኑዶም ዝፈርህዋ ዘበሉ ምጥንቃቕ ጥራይ እዩ::

كَأَنَّهُمْ يَوْمَ يَرَوْنَهَا لَمْ يَلْبَثُوٓا۟ إِلَّا عَشِيَّةً أَوْ ضُحَىٰهَا ﴿٤٦﴾

46)እዞም ዝኽሕዱዋ ዘለዉ ጽባሕ ብዓይኖም ምስ ረኣይዋ ኣብ ኣዱንያ ወይ ኣብ ቀብሮም ፍርቂ መዓልቲ (ናይ ንግሆ ወይ ናይ ምሸት) ጥራይ ዝገበሩ ኮይኑ ክስመየም እዩ::

سورة عبس
ሱረቱ ዓበሳ (ተጸወገ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-2)(ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) እቲ ዓይነስዉር ምስ መጸ ተጸዊጉ ገጹ ገልበጠ::[48]

عَبَسَ وَتَوَلَّىٰٓ ۝١ أَن جَآءَهُ ٱلْأَعْمَىٰ ۝٢

3)ዎ መሓመድ እንታይ ኣፍሊጡካ ምናልባት እዚ ዓይነስዉር በቲ እትህቦ ኣስተምህሮ ናብ መገዲ ንጽህና ይኣቱ ይኸውን::

وَمَا يُدْرِيكَ لَعَلَّهُۥ يَزَّكَّىٰٓ ۝٣

4)ወይ ከኣ በቲ እትህቦ መውዒዛ(ሰብኪት) ዘኪሩ ይጥቀም ይኸውን::

أَوْ يَذَّكَّرُ فَتَنفَعَهُ ٱلذِّكْرَىٰٓ ۝٤

5)እቲ ብሃብቱ ተኣማሚኑ ንኣላህ ዝረሰዐ ግን ድልየት ናይ እምኑት ዘይብሉ እንከሉ:

أَمَّا مَنِ ٱسْتَغْنَىٰ ۝٥

6)ናብኡ ገጽካ ጌርካ ትዛረብ: ዘረብኡ'ውን ትሰምዕ::

فَأَنتَ لَهُۥ تَصَدَّىٰ ۝٦

7)እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩሓዲ ይእመን ኣይእመን ኣይትገደ ሰሉ መልእኽትኻ ጥራይ ኣብ ጽሓሉ::

وَمَا عَلَيْكَ أَلَّا يَزَّكَّىٰ ۝٧

8)እቲ ናብ መገዲ ቅንዕና ክትሕብሮ እናጎየየ ዝመጸካን:

وَأَمَّا مَن جَآءَكَ يَسْعَىٰ ۝٨

9)ፍርሃት ኣላህ ዘለዎን ሰብ ግን

وَهُوَ يَخْشَىٰ ۝٩

10)ገጽካ ናብ ካልእ ሸነኽ ብምግ ባር ኣየድሃብካሉን::

فَأَنتَ عَنْهُ تَلَهَّىٰ ۝١٠

11)ኣይፋልካን (ከምዚ ኣይትግ በር:) እዛ ሱራ ከኣ ንዓኻ

كَلَّآ إِنَّهَا تَذْكِرَةٌ ۝١١

---

48 እዛ ሱራ ዝወረደትላ ምኽንያት ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኑቶም ሽማግለ ናይ ቁረይሽ ናይ እስልምና ዳዕዋ እናሃበ ኢብን ኡም መክቱም ዝተባህለ ዓይነ ስዉር መጺኡ ኣብ መንጎ ዘረባ ዎ ረሱል ብዘዕባ እስልምና መሃረኒ በሉ: ረሱል ከኣ ነዚ ምቁራጽ ጸሊኡን ኑቶም ሽማግለታት ቁረይሽ ብዝደዳ ኣብ እስልምና ክኣትዉ ሃንቀውታ ብምሕዳሩን ሰለ እተጸወገ: እዛ ሱራ ክጽወግ ከምዘይክሮ ክትሕብሮ(ክትገንሖ) ወሪዳ::

ምዕዶን መዘኻኸሪትን እያ።

12)ድልየት ዘለዎ ባርያ ከኣ ነዚ ምዕዶ'ዚ ክኽተል እዩ።

13)እዚ ምዕዶ ኸኣ ኣብቲ ክቡር ናይ ኣላህ መጽሓፍ እዩ ሰፊሩ

14)ንጹህን ልዑልን ከኣ እዩ:

15)ኣብ ኢድ እቶም ናብ ኑብይታት ዝለኣኹ መላኢካ ታት እዩ ዘሎ

16)ክቡራትን ተኽተልቲ ትእዛዛት ኣላህ ዝኾኑ ብጹኣን እዮም።

17)ይቀዘፍ እዚ ኩሓዲ ዝኾነ ወዲ ሰብ ክንደይ ክ ይብርትዕ ክሕደቱ?

18)ካብ እንታይ ድዩ ኣላህ ነዚ ሰብ'ዚ ፈጢርዎ ?

19)ካብ ፈሳሲ ዝኾነ ዘርኢ'ዶ ኣይኮነን ፈጢሩ ዘስተኻኽሎን ዘመዓራረዮን:

20)ብድሕሪኡ ከኣ መገዲ ቅንዕናን መገዲ ክፍኣትን ከምዝፈልጥ ገበሮ።

21)ብድሕሪኡ'ውን ሞይቱ ብኽብረት ከምዝቕበር ገበሮ።

22)ብድሕሪዚ ከኣ ኣላህ ኣብታ ዝደልያ መዓልቲ ኣሕዊዩ ካብ ቀብሩ ከተንስኦ እዩ።

23)ወዲ-ሰብ ግን ዀና በቲ ኣላህ ዝወሰነሉ ትእዛዝ ኣይተ ማእዘዘን።

24)እስከ ወዲ-ሰብ ኑቲ ምኽንያት ሂወቱ ዝኾነ መግ ቡ ይተዓዘብ።

25)ብርግጽ ንሕና ንማይ ካብ ሰማይ ብዝናም ከዓናዮ።

26)ብድሕሪኡ ንመሬት በቲ ዝበቕዑል ኣታኽልቲ ጨደድናያ።

فَمَن شَآءَ ذَكَرَهُۥ ﴿١١﴾

فِى صُحُفٍ مُّكَرَّمَةٍ ﴿١٢﴾

مَّرْفُوعَةٍ مُّطَهَّرَةٍ ﴿١٣﴾

بِأَيْدِى سَفَرَةٍ ﴿١٤﴾

كِرَامٍ بَرَرَةٍ ﴿١٥﴾

قُتِلَ ٱلْإِنسَـٰنُ مَآ أَكْفَرَهُۥ ﴿١٦﴾

مِنْ أَىِّ شَىْءٍ خَلَقَهُۥ ﴿١٧﴾

مِن نُّطْفَةٍ خَلَقَهُۥ فَقَدَّرَهُۥ ﴿١٨﴾

ثُمَّ ٱلسَّبِيلَ يَسَّرَهُۥ ﴿١٩﴾

ثُمَّ أَمَاتَهُۥ فَأَقْبَرَهُۥ ﴿٢٠﴾

ثُمَّ إِذَا شَآءَ أَنشَرَهُۥ ﴿٢١﴾

كَلَّا لَمَّا يَقْضِ مَآ أَمَرَهُۥ ﴿٢٢﴾

فَلْيَنظُرِ ٱلْإِنسَـٰنُ إِلَىٰ طَعَامِهِۦٓ ﴿٢٣﴾

أَنَّا صَبَبْنَا ٱلْمَآءَ صَبًّا ﴿٢٤﴾

ثُمَّ شَقَقْنَا ٱلْأَرْضَ شَقًّا ﴿٢٥﴾

فَأَنۢبَتۡنَا فِيهَا حَبّٗا ﴿٢٧﴾

27)ኣብኣ ከኣ ጥረምረ(ጥረታት) ኣብቑልና።

وَعِنَبٗا وَقَضۡبٗا ﴿٢٨﴾

28)ከምኡውን ወይንን፣ ልምሉም ሳዕርን፣

وَزَيۡتُونٗا وَنَخۡلٗا ﴿٢٩﴾

29)ኣውሊዕን፣ ተምርን።

وَحَدَآئِقَ غُلۡبٗا ﴿٣٠﴾

30)ሮኳትን ዝተሓላለኹ ኣግራብን ዘለዎ ጀራዲን።

وَفَٰكِهَةٗ وَأَبّٗا ﴿٣١﴾

31)ፍሩታን እንስሳ ዝበልዐኦ ኣቑጽልቲ ኣብቑልና።

مَّتَٰعٗا لَّكُمۡ وَلِأَنۡعَٰمِكُمۡ ﴿٣٢﴾

32)ምእንቲ ረብሓኹምን ረብሓ ጥሪትኩምን።

فَإِذَا جَآءَتِ ٱلصَّآخَّةُ ﴿٣٣﴾

33)እታ ኣእዛን እተጽምም ድምጺ ናይ ትንሳኤ ምስ መጸት።

يَوۡمَ يَفِرُّ ٱلۡمَرۡءُ مِنۡ أَخِيهِ ﴿٣٤﴾ وَأُمِّهِۦ وَأَبِيهِ ﴿٣٥﴾ وَصَٰحِبَتِهِۦ وَبَنِيهِ ﴿٣٦﴾

34-36)ወዲ-ሰብ ካብ ሓዉ፣ ካብ ኣዲኡን ኣቦኡን፣ ካብ ሰበይቱን ደቁን ዝሃድመላ መዓልቲ እያ።

لِكُلِّ ٱمۡرِيٕٖ مِّنۡهُمۡ يَوۡمَئِذٖ شَأۡنٞ يُغۡنِيهِ ﴿٣٧﴾

37)ነፍስ ወከፍ ካብኣቶም ሽዕኡ ዝኣኽሎ ጉዳይ ኣለዎ።

وُجُوهٞ يَوۡمَئِذٖ مُّسۡفِرَةٞ ﴿٣٨﴾

38)ሽዕኡ -ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ- ገጽ ኣመንቲ ትበርህ።

ضَاحِكَةٞ مُّسۡتَبۡشِرَةٞ ﴿٣٩﴾

39)ትስሕቅን ትድሰትን።

وَوُجُوهٞ يَوۡمَئِذٍ عَلَيۡهَا غَبَرَةٞ ﴿٤٠﴾

40)ከምኡ'ውን ገጽ ኩሓድቲ ትቕምስልን ደሮና ትኽደንን።

تَرۡهَقُهَا قَتَرَةٌ ﴿٤١﴾

41)ጸለሎን ጸልማትን ይዕብለላ።

أُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡكَفَرَةُ ٱلۡفَجَرَةُ ﴿٤٢﴾

42)እዚኣቶም እዮም ከኣ ኩሓድትን (ሓጥያተኛታትን) ብልሹዋትን።

سورة التكوير
ሱረቱ'ተክዊር (እቲ ምኽባብ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

إِذَا ٱلشَّمْسُ كُوِّرَتْ ﴿١﴾

1)እታ ጸሓይ ንኹትድርበ ከም ኩዕሶ ተጠቕሊላ ምስ ተኸበ ቡት።

وَإِذَا ٱلنُّجُومُ ٱنكَدَرَتْ ﴿٢﴾

2)እተን ከዋኽብቲ'ውን ተበታቲነን ካብ ሰማይ ምስ ዝወድቃ።

وَإِذَا ٱلْجِبَالُ سُيِّرَتْ ﴿٣﴾

3)እተን ኣኽራናት'ውን ካብ መሬት ተበንቀሩን ኣብ ሃዋህው ምስ ዝንቀሳቐሳ።

وَإِذَا ٱلْعِشَارُ عُطِّلَتْ ﴿٤﴾

4)እተን መላኣት ኣግማል'ውን ዋናታተን መዓት ቂያማ (ምጽኣት) ስለዝረኣደ ብዘይ ጓሳ ምስ ዝፍንውወን

وَإِذَا ٱلْوُحُوشُ حُشِرَتْ ﴿٥﴾

5)እተን ኣራዊት'ውን ካብ ሞት ተሲእን ፍርዲ ንኽቕበላ ምስ ዝእከባ።

وَإِذَا ٱلْبِحَارُ سُجِّرَتْ ﴿٦﴾

6)እቲ ባሕሪታት'ውን ሓዊ ኮይኑ ምስ ዝቃጸል።

وَإِذَا ٱلنُّفُوسُ زُوِّجَتْ ﴿٧﴾

7)እተን ነፍስታት'ውን መምስ ተመሳሳሊእን ምስ ዝጻመዳ (ኣሚኒ ምስ ኣሚኒ ከሓዲ ምስ ከሓዲ ...ወዘተ)።

وَإِذَا ٱلْمَوْءُۥدَةُ سُئِلَتْ ﴿٨﴾ بِأَىِّ ذَنۢبٍ قُتِلَتْ ﴿٩﴾

8-9)እታ ብሂወታ ዝተደፍኦት ቆልዓ በጽናይ ሓጢኣት (ዘእቢ) ከምተቐትለት ምስ እትሕተት (ዓረብ ኣብ ግዜ ጃህልያ ድኽነት ወይ ኽብረቶም ኪይድኽስ ፈሪዮም ጓሎም ብቆልዓኣ እንከለ ይደፍንዎ ኔሮም)።

وَإِذَا ٱلصُّحُفُ نُشِرَتْ ﴿١٠﴾

10)እቲ ተግባራት ፍጡር ዝጽሓፈሉ መጻሕፍቲ'ውን ምስተዘርገሐ:

وَإِذَا ٱلسَّمَآءُ كُشِطَتْ ﴿١١﴾

11)እታ ሰማይ'ውን ተጨዲዳ ምስ ተልግስ:

وَإِذَا ٱلْجَحِيمُ سُعِّرَتْ ﴿١٢﴾

12)እታ እሳተ ጀሃነም'ውን ንኹሓድትን በደልትን ምስተና ኸሰት:

وَإِذَا ٱلْجَنَّةُ أُزْلِفَتْ ﴿١٣﴾

13)እታ ጎነት'ውን (ጀና) ንኣመንቲ ምስተቐረበት:

عَلِمَتْ نَفْسٌ مَّآ أَحْضَرَتْ ﴿١٤﴾

14)ሽዕኡ እያ ነፍሲ (ወዲ-ሰብ) ዝተግለአቶ ነገር -ሰናይ ወይ

እከይ- እትፈልጥ።

15-16)በተን ቀትሪ ዝሕበኣ ተንቀሳቐስቲ ከዋኽብቲ እምሕል።

فَلَآ أُقۡسِمُ بِٱلۡخُنَّسِ ١٥ ٱلۡجَوَارِ ٱلۡكُنَّسِ ١٦

17)ከምኡ'ውን በቲ ለይቲ ጸልማቱ ምስ ኣተወ።

وَٱلَّيۡلِ إِذَا عَسۡعَسَ ١٧

18)ከምኡ'ውን በቲ ንግሆ ብርሃኑ ምስ ተቐልቐለ።

وَٱلصُّبۡحِ إِذَا تَنَفَّسَ ١٨

19)እዚ ቁርኣን (ካብ ኣላህ ናብ ነቢና ሙሓመድ) ብቃል ክቡር ልኡኽ (ጂብሪል) ከምዝተ ማሓላለፈ።

إِنَّهُۥ لَقَوۡلُ رَسُولٖ كَرِيمٖ ١٩

20)ንሱ'ውን (ጂብሪል) ኣብ ቅድሚ ረቢ በዓል ሓይልን ዱልዱልን እዩ።

ذِي قُوَّةٍ عِندَ ذِي ٱلۡعَرۡشِ مَكِينٖ ٢٠

21)ኩሉም መላኢካታት ከኣ ይእዘዝዎ: መልእኽቲ ኣላህ ናብ ኑብይታት ከብጽሕ እንከሎ ኽኣ እሙን እዩ።

مُّطَاعٖ ثَمَّ أَمِينٖ ٢١

22)ኦ ህዝቢ መካ እዚ ብጻይኩም (ሙሓመድ) ጅ ከኣ ጽሉል ኣይኮነን (ከምቲ ንስኹም ተካፍእዎ ዘለኹም።)

وَمَا صَاحِبُكُم بِمَجۡنُونٖ ٢٢

23)ሙሓመድ'ውን ንጅብሪል በቲ ቀንዲ መልክዑ ብምብራቕዊ ወገን መካ ብርግጽ ሪኡዎ እዩ።

وَلَقَدۡ رَءَاهُ بِٱلۡأُفُقِ ٱلۡمُبِينِ ٢٣

24)ከምኡ'ውን ነቢይ ሙሓመድ ኑቲ ዝረኽቦ ዘሎ ናይ ሰማይ ዋሕይ ኣይሓብኣልኩምን እዩ።

وَمَا هُوَ عَلَى ٱلۡغَيۡبِ بِضَنِينٖ ٢٤

25)ከምኡውን እዚ ቁርኣን ቃል ሰይጣን ካህናት ኣይኮነን።

وَمَا هُوَ بِقَوۡلِ شَيۡطَٰنٖ رَّجِيمٖ ٢٥

26)ኣየናይ መገዲ መሪጽኩም ኢኹም እሞ እትኽዱ: ድሕሪ'ዚ ዝተገልጸልኩም ሓቅታት:

فَأَيۡنَ تَذۡهَبُونَ ٢٦

27)እዚ ቁርኣን ከኣ ንምሉእ ዓለም መዘኻኸሪ ጥራይ እዩ

إِنۡ هُوَ إِلَّا ذِكۡرٞ لِّلۡعَٰلَمِينَ ٢٧

28)እንተደኣ ካባኹም ቅኑዕ መገዲ ሓቅን ኢማንን ክኽተል ዝደሊ ኣሎ ኮይኑ።

لِمَن شَآءَ مِنكُمۡ أَن يَسۡتَقِيمَ ٢٨

29)ዝደለኹሞ ናይ ቅንዕና ነገር'ውን ካብ ድልየት ኣላህ ጎ ይታ ዓለም ኣይወጽእን እዩ።

وَمَا تَشَآءُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُ رَبُّ ٱلۡعَٰلَمِينَ ٢٩

سورة الإنفطار
ሱረቱል'ኢንፈጣር (እቲ ምትርጋእ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እታ ሰማይ (መላኢካ ንኽወርዱ) ምስተተርግኣት:

إِذَا ٱلسَّمَآءُ ٱنفَطَرَتْ ﴿١﴾

2)እተን ከዋኽብቲ'ውን ምስተወዳደቓ:

وَإِذَا ٱلْكَوَاكِبُ ٱنتَثَرَتْ ﴿٢﴾

3)እቲ ባሕርታት ከኣ ምቁሩን ዕረኡን ምስተሓዋወሰ:

وَإِذَا ٱلْبِحَارُ فُجِّرَتْ ﴿٣﴾

4)እቲ ቀብርታት'ውን ሓመዱ ተገምጢሉ ምዉታቱ ምስወጹ

وَإِذَا ٱلْقُبُورُ بُعْثِرَتْ ﴿٤﴾

5)ሽዕኡ እያ ኑፍሲ ዘሕለፈቶን ዝገደፈቶን ሰናይን እኪይን ግብራ እትፈልጥ።

عَلِمَتْ نَفْسٌ مَّا قَدَّمَتْ وَأَخَّرَتْ ﴿٥﴾

6)ዎ ወዲ-ሰብ እንታይ እዩ በቲ ሊጋስ ዝኾነ ጎይታኻ ክትክሕድ ዘታለለካ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلْإِنسَٰنُ مَا غَرَّكَ بِرَبِّكَ ٱلْكَرِيمِ ﴿٦﴾

7)በቲ ዝፈጠረካን ዘስተኻኸለካን ዘመዓራረየካን።

ٱلَّذِى خَلَقَكَ فَسَوَّىٰكَ فَعَدَلَكَ ﴿٧﴾

8)ብዝደልዮ መልክዕን ቅርጽን ከኣ ኣገጣጢሙ ቅርጺ ዘውጸኣልካ።

فِىٓ أَىِّ صُورَةٍ مَّا شَآءَ رَكَّبَكَ ﴿٨﴾

9)ኣይፋልኩምን: በቲ መዓልቲ ሕሳብን ምፍዳይን ኢኹም እትኽሕዱ ዘለኹም: (ወይ በቲ ሃይማኖት እስልምና ኢኹም እትኽሕዱ ዘለኹም።)

كَلَّا بَلْ تُكَذِّبُونَ بِٱلدِّينِ ﴿٩﴾

10)ብርግጽ ንዓኹም ዝቆጻጸሩ ግብር ኹም ዘጽንዑ መላኢካታት ኣለዉ።

وَإِنَّ عَلَيْكُمْ لَحَٰفِظِينَ ﴿١٠﴾

11)ናይ ግብርኹምን ቃልኩምን ክቡራት ጸሓፍቲ ዝኾኑ።

كِرَامًا كَٰتِبِينَ ﴿١١﴾

12)ኩሉ እትገብርዎ ከኣ (ሰናይ ይኹን እኪይ) ይፈልጥዎ እዮም።

يَعْلَمُونَ مَا تَفْعَلُونَ ﴿١٢﴾

إِنَّ ٱلْأَبْرَارَ لَفِى نَعِيمٍ ﴿١٣﴾

13)ብርግጽ እቶም ትእዛዝ ኣላህ ተኸተሉ ኣመንትን ጻድቃናትን ኣብ ሸሻይ ጎነት እዮም ዝነብሩ።

وَإِنَّ ٱلْفُجَّارَ لَفِى جَحِيمٍ ﴿١٤﴾

14)ብርግጽ እቶም ከሓድቲ ድማ ኣብ እሳተ ገሃነም ይኣትዉ።

يَصْلَوْنَهَا يَوْمَ ٱلدِّينِ ﴿١٥﴾

15)ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ብዋሂኣን ሃልሃልታኣን ይሳቐዩ።

وَمَا هُمْ عَنْهَا بِغَآئِبِينَ ﴿١٦﴾

16)ካብኣ'ውን ኣይወጹ፣ ኣይርሕቁ፣ መዋእሉም'ዮም ዝነብሩዋ።

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا يَوْمُ ٱلدِّينِ ﴿١٧﴾

17)እንታይ ከ ትፈልጥ ብዛዕባ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም።

ثُمَّ مَآ أَدْرَىٰكَ مَا يَوْمُ ٱلدِّينِ ﴿١٨﴾

18)እረ እንታይ ከ ትፈልጥ ብዛዕባ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም *(ዕብየትን ክብርን ናይዚ መዓልቲ ንምምልካት እዛ ኣያ ተደጊማ)*

يَوْمَ لَا تَمْلِكُ نَفْسٌ لِّنَفْسٍ شَيْـًٔا وَٱلْأَمْرُ يَوْمَئِذٍ لِّلَّهِ ﴿١٩﴾

19)ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ዝኾነት ነፍሲ ንዝኾነት ነፍሲ እትውንኖ ምንም ጥቕሚ የለን: ኩሉ ነገር ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኢድ ኣላህ እዩ: (ከምቲ ኣብ ዓለም እንከለዉ ዝህቦም ዝነበረ ዋኒናት ኣይህቦምን እዩ።)

سورة المطففين
ሱረቱል'መጠፈፊን (እቶም ስፍሪ ዘጉደሉ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَيْلٌ لِّلْمُطَفِّفِينَ ﴿١﴾

1)ወይልኡም እቶም ኣብ ስፍሪ ዘደናግሩ:

ٱلَّذِينَ إِذَا ٱكْتَالُوا۟ عَلَى ٱلنَّاسِ يَسْتَوْفُونَ ﴿٢﴾

2)እቶም ካብ ካልእ ሰብ ክገዝኡ እንከለዉ ስፍሮም ብግቡእ ዝልክዑ።

وَإِذَا كَالُوهُمْ أَو وَّزَنُوهُمْ يُخْسِرُونَ ﴿٣﴾

3)ንካልእ ሰብ ክሸጡሉ እንተሰፈሩን እንተመዘኑን ከኣ ዘጉዱሉሉ።

أَلَا يَظُنُّ أُو۟لَٰٓئِكَ أَنَّهُم مَّبْعُوثُونَ ﴿٤﴾

4)እዞም ነዚ ነገር ዝፍጽሙ ካብ ቀብሮም ከምዝትንስኡ ኣይኣምኑን ድዮም?

5)ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም (ቅያማ)።

لِيَوْمٍ عَظِيمٍ ﴿٥﴾

6)እቶም ኩሎም ደቂ-ሰብ ንሓደ ጎይታ ዓለም ደው ኢሎም ፍርዱ ዝጽበይሉ መዓልቲ እዩ።

يَوْمَ يَقُومُ ٱلنَّاسُ لِرَبِّ ٱلْعَٰلَمِينَ ﴿٦﴾

7)ኣይፋልኩምን (ካብቲ ዘለኹሞ ተቓጠቡ): እቲ ግብሪ ሓጥያተኛታት ዝተመዝገበሉ መጽሓፍ ኣብ ጸቢብ ማሕቡስ እዩ ዝኸቶም።

كَلَّآ إِنَّ كِتَٰبَ ٱلْفُجَّارِ لَفِى سِجِّينٍ ﴿٧﴾

8)ጸቢብ ማሕቡስ ኸ እንታይ ምኻኑ ትፈልጦ ዲኻ?

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا سِجِّينٌ ﴿٨﴾

9)እቲ ግብሪ ሓጥያተኛ ኣብ ዘይድምሰስን ዘይሃስስን መጽሓፍ እዩ ተመዝጊቡ።

كِتَٰبٌ مَّرْقُومٌ ﴿٩﴾

10)ወይልኦም ሽዕኡ (ማለት ምጽኣተ ዓለም ምስ መጸት) እቶም ዝኽሕዱ ዝነበሩ።

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿١٠﴾

11)እቶም በታ ናይ ምፍዳይ መዓልቲ (ቅያማ) ዝኽሕዱ ዝነበሩ።

ٱلَّذِينَ يُكَذِّبُونَ بِيَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿١١﴾

12)በዚ መዓልቲ'ዚ ዝኽሕድ ከኣ ብጀካ'ቲ ዝሃስ ትእዛዛት ኣላህ ሓጥያተኛ ካልእ የለን።

وَمَا يُكَذِّبُ بِهِۦٓ إِلَّا كُلُّ مُعْتَدٍ أَثِيمٍ ﴿١٢﴾

13)እቲ ናብ መሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዘውረድናዮ ቃላት ክንበበሉ እንከሎ እዚ ናይቶም ቀዳሞት ያታ (ጽውጽዋይ) እዩ ደኣምበር ቃል ኣላህ ኣይኮነን ዝበለ።

إِذَا تُتْلَىٰ عَلَيْهِ ءَايَٰتُنَا قَالَ أَسَٰطِيرُ ٱلْأَوَّلِينَ ﴿١٣﴾

14)ኣይፋሉምን: ዝፍጽምዎ ዘንብ ታትን በደላትን ስለ ዝበዝሐ ልቦም ብጸልማት ተሸፊኑ ኣሎ።

كَلَّا ۖ بَلْ ۜ رَانَ عَلَىٰ قُلُوبِهِم مَّا كَانُوا۟ يَكْسِبُونَ ﴿١٤﴾

15)ኣይፋሉምን: እቶም ኪሓድቲ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ክወሳት እዮም: ኣላህ ኣይረኣዮምን ኣይርእዮምን እዩ።

كَلَّآ إِنَّهُمْ عَن رَّبِّهِمْ يَوْمَئِذٍ لَّمَحْجُوبُونَ ﴿١٥﴾

16) ብርግጽ ኣብ እሳተ ጀሃነም እውን ክድቕደቑ እዮም።

ثُمَّ إِنَّهُمْ لَصَالُوا۟ ٱلْجَحِيمِ ﴿١٦﴾

17)መላኢካ ናይ ጀሃነም ከኣ እዚ እዩ እቲ ኣብ ኣዱንያ ትኽሕድዎ ዝነበርኩም ስቓይ ይብልዎም።

ثُمَّ يُقَالُ هَٰذَا ٱلَّذِى كُنتُم بِهِۦ تُكَذِّبُونَ ﴿١٧﴾

كَلَّآ إِنَّ كِتَٰبَ ٱلْأَبْرَارِ لَفِى عِلِّيِّينَ ﴿١٨﴾

18)ኣይፋልኩምን: ብርግጽ እቲ ናይ ምእዙዛት ተግባራት ዝተመዝገበሉ መጽሓፍ ኣብ ላዕለዋይ ጀና እዩ ዘሎ።

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا عِلِّيُّونَ ﴿١٩﴾

19)እቲ ላዕለዋይ ከ እንታይ ምኻኑ ትፈልጦ ዶ?

كِتَٰبٌ مَّرْقُومٌ ﴿٢٠﴾

20)እቲ ግብሮም ኣብ ዘይድምሰስን ዘይሃስስን መጽሓፍ እዩ ተመዝጊቡ።

يَشْهَدُهُ ٱلْمُقَرَّبُونَ ﴿٢١﴾

21)እቶም መላኢካታት ከኣ ይርእዩዎን ይምስክሩሉን እዮም።

إِنَّ ٱلْأَبْرَارَ لَفِى نَعِيمٍ ﴿٢٢﴾

22)ብርግጽ እቶም ምእዙዛት ኣብ ጸጋ እዮም ዝኣትዉ።

عَلَى ٱلْأَرَآئِكِ يَنظُرُونَ ﴿٢٣﴾

23)ኣብ ዓራውቶም ኮይኖም ኣላህ ዝለገሰሎም ሽሻያት ይርእዩ።

تَعْرِفُ فِى وُجُوهِهِمْ نَضْرَةَ ٱلنَّعِيمِ ﴿٢٤﴾

24)ገጾም ኣንተሪኺ ብስንኪ'ቲ ዘለውዎ ጸጋ ብርሃን ዝዓብለሉ መልክዖም ብምርኣይ ሰብ ጀና ምኻኖም ትፈልጦም:

يُسْقَوْنَ مِن رَّحِيقٍ مَّخْتُومٍ ﴿٢٥﴾

25)ካብቲ ብጀካ ንጹሃን ሞንም ዘይከፍቶ ሕቱምን ጹሩይን መስተ ይሰትዩ ::

خِتَٰمُهُۥ مِسْكٌ ۚ وَفِى ذَٰلِكَ فَلْيَتَنَافَسِ ٱلْمُتَنَٰفِسُونَ ﴿٢٦﴾

26)መደምደምታ መስተኣም ከኣ ጨና ሚስኪ ይጥዕም: ምእን ቲ'ዚ'ዩ ኽኣ ኩሉም ተወዳደርቲ ትእዛዝት ኣላህ እናተኸተሉ ክወዳደሩ ዝግበኦም።

وَمِزَاجُهُۥ مِن تَسْنِيمٍ ﴿٢٧﴾

27)እዚ መስተ ኽኣ ካብ ላዕለዋይ ጀና ተቐናቢሉ ዝፈስስ እዩ።

عَيْنًا يَشْرَبُ بِهَا ٱلْمُقَرَّبُونَ ﴿٢٨﴾

28)እቶም ኣላህ ናብኡ ዘቕረቦም ካብዛ ዓይኒ ኣቀናቢሮም ይሰትዩ:

إِنَّ ٱلَّذِينَ أَجْرَمُوا۟ كَانُوا۟ مِنَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ يَضْحَكُونَ ﴿٢٩﴾

29)ብርግጽ እቶም ኩሓድቲ (ቁረይሽ) ኑዮም ብኣላህ ዝኣመኑ ይስሕቅዎም ኔሮም:

وَإِذَا مَرُّوا۟ بِهِمْ يَتَغَامَزُونَ ﴿٣٠﴾

30)ብቕድሚኦም ክሓልፉ እንከለዉ ከኣ ብዓይኖም እናመልከቱ የናሽዉዎምን ይላገጹሉምን ኔሮም:

وَإِذَا ٱنقَلَبُوٓا۟ إِلَىٰٓ أَهْلِهِمُ ٱنقَلَبُوا۟ فَكِهِينَ ﴿٣١﴾

31)እቶም ኩሓድቲ ናብ ገዘኦም ምስ ተመልሱ ኽኣ በቲ ዘለውዎ ክሕደት ተሓቢኖም የዕልሉን ይምሰጡሉን ኔሮም።

وَإِذَا رَأَوْهُمْ قَالُوٓاْ إِنَّ هَٰٓؤُلَآءِ لَضَآلُّونَ ﴿٣٢﴾

32)ኑቶም ሰዓብቲ ክቢይ ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ክርእዩ እንከለዉ ከኣ: ብርግጽ እዞም ምስ መሓመድ ዘለዉ ጥፉኣት እዮም ይብሉ ኔሮም:

وَمَآ أُرْسِلُواْ عَلَيْهِمْ حَٰفِظِينَ ﴿٣٣﴾

33)እዞም ከሓድቲ እኮ ተግባራት ሙእሚኒን ክቆጻጸሩ ኣይተላእኩን ኣይተወከሉን::

فَٱلْيَوْمَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ مِنَ ٱلْكُفَّارِ يَضْحَكُونَ ﴿٣٤﴾

34)ሎሚ (ኣብዛ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም-ቂያማ) ሙእሚኒን ኑቶም ትማሊ ኣብ ኣዱንያ ዝስሕቅዎም ዝነበሩ ይስሕቅዎም:

عَلَى ٱلْأَرَآئِكِ يَنظُرُونَ ﴿٣٥﴾

35)ኣብ ዓራውቲ ኮይኖም (እናተደሰቱ ኑቶም ዝሳቐዩ ዘለዉ ካሓድቲ) ይርእይዎም:

هَلْ ثُوِّبَ ٱلْكُفَّارُ مَا كَانُواْ يَفْعَلُونَ ﴿٣٦﴾

36)ተፈድዮምዶ እዞም ከሓድቲ እታ ኣብ ኣዱንያ ዝገበሩዋ ዝነበሩ: (ማለት ከምታ ንሙእሚኒን ዝላገዱሉዎን ዝስሕቅዎን ዝነበሩ::)

سورة الإنشقاق
ሱረቱል'ኢንሺቓቕ (እቲ ምጭዳድ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

إِذَا ٱلسَّمَآءُ ٱنشَقَّتْ ﴿١﴾

1)ሰማይ ምስተጨደደት (እዚ ኽኣ ካብቲ ምልክታት ቅያማ እዩ):

وَأَذِنَتْ لِرَبِّهَا وَحُقَّتْ ﴿٢﴾

2)ንጎይታኣ ሰሚዓ'ውን ተማእ ዘዘት: ንቡኣ'ዩ ኽኣ ክትምእ ዘዝ:

وَإِذَا ٱلْأَرْضُ مُدَّتْ ﴿٣﴾

3)መሬት'ውን ምስተሰጢጥት: (ተዘርጊሓ ሰጥ ምስ በለት)

وَأَلْقَتْ مَا فِيهَا وَتَخَلَّتْ ﴿٤﴾

4)ኣብ ከብዳ ተቐቢሮም ዝርከቡ ምዉታትን ሃብትን'ውን ኣውጺኣ ገዲፋቶም:

وَأَذِنَتْ لِرَبِّهَا وَحُقَّتْ ﴿٥﴾

5)ንጎይታኣ ሰሚዓ'ውን ተማእ ዘዘት: ግቡኣ'ዩ ኽኣ ክትምእ ዘዘ:

يَٰٓأَيُّهَا ٱلْإِنسَٰنُ إِنَّكَ كَادِحٌ إِلَىٰ رَبِّكَ كَدْحًا فَمُلَٰقِيهِ ﴿٦﴾

6)ኦ ወዲ-ሰብ ጎይታኻ ንምርካብ ትጽዕር ኢኻ እሞ በቲ ዝጸንርካዮ ግብሪ ንጎይታኻ ናይ ግድን ክትረኽቦ ኢኻ::

فَأَمَّا مَنْ أُوتِيَ كِتَٰبَهُۥ بِيَمِينِهِۦ ۝٧

7)እንተ እቲ መጽሓፉ ብየማናይ ኢዱ ዝወሃብ

فَسَوْفَ يُحَاسَبُ حِسَابًا يَسِيرًا ۝٨

8)ቀሊል ሕሳብ ክተሓሳሰብ እዩ: *(ዘንብታቱ ተራእዩ ከይተሓተተ ክመሓር እንከሉ):*

وَيَنقَلِبُ إِلَىٰٓ أَهْلِهِۦ مَسْرُورًا ۝٩

9)ብታሕጓስ ከኣ ናብቶም ኣብ ጀና ዝርከቡ ቤተሰቡ ክኸይድ እዩ:

وَأَمَّا مَنْ أُوتِيَ كِتَٰبَهُۥ وَرَآءَ ظَهْرِهِۦ ۝١٠

10)እንተ እቲ ብወገን ሕቕኡ መጽሓፉ ዝቕበል ግን *(የማነይቲ ኢዱ ኣብ ክሳዱ ትእሰር ጸጋመይቲ ከኣ ብወገን ሕቕኡ ትኸውን):*

فَسَوْفَ يَدْعُوا۟ ثُبُورًا ۝١١

11)ህልቀቱ ክጽውዕ እዩ: *(ዋይ ጥፍኣተይ ዋይ ህልቀተይ እናበለ):*

وَيَصْلَىٰ سَعِيرًا ۝١٢

12)እሳተ ጀሃነም'ውን ክኣትዋ እዩ:

إِنَّهُۥ كَانَ فِىٓ أَهْلِهِۦ مَسْرُورًا ۝١٣

13)ብርግጽ ኣብ ኣዱንያ እንከሉ ዊንታኡ እናፈጸመ ይድሰት ነይሩ:

إِنَّهُۥ ظَنَّ أَن لَّن يَحُورَ ۝١٤

14)ብርግጽ ናብ ኣላህ ዝምለስ ስለዘይመሰሉ:

بَلَىٰٓ إِنَّ رَبَّهُۥ كَانَ بِهِۦ بَصِيرًا ۝١٥

15)ክምለስ እዩ እባ ደኣ: ብር ግጽ ጎይታኡ'ውን ንዕኡን ንተግባሩን ሪኡዎ እዩ:

فَلَآ أُقْسِمُ بِٱلشَّفَقِ ۝١٦

16)ብዕራርቦ እምሕል (ሽፈቕ እቲ ጸሓይ ምስ ዓረበት ዝረኣ ቀይሕ ባና እዩ):

وَٱلَّيْلِ وَمَا وَسَقَ ۝١٧

17)ብለይትን ለይቲ ብዝኣ ከቦን'ውን እምሕል:

وَٱلْقَمَرِ إِذَا ٱتَّسَقَ ۝١٨

18)ብወርሒ'ውን ምስ መለኣት እምሕል:

لَتَرْكَبُنَّ طَبَقًا عَن طَبَقٍ ۝١٩

19)ካብ ኩነት ናብ ኩነት ክትመሓላለፉ ምኻንኩም (ካብ ሃብቲ ናብ ድኽነት ካብ ሞት ናብ ሂወት ካብ ኣዱንያ ናብ ኣኼራ.....)

فَمَا لَهُمْ لَا يُؤْمِنُونَ ۝٢٠

20)እዞም ኩሓድቲ እንታይ ኮይኖም እዮም ብኣላህ ዘይኣምኑ?

وَإِذَا قُرِئَ عَلَيْهِمُ ٱلْقُرْءَانُ لَا يَسْجُدُونَ ۩ ۝٢١

21)ቁርኣን እንተተቐርኣሎም ከኣ ዘይሰግዱ:

بَلِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ يُكَذِّبُونَ ﴿٢٠﴾

وَٱللَّهُ أَعْلَمُ بِمَا يُوعُونَ ﴿٢٣﴾

فَبَشِّرْهُم بِعَذَابٍ أَلِيمٍ ﴿٢٤﴾

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّٰلِحَٰتِ

لَهُمْ أَجْرٌ غَيْرُ مَمْنُونٍ ﴿٢٥﴾

22)እዞም ኩሓድቲ እኮ ኑቲ ዝወረደ መጽሓፍ እዮም ዝነጽጉ ዘለዉ:

23)ኣላህ'ውን ኑቲ ኣብ ልቦም ሓቢኣሞ ዘለዉ ክሕደት ይፈልጦ እዩ:

24)ኦ ሙሓመድ ብመሪር ስቅያት እስከ ኣበስሮም:

25)ብጀካቶም ኣሚኖምን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: ንሶም ዮም'ውን ምሉእን ዘየቋርጽን ዓስቢ ዘለዎም።

سورة البروج
ሱረቱል'ቡሩጅ (እተን ከዋኽብቲ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلسَّمَآءِ ذَاتِ ٱلْبُرُوجِ ﴿١﴾

1)በታ ሰማይ በዓልቲ ከዋኽብቲ እምሕል:

وَٱلْيَوْمِ ٱلْمَوْعُودِ ﴿٢﴾

2)ከምኡ'ውን በታ መዓልቲ ቆጻራ (ማለት መዓልቲ ምጽኣት) እምሕል:

وَشَاهِدٍ وَمَشْهُودٍ ﴿٣﴾

3)ከምኡ'ውን ብመስካርን ብዝምስከረሉን:: (እዚ ኽኣ ደቂ-ሰብ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት በቲ ዝነኽዮታት ዝጥሕሰዎ ዝነብሩ ትእዛዛት ኣላህ ይምስክሩ: ገለ ዑለማእ ከኣ ሻሂድ መዓልቲ ጅምዓት: መሽሁድ ድማ መዓልቲ ዓረፋ እዩ ይብሉ:)

قُتِلَ أَصْحَٰبُ ٱلْأُخْدُودِ ﴿٤﴾

4)እቶም ጉድጓድ ኩዒቶም እሳት መሊኦም ንሙእሚኒን ዘቃጸሉ ንጉስን ወተሃደራቱን ካብ ርህራሄ ኣላህ ተሰጕሳም እዮም:

ٱلنَّارِ ذَاتِ ٱلْوَقُودِ ﴿٥﴾

5)እታ እሳት ብነዳዲ ዝተባረወት እያ ኔራ:

إِذْ هُمْ عَلَيْهَا قُعُودٌ ۝٦

6)እቶም ከሓድቲ'ውን ኑቶም ሙእሚኒን (ምእመናን) ኪቃጽሉ እንከለዉ ኣብ ጐማግ ማ ኮፍ ኢሎም ይጥምትዎም ኔሮም:

وَهُمْ عَلَىٰ مَا يَفْعَلُونَ بِٱلْمُؤْمِنِينَ شُهُودٌ ۝٧

7)ንሶም'ውን በቲ ኣንጻር ሙእሚኒን ዝገበርዎ ፈተነ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር እዮም: (ወይ ውዒሎሞ እዮም):

وَمَا نَقَمُوا۟ مِنْهُمْ إِلَّآ أَن يُؤْمِنُوا۟ بِٱللَّهِ ٱلْعَزِيزِ ٱلْحَمِيدِ ۝٨ ٱلَّذِى لَهُۥ مُلْكُ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ ۚ وَٱللَّهُ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ شَهِيدٌ ۝٩

8-9)እቲ ንሙእሚኒን መጽል ኢኦም ከኣ ብጀካ'ቲ በቲ ዕዙዝን ምስጉንን ዝኾነ ኣላህ ናይ ሰማያትን ምድርን ዋንኡት ዘለዎ ስለ ዝኣመኑ'ዩ ደኣምበር ካልእ ምኽንያት የብሉምን: ኣላህ'ውን ኩሉ ነገራት ይፈልጦን ይርእዮን እዩ: ካብ ዓይኑ ዝሕባእ ነገር የለን:

إِنَّ ٱلَّذِينَ فَتَنُوا۟ ٱلْمُؤْمِنِينَ وَٱلْمُؤْمِنَٰتِ ثُمَّ لَمْ يَتُوبُوا۟ فَلَهُمْ عَذَابُ جَهَنَّمَ وَلَهُمْ عَذَابُ ٱلْحَرِيقِ ۝١٠

10)ብርግጽ ኑቶም ሙእሚኒንን ኑተን ሙእሚናትን (ምእመናን ምእመናትን) ምርጫ ዘይ ሃብዎም (ማለት ሃይማኖት ኩም ግደፉ ወይ ሓዊ ንደዱ ብምባል ካብ ሃይማኖቶም ንኸውጽኡዎም ብእሳት ዘቃጸልዎም ሰባት) እሞ ኸኣ ካብዚ ግብሪ ዘይተናስሑ ናይ ጀሃነም ስቓይን ናይ ምቅጻል ስቓይን ይጽበዮም ኣሉ:

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّٰلِحَٰتِ لَهُمْ جَنَّٰتٌ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ ۚ ذَٰلِكَ ٱلْفَوْزُ ٱلْكَبِيرُ ۝١١

11)ብርግጽ ኑቶም ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝገበሩን ብትሕቲኡ ወሓዚ ዝውሕዝ ጀናታት ኣለዎም: እዚ'ዩ ኸኣ እቲ ዓቢ ዓወት::

إِنَّ بَطْشَ رَبِّكَ لَشَدِيدٌ ۝١٢

12)ብርግጽ መቕጻዕቲ ኣላህ ብጣዕሚ ብርቱዕ እዩ:

إِنَّهُۥ هُوَ يُبْدِئُ وَيُعِيدُ ۝١٣

13)ብርግጽ ንሱ(ኣላህ) እዩ ከኣ መባእታ ፍጥረታትን እንደገና ንምዉታት ኣተንሳእን::

وَهُوَ ٱلْغَفُورُ ٱلْوَدُودُ ﴿١٤﴾

14)ንሱ እዩ ከኣ ንኣመንቲ ፍጹም መሓርን ኣዝዩ ኣፍቃርን:

ذُو ٱلْعَرْشِ ٱلْمَجِيدُ ﴿١٥﴾

15)በዓል ክቡርን ብሉጽን ዓርሺ (ዙፋን):

فَعَّالٌ لِّمَا يُرِيدُ ﴿١٦﴾

16)ድላዩ ዝገብር ምንም ነገር ዘይዓግቶን ዘየስንፎን:

هَلْ أَتَىٰكَ حَدِيثُ ٱلْجُنُودِ ﴿١٧﴾

17)ኦ መሓመድ: ወረ'ቶም ጎዝቢያቶም ክሒደም ንቹዋግ እምም ዓስኸር ዝገስገሱ ኣሸኻ ዶ?

فِرْعَوْنَ وَثَمُودَ ﴿١٨﴾

18)ወረ ፈርያንን ሰሙድን: *(ሰሙድ: ሳልሕ ዝተባህለ ነቢይ ዝተላእኮም ህዝቢ እዮም)* :

بَلِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ فِى تَكْذِيبٍ ﴿١٩﴾

19)እዞም ተላኢኾካዮም ዘለኻ ህዝቢ ዓረብ ጎና ይኾሕዱኻ ኣለዉ: (ካብቶም ቀዳሞት ክሓድቲ ኣብነት ኣይወሰዱን:)

وَٱللَّهُ مِن وَرَآئِهِم مُّحِيطٌۢ ﴿٢٠﴾

20)ኣላህ ከኣ ነቲ ኩሉ ዝገብሩዎ ዘለዉ ኣጥቢቑ ይፈልጦ እዩ: ከምቶም ቅድሚ ሕጂ ስቓይ ዘውረደሉም ነዚኣም'ውን ከውርደሉም ይኽእል እዩ:

بَلْ هُوَ قُرْءَانٌ مَّجِيدٌ ﴿٢١﴾

21)እዚ ቁርኣን እምብዛ ክቡርን ብሉኽን እዩ:

فِى لَوْحٍ مَّحْفُوظٍۭ ﴿٢٢﴾

22)ኣብ ዝተሓለወ ሉሕ እዩ ተጻሒፉ: ማለት ኣብ (ኡ መልኪታብ) ኣደ መጽሓፍ ዝተባህለ ሰይጣውንቲ ክበጽሕዎ ዘይክእሉ ምስ ኣላህ ዘሉ መጽሓፍ:

سورة الطارق
ሱረቱ'ጣሪቅ (እቲ ለይታዊ ኮኾብ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلسَّمَآءِ وَٱلطَّارِقِ ﴿١﴾

1)ብሰማይን ብለይታዊ ኮኾብን እምሕል:

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا ٱلطَّارِقُ ۝٢

2)እንታይ ከ ኣፍለጠካ እንታይኑት ለይታዊ ኮኾብ:

ٱلنَّجۡمُ ٱلثَّاقِبُ ۝٣

3)እቲ ብርቱዕ ብርሃን ዝህብ ኮኾብ እዩ:

إِن كُلُّ نَفۡسٖ لَّمَّا عَلَيۡهَا حَافِظٞ ۝٤

4)ብርግጽ ዝኾነት ነፍሲ እትንብርን እትብሎን ቃላት ዘጽንዑ መላኢካታት ኣለዉዋ:

فَلۡيَنظُرِ ٱلۡإِنسَٰنُ مِمَّ خُلِقَ ۝٥

5)ወዲ-ሰብ ካብ ምንታይ ከምተፈጥረ ይተዓዘብ ይመልከት:

خُلِقَ مِن مَّآءٖ دَافِقٖ ۝٦

6)ካብ ኣብ ማሕጸን ዝፈስስ ማይ እንድዩ ተፈጢሩ (ዘርኢ ተባዕታይን ኣንስተይትን)

يَخۡرُجُ مِنۢ بَيۡنِ ٱلصُّلۡبِ وَٱلتَّرَآئِبِ ۝٧

7)እዚ ማይ ከኣ ካብ ሕቆ (ሰብኣይን) ኣፍልቢ (ሰበይትን) ዝወጽእ እዩ:

إِنَّهُۥ عَلَىٰ رَجۡعِهِۦ لَقَادِرٞ ۝٨

8)ብርግጽ ኣላህ ከኣ ንወዲ-ሰብ ካብ ሞቱ (ቀብሩ) ክመልሶን ከተስኦን ከኣሊ እዩ:

يَوۡمَ تُبۡلَى ٱلسَّرَآئِرُ ۝٩

9)ኣብቲ ምስጢራት ዝኽሸፈሉ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ክመልሶ እዩ:

فَمَا لَهُۥ مِن قُوَّةٖ وَلَا نَاصِرٖ ۝١٠

10)ሽዕኡ ወዲ-ሰብ ካብ ዝወርዶ ስቓይ ዘናግፍ ምንም ሓይልን ሞንም ደጋፍን የብሉን:

وَٱلسَّمَآءِ ذَاتِ ٱلرَّجۡعِ ۝١١

11)በታ ሰማይ በዓልቲ ተመላ ላስን ተኽታታልን ዝናም እም ሕል:

وَٱلۡأَرۡضِ ذَاتِ ٱلصَّدۡعِ ۝١٢

12)በታ ምድሪ ንገረብን ንኣታኽ ልትን ማያታ ንምውጻእ እትጭደድ እምሕል:

إِنَّهُۥ لَقَوۡلٞ فَصۡلٞ ۝١٣

13)ቁርኣን ብርግጽ ሓቅን ሓሶ ትን ዝፈላሊ ቃል ኣላህ እዩ:

وَمَا هُوَ بِٱلۡهَزۡلِ ۝١٤

14)ከምኡ'ውን ቀልድን ጸወታን ኣይኮነን (ንዕኡ ኢሉ'ውን ኣይወረደን:)

إِنَّهُمۡ يَكِيدُونَ كَيۡدٗا ۝١٥

15)ብርግጽ ህዝቢ መካ ንሙሓመድ *(ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)* ክኸድዑ ይጽዕሩ እዮም ዘለዉ:

وَأَكِيدُ كَيْدًا ﴿١٦﴾

16)ኣላህ ሕነኦም ንኽፈድዮም ይኣልመሎም እዩ ዘሎ:

فَمَهِّلِ ٱلْكَٰفِرِينَ أَمْهِلْهُمْ رُوَيْدًا ﴿١٧﴾

17)ኦ መሓመድ: ኣላህ (ሱብሓኑሁ ወታዓላ) ንኹሓድቲ መቕጻዕቲ ቀልጢፉ ከውር ደሎም ኣይትሕተት: ግን ግዜ ሃቦም ቁሩብ ኣጸቢዮም: (እዚ ከኣ ንኹሓድቲ ዘፈራርሀን ዝሀድድን እዩ)::

سورة الأعلى
ሱረቱል'ኣዕላ (እቲ ልዑል)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

سَبِّحِ ٱسْمَ رَبِّكَ ٱلْأَعْلَى ﴿١﴾

1)(ሱብሓነ ረቢየል ኣዕላ ኢልካ) ንስም ልዑል ጎይታኻ ካብ ኩሉ ጉድለት ኣንጽሃዮ: ብኽብሪ ዘክሮ:

ٱلَّذِى خَلَقَ فَسَوَّىٰ ﴿٢﴾

2)እቲ ንወዲ-ሰብ ፈጢሩ ዘመዓራረዮ:

وَٱلَّذِى قَدَّرَ فَهَدَىٰ ﴿٣﴾

3)ከምኡ'ውን እቲ ንኹሉ ነገራት ቀዲሉ ፈጢሩ ነናቱ ዘስመረሉ (ማለት ንኹሉ ነገራት በብጸታኡን መልክዑን ዓይነቱን ፈጢሩ ሰብ ኾነ እንስሳ ብእተፈጥረሎም ሽሻይ ከመይ ጌሮም ከምዝጥቀሙ ሓበሮም)::

وَٱلَّذِىٓ أَخْرَجَ ٱلْمَرْعَىٰ ﴿٤﴾

4)ከምኡ'ውን እቲ እንስሳ ዝበልዕዎ ቀጠልያ ሳዕሪ ካብ መሬት ዘውጸኡ:

فَجَعَلَهُۥ غُثَآءً أَحْوَىٰ ﴿٥﴾

5)ብድሕሪኡ'ውን ነዚ ሳዕሪ'ዚ ኣንቂጹ ከምዝሰባበርን ከምዝጽልምን ዝገበረ:

سَنُقْرِئُكَ فَلَا تَنسَىٰٓ ﴿٦﴾ إِلَّا مَا شَآءَ ٱللَّهُ ۚ إِنَّهُۥ يَعْلَمُ ٱلْجَهْرَ وَمَا يَخْفَىٰ ﴿٧﴾

6-7)ኦ መሓመድ: ንባብ ብጅብሪል ጌርና ከነምህረካ ኢና: ብዘይካ'ቲ ኣላህ ንኽስርዞ ዝወሰነ ዘረሰዓካ ኣያታት እንተዘይኮነ ዘንበብ

ካዮ ኣይትርስየን ኢኻ: ኣላህ እቲ ግሉጽን ስቱርን ዝኾነ ተግባራትን ቃላትን ይፈልጦ እዩ:

8)ነቲ ናብ መገዲ ጀና ዝወስድ ስራሓት'ውን ክነቕልለልካ ኢና:

وَنُيَسِّرُكَ لِلْيُسْرَىٰ ﴿٨﴾

9)በቲ ዘውረድናልካ ቁርኣን ንደቂ-ሰብ ኣዘኻኽሮም፣ ጻውዒት ኣቕርበሉም ብሕልፊ ኑዮም'ዚ ምዝኽኻር'ዚ ዝጠቕሞም:[49]

فَذَكِّرْ إِن نَّفَعَتِ ٱلذِّكْرَىٰ ﴿٩﴾

10)እቲ ፈራህ ረቢ ክኣ ብምዝኽኻር ክጥቀምን ክእረምን እዩ:

سَيَذَّكَّرُ مَن يَخْشَىٰ ﴿١٠﴾

11)እቲ ቅርሱስ ድማ ካብኣ ይርሕቕ:

وَيَتَجَنَّبُهَا ٱلْأَشْقَى ﴿١١﴾

12)እቲ ኣብታ ዓባይ እሳት (እሳት ጀሃነም) ዝኣቱ:

ٱلَّذِى يَصْلَى ٱلنَّارَ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿١٢﴾

13)ኣብኣ'ውን ሞት ረኺቡ ኣየዕርፍን: ሂየት ረኺቡ ክኣ ብሂወቱ ኣይረብሕን እዩ:

ثُمَّ لَا يَمُوتُ فِيهَا وَلَا يَحْيَىٰ ﴿١٣﴾

14-15)እቲ ካብ ሽርክነት ነፍሱ ዘንጸሀን (ወይ ዘካት ዝሃበ) ስም ኣላህ እናኣልዓለ ዱዓን ሰላትን ዝፈጸመን ብርግጽ ተዓዊቱ እዩ:

قَدْ أَفْلَحَ مَن تَزَكَّىٰ ﴿١٤﴾ وَذَكَرَ ٱسْمَ رَبِّهِۦ فَصَلَّىٰ ﴿١٥﴾

16)ግን ደቂ ሰብ ነዚ ክይፈጸምኩም ንናይ ኣዱንያ ሓላፊ ሂወት ኢኹም ቀዳምነት እትህቡ:

بَلْ تُؤْثِرُونَ ٱلْحَيَوٰةَ ٱلدُّنْيَا ﴿١٦﴾

17)እታ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ተራፊትን ብልጽትን እንኮላ:

وَٱلْءَاخِرَةُ خَيْرٌ وَأَبْقَىٰٓ ﴿١٧﴾

18)ብርግጽ እዚ ዝተጠቕሰ ናይ ሙእሚኒን ዓወት ኣብቲ ቅድሚ ቁርኣን ዝወረደ መጻሕፍቲ ተዘርዚሩ እዩ:

إِنَّ هَٰذَا لَفِى ٱلصُّحُفِ ٱلْأُولَىٰ ﴿١٨﴾

---

49 እቲ ምዝኽኻር ወይ ዳዕዋ ብቐንዲ ኑዮም ዝጥቀሙን ዘይጥቀሙን እዩ ዝዋሃብ ግን ኑዮም ዝጥቀሙ ቀዳምነት ኣለምም: እዮም ደይ መደይ ኢሎም ክሕደት ዝመረጹ ግን ንኽዘኻኽሩ ኣየድልን እዩ።

صُحُفِ إِبْرَٰهِيمَ وَمُوسَىٰ ﴿١٩﴾

19)ኣብ መጻሕፍቲ ኢብራሂምን ሙሳን (ዓለይሂም ሰላም) ተጠቒሱ እዩ።

سورة الغاشية
ሱረቱል'ጋሺያ (እታ ሸፋኒት)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

هَلْ أَتَىٰكَ حَدِيثُ ٱلْغَٰشِيَةِ ﴿١﴾

1)እ መሓመድ ወረ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) መጺኡካ ዶ? *(ኣልጋሺያ ስም ናይ ቂያማ እዩ ንኹሉ ፍጡር ብመዓታ ስለ እትዕብልሉ)*

وُجُوهٌ يَوْمَئِذٍ خَٰشِعَةٌ ﴿٢﴾

2)ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ገጻት ደቂ-ሰብ ብውርደትን ሕስረትን ይደንን:

عَامِلَةٌ نَّاصِبَةٌ ﴿٣﴾

3)ኣብ ኣዱንያ ንኣላህ ነምልኽ ኣለና እናበሉ ይሰርሑን ኑብሶም የድክሙን ኔሮም: ግን እቲ ስርሒም ብዘይ እምኑት ስለ ዝኾነ (ኣስላም ስለ ዘይኾኑ) ካብ ኣላህ ተቐባልነት ኣይረኸበን:

تَصْلَىٰ نَارًا حَامِيَةً ﴿٤﴾

4)እዚ ገጽ'ዚ ኣብ ውዑይ እሳት ክቃጸል እዩ:

تُسْقَىٰ مِنْ عَيْنٍ ءَانِيَةٍ ﴿٥﴾

5)ካብ'ቲ ብጣዕሚ ውዑይ ዝኾነ ፈልፋሊ ክሰትዩ እዮም:

لَّيْسَ لَهُمْ طَعَامٌ إِلَّا مِن ضَرِيعٍ ﴿٦﴾

6)ብጀካ ደሪዕ ዝተባህለ እሾኽ ካልእ መግቢ የብሉምን:

لَّا يُسْمِنُ وَلَا يُغْنِى مِن جُوعٍ ﴿٧﴾

7)ንሱ'ውን ንበላዒኡ ኣየስብሕ ካብ ጥሜት ከኣ ኣየዐንግል:

وُجُوهٌ يَوْمَئِذٍ نَّاعِمَةٌ ﴿٨﴾

8)ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ዝናዓማን ዝድሰታን ገጻት ከኣ ኣለዋ :

لِّسَعْيِهَا رَاضِيَةٌ ﴿٩﴾

9)በቲ ኣብ ኣዱንያ ዝጻዓረኦ ይዓግባ:

فِي جَنَّةٍ عَالِيَةٍ ﴿١٠﴾

لَّا تَسْمَعُ فِيهَا لَاغِيَةً ﴿١١﴾

فِيهَا عَيْنٌ جَارِيَةٌ ﴿١٢﴾

فِيهَا سُرُرٌ مَّرْفُوعَةٌ ﴿١٣﴾

وَأَكْوَابٌ مَّوْضُوعَةٌ ﴿١٤﴾

وَنَمَارِقُ مَصْفُوفَةٌ ﴿١٥﴾

وَزَرَابِيُّ مَبْثُوثَةٌ ﴿١٦﴾

أَفَلَا يَنظُرُونَ إِلَى الْإِبِلِ كَيْفَ خُلِقَتْ ﴿١٧﴾

وَإِلَى السَّمَاءِ كَيْفَ رُفِعَتْ ﴿١٨﴾

وَإِلَى الْجِبَالِ كَيْفَ نُصِبَتْ ﴿١٩﴾

وَإِلَى الْأَرْضِ كَيْفَ سُطِحَتْ ﴿٢٠﴾

فَذَكِّرْ إِنَّمَا أَنتَ مُذَكِّرٌ ﴿٢١﴾

لَّسْتَ عَلَيْهِم بِمُصَيْطِرٍ ﴿٢٢﴾

إِلَّا مَن تَوَلَّىٰ وَكَفَرَ ﴿٢٣﴾

فَيُعَذِّبُهُ اللَّهُ الْعَذَابَ الْأَكْبَرَ ﴿٢٤﴾

إِنَّ إِلَيْنَا إِيَابَهُمْ ﴿٢٥﴾

ثُمَّ إِنَّ عَلَيْنَا حِسَابَهُم ﴿٢٦﴾

10)ኣብ ላዕለወይቲ ጀና ይኣትዋ:

11)ኣብኡ ፍረ ዘይብሉ ሕማቕ ዘረባ ኣይሰምዓ:

12)ኣብኣ ወሓዚት ዓይኒ ኣላ:

13)ኣብኣ ክብ ዝበለ ዓራውቲ ኣሎ:

14)ከምኡ'ውን መቓድሕ ኣብ ቅድሚኣም ይቕመጥ:

15)መተርኣሲ'ውን ጥቓ ንጥቓ ተሰሪዑ:

16)ሰፊሕ መናጽፍ ኣብ እተፈላለየ ቦታ ተነጺፉ:

17)(ሙሽሪኪን መካ) ኣግማል ከመይ ከም እተፈጥራ ኣይዕዘቡን ድዮም? *(ክእለት ናይ ኣላህ ንኽፈልጡ)*

18)ሰማይ'ውን ከመይ ከም እተሳዓሰት

19)ኣኽራናት'ውን ከመይ ከም እተተኽላ:

20)መሬት'ውን ከመይ ከም እተሰጠሐት:

21)ኦ መሓመድ ናትካ ግደ ምዝኽኻር ጥራይ ስለ ዝኾነ ኣዘኻኽሮም ኢኻ:

22)መላኺኣም ኣይኮንካን ገዲድካ ብሓይሊ ከተእምኖም:

23)ግን እቲ ዘድሓርሓረን (ሕቕኡ ዝሃበን) ዝኸሓደን:

24)ኣላህ በቲ ዓቢ ስቓይ ክሳቐዮ እዩ: *(ንሱ ክኣ ናይ ጀሃነም ስቓይ እዩ):*

25)ብርግጽ ምስ ሞቱ ምምላሶም ናባና እዩ:

26)ብድሕሪኡ'ውን ብርግጽ ሕሳቦም ናባና እዩ: *(በዓል*

ሰናይ ይኹን በዓል እከይ ግብሪ
ዓሰቡ ከም ግብሩ ይረክብ)

سورة الفجر
ሱረቱል'ፈጅር (እቲ ወጋሕታ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብወጋሕታ እምሕል:

وَٱلْفَجْرِ ﴿١﴾

2)ብዓሰርተ ለይቲ ናይ ወርሒ ዙልሒጃ እምሕል:

وَلَيَالٍ عَشْرٍ ﴿٢﴾

3)ብንጽልን ብድርብን (ብተመ ቃልን ብዘይ ተመቃልን) ካብ ኩሉ ነገራት እምሕል:

وَٱلشَّفْعِ وَٱلْوَتْرِ ﴿٣﴾

4)ብለይቲ እንተደኣ ኣብ ምኻዱ ተቐራረቡ እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذَا يَسْرِ ﴿٤﴾

5)እዚ ዝጠቐስክዎ ንበዓል ኣእምሮ እኹል ማሕላ እንድዩ:

هَلْ فِي ذَٰلِكَ قَسَمٌ لِّذِي حِجْرٍ ﴿٥﴾

6)ኦ መሓመድ: ረብኻ (ጎይ ታኻ) ንህዝቢ ዓድ ከመይ ከምዝገበሮም ትፈልጥ እንዲኻ: ምስ'ቲ ኹሉ ሓይሉምን ሃፍሕ ዕድሜኦምን ከምዘለቐም:

أَلَمْ تَرَ كَيْفَ فَعَلَ رَبُّكَ بِعَادٍ ﴿٦﴾

7)ኢረም (ካልኣይ ስም ናይ ዓድ እዩ) ዛቱል ዒማድ[50] ከኣ ስም ናይ ከተመኦም እያ:

إِرَمَ ذَاتِ ٱلْعِمَادِ ﴿٧﴾

8)ንዓኣ ዝመስል ኣብ ምሉእ መሬት ኣይተፈጥረን:

ٱلَّتِي لَمْ يُخْلَقْ مِثْلُهَا فِي ٱلْبِلَادِ ﴿٨﴾

9)ኑቶም ኣብ ኣል-ቁራ ዝተባህለ ሩባ ኣእማን ዝቐራርጹ(ዝጸርቡ) ህዝቢ ሰሙድ'ውን ከመይ ከምዝገበሮም ትፈልጥ እንዲኻ:

وَثَمُودَ ٱلَّذِينَ جَابُوا۟ ٱلصَّخْرَ بِٱلْوَادِ ﴿٩﴾

10)ከምኡ'ውን በቲ ሸኻል ጌሩ ሰብ ዝቕንጽል ዝነበረ

وَفِرْعَوْنَ ذِي ٱلْأَوْتَادِ ﴿١٠﴾

50 ደማስኮ እያ ይበሃል

ፈርያን:[51]

11)እቶም ኣብዛ መሬት ብትዕቢት ትእዛዝት ኣላህ ዝገሃሱ (ዓድን ሰሙድን ፈርያንን):

ٱلَّذِينَ طَغَوْا۟ فِى ٱلْبِلَٰدِ ﴿١١﴾

12)ብዙሕ ብልሽውና ኸኣ ኣብታ መሬት ፈጸሙ:

فَأَكْثَرُوا۟ فِيهَا ٱلْفَسَادَ ﴿١٢﴾

13)ጎይታኻ ከኣ ብርቱዕ ስቅያት ኸከሰሎም:

فَصَبَّ عَلَيْهِمْ رَبُّكَ سَوْطَ عَذَابٍ ﴿١٣﴾

14)ብርግጽ ጎይታኻ ኩሉ ግ ብሪ ወዲ-ሰብ ይከታተሉ እዩ ዝሕበኡ ነገር የለን:

إِنَّ رَبَّكَ لَبِٱلْمِرْصَادِ ﴿١٤﴾

15)ወዲ-ሰብ ግን እንተደኣ ጎ ይታኡ ብሽሻይ ፈቲኑዎ: ብጸንዘብን ብጥዑም ናብራን ኣኽቢሩዎ እዚ ነገር'ዚ ፈተና ምኻኑ ረሲዑ ከየመስጎ ጎይታይ ኣኽቢሩኒ ኢሉ ይሕጉስ:

فَأَمَّا ٱلْإِنسَٰنُ إِذَا مَا ٱبْتَلَىٰهُ رَبُّهُۥ فَأَكْرَمَهُۥ وَنَعَّمَهُۥ فَيَقُولُ رَبِّىٓ أَكْرَمَنِ ﴿١٥﴾

16)እንተደኣ ናብራኡ ኣጽቢቡ ፈቲንዎ ድማ ጎይታይ ኣሕሲሩኒ ኣዋሪዱኒ ይብል: (እዚ ኽኣ ጠባይ ናይ ኩሓዲ እዩ: ክብረትን ሕስረትን ብሽሻይ ኣዱንያ ስለ ዝቆጽሮ)

وَأَمَّآ إِذَا مَا ٱبْتَلَىٰهُ فَقَدَرَ عَلَيْهِ رِزْقَهُۥ فَيَقُولُ رَبِّىٓ أَهَٰنَنِ ﴿١٦﴾

17)ኣይፋሉን: እዞም ከምዚ ትብሉ ደቂ-ሰብ፣ ንዘኽታም እኮ ሰናይ ግብሪ ኣይትገብሩን ኢኹም፣

كَلَّا ۖ بَل لَّا تُكْرِمُونَ ٱلْيَتِيمَ ﴿١٧﴾

18)መስኪን ንምምጋብ ከኣ ሃንሕድሕድኩም ኣይትደፋፍኡን ኢኹም:

وَلَا تَحَٰٓضُّونَ عَلَىٰ طَعَامِ ٱلْمِسْكِينِ ﴿١٨﴾

19)ንዘይናትኩም ውርሻ ድማ ብርቱዕ ኣበላልዓ ኢኹም እትበልዑዎ:

وَتَأْكُلُونَ ٱلتُّرَاثَ أَكْلًا لَّمًّا ﴿١٩﴾

20)ገንዘብ ከኣ ብጣዕሚ ኢኹም እትፈትዉ:

وَتُحِبُّونَ ٱلْمَالَ حُبًّا جَمًّا ﴿٢٠﴾

---

51 ብሽሻል ጌሩ ሰብ ይቕንጽል ኔሩ: ወይ ማእለያ ዘይብሉ ሸሻል የድልዮ ኔሩ። ወተሃደሩ ብዙሕ ስለ ገሸበረ ቴንዳታቶም

كَلَّآ إِذَا دُكَّتِ ٱلْأَرْضُ دَكًّا دَكًّا ﴿٢١﴾

21)ኣይፋልኩምን: መሬት ምስ ተሰባበረትን ምስ ተጠሓ ሓኑትን:

وَجَآءَ رَبُّكَ وَٱلْمَلَكُ صَفًّا صَفًّا ﴿٢٢﴾

22)ጎይታኻ ምስ መጸኡ: ከምኡ'ውን መላኢካታት ብመስርዕ ተሰሪየም ምስ መጽኡ:

وَجِاْىٓءَ يَوْمَئِذٍۭ بِجَهَنَّمَ ۚ يَوْمَئِذٍ يَتَذَكَّرُ ٱلْإِنسَٰنُ وَأَنَّىٰ لَهُ ٱلذِّكْرَىٰ ﴿٢٣﴾

23)መላኢካታት ከኣ ሽዑ ንጀሃነም ኣምጺኦም ኣቕረ ብዋ: ሽዑ እዩ ወዲ ሰብ ዝጠዓስ: እንታይ'ሞ ክኸውን ሽዑ ተጣዒስካ: ምንም ኣይጠቕምን እዩ:

يَقُولُ يَٰلَيْتَنِى قَدَّمْتُ لِحَيَاتِى ﴿٢٤﴾

24)ከሓዲ ብኻ ንናይ ኣኼራ ሂየተይ ሰናይ ኣሕሊፈ ምጸናሕኩ ኢሉ ይምነ:

فَيَوْمَئِذٍ لَّا يُعَذِّبُ عَذَابَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٢٥﴾

25)ሽዕኡ: ከምቲ ናይ ኣላህ ስቕያት ዘሳቒ ወላ ሓደ የለን:(ማለት ከምቲ ንኸሓዲ ዘሳቕዮ)

وَلَا يُوثِقُ وَثَاقَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٢٦﴾

26)ከምኡውን ከምቲ ናቱ ኣተኣሳስራ ዝኣስር ወላ ሓደ የለን:

يَٰٓأَيَّتُهَا ٱلنَّفْسُ ٱلْمُطْمَئِنَّةُ ﴿٢٧﴾

27)(ኣላህ ነታ ሙእሚን ዝኾነት ነፍሲ ከምዚ ይብል)፡ ኣ ኣንቲ ዕግብትን ሕጉስትን ነፍሲ:

ٱرْجِعِىٓ إِلَىٰ رَبِّكِ رَاضِيَةً مَّرْضِيَّةً ﴿٢٨﴾

28)ናብ ጎይታኺ ፈቲኽን ተፈትዩልክን ተመለሲ:

فَٱدْخُلِى فِى عِبَٰدِى ﴿٢٩﴾

29)ምስቶም ባሮተይ እተዊ ተሓወሲ:

وَٱدْخُلِى جَنَّتِى ﴿٣٠﴾

30)ኣብ ጀነተይ'ውን እተዊ።

سورة البلد
ሱረቱል'በለድ (እታ ዓዲ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

لَآ أُقْسِمُ بِهَٰذَا ٱلْبَلَدِ ﴿١﴾

1)በዚ ዓዲ'ዚ (መካ) እምሕል:

وَأَنتَ حِلٌّۢ بِهَٰذَا ٱلْبَلَدِ ﴿٢﴾

2)እ መሓመድ በቲ ንዓኻ ድላይካ ክትገብረሉ ናጻ ዝኾነ ዓዲ: (ማለት ኣብ መካ ክዋጋእን ክቕትልን ክፍቀደሉ ምኻኑ ተበስር ኣያ እያ: ኣብ ፈትሕ (ኩናት) መካ ከኣ ስለ እተፈቕደትሉ ቀቲሉን ተዋጊኡን።)

وَوَالِدٍ وَمَا وَلَدَ ﴿٣﴾

3)ብወላድን ብውላዱን'ውን እምሕል: (ማለት ብኣደምን ብናቱ ዘርእን:)

لَقَدْ خَلَقْنَا ٱلْإِنسَٰنَ فِى كَبَدٍ ﴿٤﴾

4)ብርግጽ ንወዲ ሰብ ኣብዛ ኣዱንያ ጻዕረኛ፣ ድኻመኛን መከረኛን ጌርና ፈጢርናዮ:

أَيَحْسَبُ أَن لَّن يَقْدِرَ عَلَيْهِ أَحَدٌ ﴿٥﴾

5)ወዲ-ሰብ ዝገበረ እንተገበረ ማንም ዘይክእሉ ዶ ይመስሉ?

يَقُولُ أَهْلَكْتُ مَالًا لُّبَدًا ﴿٦﴾

6)ብዙሕ ገንዘብ እየ ኣጥፊእ እናበለ ይጅሃር:

أَيَحْسَبُ أَن لَّمْ يَرَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٧﴾

7)ገንዘቡ ካበይ ከምዘጥረዮን ኣበይ ከምዘጥፈኦን ማንም ዘይረኣዮ ድዩ መሲልዎ ከምዚ ኢሉ ዝዛረብ:

أَلَمْ نَجْعَل لَّهُۥ عَيْنَيْنِ ﴿٨﴾

8)ክልተ ዝርእየለን ዓይኒ ዶ ኣይገርናሉን ኢና?

وَلِسَانًا وَشَفَتَيْنِ ﴿٩﴾

9)ከምኡ'ውን ዝዛረበላ መልሓስን ክልተ ከናፍርን:

وَهَدَيْنَٰهُ ٱلنَّجْدَيْنِ ﴿١٠﴾

10)ከምኡ'ውን እተን ክልተ መገዲ ሰናይን መገዲ እኪይን ኣይሓበርናዮን ዲና?

فَلَا ٱقْتَحَمَ ٱلْعَقَبَةَ ﴿١١﴾

11)ነታ ዓቕብ ግዳ ዘይወጸ (ማለት እቲ ካብ ሰናይ ግብሪ ዝዓግቶ ዘሉ ዓቕብ- ናይ ሽይጣን ምትላልን ናይ ነፍሲ ዊንታን-)

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا ٱلْعَقَبَةُ ﴿١٢﴾

12)እታ ዓቕብ እንታይ ምኻና ትፈልጣ ዶ ?

فَكُّ رَقَبَةٍ ﴿١٣﴾

13)ንሳ ንባርያ ካብ ባርነት ናጻ ምስዳድ ኢያ:

أَوْ إِطْعَٰمٌ فِى يَوْمٍ ذِى مَسْغَبَةٍ ﴿١٤﴾ يَتِيمًا ذَا مَقْرَبَةٍ ﴿١٥﴾ أَوْ مِسْكِينًا ذَا مَتْرَبَةٍ ﴿١٦﴾

14-16)ወይ ከኣ ኣብ መዓልቲ ጥሜት ንዘኽታም ዘመድካ ወይ ንኣዝዩ ምስኪን ዝኾነ ድኻ ምምጋብ:

17)ኣብ ርእሲኡ ኽኣ ካብቶም ብኣላህ ኣሚናም ትዕግስትን ርህራሄን ንኽህልዎም ነንሓድሕ ዶም ዝተላበዉ ክኾውን:

ثُمَّ كَانَ مِنَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَتَوَاصَوْاْ بِٱلصَّبْرِ وَتَوَاصَوْاْ بِٱلْمَرْحَمَةِ ﴿١٧﴾

18)እዚኣም እዮም ሰብ የማን: ንጀና ዝኣትዉ:

أُوْلَٰٓئِكَ أَصْحَٰبُ ٱلْمَيْمَنَةِ ﴿١٨﴾

19)እቶም ብቁርኣን ይኹን ብኻልእ ምልክታት ኣላህ ዝኽሓዱ ኽኣ ሰብ ጸጋም እዮም:

وَٱلَّذِينَ كَفَرُواْ بِـَٔايَٰتِنَا هُمْ أَصْحَٰبُ ٱلْمَشْـَٔمَةِ ﴿١٩﴾

20)ዕጽውቲ ሓዊ ኽኣ ኣላቶም:

عَلَيْهِمْ نَارٌ مُّؤْصَدَةٌ ﴿٢٠﴾

سورة الشمس
ሱረቱ'ሽምስ (እታ ፀሓይ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብፀሓይን ብብርሃናን እምሕል:

وَٱلشَّمْسِ وَضُحَىٰهَا ﴿١﴾

2)ብወርሒ'ውን ብብርሃና ንፀሓይ ምስ ተኽተለት እምሕል *(እዚ ኽኣ ኣብ መበል 13: 14: 15: ናይ ወርሒ ክኾውን እንከሎ እዩ)*

وَٱلْقَمَرِ إِذَا تَلَىٰهَا ﴿٢﴾

3)ብመዓልቲ'ውን ንፀሓይ በግ ምስ ኣበላ እምሕል

وَٱلنَّهَارِ إِذَا جَلَّىٰهَا ﴿٣﴾

4)ብለይቲ'ውን ንፀሓይ ብጸልማቱ ምስ ሸፈና እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذَا يَغْشَىٰهَا ﴿٤﴾

5)ብሰማይን በቲ ንዓኣ ዝነደቖ ኣላህን እምሕል:

وَٱلسَّمَآءِ وَمَا بَنَىٰهَا ﴿٥﴾

6)ብመሬትን በቲ ንዓኣ ዝዘርገሐ ኣላህን እምሕል:

وَٱلْأَرْضِ وَمَا طَحَىٰهَا ﴿٦﴾

7)ብነፍስን በቲ ንዓኣ ብኣካላ ዘመዓራረየ ኣላህን እምሕል:

وَنَفْسٍ وَمَا سَوَّىٰهَا ﴿٧﴾

8)ኣዛ ነፍሲ ክኣ እኪይ ግብራን ሰናይ ግብራን ኣረዲኡዋን ኣፍሊጥዋን እዩ:

فَأَلْهَمَهَا فُجُورَهَا وَتَقْوَىٰهَا ﴿٨﴾

قَدْ أَفْلَحَ مَن زَكَّىٰهَا ۝

9)እቲ ንትእዛዛት ኣላህ ብምኽታል ነፍሱ ዘንጸህ ብርግጽ ዕዉት እዩ:

وَقَدْ خَابَ مَن دَسَّىٰهَا ۝

10)እቲ ንትእዛዛት ኣላህ ብምንጻግ ነፍሱ ዘርከሰ ኸኣ ብርግጽ ውዱቕን ከሳርን እዩ:

كَذَّبَتْ ثَمُودُ بِطَغْوَىٰهَآ ۝

11)ሰሙድ ዝብሃሉ ህዝቢ ብሰንኪ ሕሱፍ ክሕደቶም ኑቲ ትእዛዝ ኣላህ ነጺጎሞ እዮም:

إِذِ ٱنۢبَعَثَ أَشْقَىٰهَا ۝

12)እቲ ተካል ዝኾነ ነታ ገመል ክቕትል ምስ ተበገሰ:

فَقَالَ لَهُمْ رَسُولُ ٱللَّهِ نَاقَةَ ٱللَّهِ وَسُقْيَىٰهَا ۝

13)ሳልሕ ዝተባህለ ልኡኽ ኣላህ ከኣ ካብዛ ናይ ኣላህ ገመል ተጠንቀቑ ኣይትቕተልዋ: እቲ ማይ እትሰትየሉ ውሱን ዕለት'ውን ኣይትቕረብዎ በሉም:

فَكَذَّبُوهُ فَعَقَرُوهَا فَدَمْدَمَ عَلَيْهِمْ رَبُّهُم بِذَنۢبِهِمْ فَسَوَّىٰهَا ۝

14)ዘረባ ሳልሕ ነጺጎም ነታ ገመል ቀተሉዋ እሞ: ኣ ይታኣም በቲ ዝፈጸምዎ ዘንቢ(ሓጢኣት) ንኹሎም ብሓፈሻኣም ዓቢ ምስ ንእሽቶ ኣህለቕም:

وَلَا يَخَافُ عُقْبَىٰهَا ۝

15)ኣላህ: ዝመጽእ ሓላፍነት ከይፈረሀ እውን ኣህለቕም: *(ማለት ንኣላህ ዝቆጻጸር ማንም ስለዘየሉ እዚ ክመጻኒ'ይ ከይበለ ድላዩ ፈጺሙ:)*

سورة الليل
ሱረቱል'ለይል (እታ ለይቲ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلَّيْلِ إِذَا يَغْشَىٰ ۝

1)በቲ ለይቲ ነቲ ዝከበረ ብርሃን ብጸልማቱ ምስ ሸፈኖ እምሕል:

وَٱلنَّهَارِ إِذَا تَجَلَّىٰ ۝

2)በቲ መዓልቲ በረሁን በጣ ምስ በለን እምሕል:

وَمَا خَلَقَ ٱلذَّكَرَ وَٱلْأُنثَىٰٓ ﴿٣﴾

3)በፈጣጥራ ተባዕታይን ኣንስተ ይትን (ወይ በቲ ተባዕታይን ኣንስተይትን ዝፈጠረ) እምሕል:

إِنَّ سَعْيَكُمْ لَشَتَّىٰ ﴿٤﴾

4)ብርግጽ ጻዕርኹም በበይኑ ከምዝኾነ (ገለኹም ንጀና ገለኹም ንጀሃነም ይጽዕር ከምዘሉ:)

فَأَمَّا مَنْ أَعْطَىٰ وَٱتَّقَىٰ ﴿٥﴾

5)እንተ እቲ ኀንዘቡ ንሰናይ ዋሃብን ፈራህ ረብን ዝኾነ:

وَصَدَّقَ بِٱلْحُسْنَىٰ ﴿٦﴾

6)በቲ ኣላህ ዝገበረሉ ውዕል'ውን ዝኣመነ (ማለት ኣላህ ኑቲ ዘውጸኦ ኀንዘብ ክትከኣሉ ምኽኑ ወይ ብጀና ዝኣመነን:)

فَسَنُيَسِّرُهُۥ لِلْيُسْرَىٰ ﴿٧﴾

7)ናብቲ ኣላህ ዝፈትዎ ሰናይ ግብሪ ንክኸይድ ከነቕልለሉ ኢና:

وَأَمَّا مَنۢ بَخِلَ وَٱسْتَغْنَىٰ ﴿٨﴾

8)ግን እቲ በቒቑ ኀንዘቡ ናብ ሰናይ ግብሪ ዘየዋፈረ: ናይ ኣኼራ ገዲፉ ብናይ ኣዱንያ ሽኻይ ዝዓገበ:

وَكَذَّبَ بِٱلْحُسْنَىٰ ﴿٩﴾

9)ከምኡ'ውን በቲ ኣላህ ዝገበረሉ ውዕል ዝኸሓደ: (ማለት ኣላህ ኑቲ ዘውጸኦ ኀንዘብ ክትከኣሉ ምኽኑ ወይ ብጀና ዝኸሓደ:)

فَسَنُيَسِّرُهُۥ لِلْعُسْرَىٰ ﴿١٠﴾

10)ናብቲ ኣላህ ዝጸልኦ እኪይ ግብሪ ንክኸይድ ከነቕልለሉ ኢና:

وَمَا يُغْنِي عَنْهُ مَالُهُۥٓ إِذَا تَرَدَّىٰٓ ﴿١١﴾

11)ኣብ ሓዊ ጀሃነም ምስ ጸደፈ'ውን ኀንዘቡ ምንም ኣይጠቕሞን እዩ:

إِنَّ عَلَيْنَا لَلْهُدَىٰ ﴿١٢﴾

12)ብርግጽ ንሕና መገዲ ሰናይን መገዲ እኪይ በየን ምኽኑ ንገልጽ:

وَإِنَّ لَنَا لَلْءَاخِرَةَ وَٱلْأُولَىٰ ﴿١٣﴾

13)ብርግጽ ከምኡ'ውን ኩሉ ኣብ ምጽኣተ ዓለምን (ኣኼራን) ኣብ ኣዱንያን ዘሉ ናትና ብምኽኑ ከምድላይና ኢና እንዝላብጦ:

فَأَنذَرْتُكُمْ نَارًا تَلَظَّىٰ ﴿١٤﴾

14)ካብታ ሃልሃል እትብል እሳተ ጀሃነም ኣጠንቂቐኩም እየ:

لَا يَصْلَىٰهَآ إِلَّا ٱلْأَشْقَى ﴿١٥﴾

15)እቲ ቁሩሱስ ዝኾነ ካሕዳን ጥራይ እዩ ዝነደላ:

ٱلَّذِى كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰ ﴿١٦﴾

16)እቲ ንሓቂ ዝነጸገን ካብ ምምእዛዝ ዘድሓርሓረን:

17)እቲ ፈራህ ረቢ ከኣ ካብታ ጀሃነም ክርሕቅን ክእለን እዩ:

وَسَيُجَنَّبُهَا ٱلْأَتْقَى ﴿١٧﴾

18)እቲ ንጽህና ካብ ኣላህ ንምርካብ ገንዘቡ ናብ ሰናይ ተግባር ዘውዓለ:

ٱلَّذِى يُؤْتِى مَالَهُۥ يَتَزَكَّىٰ ﴿١٨﴾

19)ከምኡ'ውን ካብ ወላሓደ'ኳ ሰናይ ክፍደ ትጽቢት የብሉን:

وَمَا لِأَحَدٍ عِندَهُۥ مِن نِّعْمَةٍ تُجْزَىٰٓ ﴿١٩﴾

20)ብጀካ ፍቶት ናይቲ ልዑል ኣይታኡ ንምርካብ እንተዘይኮይኑ:

إِلَّا ٱبْتِغَآءَ وَجْهِ رَبِّهِ ٱلْأَعْلَىٰ ﴿٢٠﴾

21)ብርግጽ በቲ ኣብ ኣኼራ ዝዕደሉ ህያብ ክረዲ ምኻኑ'ውን እምሕል:

وَلَسَوْفَ يَرْضَىٰ ﴿٢١﴾

سورة الضحى
ሱረቱ'ዱሓ (እቲ ረፍዲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)በቲ ረፍዲ እምሕል:

وَٱلضُّحَىٰ ﴿١﴾

2)በቲ ለይቲ'ውን ንመዓልቲ ምስ ሸፈኖ እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذَا سَجَىٰ ﴿٢﴾

3)(ኦ መሓመድ) ጎይታኻ ከምዘይገደፈካን ከምዘይጸላኣካን:

مَا وَدَّعَكَ رَبُّكَ وَمَا قَلَىٰ ﴿٣﴾

4)ኦ መሓመድ: ካብዛ ኣዱንያ ንዓኻ ኣኼራ ትበልጸካ:

وَلَلْءَاخِرَةُ خَيْرٌ لَّكَ مِنَ ٱلْأُولَىٰ ﴿٤﴾

5)ብርግጽ ጎይታኻ'ውን ኣብ ኣዱንያ ዓወት፣ ኣብ ኣኼራ ከኣ ሸፋዓ[52] ሂቡ ከፍትወካ እዩ: (ክሳዕ ትረዲ)

وَلَسَوْفَ يُعْطِيكَ رَبُّكَ فَتَرْضَىٰٓ ﴿٥﴾

6)ኦ መሓመድ: ጎይታኻ ዘኽታም እንከሎኻ ረኺቡ እንዶ ኣየዕቆበካን?

أَلَمْ يَجِدْكَ يَتِيمًا فَـَٔاوَىٰ ﴿٦﴾

---

52 ሸፋዓ ማለት ብቋንቋ ዓረብ መንጎኛ ምኻን'ዩ እዛ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሳ ዘላ ሸፋዓ ድማ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ኩሉ ሱብ ፍርዲ ኣላህ እናተጸበየ እንከሎ ግዜ ስለዝኾውሉ ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ኩሉም ኑብይታት ናብ ኣላህ ቀሪቦም ክዛረቡ ስለዘይደፍሩ እቲ ሓደ ኑብይ ስጮድ ጌሩ እቲ ፍርዲ ክጅምር ዝሓትትን ሕቶኡ ብኣላህ ተቒባልን ኑብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ጥራይ እዩ። እዚኣ እያ ኸኣ እታ ዓባይ ሸፋዓ።

7)ብዛዕባ ተውሒድን (ሓደነት ኣላህ) ትንቢትን'ውን ዘይትፈልጥ እንከሎኻ ረኺቡ ናብ ቅኑዕ መገዲ ሓበረካ:

وَوَجَدَكَ ضَآلّاً فَهَدَىٰ ﴿٧﴾

8)ከምኡ'ውን ድኻ እንከሎኻ ረኺቡ ርኹብ (ሃብታም) ገሩካ:

وَوَجَدَكَ عَآئِلاً فَأَغْنَىٰ ﴿٨﴾

9)ንዘኽታም ኣይትዓምጽ መሰሉ ሓልወሉ:

فَأَمَّا ٱلْيَتِيمَ فَلَا تَقْهَرْ ﴿٩﴾

10)ንድኻ ስማናይ'ውን ኣይትግንሓዮ ጥዑም መልሲ ሃቦ:

وَأَمَّا ٱلسَّآئِلَ فَلَا تَنْهَرْ ﴿١٠﴾

11)በቲ ተዋሂቡካ ዘሉ ሽሻይ ቁርኣን ይኹን ትንቢትኡትን ካልእ ሽሻያትን ተዛሪብካ ኣመስግን:

وَأَمَّا بِنِعْمَةِ رَبِّكَ فَحَدِّثْ ﴿١١﴾

سورة الشرح
ሱረቱ'ሸርሕ (እቲ ልቢ ምኽፋት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ልብኻ ዶ ንእምኑትን ንትንቢትኡትን ኣይከፈትናልካን ኢና?

أَلَمْ نَشْرَحْ لَكَ صَدْرَكَ ﴿١﴾

2)ኩሉ ኣብ ግዜ ድንቁርና (ጃሂሊያ) ዝገበርካዮ ጌጋታት ካብ ዝባንካ ኣውሪድናዮ:

وَوَضَعْنَا عَنكَ وِزْرَكَ ﴿٢﴾

3)እቲ ንሕቕኻ ክሳዕ ድምጺ ዘውጽእ ክቢድዎ ዝነበረ ናይ ትንቢትኡት ሸክም ኣፍኩስናልካ:

ٱلَّذِىٓ أَنقَضَ ظَهْرَكَ ﴿٣﴾

4)ዝኽርኻ'ውን ክብ ኣቢልናልካ (ኣብ ተሸሁድ ምስ ኣላህ ተዘኪርካ)

وَرَفَعْنَا لَكَ ذِكْرَكَ ﴿٤﴾

5)ብርግጽ ምስ'ቲ መከራ ራህዋን ቅሳነትን ኣሉ:[53]

فَإِنَّ مَعَ ٱلْعُسْرِ يُسْرًا ﴿٥﴾

6)ብርግጽ ምስ'ቲ መከራ ራህዋን ቅሳነትን ኣሉ:

إِنَّ مَعَ ٱلْعُسْرِ يُسْرًا ﴿٦﴾

---

53 ኣብዚን ክልተ ኣያ ሓንቲ ጽቡቅን ክልተ ቅሳነትን(ራህዋን) እየን ዘለዋ ምኽንያቱ እታ ካልኣይቲ ጽቡቅ ንሳ እታ ቀዳመይቲ እያ: ግን እተን ራህዋ በበይነን እየን ክልተ እየን: ስለዚ ሓንቲ ጽቡቅ ንክልተ ራህዋ ኣይትስዕርን እያ::

فَإِذَا فَرَغْتَ فَٱنصَبْ ۝٧

7)ሰላት፣ ዳዕዋ፣ ጂሃድ፣ እንተደኣ ወዲእካ ዱዓ ብምግባር ጽዓር ድኽም:

وَإِلَىٰ رَبِّكَ فَٱرْغَب ۝٨

8)ድልየትካ ከኣ ናብ ሓደ ጎይታኻ ግበሮ:

سورة التين
ሱረቱ'ቲን (እቲ በለስ ጥልያን)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلتِّينِ وَٱلزَّيْتُونِ ۝١

1)ብበለስ ጥልያንንኣ ብኣውሊዕን እምሕል (እዚ ከኣ ኑቲ በለስ ጥልያንን ኣውሊዕን ዝበቕሉ ቅዱስ ሃገር ዘመልክት እዩ:)

وَطُورِ سِينِينَ ۝٢

2)ከምኡ'ውን ብኣብ ሲና ዝርከብ ጎቦ ጡር እምሕል:

وَهَٰذَا ٱلْبَلَدِ ٱلْأَمِينِ ۝٣

3)ከምኡ'ውን በዚ ኣማን ዝኾነ ዓዲ(መካ) እምሕል:

لَقَدْ خَلَقْنَا ٱلْإِنسَٰنَ فِىٓ أَحْسَنِ تَقْوِيمٍ ۝٤

4)ብርግጽ ንወዲ-ሰብ ብዝበለጸ መልክዕን ብዝሓሸ ኣቀዋውማ ከምዝፈጠርናዮ: *(ንእንሰሳ ሹናብ መሬት ጌሩ ክፈጥሮ እንከሎ ንወዲ-ሰብ ትኽ ከምዝብል ጌሩ ኣእምሮን መልሓስን ፍልጠትን ሃቦ):*

ثُمَّ رَدَدْنَٰهُ أَسْفَلَ سَٰفِلِينَ ۝٥

5)ብድሕሪኡ ከኣ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ እርጋንን ድኽመትን መለስናዮ: *(ወይ ከኣ ወዲ-ሰብ ቡቲ እከይ ግብሩ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ጀሃነም ይሓቱ:)*

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّٰلِحَٰتِ فَلَهُمْ أَجْرٌ غَيْرُ مَمْنُونٍ ۝٦

6)ብጀካ'ቶም ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: ንሳቶም እዮም ከኣ ዘየቋርጽ ዓስቢ (ኣጅሪ) ዘለዎም:

فَمَا يُكَذِّبُكَ بَعْدُ بِٱلدِّينِ ۝٧

7)ኦ ወዲ-ሰብ እዚ ኹሉ እናፈለጥካ ቡቲ መዓልቲ ሒሳብ ዘይመእመኒኻ እንታይ እዩ:

---

54 ሳግላ መሰል ኣታኽልቲ።

أَلَيْسَ ٱللَّهُ بِأَحْكَمِ ٱلْحَٰكِمِينَ ﴿٨﴾

8)ኣላህ ፍትሓዊ ፈራዳይ ዶ ኣይኮነን እዩ? (ማለት ኣላህ እኮ ፍትሓዊ ፈራዳይ እዩ:)

سورة العلق
ሱረቱል'ዓለቅ (እቲ ርጋእ ደም)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

ٱقْرَأْ بِٱسْمِ رَبِّكَ ٱلَّذِى خَلَقَ ﴿١﴾

1)ብስም እቲ ንፍጡራት ዝፈጠረ ጎይታኻ ጀሚርካ ቅራእ (ኣንብብ)

خَلَقَ ٱلْإِنسَٰنَ مِنْ عَلَقٍ ﴿٢﴾

2)ንወዲ ኣዳም ካብ ርጋእ ደም ዝፈጠረ (እዚ ክኣ ሓደ ካብ መድረኽ ኣፈጣጥራ ወዲ ሰብ እዩ:)

ٱقْرَأْ وَرَبُّكَ ٱلْأَكْرَمُ ﴿٣﴾

3)ኣንብብ: ጎይታኻ ብጣዕሚ ሊጋስ እዩ: ንባብ ንኽትክእል ክልግ ሰልካ እዩ:

ٱلَّذِى عَلَّمَ بِٱلْقَلَمِ ﴿٤﴾

4)እቲ ንደቂ-ሰብ ኣጸሓሕፋ ዝመሃረ:

عَلَّمَ ٱلْإِنسَٰنَ مَا لَمْ يَعْلَمْ ﴿٥﴾

5)ንወዲ-ሰብ ዘይፈልጦ ዝነበረ ዘፍለጠ:

كَلَّآ إِنَّ ٱلْإِنسَٰنَ لَيَطْغَىٰٓ ﴿٦﴾

6)ኣይፋሉን: ወዲ-ሰብ ብርግጽ ንኣላህ ይዕበየሉን ገደብ ይግህስን እዩ:

أَن رَّءَاهُ ٱسْتَغْنَىٰٓ ﴿٧﴾

7)ነፍሱ እንተደኣ እኹል ጥንዘብን ሓይልን ረኺባ:

إِنَّ إِلَىٰ رَبِّكَ ٱلرُّجْعَىٰٓ ﴿٨﴾

8)ብርግጽ ናብ ጎይታኻ እዩ ምምላስካ ኣብ መዓልቲ (ቅያማ) ምጽኣት::

أَرَءَيْتَ ٱلَّذِى يَنْهَىٰ ﴿٩﴾ عَبْدًا إِذَا صَلَّىٰٓ ﴿١٠﴾

9-10)ርኢኻዮ ዶ እቲ ንባርያ ኣላህ ኣይትስገድ ኢሉ ዝኽልክል ዝነበረ: (ኣቡ ጀህል ንክሪ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣይትስገድ ይብሉ ኔሩ)

أَرَءَيْتَ إِن كَانَ عَلَى ٱلْهُدَىٰٓ ﴿١١﴾

11)እዚ ዝኽልከል ዘሉ (ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ኣብ ሓቂ እንተሉ ኸ?

أَوْ أَمَرَ بِٱلتَّقْوَىٰ ﴿١٢﴾

12) ወይ ብንጽህና፣ ብተውሒድን ፍርሃት ረብን እንተኣዘዘኸ ?

أَرَءَيْتَ إِن كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰ ﴿١٣﴾

13)(እቲ ኣቡ ጃህል ከኣ) ብኽቢይ ክሒዱ ካብ ኢማን ዘድሓርሓረ እንተኾነኸ ?

أَلَمْ يَعْلَم بِأَنَّ ٱللَّهَ يَرَىٰ ﴿١٤﴾

14)ኣላህ ግብሩ ይርኢ ከምዘሎ ኣይፈልጥን ዲዩ? ከመይ ጌሩ ይደፍሮ ኣሎ ?

كَلَّا لَئِن لَّمْ يَنتَهِ لَنَسْفَعًۢا بِٱلنَّاصِيَةِ ﴿١٥﴾

15)ኣይፋሉን: ካብ'ዚ ግብሩ እንተዘይ ተቓጢቡ ብፈት ጸጉሪ ርእሱ ስሒብና ኣብ ጀሃነም ክነእትዎ ኢና:

نَاصِيَةٍ كَٰذِبَةٍ خَاطِئَةٍ ﴿١٦﴾

16)እዛ ኩሓዲትን ዘንበኛን (ሓጥያተኛ) ዝኾነት ጸጉሪ ፈት ርእሱ:

فَلْيَدْعُ نَادِيَهُۥ ﴿١٧﴾

17)እስከ እቶም ቀቢላኡን ህዝቡን ይጸውዕ ክሕግዝዎን ክተሓባበርዎን:

سَنَدْعُ ٱلزَّبَانِيَةَ ﴿١٨﴾

18)ንሕና እቶም ሓያላትን ብርቱዓትን መላኢካታት ክንጽውዕ ኢና:

كَلَّا لَا تُطِعْهُ وَٱسْجُدْ وَٱقْتَرِب ۩ ﴿١٩﴾

19)ኣይፋሉን:-ኣቡጃህል- ኣ መሓመድ: ኣቡጃህል ብዝበለካ ኣይትማእዘዝ ንሳይታኻ ከኣ ስገድ ናብኡ'ውን ቅረብ።

سورة القدر
ሱረቱል'ቀድር (እቲ ውሳኔ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

إِنَّآ أَنزَلْنَٰهُ فِى لَيْلَةِ ٱلْقَدْرِ ﴿١﴾

1)ብርግጽ ንሕና ንቁርኣን ኣብታ ናይ ውሳነ ለይቲ (ለይለቱል ቀድር) ኢና ኣውሪድናዮ:[55]

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا لَيْلَةُ ٱلْقَدْرِ ﴿٢﴾

2)እንታይኑት ናይ ለይለቱል ቀድሪ ኸ እንታይ ኣፍለጠካ:

---

55 ቁርኣን ብምሉኡ ካብ ሉሕ ኣልማሕፉዝ ናብዛ ቀረባ ሰማይ ኣብ ለይለቱልቀድሪ'ዩ ወሪዱ: ብድሕሪኡ ኣላህ ንጅብሪል እናለኣኸ በብቁሩብ ከከም ኣድላይነቱ ናብ ሰይድና መሓመድ ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ 23 ዓመት ኣውረዶ።

لَيْلَةُ ٱلْقَدْرِ خَيْرٌ مِّنْ أَلْفِ شَهْرٍ ۝

3)እዛ ለይለቱል ቀድሪ ካብ ሽሕ ወርሒ ትበልጽ: (ማለት ኣብዛ ለይቲ እትገብሮ ሰናይ ግብሪ ካብ ናይ ሽሕ ወርሒ ይበልጽ)

تَنَزَّلُ ٱلْمَلَٰٓئِكَةُ وَٱلرُّوحُ فِيهَا بِإِذْنِ رَبِّهِم مِّن كُلِّ أَمْرٍ ۝

4)መላኢካታትን ጂብሪልን (ገብሪኤልን) ብፍቓድ ኣላህ በብዓይነቱ ትእዛዛት ሒዞም ካብ ሰማይ ናብ መሬት ዝወርዱላ ለይቲ እያ:

سَلَٰمٌ هِىَ حَتَّىٰ مَطْلَعِ ٱلْفَجْرِ ۝

5)እዛ ለይቲ'ዚኣ ክሳዕ ዝወግሕ ሰላምን ሰናይን ጥራይ ዝሓዘለት እያ::

سورة البينة
ሱረቱል'በይና (እታ መርትየ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

لَمْ يَكُنِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ مِنْ أَهْلِ ٱلْكِتَٰبِ وَٱلْمُشْرِكِينَ مُنفَكِّينَ حَتَّىٰ تَأْتِيَهُمُ ٱلْبَيِّنَةُ ۝

1)እቶም ዝኸሓዱ ካብ ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ከምኡ'ውን እቶም ንጣኦት ዝግዝኡ ሙሽሪኪን ካብቲ ዝኸበርዎ ጥፍኣት ዝተመልሱን ዝተቐጠ ቡን መርትየ ካብ ኣላህ ምስ መጸም እዩ: *(እዚ መርትየ'ዚ ኣብዛ ትመጸእ ኣያ ተጠቒሱ)*

رَسُولٌ مِّنَ ٱللَّهِ يَتْلُوا۟ صُحُفًا مُّطَهَّرَةً ۝

2)መሓመድ ልኡኽ ናይ ኣላህ: ካብ ኩሉ እከይ ንጹህ ዝኾነ ጽሑፋት እዩ ዘንብቦሎም:

فِيهَا كُتُبٌ قَيِّمَةٌ ۝

3)እቲ ጽሑፋት'ውን ቅኑዕ ዝኾነ ቃላትን ውሳነታትን ዝተጻሕፎ እዩ:

وَمَا تَفَرَّقَ ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَٰبَ إِلَّا مِنۢ بَعْدِ مَا جَآءَتْهُمُ ٱلْبَيِّنَةُ ۝

4)እቶም ቅድሚ ሕጂ መጻሕፍቲ ዘውረድናሎም ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ኣብ መጻሕፍቶም ንኑበይ መሓመድ ዝደግፍ መርትየ ድሕሪ ምምጻኡ እዮም ብዛዕባ ሓቅነት መሓመድ ዝተፈላለዩን ሩኽ ዝበሉን ዝኸሓደ ክሒዱ ዝኣመነ ድማ ኣሚኑ:

وَمَآ أُمِرُوٓاْ إِلَّا لِيَعۡبُدُواْ ٱللَّهَ مُخۡلِصِينَ لَهُ ٱلدِّينَ حُنَفَآءَ وَيُقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَيُؤۡتُواْ ٱلزَّكَوٰةَۚ وَذَٰلِكَ دِينُ ٱلۡقَيِّمَةِ ۝٥

5)እዞም ዝኸሓዱ ድማ ንኣላህ ብንጽህና ክግዝእዎን ካብ ኩሉ ሃይማኖታት ናብ እስልምና ክዝንብሉን ሰላቶም ከቕሙን፣ ዘካት ክህቡን ጥራይ እዮም ተኣዚዞም: እዚ ኽኣ እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት እዩ።

إِنَّ ٱلَّذِينَ كَفَرُواْ مِنۡ أَهۡلِ ٱلۡكِتَٰبِ وَٱلۡمُشۡرِكِينَ فِي نَارِ جَهَنَّمَ خَٰلِدِينَ فِيهَآۚ أُوْلَٰٓئِكَ هُمۡ شَرُّ ٱلۡبَرِيَّةِ ۝٦

6)ብርግጽ እቶም ብእስልምና ዝኸሓዱ ካብ ኣይሁዳዉያንን ክርስትያንን ኣምለኽቲ ጣዖት ሙሽሪኪንን ንዘልኣለም ኣብ ሓዊ ጀሃነም፣ዮም ክነብሩ: ንሳቶም ከኣ እቶም ኣዝዮም ዝበኣሱ ፍጡራት እዮም።

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ أُوْلَٰٓئِكَ هُمۡ خَيۡرُ ٱلۡبَرِيَّةِ ۝٧

7)ብርግጽ እቶም ብእስልምና ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: እቶም ዝበለጹ ፍጡራት እዮም።

جَزَآؤُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡ جَنَّٰتُ عَدۡنٖ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدٗاۖ رَّضِيَ ٱللَّهُ عَنۡهُمۡ وَرَضُواْ عَنۡهُۚ ذَٰلِكَ لِمَنۡ خَشِيَ رَبَّهُۥ ۝٨

8)ዓስቦም እቲ ምስ ጎይታኣም ዘሎ ብትሕቲ ኣግራቡን ክፍልታቱን ወሓዚ ዝውሕዝ ጀናታት(ኸታት) ዓድን ንዘልኣለም ንኽነብሩሉ እዩ። ኣላህ ረድዩሎም እዩ: ንሳቶም፣ውን ቡቲ ኣላህ ዝሃቦም ዓጊቦም ረድዮምሉ እዮም: እዚ ሞሳ ከኣ ኩቶም ንጎይታኣም ዝፈርሁ ዝነበሩ ጥራይ እዩ።

سورة الزلزلة
ሱረቱል'ዘልዘላ (እቲ ምንቅጥቃጥ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

إِذَا زُلۡزِلَتِ ٱلۡأَرۡضُ زِلۡزَالَهَا ۝١

1)መሬት ናይ ቅያማ (ምጽኣት) ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምስ ኣንቀጥቀጣ:

وَأَخۡرَجَتِ ٱلۡأَرۡضُ أَثۡقَالَهَا ۝٢

2)ከምኡ፣ውን መሬት እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ሃብትን ምዉታንን ምስ ኣውጸኣት:

وَقَالَ ٱلْإِنسَٰنُ مَا لَهَا ﴿٣﴾

3)ወዲ-ሰብ ነዚ ምስ ረኣየ እንታይ ኮይና እያ መሬት ኣንቀጥቂጣን ኣብ ውሽጣ ዝኽረ ተፈኣን ይብል:

يَوْمَئِذٍ تُحَدِّثُ أَخْبَارَهَا ﴿٤﴾

4)ሽዕኡ መሬት ባዕላ ኑቲ ኣብኣ ዝግበር ዝኽረ ነገራት ተውርን ትነግርን:

بِأَنَّ رَبَّكَ أَوْحَىٰ لَهَا ﴿٥﴾

5)ብርግጽ በቲ ኣላህ ዘፍቀደላን ዝኣዘዛን ንኹትዛረብ ትበቅዕ:

يَوْمَئِذٍ يَصْدُرُ ٱلنَّاسُ أَشْتَاتًا لِّيُرَوْا أَعْمَٰلَهُمْ ﴿٦﴾

6)ሽዕኡ ደቂ-ሰብ ካብቲ ናይ ሕሳብ ቦታ ፋሕ ፋሕ ኢሎም ገሊኦም ንየማን ናብ ጀና ገጾም ገሊኦም ንጸጋም ናብ ጀሃነም ገጾም ይኹዱ ምእንቲ ዓስቢ ጻዕርምን ግብሮምን ክርእዩ ::

فَمَن يَعْمَلْ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ خَيْرًا يَرَهُۥ ﴿٧﴾

7)እቲ ኣብ ኣዱንያ ክብደቱ ክንዲ ንእሽተይ ጻጸ ወይ ክንዲ ኣቶም(Atom) ሰናይ ግብሪ ዝገበረ ናይቲ ዝገበሮ ዓስቢ ክርኢ እዩ:

وَمَن يَعْمَلْ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ شَرًّا يَرَهُۥ ﴿٨﴾

8)እቲ ኣብ ኣዱንያ ክብደቱ ክንዲ ንእሽተይ ጻጸ ወይ ክንዲ ኣቶም (Atom) እኪይ ዝገበር ዝኽረ'ውን ናይቲ ዝገበሮ ዓስቢ ክርኢ እዩ:

سورة العاديات
ሱረቱል'ዓድያት (እተን ኣጋለብቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርሀሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

وَٱلْعَٰدِيَٰتِ ضَبْحًا ﴿١﴾

1)በተን ኣብ ጂሃድ ብርቱዕ ትንፋስ እናኣተንፈሳ ዘጋልባ ኣፍራስ እምሕል:

فَٱلْمُورِيَٰتِ قَدْحًا ﴿٢﴾

2)ከምኡ'ውን በተን ሸኾነአን ምስ ኣእማን ምስ ተጋጨወ ብልጭ ዝብል እምሕል:

فَٱلْمُغِيرَٰتِ صُبْحًا ﴿٣﴾

3)ከምኡ'ውን በተን ንግሆ ንጸላኢ ዘጥቅዓ እምሕል:

فَأَثَرْنَ بِهِۦ نَقْعًا ۝٤

4)ከምኡ'ውን በተን እናኸዳ ደሮና ዘናዕባ እምሕል:

فَوَسَطْنَ بِهِۦ جَمْعًا ۝٥

5)ከምኡ'ውን በተን ተኣኪበን ኣብ ማእከል ጸላኢ ዝኣትዋ እምሕል:

إِنَّ ٱلْإِنسَٰنَ لِرَبِّهِۦ لَكَنُودٌ ۝٦

6)ብርግጽ ወዲ-ሰብ ንጎይታኡ ብጣዕሚ ኩሓዲ ከምዝኾነ:

وَإِنَّهُۥ عَلَىٰ ذَٰلِكَ لَشَهِيدٌ ۝٧

7)ብርግጽ ንሱ'ውን ኑቲ ክሕደቱ ይርእዮን ባዕሉ ይምስክረሉን እዩ:

وَإِنَّهُۥ لِحُبِّ ٱلْخَيْرِ لَشَدِيدٌ ۝٨

8)ከምኡ'ውን ብርግጽ ወዲ-ሰብ ብጣዕሚ ገንዘብ (ማል) ይፈቱው እዩ:

أَفَلَا يَعْلَمُ إِذَا بُعْثِرَ مَا فِى ٱلْقُبُورِ ۝٩

9)እዚ ወዲ-ሰብ ኣብ መቓብር ዘሉ ምዉት ክወጽእ ምኽኑ ኣይፈልጥን ድዩ ?

وَحُصِّلَ مَا فِى ٱلصُّدُورِ ۝١٠

10)ከምኡ'ውን ኣብ ልብታት ዘሉ ሰናይን እኩይን ክምመን ክግላሃን ምኽኑ:

إِنَّ رَبَّهُم بِهِمْ يَوْمَئِذٍ لَّخَبِيرٌۢ ۝١١

11)ብርግጽ ሽዕኡ ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ጎይታኦም ኩሉ ዝንብርዎ ዝነበሩ ይፈልጦ እዩ: ዝሕበኡ ነገር የብሉን: በቲ ግብሮም ከኣ ጻማኦም ክህቦም እዩ: (ነዚ እናፈለጡ ድማ ክሕደትን ፍቕሪ ገንዘብን ክሓድሮም የብሉን::)

سورة القارعة
ሱረቱል'ቃሪዓ (እታ ኮራዕ ኣባሊት)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

ٱلْقَارِعَةُ ۝١

1)ኣልቃሪዓ፦ ሓደ ካብቲ ኣስማት ናይ ቅያማ (ምጽኣት) እዩ: ንልብኻ ብራዕዲ ስለ እትወቅየ ወቓዒት (ኮራዕ ኣባሊት) ተሰምያ:

مَا ٱلْقَارِعَةُ ۝٢

2)እንታይ ከ እያ እታ ኮራዕ ኣባሊት (ዕብየታ ንምግላጽ እንደኸ ተደጊማ)

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا ٱلۡقَارِعَةُ ۝٣

3)ብዛዕባ ኣልቓሪዓ(እታ ኮራዕ ኣባሊት) ከ እንታይ ትፈልጥ?

يَوۡمَ يَكُونُ ٱلنَّاسُ كَٱلۡفَرَاشِ ٱلۡمَبۡثُوثِ ۝٤

4)ሽዕኡ ደቂ-ሰብ ልክዕ ከምቲ ኣብ ፈቐዶ ቦታ ዝተዘርግ ሑን ፋሕ ዝበሉን ጽምብላሊዕ ይኾኑ:

وَتَكُونُ ٱلۡجِبَالُ كَٱلۡعِهۡنِ ٱلۡمَنفُوشِ ۝٥

5)ኣኽራናት'ውን ልክዕ ከምቲ እተፈተገ ጸምሪ(ጸጉሪ በጊዕ) ትኸውን:

فَأَمَّا مَن ثَقُلَتۡ مَوَٰزِينُهُۥ ۝٦

6)እንተ እቲ ሰናይ ግብሩ ካብ እኪይ ግብሩ ኣብ ሚዛን ዝኸበደ:

فَهُوَ فِي عِيشَةٖ رَّاضِيَةٖ ۝٧

7)ኣብ ፍቱው ናብራ'ዩ ዝኾበር:

وَأَمَّا مَنۡ خَفَّتۡ مَوَٰزِينُهُۥ ۝٨

8)እቲ ሰናይ ግብሩ ካብ እኪይ ግብሩ ኣብ ሚዛን ዝፎኹሰ ግን :

فَأُمُّهُۥ هَاوِيَةٞ ۝٩

9)መንበሪቱ ጀሃነም እያ:

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا هِيَهۡ ۝١٠

10)እዛ ሃዊያ (ጸድፊ ጀሃነም) እንታይ ምኻና ኽ እንታይ ኣፍሊጠካ:

نَارٌ حَامِيَةُۢ ۝١١

11)ኣዝዩ ብርቱዕ ዋዒ ዘለዋ እሳት እያ::

سورة التكاثر
ሱረቱ'ተካሱር (እቲ ምብዛሕ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

أَلۡهَىٰكُمُ ٱلتَّكَاثُرُ ۝١

1)ብብዝሕኹምን ብብዝሒ ጎንዘብኩምን ምፍኻኻር ኑቲ ምእዘዛ ጎይታኹም ካብ ምኽታል ኣረሳሲዐኩምን ኣዐሪይኩምን:

حَتَّىٰ زُرۡتُمُ ٱلۡمَقَابِرَ ۝٢

2)ክሳዕ ሞት ተርክበኩምን ኣብ መቓብር ትድፈኑን:

كَلَّا سَوْفَ تَعْلَمُونَ ﴿٣﴾

3)ኣይፋልኩምን: ውጽኢት ናይ'ዚ ግብርኹም ኣብ ቅያማ (ምጽኣት) ክትፈል ጥዎ ኢኹም:

ثُمَّ كَلَّا سَوْفَ تَعْلَمُونَ ﴿٤﴾

4)ከምኡ'ውን ኣይፋልኩምን ውጽኢት ናይዚ ግብርኹም ኣብ ቅያማ (ምጽኣት) ክትፈልጥዎ ኢኹም:

كَلَّا لَوْ تَعْلَمُونَ عِلْمَ ٱلْيَقِينِ ﴿٥﴾

5)ኣይፋልኩምን እቲ ዝጽበየኩም ዘሉ ብርግጽ ትፈልጥዎ እንተትኾነ ብብዝሕኹምን ብብዝሒ ገንዘብኩምን ክትፈኻኩሩ ግዜ ኣይመጥፋ እኩምን:

لَتَرَوُنَّ ٱلْجَحِيمَ ﴿٦﴾

6)ብርግጽ ሓዊ ጀሃነም ክትርእይዋ ኢኹም ኣብ ቅያማ:

ثُمَّ لَتَرَوُنَّهَا عَيْنَ ٱلْيَقِينِ ﴿٧﴾

7)ከምኡ'ውን ብርግጽ ዓይኒ ብዓይኒ ክትርእይዋ ኢኹም:

ثُمَّ لَتُسْـَٔلُنَّ يَوْمَئِذٍ عَنِ ٱلنَّعِيمِ ﴿٨﴾

8) ከምኡ'ውን ብርግጽ ኣብ ቅያማ በዚ ናይ ኣዱንያ ሽግ ክትሕተቱ ኢኹም።

سورة العصر
ሱረቱል'ዓስር (እቲ ዘመን)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلْعَصْرِ ﴿١﴾

1)ብዘመን እምሕል

إِنَّ ٱلْإِنسَـٰنَ لَفِى خُسْرٍ ﴿٢﴾

2)ብርግጽ ኩሉ ወዲ-ሰብ ኣብ ክሳራ ወዲቑ ከምዘሉ:

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ وَتَوَاصَوْا۟ بِٱلْحَقِّ وَتَوَاصَوْا۟ بِٱلصَّبْرِ ﴿٣﴾

3)ብጀካ እቶም ኣሚኖምን ሰናይ ዝፈጸሙን፣ ንመገዲ-ሓቂ ምሓዝን ኣብቲ ሒዞም ዘለዉ ሓቂ ንምዕጋስን ንምጽናዕን'ውን ነንሕድሕዶም ዝላበዉ:

سورة الهمزة

ሱረቱል'ሁመዛ (እቲ ምክፋእ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ወይልኦም ንኹሉም እቶም ብመልሓሶም ይኹን ብተግባሮም ንሰብ ዘካፍኡን ዘጸልሙን:

وَيْلٌ لِّكُلِّ هُمَزَةٍ لُّمَزَةٍ ﴿١﴾

2)እቲ ገንዘብ ዝኣከበን ዝቆጸረን:

ٱلَّذِى جَمَعَ مَالاً وَعَدَّدَهُۥ ﴿٢﴾

3)ገንዘቡ ንመዋእል ዘንብሮን ካብ ሞት ዘድሕኖን ይመስሎ:

يَحْسَبُ أَنَّ مَالَهُۥٓ أَخْلَدَهُۥ ﴿٣﴾

4)ኣይፋሉን: ኣብታ ጀሃነም ደኣ ክድርበ እዩ:

كَلَّا ۖ لَيُنۢبَذَنَّ فِى ٱلْحُطَمَةِ ﴿٤﴾

5)ኣልሑጣማ (ጀሃነም) እትብ ሃል ከ ትፈልጣ ዶ?

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا ٱلْحُطَمَةُ ﴿٥﴾

6)እታ ብትእዛዝ ኣላህ ዝተቓጸለት እሳት ኣላህ እያ:

نَارُ ٱللَّهِ ٱلْمُوقَدَةُ ﴿٦﴾

7)እታ ዋኒኣን ስቓያን ኣብ ውሽጢ ልብታት ዝበጽሕ እያ:

ٱلَّتِى تَطَّلِعُ عَلَى ٱلْأَفْـِٔدَةِ ﴿٧﴾

8)ብርግጽ ንሳ ድማ ኩሓድቲ ክወጹላ ዘይክእሉ ዕጽውቲ ማዕጾ እያ:

إِنَّهَا عَلَيْهِم مُّؤْصَدَةٌ ﴿٨﴾

9)ኣብ ነዊሕቲ ዓንድታት እተኣስረ እዩ: *(ማለት እቲ መዓጹ ኣብ ነዊሕ ዓንድታት ተኣሲሩ ተዓጽዩ: ወይ እቶም ኩሓድቲ ኣብ ነዊሕቲ ዓንድታት ተኣሲሮም):*

فِى عَمَدٍ مُّمَدَّدَةٍۭ ﴿٩﴾

سورة الفيل
ሱረቱል'ፊል (እቲ ሓርማዝ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

1)እ መሓመድ: ኣላህ ኑቶም ሰብ ሓርማዝ ካዕባ ከፍርሱ ንመካ ዝመጹ እንታይ ከምዝገበሮም ወረኣም ኣለካ እንድዩ ? [56]

2)ኑቲ ውዲቶም በታቲኑሎምን ኣበላሽዩሎምን እንድዩ:

3)ከምኡ'ውን በብኛንዳ ዝመጸ ኣዕዋፍ ሰደደሎም:

4)ካብ እሳት ጅሃነም ዝወጸ ኣእማን ይሰንድዋሎም:

5)ኣላህ ልክዕ ከም ማል ዝበለዐኡ ሳዕሪ ገበሮም: (ከም ፋንድያ ወይ ከም ሓሰር ንፋይ ወይ ከም ዝተሓየሽ ቃንጫ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

أَلَمْ تَرَ كَيْفَ فَعَلَ رَبُّكَ بِأَصْحَٰبِ ٱلْفِيلِ ۝

أَلَمْ يَجْعَلْ كَيْدَهُمْ فِى تَضْلِيلٍ ۝

وَأَرْسَلَ عَلَيْهِمْ طَيْرًا أَبَابِيلَ ۝

تَرْمِيهِم بِحِجَارَةٍ مِّن سِجِّيلٍ ۝

فَجَعَلَهُمْ كَعَصْفٍ مَّأْكُولٍ ۝

سورة قريش
ሱረቱ ቁረይሽ (ቁረይሽ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

1)እቲ ቁረይሽ ዝለመድዎ ልምዲ

2)እቲ ጉዕዞ ክረምትን ጉዕዞ ሓጋይን እዩ: (ንንግዲ ኣብ ክረምቲ ንየመን ኣብ ሓጋይ ከኣ ንሻም ይኸዱ ኔሮም)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

لِإِيلَٰفِ قُرَيْشٍ ۝

إِۦلَٰفِهِمْ رِحْلَةَ ٱلشِّتَآءِ وَٱلصَّيْفِ ۝

---

56 ኣብርሃ ዝብሃል ኣብ የመን ዝነበረ ናይ ሓበሻ መራሒ ንካዕባ ከፍርሳ ብሓርማዝ ተሰንዩ ንመካ ምስ መጸ ኣላህ ሱብሓኑሁ ወተዓላ ኣዕዋፍ ሰዲዱ ንዑኡን ንሰራዊቱን ኣህሊቑዎም: እዚ ኸኣ ኣብ ረሱል (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዝተወልደሉ ዓመት እዩ ኔይሩ።

فَلْيَعْبُدُوا۟ رَبَّ هَٰذَا ٱلْبَيْتِ ﴿٣﴾

3)ስለዚ ንጎይታ'ዚ ቤት (ካዕባ)'ዚ ግዴታ የምልኹዎ:

ٱلَّذِىٓ أَطْعَمَهُم مِّن جُوعٍ وَءَامَنَهُم مِّنْ خَوْفٍۢ ﴿٤﴾

4)እቲ ካብ ጥሜት ዘወንገሉምን ካብ ፍርሂ ከኣ ዘተኣማመ ኖምን::

سـورة الماعـون
ሱረቱል'ማዑን (እቲ ኣቓሓ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

أَرَءَيْتَ ٱلَّذِى يُكَذِّبُ بِٱلدِّينِ ﴿١﴾

1)ርኢኻዮዶ እቲ ብናይ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ሕሳብ ዝኽሓደ?

فَذَٰلِكَ ٱلَّذِى يَدُعُّ ٱلْيَتِيمَ ﴿٢﴾

2)ንሱ እዩ ንዘኽታም መሰሉ ከይሃበ ብሓይሊ ዝደፍኦን ዘርሕቕን:

وَلَا يَحُضُّ عَلَىٰ طَعَامِ ٱلْمِسْكِينِ ﴿٣﴾

3)ንመስኪን ንምዕንጋል'ውን ንኑብሱ ይኹን ንኻልኦ ኣይደፋፍኦን:

فَوَيْلٌ لِّلْمُصَلِّينَ ﴿٤﴾

4)ወይልኦም እቶም ሰገድቲ:

ٱلَّذِينَ هُمْ عَن صَلَاتِهِمْ سَاهُونَ ﴿٥﴾

5)እቶም ንሰላቶም ዘየስተውዕሉን ዝረሳስዉን:

ٱلَّذِينَ هُمْ يُرَآءُونَ ﴿٦﴾ وَيَمْنَعُونَ ٱلْمَاعُونَ ﴿٧﴾

6-7)ንሶም እዮም እቶም ሰብ ክረኣሉም ዝሰግዱን ኣቓሓ (ሽሓኒ ድስቲ ፋስ....ወዘተ) እንተ ተለመኑ ዘይህቡን (ወይ ዜካት ዘይህቡን::)

سورة الكوثر
ሱረቱል'ከውሰር (እቲ ከውሰር)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እ መሓመድ: ከውሰር ዝተባህለ ኣብ ጀና ዝርከብ ወሓዚ ብርግጽ ሂብናካ ኢና:

إِنَّآ أَعْطَيْنَٰكَ ٱلْكَوْثَرَ ﴿١﴾

2)ንጎይታኻ ስገደሉን ሕረደሉን: (ገለ መፈሲሪን: ሰላት ዒድ ፃረፋን ማሕረዲ ዒድን'ዩ ይብሉ:)

فَصَلِّ لِرَبِّكَ وَٱنْحَرْ ﴿٢﴾

3)እቲ ዝጸልኣካን ዝጻረረካን ንሱ እዩ ንባዕሉ ካብ ሰናይ ኣዱንያን ኣኼራን (ምጽኣትን) ብርግጽ ዝሕረም::

إِنَّ شَانِئَكَ هُوَ ٱلْأَبْتَرُ ﴿٣﴾

سورة الكافرون
ሱረቱል'ካፈሩን (እቶም ከሓድቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1) (እ መሓመድ:) እ ኣቱም ከሓድቲ

قُلْ يَٰٓأَيُّهَا ٱلْكَٰفِرُونَ ﴿١﴾

2)ኑቶም እተምልኽዎም ዘለኹም ጣኦት ኣየምልኽምን 'የ:

لَآ أَعْبُدُ مَا تَعْبُدُونَ ﴿٢﴾

3)ኑቲ ኣነ ዘምልኾ ጎይታ'ውን ተምልኽዎ የለኹምን:

وَلَآ أَنتُمْ عَٰبِدُونَ مَآ أَعْبُدُ ﴿٣﴾

4)ኣብ መጻኢ'ውን ኑቶም እተምልኹዎም ጣኦት ኣይከምልኽን እየ:

وَلَآ أَنَا۠ عَابِدٌ مَّا عَبَدتُّمْ ﴿٤﴾

وَلَآ أَنتُمۡ عَٰبِدُونَ مَآ أَعۡبُدُ ۝٥

5)ንስኹም፡ውን ኣብ ሽርክነት ኩም እንተቐጺልኩም ነቲ ኣነ ዘምልኾ ዘለኹ ኣይከተምልኽዎን ኢኹም:

لَكُمۡ دِينُكُمۡ وَلِيَ دِينِ ۝٦

6)ንስኹም እቲ ናይ ሽርክነት ሃይማኖትኩም ኣለኩም: ኣነ ድማ ናይ እስልምና ሃይማኖት ኣለኒ በሉም:: [57]

سورة النصر
ሱረቱ'ነስር (እቲ ዓወት)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

إِذَا جَآءَ نَصۡرُ ٱللَّهِ وَٱلۡفَتۡحُ ۝١

1)ኦ መሓመድ: ኣንጻር ጸላእትኻ ኣላህ ካብ ኣዐወተካን መካ ካብ ከፈተልካን (ወይ ሓራ ካብ ኣውጸኣልካ)::

وَرَأَيۡتَ ٱلنَّاسَ يَدۡخُلُونَ فِي دِينِ ٱللَّهِ أَفۡوَاجٗا ۝٢

2)ህዝቢ ድማ በብጭፍራ ናብ ኣላህ ዝረድዮ ሃይማኖት እስልምና ክኣቱ ካብ ረኣኻን:

فَسَبِّحۡ بِحَمۡدِ رَبِّكَ وَٱسۡتَغۡفِرۡهُۚ إِنَّهُۥ كَانَ تَوَّابَۢا ۝٣

3)ንኅይታኻ ብምስጋና ሠብሓዮን ምሕረት ሕተቶን: ብርግጽ ንሱ ኣዝዩ ተቐባል ኑዛዜ እዩ::

---

57 ኣብ መካ ዝነበሩ ከሓድቲ ረሱል صلى الله عليه وسلم ሓደ ዓመት ንኅይታኦም ከምልኽ ሓደ ዓመት ከኣ ንሶም ንኅይታ መሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምልኹ ምስ ሓተትዎ ኣላህ ነዛ ሱራ ኣውረደሉ::

سورة المسد

ሱረቱል'መሰድ (እቲ ፍሕሶ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኣእዳው ኣቡ ለሃብ ይህለቕን ይፅነሓን: ንሱ'ውን ይህለቕ:

تَبَّتْ يَدَآ أَبِى لَهَبٍ وَتَبَّ ۝١

2)ጥንዝቡን ኩሉ መኽሰባቱን ካብቲ ዝወረዶ መዓት ኣየድሓኖ ኣይጠቕሞ:

مَآ أَغْنَىٰ عَنْهُ مَالُهُۥ وَمَا كَسَبَ ۝٢

3)ኣብታ ሃልሃልታ ዘለዋ እሳት ክኣ ክቃጸል እዩ:

سَيَصْلَىٰ نَارًا ذَاتَ لَهَبٍ ۝٣

4)እታ እሾኽን ኣፅዳውን ተሰኪማ መጺኣ ኣብ መገዲ ረሱል ተቐምጦ ዝነበረት ሰይቲ ኣቡ ለሃብ ክኣ ኣብታ ሃልሃልታ ዘለዋ እሳተ ጀሃነም ክትቃጸል እያ።

وَٱمْرَأَتُهُۥ حَمَّالَةَ ٱلْحَطَبِ ۝٤

5)ኣብ ክሳዳ ክኣ ፍሑስ ገመድ ኣሎ: (እዚ ገመድ ናይ ሓዊ ሰንሰለት'ዩ ይብሃል: ከም ኡ'ውን ገለ ዑለማእ ኣብ ክሳዳ ክቡር ማዕድን ስለ ዝነበራ ብዋጋ'ዚ ማዕድን ኣንጻር ሙሓመድ ክትዋጋእ ምኻና ትምሕል ኔሩ ይብሉ።)

فِى جِيدِهَا حَبْلٌ مِّن مَّسَدٍ ۝٥

سورة الإخلاص
ሱረቱል'ኢኽላስ (እቲ ንጽህና)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ኣላህ ሽርካ ዘይብሉ ሓደ ጎይታ እዩ:

قُلْ هُوَ ٱللَّهُ أَحَدٌ ﴿١﴾

2)ኣላህ እቲ ምሉእ ዘይጉዱል ጎይታ: ኩሉ ፍጡር ድልየቱ ንምርካብ ዝምዕቀበሉ እዩ:

ٱللَّهُ ٱلصَّمَدُ ﴿٢﴾

3)ኣላህ ኣይወለደ ኣይተወልደ:

لَمْ يَلِدْ وَلَمْ يُولَدْ ﴿٣﴾

4)ንዕኡ ዝመሳሰል፣ ዝሻርኾ፣ ዝወዳደርን ዝመፃራረን ወላ ሓደ የለን በል::

وَلَمْ يَكُن لَّهُۥ كُفُوًا أَحَدٌۢ ﴿٤﴾

سورة الفلق
ሱረቱል'ፈለቕ (እቲ ንግሆ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ናብቲ ንንግሆ ካብ ጸላም ለይቲ ዝጨደደ ጎይታ እዕቆብ:

قُلْ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلْفَلَقِ ﴿١﴾

2)ካብቲ እኪይ ናይ ፍጡራት:

مِن شَرِّ مَا خَلَقَ ﴿٢﴾

3)ከምኡ'ውን ካብ እኪይ ናይ ለይቲ ግዜ ለይቲ ምስ ኣተወ:

وَمِن شَرِّ غَاسِقٍ إِذَا وَقَبَ ﴿٣﴾

وَمِن شَرِّ ٱلنَّفَّٰثَٰتِ فِى ٱلْعُقَدِ ۝

4)ከምኡ'ውን ካብ እኪይ ናይተን ቱፍ ቱፍ እናበላ ፈትሲ ኣሳሲረን ዝሕዛ ጠበብቲ:

وَمِن شَرِّ حَاسِدٍ إِذَا حَسَدَ ۝

5)ከምኡ'ውን ካብ እኪይ ናይ ሓሳድ ክሕስድ እንከሎ ቡዳ'ውን እንተዳኣ ሓሲዱ ካብ እኪዩ እዕቆብ በል።

سورة الناس
ሱረቱ'ናስ (እቶም ደቂ ሰብ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

قُلْ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلنَّاسِ ۝ مَلِكِ ٱلنَّاسِ ۝ إِلَٰهِ ٱلنَّاسِ ۝

1-3)እ መሓመድ: ናብ ጎይታ ደቂ- ሰብ፣ ንጉስ ናይ ደቂ-ሰብ፣ መለኾት ናይ ደቂ ሰብ እዕቆብ:

مِن شَرِّ ٱلْوَسْوَاسِ ٱلْخَنَّاسِ ۝

4)ካብ እኪይ ናይቲ ኣስሓትን ኣድሓርን ዝኾነ ሰይጣን:

ٱلَّذِى يُوَسْوِسُ فِى صُدُورِ ٱلنَّاسِ

۝ مِنَ ٱلْجِنَّةِ وَٱلنَّاسِ ۝

5-6)እቲ ኣብ ልቢ ሰብ ኮይኑ ብሕቡእ ዘረባ ክስሕተካ ዝደፋፍኣካ: ካብ ደቂ-ሰብ ይኹን ወይ ካብ ጋኒን እዕቆብ በል::

قائمة أسماء الكتب الصادرة من المكتب باللغة التجرينيا

ቅድሚ ሕጂ ብ-ቤት ጽሕፈት
ምትሕግጋዝን ዳዕዋን ሓበሬታን ምንቃሕ ማሕበረ ኮማትን
ማዕዘርን ኡመልሓማምን
ተሓቲሞም እተዘርግሑ መጻሕፍቲ

ቁ.	ኣርእስቲ	العنوان	م
1	ሓጅ፡ዑምራን ዝያራን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪታብን ሱናን	العمرة والحج والزيارة فى ضوء الكتاب والسنة	١
2	ኣገባብ ኣሰጋግዳ ናይ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም	صفة صلاة النبى (صلي الله عليه وسلم)	٢
3	ትርጉም ተፍሲር ጁዙእ ዓማ	ترجمة معاني جزء عم	٣
4	ስሕርን ሓደግኡን	السحر وخطره	٤
5	ናይ ሰላት ኣገባብ	صفة الصلاة مع توضيح باصور	٥
6	እተን ክልተ ምስክርነትን ትርጉመንን ነፍሰ ወከፈን ዝሓተኣ ግዴታን	الشهادتان ومعناها وما تستلزمه كل منهما	٦
7	እተን ሰለስተ መሰረታት ምስ መርትዖታተን	الأصول الثلاثة	٧
8	ደገፈታን ነጸጌታን ኣብ እስልምና	الولاء والبراء فى الإسلام	٨

قائمة أسماء الأشرطة الصادرة من المكتب باللغة التجرينيا

ቅድሚ ሕጂ ብ-ቤት ጽሕፈት
ምትሕግጋዝን ዳዕዋን ሓበሬታን ምንቃሕ ማሕበረ ኮማትን
ማዕዘርን ኡመልሓማምን
እተዘርግሑ ካሴታት

ቁ.	ኣርእስቲ	العنوان	م
1	ተፍሲር ሱረት ኣልፋቲሓ	تفسير سورة الفاتحة	١
2	ኣገዳስነት ተውሒድ	أهمية التوحيد	٢
3	ጸዊዒት ናብ ቅኑዕ ሃይማኖት	دعوة إلى دين الحق	٣
4	ኣርካነል ኢስላም ወልኢማን	أركان الإسلام والإيمان	٤
5	ተፍሲር ሱረት ኣልበቐራ	تفسير سورة البقرة	٥
6	ስደት ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም	هجرة الرسول صلى الله عليه وسلم	٦
7	ፈተነ ልቢ	امتحان القلوب	٧
8	ድኽመት ኢማንን መድሃኒቱን	ضعف الإيمان وعلاجه	٨

ترجمة معاني العشر الأخير من القرآن الكريم

اللغة التجرينيا

ترجمة

فضيلة الدكتور بيان صالح حسن

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بالمعذر وام الحمام